# መዝሙር ሰላም

(ሽይ ሕታም)

ብመዝሙርን ውዳሴን መንፈ
ሳዊ ቐኔን ንሓድሕድኩም ኣስተም
ህሩን ምዕዳን ብልብኹምውን ብጸ
ጋ ንኣምላኽ እናዘመርኩም፡ ቃል
ክርስቶስ ብዅሉ ጥበብ መሲኡ ይ
ሕደርኩም ።

ቆሎ ፡ ፫ ፡ ፲፮ ።

፲፱፻፸፬ ዓ፡ም ።
መንጌላዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ።
1974

COPYRIGHT
Evangelical Church of Eritrea

ቤት ማሕተም ኢል ፖሊግራፊኮ ኣሥመራ
PRINTED IN ASMARA BY IL POLIGRAFICO

## መ ዝ ሙ ር ው ዳ ሴ ን ም ስ ጋ ና ን ።

(ካብ ፮ ክሳዕ ፲፰)

— ፮ —

S. T. 1

፮ - ኣምላኽና ብሩኽ ንጉስ እዩ ፡ ብሓይሉ ብኽብሩ ፡ ከነኽብሮ ንተኣከብ ፡ ኣቱም ህዝቢ ኾሉ። ኩሉ ፍጥረት ፡ ኣሎ ብቓሉ ኽእለት ፡ ድማ ንኹሉ ይሕሉ ።

፯ ፡ ኣምላኽ ነመስግን ንኹሉ ፡ ብጽቡቕ ዘዳሎ ፡ ፈጣሪና ብለውሃቱ ፡ ይርእየና ኣሎ ። ብሽጋርና ፡ ባዕሉ'ዩ ሓጋዚና ፡ ኮልና ይስከመና ።

፰ - ኣምላኽ ነመስግን ፡ ናይ ኩልና ኣቦ ዝ ኾነ ፡ ወዱ ስሌና ኣብ መስቀል ፡ ንሙማት ዝ ሀበ ፡ ሎሚ ኽኣ ፡ እሙናት ንምሕላው ፡ መን ፈሱን ቃሉን ዚሰድድ ።

፱ - ኣምላኽ ንባርኽ ነፍቅሮ ፡ ከኣ ነገል ግሎ ። ስልጣንኒ ኽብርን ጥበብኒ ፡ ናይ በይኑ እዩ'ሞ ። ነቕርብ ስብሓት ፡ ስለቲ ሕብረት ኣሕ ዋት ፡ ንሱ ብክርስቶስ ዚ'በና ።

ካ ፡ ኒ ።



— ፪ —

S. T. 8

፩ - ንኣምላኽ ኣኽብሩ ፡ ብሓጎስ ኩሉ ህዝ ቢ ፡ ስሌና ገበረ ፡ ግሩም ዝ'ኽነ ግብሪ ። ካብ ማ ሕጸን ጀሚሩ ፡ ብዓቢ ጸግኡ ፡ ክንደይ ብዙሕ ህያብ ፡ ንኣና ዚህበ ።

፪ - ናይ ጸጋ ኣምላኽና ፡ ንሱ ይደግፈና ፡ ብፍቕሪ ልብና ፡ ኪኸውን ምግልጋልና ። ለዋህ መድሓኒና ፡ ብዓቢ ምሕረቱ ፡ ናብናውን ይኹን ፡ ዘልኣለም ማእቶቱ ።

፫ - ምስጋና ንኣምላኽ ፡ ንኣብ ፡ ወልድ ፡ መንፈስ ቅዱስ ። ብሩኽ እግዚኣብሄር ፡ ንሱ ኩሉ ዓለም ንጉስ ። ካብ ጥንቲ ነበርካ ፡ ንጥንቲ ድ ማኢ ፡ ትነብር ንስኻ ፡ ካብ ኩሉ ኽባሪ ።

ካ ፡ ኒ ።

— ፫ —

S. T. 48

፩ - ጽኑዕ እምባ ኣምላኽና'ዩ ፡ ብርቱዕ መ ሳርያና ። መድሓኒና እዩ ንሱ ፡ ካብ ኩሉ ጸበ በና ። መስፍን ጸልማት ወረደ ፡ ቂሙ ኣግደደ ፡

ሓሶቱ ተንኰሉ ፡ ንኡ ኣጽዋር እዩ ። ከምኡ ኣብ ዓለም የልቦን ።

፪ - ኣይከውንኒ ብሓይልና ፡ ሽዓ ንስነፍ ኢና ። ግን ኣምላኽ ሓደ ሐረየ ፡ ንሱ ይዋግእ ልና ። እንተ ሐተትካ ስሙ ፡ የሱስ ክርስቶስ'ዩ ፡ ጐይታና ጸበአት ፡ ግርማ ተኽዲኑ ፡ ከፍ ዘለ ኣብ ዝፋኑ ።

፫ - ኣብ ዓለምና እንተ በዝሑ ፡ ናይ ጸልማት ጭፍራ ኾሉ ፡ ብዙሕ ዜፍርሀ የብልናን ፡ ኣምላኽ ይሕልወና ። መስፍን ዓለም ተፈርዶ ፡ ሓይሉውን ጠፍኦ ፡ ኪጐድእ ነፍስና ፡ ኣይደ ፍርኒ ኽኣ ፡ ብሓንቲ ቓል ይወድቕ ።

፬ - ቃል እግዚኣብሄር ጽኑዕ ፡ ኣብ ልብና ንጸሮ ፡ ኣብ ዓለም ዘሎና ውግእ ፡ ስለ ሰማይ ንገብሮ ። ወርትግ ሕጉሳት ኢና ፡ በቲ ሽጋርና ፡ ግድ የልቦን ዘሎና ፡ ኪጠፍእ ካባና ፡ ርስቲ ሰማይ ክንወርስ ።

ካ ፡ ፈ ።

— ፬ —

S. T. 82

፩ - ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ዎ ስልጡን ኣምላኽና ፡ በህ ኢልካ ተቐበል ውዳሴ ማሕበርካ ።



ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ እሙን ፈቃር ኣቦ ፡ ንስሉስ ኣምላኽ ነቕርብ ምስጋና ።

፪ - ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ጻድቃን ንም ኽባሩ ፡ ዘሙድታቶም ቅድሚ መንበሩ ይድር ብዩ ። ቅድሚ ስሉስ ፡ ቅዱስ ፡ ኣምላኽ ዘለኣለም ፡ ጭፍራ ሰማይ ከኣ ይሰግዱሉ ።

፫ - ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ በሊጽካ ብኽብረ ፡ ሓጥእ ዓይኒ ኣይርእዮን ከቶ ንግርማኻ ። ስልጡን ፡ ልውል ንጉስ ፡ ጻድቕ ፡ ለዋህ ኣምላኽ ፡ ኣብ ኵሉ ጭንቀትና ረዳኢና ።

፬ - ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ጐይታ ፍጥረት ኵሉ ፡ ምስ ሰማይ ምሉእ ምድሪ ንፍቕርኻ የኽብር ። ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ መን እዩ ከማኻ ፡ ዎ ስሉስ ኣምላኽ ፡ እግዚኣብሄር ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፭ —

I. C. 12

፩ - ንኣኻ ስሉስ ኣምላኽ ፡ ዎ ንጉስ ነገስታት ፡ ንድቢኾሕ መዝሙራትና ፡ ናይ ልብና ምስጋና ።

፪ - ካብ ላዕሊ ሰማያትካ ፡ ገጽካ ምለሰልና ፡ ንተስፋናን ፍቕርናን ፡ ሎሚ ኣሳውረልና ።



፫ - ኣታ መስፍን ናይ ህይወት ፡ የሱስ መድሓኒና ፡ ንዓ ንገስ ናባና ፡ ንመርትግ ሐልወና ።

፬ - ክብሪ ይኹን ንየሱስ ፡ ዘልኣለም ምስጋና ፡ ብእምነት ዝደሐንና ፡ ንዘምር ሆሳእና ።

እ ፡ ሃ ።

— ፮ —

S. T 336 (O. E.)

፩ - ክብሪ ይኹን ንኣቦና ፡ ስለ ዘይጥለም ተስፋ ። ከም እስራኤል ንሕና ኽኣ ፡ ካብኡ ንረክብ ማና ።

፪ - ብእዋነይውን ክወርሶ'የ ፡ ነቲ ብጹእ ከንኣነይ ፡ ዲል ረኺበ ኽልዕል እየ ፡ ዕርቂ ሰን ደቕ ዕላማይ ።

፫ ፡ ሃሌሉያ ፡ ልዑል ኣምላኽ ፡ ንህዝብኻ ትሕሉ ። ምስ ጸዋዕካኒውን ፡ ጐይታይ ፡ ኣብ መቕደስካ እኣቱ ።

ካ ፡ ፈ ።

— ፯ —

I. C. 2

፩ - ንጉስ ነገስቲ ንልበይ ፡ ኣንቅሓዮ ፡ ፍቕሪ ምልኣዮ ። ኣብ ቅድሚኻ ተምበርኪኽ ፡ እውድስ ፡ ዎ ጐይታ ፡ ስምዓዮ ። ብሳላኻ ፡



ንጉስ ሰማይ ፡ ተሐዲሽ ፡ እምነት ለቢሰ ፡ እውድሰካ መድሕነይ ፡ ስለ ዝኽፈትካዮ ዓይነይ ።

፪ - ጐይታይ ፡ ጸሎተይ ስምዓዮ ፡ ከምቲ ተስፋ ዝወደልካዮ ። እንተ ኽይኑ ዚጠቕመኒ ፡ እፈልጥ'የ ፡ ጐይታ ይበኒ ። ዎ ፈጣሪ ፡ ካብ ሰማያት ፡ ንዅልና ትዕዘበና ፡ እወ ፡ ትመስል ዝረሐቕካ ፡ ትሕሉ ግን ንእሙናትካ ።

፫ - ልበይ ርኤ ተደቒሱ ፡ ኣቕርበ ፡ ብፍቕሪ ኽበበ ። ተሐሊለ ደኺሙኒ ፡ ሓይልኻ ግን የተንስኣኒ ። ደግነትካ ኣሕድረለይ ፡ ቅዱስ ድሌት ኣተንስኣለይ ፡ ክእመን ጽዒተ ብኣኻ ፡ ንጉስ ሰማይ ፡ ኣቦ ናይ ድኻ ።

እ ፡ ሃ ።

— ፰ —

S. T. 54

፩ - ዎ ኃንሀይ ፡ ንህብ ስብሓት ፡ ንኣኻ ንጉስ ነገስታት ። ልኣኽ ቃልካ ፡ ኣብ ኵሉ ምድርና ። ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ኣምላኽ ።

፪ ፡ ንማሕበርካ ትሕልዋ ፡ ኣብቲ ኽውሒ ተመስሪታ ፡ ኣብ ፍርዲውን ፡ ጸኒዓ ትቐውም ። ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ኣምላኽ ።

፫ - ኣብኣ እሙናት ሐቢሮም ፡ ብስም የሱስ

ተምበርክ፡ኽም ፡ ክ፡ውድሱ ፡ ብሓጐስ እና፡ሉ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ አምላኽ ።

፱ - ካብ ዓሌታት ክ፡እከቡ ፡ አብ ቅድሜ፡ኻ ኽ፡ዝምሩ ። ንሱራፌል ፡ ይመልስ ክ፡ሩቤል ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ አምላኽ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፱ —

S. Ps. Sanctus.

ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ሉሉ ዚ፡ኽእል አምላ፡ኽ ፡ ሰማይ፡ኒ ምድርን ብ፡ክብረቱ ምሉእ እዩ ። ብጽአና ሀበና ፡ኻብ አርያም። ብስም እግ ዚ፡አብሄር ዚመጽእ ብሩ፡ኽ እዩ ። ብጽአና ሀበ ና ፡ኻብ አርያም ።

— ፲ —

S. T. 96

፩ - ኤልዕል አብ ኣ፡ኽራን ዓይነይ ፡ ካብኡ፡ዩ ሓገዘይ ፡ ረዳእየይ፡ዩ ዝሰርሔ ፡ ንምድሪ ንሰ ማይ ። አእጋረይ ኬንደልሀጻ ከቶ አይሐድ ግ፡ኒ ፡ ዚሕልወኒ ድማ ፡ እካ አይድቅስኒ ።

፪ - ንእስራኤል ዚሕሉ ፡ ንሱ አይደክምኒ ። ይምክተልካ እዩ ፡ ዚጥንቀቕ ሓላዊ ። ሃሩር



ከየንድደካ ፡ መዓልቲ ብጽሓይ ፡ ካብ ወርሒ ሙን ብለይቲ ፡ አሉካ ነቓሓይ ።

፫ - አምላ፡ኽና የድሕነና ፡ ካብ ዘበለ ኽ፡ኑ ኣት ፡ ንነፍስና ይሐሉ ፡ ካብ ሙድቀት አብ ሓ ጥያት ። ምእታውና ጐይታ ሐሉ ፡ ምውጻእና ሙን ከኣ ፡ ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ። አሜን ፡ ሃሌሉያ ።

ካ ፡ ኒ ።

— ፲፩ —

S. T. 49

፩ - ይተሐጕሱ ብጕይታ ፡ ብልቢ ሀዝቢ ፡ ሁሉ ። ክትሀቡ ንኡ ምስጋና ፡ ሰብ ኪዳኑ ቕ ረቡ ። ቅረቡ ብእልልታ ፡ ዘምሩ ንአምላ፡ኽና ።

፪ - ንሱ፡ዩ ዝፈጠረና ፡ ገዛእ ሀገሡ ንም ፡ኻን ፡ ዚረድኣና ወርትግ ድማ ፡ ዜድሕነና ፡ኻብ ሓጥያት ። ንዅሉ፡ትና ኬእቱ ፡ አብ ሰማዩ ይ ፈቱ ።

፫ - መድሱ አብ ደጌታቱ ፡ ነቲ ዚሐል የልና ፡ አብዚ መቕደስ ክብረት ሀቡ ፡ ስገዱ ንንጉስና ። ፍቕሪ ፡ ምሕረት ዝመልአ ፡ ኩይ ኑና እሙን አቦ ።

ኡ ፡ ኤ ።



— ፲፪ —

S. T. 74

፩ - ስለ ዓቢ ግብሩ ፡ አምላ፡ኽ አማስዉ ፡ ስገዱሉ ። ናይ ሰማይ ገዛኢ ፡ ይሀብ ጸጋ አብ ዚ ፡ መላእ፡ኽቲ ብፍቕሩ ፡ ይግረሙ ።

፪ - ጸርፈ ተዐገሰ ፡ መከራ ጸገበ ፡ ሞት ጠ ዐመ ። መላእ፡ኽቲ ቓንገኢ ፡ ርእዮም ተደነቑ ። ንስገድ ነቲ በኃ ፡ ገሞተልና ።

፫ - መንክር እዩ ፍቕሩ ፡ መዝሙርና ግን ንኢ ፡ ድ፡ኹም እዩ ። አብ ሓጐሱ ግና ፡ ክንሙ ድሶ ኢና ፡ ብቕድስቲ ልሳን ፡ ምስ ብጸአን ።

፬ - ክሎና ድ፡ኹማት ፡ ንንጉስ ነገስታት ፡ ነቕርብ ስብሓት ። ናቱ እዩ ዘንጊ ፡ ሉል ዘሙዳ ምስ ክብሪ ። ም ጻድቃን ፡ ዘምሩ ፡ ምስጋናኡ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፲፫ —

S. T. 53

፩ - ም ሰማያዊ አምላ፡ኽና ፡ ስብሓት ይ፡ኹን ንኣ፡ኻ ፡ ስለቲ ሀያብ ፍቕር፡ኻ ፡ ለዊህክ ዝሀብ ክና ። ሰላም ናብ ምድሪ ሰደድካ ፡ ብናይ ዘል አለም ም፡ክር፡ኻ ፡ ንኣና ባህ ኪብለና ።

፪ - ም የሱስ ክርስቶስ ሓውና ፡ ጥፍኣት፡ና



ምስ ርኤ፡ኻ ፡ ክተድሕና ንነፍስና ፡ ተዋሪደ፡ካ መጻእካ ። አብ መስቀል ሞትካ በጃና ፡ ስርየት ካብ ኩሉ ዓገብና ፡ ምስ አመንና ፡ ክ፡ንረክብ ።

፫ - ዎ መንፈስ ቅዱስ ፡ ልብና ፡ ንመቕደስካ ግበሮ ፡ አብኡ ፡ ክትነግስ ንስ፡ኻ ፡ መገድ፡ኻ ፡ ክት መረሉ ። ጸግዕና ፡ ኹን ብ፡ንደልና ፡ ብየሱስ ክር ስቶስ አሚንና ፡ አ፡ክሊል ሰማይ ክንቅበል ።

ካ ፡ ኒ ።

— ፲፬ —

S. T. 59

፩ - ንዑ ነመስግኖ ፡ ንጸጋ የሱስና ፡ ዓቢ ምስ ንእሽቶ ፡ ነቕርብ ምስጋናና ፡ ነቲ ዜድሕ ነና ።

፪ - ክብሪ ናይ ሰማይ ፡ ሐዲጉ ወረደ ፡ ጭን ቅን ድ፡ኽምኒ ፡ ጸረ ብሐጎሲ ፡ ኬድሕን ንበ ደልቲ ።

፫ - ጸገመይ ኩሉ ፡ አብ ምድሪ ስደተይ ፡ ብዓቢ ዓቕሉ ፡ ሐለፎ ንዋቕመይ ፡ ሐለፎ አብ ክንዳይ ።

፬ - ኩሉ ምጽዓሩ ፡ ኩነናት ንምድሓን ፡ ፍጹም ተማሕሩ ፡ ምጉሳት ብም፡ኽን ፡ አልባሱ ብም፡ክዳን ።

፭ - ንዑ ነመስግኖ ፡ ወርትግ ንዓርክና ፡ ፍቕ

ሩ ነኽብሮ፡ ልብና ልሳንና፡ የዕቢ ንፍቁርና።

ካ፡ ፯።

— ፲፰ —

S. T. 73

፩ - ነፍሰይ አኽብርዮ ንጐይታ፡ ጽቡቕ ግብሪ ኣይተኾልሊ። በደልኪ ይሐድገልኪ ድማ፡ ይፍውስ ንኃደሎኺ። ነፍሰይ፡ ነፍሰይ፡ ንጐይታ ስገዲ። አድህዩ፡ አድህዩ፡ ንኣምላኽ ዘምሪ።

፪ - ትኽሰሊ ድማ ብጸጋ፡ ትወጺ ኻብ ኵሉ ጥፍኣት፡ ከኣለ እዩ እሞ ጐይታ ዮናን ግፎም ንግፋዓት። ነፍሰይ . . . . . .

፫ - ሰማይ ከም ዚብርኽ ካብ ምድሪ ለሙሃቱ የብዝሕ ከምኡ። ስሙ ንዚፈርሁ ብፍኾሪ፡ ንአም ይህበ ጸግኡ። ነፍሰይ . . . . . .

፬ - ምብራኾ ካብ ምዕራብ ከም ዝርሐቐ፡ ሓጥያትና የርሕቐ ኽምኡ። ይፈልጥ መሬት ከም ዝኾነና፡ ኣይፈቱን ሰባት ኪጠፍኡ። ነፍሰይ . . . . . .

፭ - ከም አቦ ንደቁ ዚድንግጽ ሰማያዊ አቦናውን፡ ብኡ ንዚእመኑ ኵሎም ብዓቢ ለሙሃቱ የድሕን። ነፍሰይ . . . . . .



፮ - ኣቱም እዙዛት መላእኽቱ፡ ንኣምላኽ ኣኾርቡ ስብሓት። ንኡ ኣኽብሩ ፍጥረት ኵሉ፡ ንጐይታ ምድሪ፡ ሰማያት። ነፍሰይ . . . . . .

ካ፡ ፯።

— ፲፱ —

S. T. 514 (O. E.)

፩ - ንኣምላኽ ኣመስግኑ፡ ነፍስ ወከፍ ይስገድ ንኡ፡ ህይወት ዘለም ኵሉ ይዘምር ንኽብረቱ።

፪ - እተገብረ ብኢዱ ዓቢ መስተንክር እዩ። ክብረቱ ተጋሂዱ፡ ይርኢ ብዓለሙ።

፫ - ብፍቶት ንምኽባሩ እተዳሉኹም ኩኑ፡ ኣቱም ማሕበር ዘምሩ፡ ንፍኾሩ ተኣመኑ።

፬ - ኣታ ህይወት ዘሎካ ፍጥረት ድማ ንጐይታ፡ ኣኽብሮ ንየሆዋ፡ ወድሶ፡ ሃሌሉያ።

ኡ፡ ኡ።

— ፲፯ —

S. T. 85

፩ - ንዓለም ኣምላኽ ፈተዎ ወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ብኡ ዝኣመኑ ሰብ ኵሎም መታን ኪድሕኑ።



፪ - እዚ እዩ እሞ ፍኾሩ፡ ከይፈቶናዮ ኽሎና ከንዳና ወዱ ብምሕረቱ ኪመውት ሰደዶ።

፫ - ብሓቂ ዓቢ ጸግኡ በዚ ንኣና ገለጸ፡ ንሓደ ወዱ ብምሕላፉ ሓጥያትና ንምርሓቐ።

፬ - ንየሱስ ክርስቶስ ሰደዶ ክንኣምን ክን ድሕን ብኡ፡ ከኣ ኽንነብር ንኽብረቱ ክን ፋቶ ስሊኡ።

ካ፡ ፯።

— ፲፮ —

I. C. 30

፩ - ዓይነይ ቁላሕ ኣተበልኩ ዕቤትካ ኣርኢ፡ ም ጐይታ፡ ብተግባርካ እግረም፡ ውሽጠይ ይሰምዓካ። ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ጠፈራት ናይ ስልጣንካ የውሪ፡ ኣብ ኵሉ ኦሪኻ እሞ፡ ኵል ና ትእሊ።

፪ - ኣብ ዘሎ ኵሉ ኦሪኻ፡ ኵሉ ብኣኻ ይነብር፡ እዛ መዋቲት ስጋ ተተንፍስ ብኣኻ። ሓሳብ፡ ግብሪ፡ ናይ ልበይ ኵሉ ትዕዘብ ኢ ኻ ካብ ሰማያዊ ዝፋን ሐሉ ንአይ ድኻ።

እ፡ ሃ።



መዝሙር ዓብይቲ በዓላት ቤተ ክርስትያን፡ (ሀ) ምምጻኡ ክርስቶስ።
(ካብ ፲፱ ክሳዕ ፳፬)

— ፲፱ —

S. T. 145

፡ ሆሳእና ወዲ ዳዊት ኣተባረኽ እዩ። ብሩኽ እዩ ወዲ ዳዊት ብስም ጐይታ ዚመጽኣ። ፡ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፡ ሆሳእና፡ ሆሳእና። ብሩኽ እዩ ወዲ ዳዊት ብስም ጐይታ ዚመጽኣ። ፡

ካ፡ ፯።

— ፳ —

S. T. 143

፩ - ክቡር መድሓኒና ይመጽእ ናብና፡ በቲ እዋን ተገልጸ፡ ነብይ ከም እተነበ። ሆሳእና፡ ስግደት፡ ክብረት፡ ንህብ ንጐይታ ጐይተት።

፪ - ኣይመጸን ከቢሩ፡ ግና ንጉስ እዩ። ሕሱር እዩ ትርኢቱ፡ ግን ከ ንሞት ይስዕሮ። ሆሳእና . . . . . .

፫ - ምሉእ ብለሙሃት፡ ይህብ ንድኹማት፡ ብጽኣና፡ ሓይሊ፡ ዕርቂ፡ ከቶ ዘይሐልፍ ርስቲ። ሆሳእና . . . . . .

፱ - ክፈቶ ልብኻ ፡ ይእቶ ናብኡ ጐይታ ፡ አብ እንዳኻ ኽነብር ፡ መቐደስ ንኡ ኽገብር ። ሆሳእና . . . . . .

፲ - ብሓጐስ እልል በል ፡ መጸ አማኑኤል ። ናይ ጽዮን ንጉስ ንሱ ዚገዝአ ፍጥረት ሑሉ ። ሆሳእና . . . . . .

፲፩ - አዳሉ ጐደና ዚኸዶ ጐይታና ፡ ክዳንካ አንጽፈሉ ፡ ባህ በል ንምቕባሉ ። ሆሳእና . . . . . .

፲፪ - ሃሳና ሕጻናት ፡ የቕርቡሉ ስብሓት ፡ ከምኡውን አህዛብ ሑሉ ፡ ተሐጉሶም ይዘምሩ ። ሆሳእና . . . . . .

ካ ፡ ፪ ።

— ፸፪ —

S. T. 142

፩ - ጽረግ መገዲ አምላኽ ፡ ዓሚቑ በሪኽ ሰዋ በል ፡ ይመጽእ አሎ እሞ ፡ ቅቡኣ ናይ እስራኤል ። ንሱ'ዩ መስፍን ጽድቂ ፡ ናይ ኵል ጣናት ጠቕላሊ ። ንኡ ስብሓት ንህብ ፡ ዚመ ጽእ ብስም አብ ።

፪ - ንጉስ ዘልኣለም እዩ ፡ ናቦና ዝመጸ ፡ ክዳን ንዘርግሐሉ ፡ ተስፋና ፈጸመ ። ቃሉ እዩ ሓቀኛ ፡ ንዘምር ሃሳእና ። ንኡ ስብሓት . . . . . .



ንኡ ፡ አምላኽ ባዕሉ እዩ እሞ ፡ ንልብኻ ኳሕ ዘብሎ ። ብቕዱስ ሓጐስ ዘሚርካ ፡ አልዕል ናብ ጐይታ ልብኻ ። ተመስገን ፡ ዎ መድሓኒና ፡ ከተድሕነና መጺእካ ።

፪ ንሱ ብጸጋ ዝመልኤ ፡ ምድሓን ፡ ብጽ እና አምጽኤ ። ጽድቂ እዩ ኽቡር ዘሙዳ ፡ ም ሕረት ድማ እዩ ዘንጉ ፡ ንዓመጽና ይድምስሶ ፡ ንጸበባና የልግሶ ። ትምልእልና ጉድለትና ፡ ተመስገን ፡ ዎ መድሓኒና ።

፫ እዚ ንጉስ ዝአትዎ ብሩኽ እዩ ሓጐስ ዘለዎ ። ፍቕሪ ፡ ሰላም አሎ አብኡ ፡ የሱስ ይብ ርኽ ባዕሉ ፡ ይዕድሎ ጽቡቕ ምኽሪ ፡ የዕምር ንቕኑዕ ግብሪ ። ካብ እሙናት ዘይረሓቕካ ፡ ተ መስገን ፡ ዎ መድሓኒና ።

፬ - ማዕጾ አግፍሕ ፡ ደገ አርእብ ፡ አብ ል ብኻ ንኡ አርንብ ። ንፋኑስ እምነት አድምቀ ፡ ተዳሊኻ ተቐበሎ ። ይመጽእ አሎ ቐረቡ ፡ ክ ዕድለካ ጸግኡ ። ዎ የሱስ ክርስቶስ ፡ ተመስገን ፡ ንሓዋኦን ኣተድሕን ።

፭ - ዎ የሱስ ፡ ኽዓ ኢልካ ምጻእ ፡ ጸጋን ብጽእናን ዘወናን ፡ ልዘይ ተርእዩ ንእኣ ፡ ክት



ኒ - ኣፍ ደጌኻ ኣርሕዮ ፡ ንኽብሪ ንጉስካ ፡ ትጽቢት አህዛብ ርእዮ ፡ ነቲ ብጽእናኻ ። አብ ዙርያ ምድሪ ዅሉ ፡ ከምዚ ኢሎም ኪዝም ሩ ። ንኡ ስብሓት . . . . . .

ካ ፡ ፪ ።

— ፸፱ —

S. T. 153

፩ - የሩሳሌም እልል በሊ ፡ ኣቲ ጓል ጽዮን ዘምሪ ፡ ንጉስኪ ይመጽእ አሎ ፡ ንዅሉ ም ድሪ ኽገዝአ ።

፪ - ወሃብ ጸጋ ፡ ሰባኽ ጽድቂ ፡ ኩይኑ ተ ላእክ ንህዝቢ ፡ ይመጽእውን ሰላም ሒዙ ፡ ፍቕሪ ድማ እያ ዘንጉ ።

፫ - ብጽእና በሻሪ ልኡኽ ፡ ተላኢኹልና ካብ አምላኽ ። ይፍጽመልና ተስፋ አብ ፡ አብ ኣሰሩ ኽእ ደስታ ።

፬ - ስብሓት ንኣምላኽ አብ አርያም ፡ አብ ዓለምውን ይኹን ሰላም ። ዚባርኽና ንዘሎ ብልብና ነመስግኖ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፹፫ —

S. T. 667

፩ - ንደጌኻ ሕጂ ኣርሑ ፡ ተላቢስካ ስግድ



ባርኽ ናብኡ ምጻእ ። ርዱእ እምነት ፡ ዎ የሱስ ሀብ ፡ ናብ ሓጐስካ ንኣይ ስሐብ ። ዎ ነፍሲ ፡ ሕጂ ቐሪበ ። ምጻእ ፡ ኣሜን ፡ ተሐጐሰ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፹፬ —

S. T. 149

፩ - ዎ ጽዮን ፡ ይመጽእ መሲሀኪ ፡ ዝዘነዩሉ ነብያት ። ጽንሒ ፡ ሃሳእና ዘርጊሕኪ ፡ ተዳለ ዊውን ክም መርዓት ። ተሐጐሲ ፡ እልልታ ንኡ ኣቕርቢ ፡ ተሐጐሲ ፡ ንኣምላኽ ስብሓት ኣቕርቢ ።

፪ - ይመጽእ ካብ ነበሪ ሓጐስ ፡ ናይ ወርቂ ዝፋን ገዲፉ ። ክነሱ ሰማያዊ ንጉስ ፡ ኣብ ደ ምበ ምስ ማል ኣንጺፉ ። ተሐጐሲ . . . . . .

፫ - መስዋእቲ ኪኸውን ይመጽእ ፡ ስሌ ኽ ብሞት ርኀማት ። ነቲ ሓዋእ ዓለም ኬው ጽእ ፡ ካብ መቕጫ ናይ መስፍን ጸልማት ። ተሐጐሲ . . . . . .

፬ - ካብ መቕበር ምስ ምርኮ ይትንስእ ፡ የብርሀ ናይ ጸልማት መኽን ። ብሞት ንተዋ ሕጡ የውጽእ ፡ ናብ ህይወት ግደ ብጸእን ። ተሐጐሲ . . . . . .

፩ - ይመጽእ ናብ ሕዙናት ልቢ፡ ንህያወት ብርሃን የልብሶ። ይመጽእ ኪነግስ ብሓይሊ፡ ክፍኣት ዘበለ የልግሶ። ተሐጕሶ. . . . . .

ካ፡፩።

(ለ) መዝሙር ልደት።

(ካብ ፸፮ ክሳዕ ፹፮)

— ፸፩ —

S. T. 163

ክብሪ ይኹን ንልዑል ኣምላኽ ፡ ሰላም ኣብ ምድሪ፡ ሰላም ኣብ ምድሪ፡ ንዅሉ ሰብ ጽቡቕ ፍቓድ። ክብሪ ንኣምላኽ፡ ክብሪ ንኣ ምላኽ ኣብ ኣርያም ዘሎ። ሰላም ኣብ ምድሪ፡ ሰላም ኣብ ምድሪ፡ ንዅሉ ሰብ ጽቡቕ ፍቓድ።

ካ፡፪።

— ፸፩ —

S. T. 151

፩ - መጻእኪ ብርኽቲ ብጊሓት፡ ዝነገሩልኪ ነብያት፡ ተበሰርኪ ናባና። መዓልቲ ጽባቕቲ ዓበይ - ብኣ ኣብ ምድሪ ኻብ ሰማይ - ኣምላኽ ሀበና ጸጋ። ኵሉ ህዝቢ - ሀብ ምስጋና - ንጉ ይታና። ብጸሎትና - ንተአከብ ኣብ ልውልና።



፪ - ውሉድ ኣምላኽ ክነሱሲ፡ መዋቲ ስጋ ለበሰ፡ ብኡ ምቕራብ ኰነልና። ፅርቂ፡ ሰላም ሒዙ መጸ - ኪደሊ ዅሉ ዝጠፍኤ ፡ ሽጉር ኪረድእ ድማ። ኬሙቑና፡ ኬቕርበና ፡ ንሓ ድሕድና - ዝረሐቕና፡ ፍቕሪውን ዝጐደለና።

፫ - ንብዓት ከማና ኣፍሲሱ፡ ብጸበባ መር ሃዊ'ዩ፡ ብሓይሉ ይረድኣና። የማቕለና ምኽ ሪ ኣብ፡ ምስኡ ኽኣ ጥዑም ሀያብ - ኣብ ኵሉ ሓርቕትና። ጭንቀት ጸረ፡ ድማ ሞተ፡ ኣብ ክንዳና - ሐለፈልና፡ መንግስቱ ኽዕድለና።

፬ - ስለ ምድሓንና መጺኡ፡ ብርሃንኒ ጸጋን ኣምጺኡ፡ ኬጥፍእ ጸልማት ዓለም። ንሱ ለ ዋህ ሓላዊ'ዩ፡ ተሐጕስና ንዅሉ ምስኡ፡ ካብ ሕጂ ንዘልኣለም። ሕጉሳትኒ - ዕዉታትኒ - ክን ኰነሉ - ብምልኣቱ። ንዘልኣለም ክንከብረሉ።

ካ፡፭።

— ፸፯ —

S. T. 165

፩ - ኣቲ ምስግንቲ፡ ኣቲ ቅድስቲ፡ ዓበይ ብርኽቲ በዓል ልደት። ኣቕርቡ ኽብሪ ኻብ ኵሉ ምደሪ፡ ፍቕሪ ጐይታና ተበሰረት።

፪ - መጺኡ መድሕን ንህዝቡ ዜድሕን፡



ክርስቶስ ጐይታ፡ ካብ ሱር እሰይ። ዕርቂ ተገልጸ፡ ሓራ ተረኽበ፡ ሕጃይ ተሐጕሶ፡ ም ነፍሰይ።

፫ - ካብ ኢድ ኣቦና ሃብቲ ረኽብና፡ ዓቢ ዘይንገር ምሕረቱ። መንፈሱ ድማ የሳልየና፡ መታን ክንእቱ ብጹእ ቤቱ።

ካ፡፭።

— ፸፰ —

S. T. 159

፩ - ጐይታ ኻብ ላዕሊ ናብ ምድሪ ተገልጸ፡ ኣብ ቤት ልኄም ወዲ ኣምላኽ ተወልደ፡ ፈጸ መ ብነብያት እተባህለ፡ ስለ መሲሀ፡ ተስፋ ናይ እስራኤል።

፪ - ትጽቢትኪ ጽዮን ኣሻሕ ዓመት ደንጐ፡ ግን ሕጂ ልደት መድሓኒ ተፈልጠ፡ ሓጐስ ኣብ ቤት፡ ሓጐስ ድማ ኣብ ደገ፡ ዕርቅን ሰላ ምኒ ንምስጉናት ሰብ።

፫ - ጓሰት ንኽብቲ ዚሕልዎ ብለይቲ፡ ሰም ዑ ኻብ ኣርያም መዝሙር ናይ መላእኽቲ፡ ክብሪ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ኣብዛ ምድሪ፡ ኣብ ኵሉ ህዝቢ.ሙን ጽቡቕ ፍቓድ።

ካ፡፮።



— ፸፱ —

S. T. 74

፩ - ሕጂ ብርሃን ኰነ፡ ለይቲውን ሐለፈ፡ ወጸ ጸሓይ። ኣምላኽና ወሪዱ፡ ክርስቶስ ተ ወሊዱ፡ ኬድሕን ተላኢኹ - ድማ ንኣይ።

፪ - ናይ ኵሉ ገዛኢ፡ ናይ ዓለም መድሓኒ - ኰነ ሕጻን። ርእዩ መንጸፉ፡ ስገዱ ቕድሚኡ። ክብሩ ስዉር እዩ - በቲ ሕስራን።

፫ - ነፍሰይ ስምዒ ሕጃይ፡ ምሉእ ጭፍራ ሰማይ - ይህብ ስብሓት። ስም የሱስ ከቢሩ፡ ፈቃር ሕኾፊ እዩ፡ ናብ ሰላም ዚእቱ፡ ነታ መርዓት።

፬ - ም የሱስ፡ ካብ ሰማይ - ርኤ ድማ ንኣይ፡ ምሐረኒ። ኣብ ጸምጸም በረኻ፡ እጸምእ ንኣኻ፡ ኣርሑ ዒላ ጸጋ፡ ነፍሰይ ኣርዊ።

ኡ፡፤።

— ፹ —

S. T. 176

፩ - ሕጻን ተወልደ ኣብ ቤት ልኄም፡ ቤት ልኄም። ተሐጕሶ የሩሳሌም። ሃሌሉያ፡ ሃሌ ሉያ።

፪ - ማርያም ድንግል'ያ ኣዲኡስ፡ ኣዳኢስ፡

ግን ወዳ ናይ ሰማይ ንጉስ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፫ - አብ መብልዕ ማል ተነቢሩ፡ ነቢሩ፡ መላእኽቲ ግን ወደሱሉ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፬ - ሰብኡት ጥበብውን ሰውኡሉ፡ ሰውኡሉ፡ ወርቅን ዕጣን፡ ከርቤን ሀቡ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፭ - መድሓኒ ሎሚ ረኽብና ፡ ረኽብና፡ ምሉእ ስዕረት ዚህበና። ሃሌሉያ ፡ ሃሌሉያ።

፮ - ውሉድ ናይ አምላኽ ገይሩና፡ ገይሩና፡ ብኡ ነብዕል ተሐጕስና። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፯ - ይዕድለና ስምረቱ፡ ስምረቱ። ብተድላ ንርኢ ገጹ። ሃሌሉያ ፡ ሃሌሉያ።

፰ - መላእኽቲ ኸም ዝዘመሩ፡ ዘመሩ፡ ከ ምኡ ስብሓት ንህብ ንኡ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፱ - ክብሪ ይኹን ንአምላኽና፡ አምላኽና፡ ሰላም ከኣ አብ ምድርና። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

ሚ ፡ ሆ።

— ፴፭ —

S. T. 150

፩ - ቅድስቲ ልደት ዓባይ ብርኽቲ፡ ሓጐስ ኣብ ሁሉ ተበስሪ ኢኺ። ጭፍራ ሰማይ ዝጀ



መሩ ቐደም፡ መዝሙር ስብሓት ክሳዕ ሎም የድሂ፡ ንአምላኽ አብ አርያም ዘሎ ክብሪ ይኹና፡ ኣብዚ ምድሪውን ሰላም፡ ንሰብ ከኣ ስምረት። ቅድስቲ ልደት ዓባይ ብርኽቲ፡ ሓጐስ ኣብ ሁሉ ተበስሪ ኢኺ።

፪ - ፍቕሪ አምላኽ ንዓለም ዝሀበ ፡ ዓቢ ሀያብ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ሎሚ መድሓኒ ተወሊዱልኩም፡ ትንቢት ከም ዘለ፡ ተፈጺሙ። አብ ጸላም ዚነብር ህዝቢ ግሩም ብርሃን ርኤ፡ አብ ጽላሎት ሞት ንዘሎ ድማ ደሚቑ። ፍቕሪ አምላኽ ንዓለም ዝሀበ፡ ዓቢ ሀያብ የሱስ ክርስቶስ እዩ።

፫ - የሱስ መድሓኒ መጸ ናባና፡ ዕርቅን ሰላምን ብኡ ተረኽበ። ህይወት ዘልኣለም፡ ዘይ ሐልፍ ክብሪ፡ ኬማቕለና ተዋረደ። ሎሚ ወዳ ተወልደልና፡ ስሙ ክርስቶስ'ዩ፡ መንግስቱ ኸኣ ይነብር፡ አምላኽ እዩ'ሞ። የሱስ መድሓኒ መጸ ናባና፡ ዕርቅን ሰላምን ብኡ ተረኽበ።

ሲ ፡ በ።

— ፴፪ —

S. Ps. 60

፩ - ክብታ ድንግል ወዳ ተወሊዱ፡ ንኡ



ከነኽብር፡ ክንውድስ። ብኡ እግዚኣብሄር ሰ ሚሩ፡ ክንሰምያ ንኣና ይእዝዝ። ንሱ እንተ ዘይተወልደ፡ ሰብ ሁሉ ምድሪ ምጠፍኤ፡ ግን ንሱ አድሐነና። ም የሱስ ክርስቶስ፡ ብሩኽ ኢኺ፡ ብኣኻ ተስፋ ረኽብና ፡ ተቐበሎ ስግ ደትና።

፪ - ጓሶት አብቲ ጐደበ ቤት ልሄም፡ ማሎም ሐለዉ እዋን ለይቲ። ሸው ክብሪ አምላኽ ተገ ልጸሎም፡ መልኣኽ ነገሮምውን መልእኽቲ፡ ሓጐስ ኤበስር አሎኹ፡ ክርስቶስ ተወሊዱ እዩ፡ ንሱ መድሕን ንኹሉ። አብ ቤት ዳዊት ጐይታ ኸይኑ፡ ብርሃን ሰማይ ከኣ ምስኡ ወጸ ንምድሪ ኾሉ።

፫ - ናይ ጭፍራ ሰማያት ብርቱዕ ደሃይ ምስ ናይቲ መልኣኽ ቃል ተሐብረ፡ ብቕዱስ ስኒ፡ ጽሩይ ልሳን ሕጃይ፡ ንአምላኽና ሀብም ኽብሪ፡ ስብሓት ንአምላኽ አብ አርያም፡ አብ ምድሪውን ይኹን ሰላም፡ ምስ ሰብ ከኣ ስም ረቱ። ይኽበር፡ ይመስገን አምላኽና፡ ፈቃር ወዱ ዝሀበና፡ ምስ ጸጋ፡ ምስ ክብረቱ።

ሚ ፡ ሆ።



— ፴፫ —

Ps. et Cant. 278

፩ - ካበይ እያ እታ ብርሀቲ ነኽሩብ፡ ሸነኽ ምብራቕ ሓድሽ ብርሃን ትሀብ፡ ከቶ የልቦን ከምዚኣ ዝበለ፡ ድቕድቕ ጸልማት ዓለምና ዘባረረ።

፪ - ናብ ቤት ልሄም፡ ነብያት ዝነገሩላ፡ ሰደ ደት ሰማያዊ ጸዳላ። ሓቀኛታት ሰገድቲ አም ጽኤት፡ ናብ መድሓኒ፡ ናብቲ ጽኑዕ መሰረት።

፫ - በጽሑ አብታ መሲሀ እተወልደላ፡ ረ አዩ ሕጻን አብቲ ገበላ፡ ምስ አዲኡ ብህድኣት ደቂሲ፡ የሱስ፡ እቲ መስፍን ህይወት'ዩ ንሱ።

፬ - ኮኾብ ጽባሕ ንዓ ልብና አብርህ። አብ ልዕሌና ብርሃን ሰማይ ደርጉሕ። አብዛ ምድሪ ክርስቶስ ዝኽድካ፡ አብ መገዲ ዓወት ኩን መራሒና።

እ ፡ ሃ።

— ፴፬ —

I. C. 49

፩ - ሕጉስቲ ለይቲ፡ ህድእቲ ለይቲ፡ ጸዳ ልኪ ኸንደይ የንጸባርቕ፡ ሀዱእ ብርሃንኪ ሰ

ባት ይመርሕ ናብቲ መድሓኒ'ተሮልደሉ ።
ይብራህ ንወርትግ አብ ልብና ።

፪ - ሕጕስቲ ለይቲ፡ ህድእቲ ለይቲ፡ ክን ደይ ይደምቕ ብሩህ ደሃይኪ፡ ይሰድድ ቅዱስ ምዒቕ ዕድሚኡ፡ 'ቲ ንጹህ ሓጕስ፡ ቃል ብስራት ፡ ዚመርሕ ሰማይ ፡ ዚህብ ሰላም ።

፫ - ሕጕስቲ ለይቲ፡ ህድእቲ ለይቲ፡ ይድገም አብ ልበይ ብሩህ ዜናኺ፡ ዓቢ ብስራት፡ ንጹር ደሃዩ፡ ክርስቶስ ተወልደ፡ ሰላም ኪህብ፡ ሰላም ዘልኣለም ንሽቡራት ።

መ ፡ ፯ ።

— ፴፭ —

S. T. 686

፩ - መንግስቲ የሱስ ኪምስረት ከሎ፡ ፍሬ አድሪ መሰለ ። ናይ ኵሉ ዓለም ጐይታ ክነሱ፡ አብ መብልዕ ማል ግን ደቀሰ ።

፪ - ተሐጉሱሉ ኾሎም መላእክቲ፡ አም ላኽ እናወደሱ ። ልደት መድሓኒ፡ ሕጉስ መል እክቲ፡ ንሓጥኣን አበሰሩ ።

፫ - ዜድምቕ ኰኵብ በርሄ አብ ላዕሊ፡ ናብ ቤት ልሄም መሪሑ ። ተወደሉሉ ብጽእና ዓቢ ፡ ናብቲ ድሙቕ ብርሃን በጽሑ ።



፬ - ናፈቕም መጹ ሰብ ርሑቕ ዓዲ፡ ነቲ ሕጻን ሰገዱ ። አቕሪበም ከርበ ፡ ዕጣን ምስ ወርቂ ፡ ንአምላኽ እናመስገኑ ።

፭ - ካብ ኵሉ ህዝቢ ናብኡ ይመጹ፡ ሰሚ ዖም ምህሮ ወንጌል ። የልቦን ዚወግቶ ንቕዱስ ቃሉ ፡ ይዕወት'ዩ አማኑኤል ።

፮ - ብርሃን ሰዐረ ፡ ኪስዕር ድማ፡ ንጸልማት የባርር ። ልእኽ ብርሃንካ ክሳዕ ብግርማ ፡ ንዅሉ ምድሪ ዚመልአ ።

፯ - ክምዚ ኾነ ፡ ዓሌታት ምድሪ ዓው ኢሎም ኬመስግኑ ፡ ስብሓት ንአምላኽ ፡ ሰላም ወሃቢ ፡ ብስምረቱውን ደስ ኪብሉ ።

ኡ ፡ ኤ ።

(መ) መዝሙር ሕማማት ።

(ካብ ፴፯ ክሳዕ ፵፪)

— ፴፮ —

S. T. 181

፩ - ኣይርስዖን እቲ ጊዚ አብ ጌቴሴማኒ፡ ምስ ርኤኹኻ ደም ኪርህድ ፡ ገጽካ መድሓ ንየይ ። ኣይርስዖን፡ ኣይርስዖን፡ ክቶ ኣይርስ ዖን፡ ናይ ብርቱዕ ጻዕርኻ ጊዚ ፡ አብ ጌቴሴማኒ ።



፪ - አብቲ መኻን ኣታኽልቲ ፡ ብልበይ ርኤኹኻ፡ አብ ክንዲ ፡ ዅሉስ ኩነኔ ፡ ከም እተቐበልካ ። አይርስዖን . . . . . .

፫ - ፈተውትኻ ጠለሙኻ፡ ኣይንሐፈካን አብ፡ ክንደይ ተሸገርካ ፡ ሸው ፡ ዘየርከበ ሓሳብ ። አይርስዖን . . . . . .

፬ - እንተ ዝሐለ ፍቕረይ ግን ፡ ንኣኻ፡ አምላኽይ፡ አዘክረኒ ጻዕርኻ ፡ ተቐበልካ ስለይ ። አይርስዖን . . . . . .

ካ ፡ ኔ ።

— ፴፯ —

I. C. 55

ንኽረን ዘይቲ፡ ንርእሲ ጎልጎታ፡ ዓይኒ መንፈሰይ ይጥምታ ። ንሳ መቕደስ'ያ ልበይ ዝኽፍተላ፡ ሓጕስ ላዕሊ ዝቕበለላ ። መን እዩ አታ፡ ወዲቑ'ብ ባይታ፡ መድሓኒ እዩ፡ ሓዲ ጎምዎ፡ ፧ ይስቀ አሎ፡ ከም ቆሎ'ቕሎ ። ፧ አየ፡ ምእንታይ ይጽሊ አሎ፡ ሰላም ይቕሬታ ንአይ ከውህበኒ ። የሱስ፡ የሱስ፡ ዘልኣለም እሙን፡ ጸልየለይ ። የሱስ፡ የሱስ፡ አብ መወዳእታ አዕ ርገኒ ።

እ ፡ ሃ ።



— ፴፰ —

S. T. 189

ዎ በጊዕ አምላኽ ቅዱስ፡ አብ መስቀል ዝሞትከልና፡ ብዅሉ ኽንክ ዕጉስ ፡ እናነዐቐ ኻ'ኳ ። በደልና ዅሉ ጸርከ፡ ናይ ሞት ስል ጣን ሰዐርከ ። ዎ የሱስ ፡ አድሕነና ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፴፱ —

S. T. 187

፩ - ንዑ ዅላትኩም ንምርአዩ ፡ ናይ መድ ሓኒና ሙማት ። መርገም ሞት ካብ ጸረ ንሱ፡ ይግብአና'ዩ ብኽያት ። ከም ንኡ ዝወረዶ ፡ እካ የልቦን ዝበጽሐ ።

፪ - ሸንኮሩ ቅዱስ ኣካሉ ፡ ነፍሱ ዅሉ ጄሰለ፡ ናይ እሾኹ ኣኽሊል ደፍኡሉ፡ ደም ካብ ገጹ ነጠበ ። ከም ንኡ . . . . . .

፫ - ፈጺሙ ንነፍሱ ሀበ፡ ለመነ ኽምዚ ኢሉ፡ አቦይ ፡ ነፍሰይ ሓደራኻ ፡ እህበካ አሎኹ ። ከም ንኡ . . . . . .

፬ - መወዳእታኡ 'ዚ እዩ፡ መጋረጃ ተመ ኽለ፡ ጸልማት ኰነ፡ ኣኽራን ነቕው ። ዓይኒ ልበይ ጠምት ክ ። ከም ንኡ . . . . . .

፩ - ሕልና እንተ አሎካ፡ ንመድሓኒኻ ርኤ፡ ዘክር ናይ ሓጥያትካ ዋጋ፡ ንሱ በጃኻ ሞተ። ከምኡ ዘለ መፍቀሪ - እኳ የልቦን ኣብ ምድሪ።

ካ፡ ፮።

— ፵፩ —

Ps. et Cant. 44

፩ - ዎ ምስጉን መድሓንየይ፡ ብሰሪ ሓጥያተይ፡ ከምቶም ዓመጸኛታት - መስቀል ተሰቐልካ። በቲ ዓቢ ጭንቀትካ፡ እርኢ ፍቕርኻ፡ ብቓንዛኻ፡ ስቓይካ - ቅድዓተይ ዝጸርካ።

፪ - ኣቦይ'ኳ ሐዲጉኒ፡ ውሽጠይ ተሸበረ። በቲ ረሲእነትካ - ጽውኤይ መረረ። ካብ ዘል ኣለማዊ ሞት - ፍቕረይ የድሕነካ፡ ህይወት መታን ክበካ፡ ሞትኩ ኣብ ጎልጎታ።

፫ - ብፍቕርኻ'የ ናትካ፡ እመጻካ መድሕን፡ ውሰድ ካሕሳ ስቓይካ - ስጋይን ነፍሰይን። ደጊ ምሰ ድሑን እየ፡ ክነብር ብኣኻ፡ እደሊ፡ ዎ የሱሰይ፡ ህይወትካ፡ ክብርኻ።

እ፡ ሃ።

— ፵፪ —

S. T. 191

፩ - ክንደይ ስቓይኒ ቑስልን - በጽሓካ፡



ም ጐይታይ፡ ክንደይ ውርደትኒ ጸርፍን - ተቐበልካ ክንዳይ። ኣኽሊል እሾኹ ወግኣካ፡ ገርፊ ተዐገስካ፡ ክትክለል ይግብኣካ - ብኽብሪ ሕጂ ግን።

፪ - ንኹሉ እቲ ጭንቀት፡ ንፍርዲ ንመዓት - ኣብ መስቀል ዝበጽሓካ - ኣነ'የ ምኽንያት። እሞ ንኣይ ንሓጥእ - ይግባእ'ዩ ቕጽዓት፡ ግን ጸጋኻ ሀበኒ - ስለ ናትካ ለውሃት።

፫ - ልበይ የመስግንካ፡ ትበርኽውን ነፍሰይ - ስለቲ ብርቱዕ ጻዕሪ - ዝጸርካ ንጥቕመይ። ነፍሰይ ሕጃይ እውፈ - ንኣኻ ም ጐይታይ፡ ካብ ሕጂ ንዘልኣለም - ናትካ ይኹን ናብራይ።

ካ፡ ፯።

— ፵፪ —

S. T. 183

፩ - መስቀልካ ጸርካ፡ ም የሱስ፡ መገዲ ሞት ክትከይድ። ኪጸርፉኻውን ከለዉስ፡ ተዐጊስካ ሰማዕካ፡ ዎ ግሩም ፍቕሪ፡ ንሰጐጉቲ - ደምካውን ኣፍሰስካሎም።

፪ - መስቀልካ ጸርካ፡ ም ጐይታ፡ ምስኡ ሓጥያተይ ይሞ። ሞሳ ዘይፈልጡ ህዝብኻ፡



ዝረጃሕካዮም ናትካ፡ ካብኦም እየ፡ ሑሉ ጊዜ - እናኣታቱኻኒ።

፫ - መስቀልካ ጸርካ፡ ሰማያት - ዚውድሱሉ ግርማ፡ ወሰን ዘይርከበ ግዝኣት - ሐዲ ግካ ሕስራን ጸርካ፡ ከተርኢ - እታ ፍቕሪ - ሑሉ ኸም እተስልጥ።

፬ - መስቀልካ ጸርካ፡ ም ጐይታይ፡ ኣብ ገድለይ ሐግዘኒ። ደግፍ ም'ኽደይ ናብ ሰማይ - ኣብ ናይ ስቓይ መገዲ። ልበይ ሽዑ - ተጸጊው - ብፍቕር'ካ ይሕሎ።

ኡ፡ ኡ።

(ሰ) መዝሙር ፋስጋ።

(ካብ ፴፱ ክሳዕ ፵፮)

— ፵፫ —

S. T. 153

፩ - ተሐንሱ፡ ተሐንሱ፡ ጐይታ ብሓቂ ተንሲኡ፡ ካብቲ መቓብር ወጺኡ፡ ንዘልኣለም ኪነግስ'ዩ።

፪ - ቀደም ጥንቲ ተነበዩ - ስለ ጐይታ ምትንሳኡ፡ ብሞቱውን ኬድሕነና፡ ንዘል ኣለም ኬንብረና።



፫ - ሓለውቲ'ኳ'ንተ ገበሩ፡ ዓቢ እምኒ'ንተ ሸጐሩ፡ የሱስ መድሓኒ ስዒሩ፡ 'ቶም ጸላእቱ ራሰራዕ በሉ።

፬ - ሓይሊ ሲኣል ተሳዒሩ፡ ስልጣን እኩይውን በኂኑ፡ ናይ ሓቂ ፋስጋ ኸይኑ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፭ - ተመስገን፡ ዎ መድሓኒና፡ በቲ ዘይጥለም ተስፋኻ፡ ምሳና ኽትነብር ኢኻ፡ ሓጐስ ሰማይ ክትህበና።

እ፡ ሃ።

— ፵፬ —

S. T. 211

፩ - ልበይ ተንስእ ንምኽባሩ፡ የሱስ ክርስቶስ ጐይታና። ንሱ ቅዱስ ገንሸል ኸይኑ - ዝሞተልና ክንዳና። ብስልጣኑ ኸምቲ ቓሉ፡ ካብ መቓብር ተንሲኡ።

፪ - ሕጊ ኣምላኽ ፈጸመልና፡ ኬድሕነና ብግብሩ። መከራና ኣርሐቐልና፡ ነዊ ጽድቂ ፈጸመ። ሳልኡ ፍቕርን ሰላምን - ተገልጸልና ድማኢ።

፫ - ርእሲ ተመን ቀጥቀጠልና፡ ሓይሊ ሲኣል ኣፍረሰ። ሰዐረልና ኣድሐነና፡ ስልጣ

ናትውን አድረሰ ። ክንዲ ፍርዲ ዕርቂ ኹነ ፡ ጸጋን ሓቅን አቕረበ ።

፱ · ዓብን ንእሽቶን ህቡ ዝብሪ · ስለ ዓቢ ምሕረት አብ ፡ ነመስግኖውን ንወዲ · ስለ ’ቲ ግሩም ህያብ ፡ ቅዱስ መንፈሱ ነኽብሮ · ዚ መርሓና ናብ ክብሩ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፴፩ —

S. T. 208

፩ · የሱስ ህያው ኮይኑ ፡ መቓብር በርሄ ። ተፈጸሙ እዩ · ኮሉ ’ተነቤ ። ተወጂቡ ግርማ · ካብ ሞት ወጺኡ ፡ ዓለሙውን ድሒና · ሰላ ስዕረቱ ። ተገሚጡ ጸንሔ ’ቲ ሕቑም እምኒ ፡ ስምባድ ሒዝሞም ነቶም ሓለውቲ ፡ ሲኦል ውን ይናወጽ ። ሃሌሉያ ።

፪ · ተዋጊኡ ነይሩ · ብርሃን ምስ ጸልማት ፡ ብርሃን ግን ስዒሩ ፡ ረሐቐ ሓጥያት ። ሞት ሐሚቑ እዩ ፡ ይበርትዕ ህይወት ። አብ ጸበባ ’ኾሉ · ትዕወት እምነት ። ም ኣንስቲ ፡ አብዚ ንመን ደሊ’ክን ፡ ምስቶም ምዉታን ’ቲ ህያው የለን ። ተንሲኡልና ክርስቶስ ። ሃሌሉያ ።

፫ · ተወሪቑ ሕጃይ · ሰማይ ምስ ምድሪ ።



መቓብር ንሰማይ · ኮይኑ መእተዊ ። አብቲ መስቀል ክርስቶስ · ድንን ዝበልኩም ፡ ቅንዑ ፡ ዓቢ ሓጐስ ፡ ትብዓት ይሕደርኩም ። ፋሕ ዘል ኩም ፡ ናብ ጓሳኹም ሕጂ ምጸ ። ምሳኹም ይኽይድ ክም ተስፋኡ ፡ ናብ ህይወት ኪመ ርሕ ። ሃሌሉያ ።

፬ · ቤት ክርስቶስ ነይፈርስ ፡ ሓይላት ይምጽኡ ። ብርሃኑ ይግስግስ · ይበጽሕ ኵሉ ። ናብ ዓለምና ምሉእ · ወጹ ልኡኻት · ኬበስሩ ስዕረት · ብዓቢ ትብዓት ። ይምስክሩ እዮም ብመድሕን ሓዋኣን ፡ ንጸልማት ስዒሩ ድሙቕ ብርሃን ፡ ኮይኑልና ኽም ዘለ ። ሃሌሉያ ።

፭ · እንታይ የብክየኩም · ኣቱም እሙ ናት ፡ ሽዓ ይሐልፈልኩም ክፉእ ዘበናት ። ንምዕራፍኩም ምድሪ · ትኽፍት ሕቑፋ ፡ ግን ተሎ ኽም ዘርኢ · ትወጹ ’ካብኡ ። ጐይታ ናይ ቀውዒ ብግዚ ምዕጻድ ፡ ኪምለስ ስርናዩውን ካብ ክርዳድ · ምስ መጸ ’ኪፈሊ ። ሃሌሉያ ።

ሱ ፡ ኤ ።

— ፴፯ —

S. T. 153

፩ · ፋስጋ ኽዩኑ ፡ ም ሓወይ ፡ ነመስግን



ንመድሓኒና ፡ ካብ መቓብር ዝተንስኤ · ንኽ ላትና ሓራ ’ውጽኤ ።

፪ · ገንሸል አምላኽ ሓጥያት ጸርካ ፡ ስሌና ደምካ አፍሰስካ ፡ ንጽድቅናውን ተንሲእካ ፡ ኣታ ቅዱስ መፍቀሪና ።

፫ · ካብ ሓጥያት መታን ክንመውት · ሐግ ዘና ፡ ም የሱስና ፡ ክንትንስእ ብሓድኽ ህይ ወት ፡ ክንነብር ብቕድስና ።

እ ፡ ሃ ።

— ፴፰ —

S. T. 395

፩ · ክርስቶስ ተንሲኡ ፡ ሓጐስ ኮይኑ ፡ ብዜሽግር አይትሰንብዱ ። አብዛ ዓለም ብርሃን ወጺኡ ፡ ክርስቶስ ጐይታ ተንሲኡ ።

፪ · ህያው ኮይኑ ክርስቶስ መድሓኒ ፡ ንሱ እዩ እሙን ረዳኢ ። ነበረ ፡ ሕጂ ኽኣ እሎ ። ክርስቶስ ጐይታ ተንሲኡ ።

፫ · ምስ ኵሎም ሜፍሩታት ናይ ጸል ማት · ንሓይሊ ሞትውን ቀዊኒኡ ። ስዕረት’ዩ ተረኺቡ ብኡ ። ክርስቶስ ጐይታ ተንሲኡ ።

፬ · ህያው እዩ ፡ ንሕናውን ምስኡ · ህያ ዋን ክንከውን ንጥንቱ ፡ ርባ ሞት ምስ አሳገ ረና ። ክርስቶስ ጐይታ ተንሲኡ ።



፭ · አብ ርሑቕ ’ተባረርክ ነፍሲ ፡ ካብ ባርነትኪ ተመለሲ ፡ መታን ምድሓን ክትረኽ ቢ ብኡ ። ክርስቶስ ጐይታ ተንሲኡ ።

ሺ ፡ ን ።

(ረ) መዝሙር ዕርገት ።

(ካብ ፶፰ ክሳዕ ፶፱)

— ፵፭ —

S. T. 225

፩ · ርኤኹ ፡ የሱስ ፡ ዕርገትካ · ናብ ሰማ ያዊ ክብሪ ፡ ግን ኣነ አሎኹ ጌና · ክም ጋሻ አብዛ ምድሪ ። ርሑቕ እየ ክብ ሃገረይ ፡ ጓሂ ፡ ድኻም መናብርተይ ።

፪ ርሑቕ ካብ አቦይ አሎኹ ፡ ክሳዕ መአዝ ፡ ም ጐይታይ ። ዓይነይ አይበጽሕኒ ናብኡ ፡ ይስማዕ ግን ጸሎተይ ፡ ብስሙ እንተ ለመንኩ ፡ ክቐርብ እኽእል ናብኡ ።

፫ · ሸው እርኢ ብእምነተይ · ነታ ብጽኑቲ ሃገር ፡ ካብ ዓይነይ አይትኽወልን ። ምስ አም ለጥኩ ኽብ ሽጋር ፡ እረክብ ሕብረት ምስ ጻድቃን · አብቲ አባይቲ ብጹእን ።

፬ · አብኡ አይርከብኒ ጸልማት ፡ ከአ

ሕማምኒ ሞትኒ፡ ኣብኡ ኣይስማዕኒ ብኽያት፡ ናብኡ ልበይ ይደሊ። ኣብ ላዕሊ ምስ መድሓ ንየይ · ክነብር እዩ ድሌተይ።

፫ · ትምለስ ከም ዝደየብካ፡ ም የሱስ፡ ናብዛ ምድሪ። ንምፍጻም ትእዛዝትካ · እተግህ ውን እጽሊ። እቲ ግዜ ኣይፈልጦኒ፡ እጽበየካ እምበሪ።

፮ · እቲ ጊላ ብጹእ እዩ · ዚተግህ ወርትግ ከምዚ። እሙን ተስፋ ሀብካ ንኡ · ከተእትም ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ሰማያዊ ሃገርካ · እትነግሰሉ ንስኻ።

ካ፡ ኔ።

— ፵፱ —

S. T. 633

፩ · ወሬጉ ኽሎሲ የሱስ ናብ ላዕሊ፡ ጌና ይነብር ኣብ መንነና ኣብዚ። እናጸናንዔ ባዕሉ ኽም ዝበለ፡ ኪምለስ እዩ፡ ኪምለስ እዩ።

፪ · ደጊም ምድኣቱ ብእምነት ክንትምን፡ ንፍሓት ኼንና፡ ብጸሎት ክንጽበ። እናጸና ንዔ . . . . . .

፫ · ምስ ዚመጸና ብግርማ ስልማኑ፡ ደው የብለና ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ። እናጸናንዔ.....



(ቀ) መዝሙር ጰንጠቆስቱ።
(ካብ ፱ ክሳዕ ፲፯)

— ፻ —

Sacr. S. 193

፩ · መንፈስ ቅዱስ፡ ብርሃንካ 'ትህብ፡ ብርሃንካ ኣብርሀ · ኣብቲ ጸልማት ነፍሰይ።

፪ · መንፈስ ቅዱስ፡ ሓቂ 'ትህብ፡ ንህይወት ዘልኣለም · ኩን መሃርየይ።

፫ · መንፈስ ቅዱስ፡ ሓይሊ 'ትህብ፡ ኣብ ሓጢኣት ከይወድቕ · ኩን ሓጋዝየይ።

፬ · መንፈስ ቅዱስ፡ ፍቕሪ 'ትህብ፡ ናብ ኣቦይ፡ ናብ ላዕሊ · ኩን መራሕየይ። ኣሜን።

ካ፡ ኔ።

— ፻፩ —

I. C. 98

፩ · ም መንፈስ ቅዱስ፡ ንዓ ውረድ፡ ኣሳ ሙሮ እምነተይ፡ ኣብቲ ወለል ዘለ ልበይ · ንኣኻ ፍቕሪ እጦድ። ንዓ፡ ም መንፈስ ናይ ጐይታና፡ ኣዋምቹና በቲ ሓዊ፡ እቲ ናይ ቀደም ስጋዊ · ሓሳብና ኸይኣስረና። ንዓ፡ ንዓ፡ ንዓ፡ ኣቃጽል ልብና።



፪ · ብርሃንካ ዘርግሕ ኣባና፡ መንፈስ ቅዱስ ናይ ጐይታ፡ ጸጋኻውን ኣብ ዙርያና፡ ኣምላኻዊ መጽንዒ። ንዓ፡ ም መንፈስ.....

፫ · ልበይ ኵሉ ምስ ዝበኻ፡ ክንደይ ጥውም ዕድለይ። ብህይወት ኰነ ብሞተይ፡ እእዝዝ ጥራይ ንኣኻ። ንዓ፡ ም መንፈስ . . . . . .

— ፻፪ —

S. T. 232

፩ · ንዓ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ናብ ልበይ፡ ኣብ ርሀ ኣሙቕውን ንነፍሰይ፡ ብኣኻ ኽመላለስ። ሀበኒ ህይወት ምስ ብርሃን፡ ምርሓኒ ድማ ኵሉ እዋን፡ ነፍሰይ ስጋይ ክቕደስ።

፪ · ምርሓኒ ወርትግ ብቕኑዕ፡ ሀበኒ ብ ሩህ ፍልጠትካ፡ ፍቓድካ ኽመሀሮ፡ ካብ ማእ ሰረይ ተፈቲሔ፡ ንኣኻውን ተኸቲለ፡ ክፉእ ከባይ ክፈልዮ።

፫ · ርድኣኒ፡ ጐይታይ፡ ብለውሃት፡ ብል በይ ኵሉ ዘመናት · ኣብቲ ዜድሕን ክጸንዕ። ሀበኒ ለጊስካ ፍቕሪ፡ ሰናይካ ኸባይ ከይዛረ፡ ብሓይልኻ ኽብርትዕ።

፬ · ይፍለጠኒ ሕመቕይ፡ ኣይፈልጦን እየ፡ ም ጐይታ፡ ንጥቕሚ ዚኹነኒ። መንፈስ ቅዱስ ምሀር ንኣይ፡ ኣባ፡ 'ዐይ፡ ኢለ ምጽላይ · ከም ዝኾነኤል ርድኣኒ።

፭ · ንጽቡቕ ኵሉ፡ ም ጐይታ፡ ሐግዝ፡ ኣፍሪ ብሓይልኻ፡ ርድኣኒውን ክዐቢ · ብፍል ጠትክን ብጸጋኻን፡ ክነብር ድማ ኵሉ እዋን ጥራይ ብናትክ ምኽሪ።

፮ · ም መንፈስ ቅዱስ፡ ኩን ምሳይ · ኣብ ኵሉ ሽጋር ንብረተይ። እዋን ስንብታይ ምስ በጽሔ፡ ነፍሰይ ርዳእ ብፍቕርኻ፡ ናይ ሞት ርባ ኣሳጊርክ · ሰማይክ ኣብጽሓኒ።

ካ፡ ኔ።

— ፻፫ —

S. T. 230

፩ · መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ውሽጠይ ኩን፡ ምግባር ቃልክ ክኽን ፍጡን። ምዝሓሰይውን ኣዋሳውስ፡ ፍቓድ ልበይ ግበር ሕዱስ። ብሰ ማያዊ ሓይልኻ · ነፍሰይ ስጋይ ኣጽሪ ኢኻ፡ መንዲ ህይወት ብምኻድ · ክዝምር ብሕጉስ ፍቓድ፡ ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ።

፪ · መሃርየይ፡ ቅዱስ ብርሃን፡ ኣስተም ህረኒ ኵሉ እዋን · ንኣብኒ ወልድን ንምፍላጥ፡

አልግሶ ናይ ልበይ ጸልማት ። ንአይ ግለጽ ፍቓድ አምላኽ፡ ሓሳዊ ትምህርቲ ይርሐቕ ። ነቲ ጽኑዕ ሓቀኛ ቓል ፡ ደስ የብለኒ ምኽታል ። ሃሌሉያ ፡ ሃሌሉያ ።

፫ ፡ ቅዱስ ሃልሃልታ ፍቕርኻ ፡ አንድድ አጣ ልቢ ፡ ዅልና ። ሀበና ተስፋን ሓጐስኒ ፡ ብጸበባን ብሽጋርኒ ። ብዚመጸና ፈተና ፡ መጽ ግዕ ኩነና ንስኻ፡ አብዚ ኽንዋጋእ ብትብዓት መታን ክንአቱ ሰማያት ። ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፱፩ —

S. T. 229

፩ ፡ ም ቅዱስ መንፈስ ፡ ናይ ሓቂ መን ፈስ ፡ መጸእክ ምርሓና ። አበርትዓና ፡ ንምድ ሓን ክንሕሎ ፡ ብእምነት ጸኒዕና ፡ ተሀዊትና ናብ ሓጐስካ ኽንአቱ ፡ ክእለት ፡ ም አምላኽ ፡ አሙርድ ካብ አርያም ።

፪ ፡ ም ቅዱስ መንፈስ ፡ ናይ ስልጣን መን ፈስ ፡ ንምንቃሕ ምጸና ። ፍቕርን ሰላምኒ ፡ ምስ ቅዱስ ቅንአቱ ፡ ይግዛእ አብ ልብና ። ተመርኮስና አብ ሓጐስካ ኽንአቱ ፡ ጽድቂ ፡ ም አምላኽ ፡ አሙርድ ካብ አርያም ።



፫ ፡ ም ቅዱስ መንፈስ ፡ ናይ ሓቂ መን ፈስ ፡ ፍስሓ ምልኣና ። ስቓይኒ ጓህን ልቢ ምስ ዜጨንቕ ፡ አጸናንዓና ። ብርሃና ኹን አብዛ ጸልማት ዓለምና ። ሓጐስ ፡ ም አምላኽ ፡ አሙርድ ካብ አርያም ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፱፩ —

S. T. 21 a

፩ ፡ እቲ ሓዊ እንተ ዚነድድ ፡ ከተንድዶ ዝመጸእክ ፡ እንተ ዚሰምዕ ኩሉ ምድሪ ፡ ንጸ ዋሚና ፍቕርኻ ።

፪ ፡ ሓሐሊፉ ኽም ንእሽቶ ጓህሪ ፡ ይብ ርሀ ሕጂ አብ ጸልማት ። መዝገብ ምድሓን ዘይሐልፍ ሃብቲ ፡ ብሱጽ እዩ ንብዙሓት ።

፫ ፡ አቃጽል ሕጃይ ነቲ ሓዊ ፡ ልእኽ ምድሓን ምስክሩ ። ክም ተስፋኻ አሙርድ ካብ ላዕሊ ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ በርከቱ ።

፬ ፡ ምጻእ ናብ ኩላትና ገይታና፡ አስሕን ናይ ፍቕርኻ ጓህሪ ። መታን ኪነቕሓውን ነፍሳትና፡ አሙቕ ናይ ልብና ዛሕሊ ።

፭ ፡ እሳት ምድሓን አሳውረልና ፡ ንሕ ሰምና አርሕቑልና ። ሓዲሊ ዋሂ ኽየሕርረና ፡ ምምራር ስቓይና አዝሕሎ ።



፯ ፡ ጐይታ ፡ ተሰኒርም ከይወጹ ፡ ንደቅኻ አዐውቶም ፡ ተራሒቑም ንሞት ከይኩኑ ፡ ብፍቕርኻ አሳምሮም ።

፯ ፡ ካብ ርእሰም አትገድው እዮም ፡ ብኣኻ ግን ይብርትው ። ካብ ፍቕሪ አምላኽም ስሒ ኖም ፡ ንሓድሕዶም ይማወቑ ።

፰ ፡ ንዅሉ ሰብ ወንጌል አበስር ፡ ንሀገ ብኻ አዐምሮ ። ምስጋናኻ መታን ኪገሙር ፡ ስምካ አብ ኩሉ አፍልጦ ።

፱ ፡ ስልጣንኒ ኽብርን ፡ ምስ ምስጋና ፡ ይግብኦ ንአምላኽና ። ፈቃር ፡ አሙን ፡ ዕጥስ ንአና ፡ እዩ አብ ኩሉ ንብረትና ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፱፯ —

S. T. 237

፩ ፡ መንፈስ ጸጋ ፡ ንዓ ናብዚ ፡ ብርሃን አብርሀ አብ ምድርና ። አጽንሰ ንድኹም ነፍ ስና ፡ ሰላም ክእ አውርደልና ።

፪ ፡ ናይ ሓቂ ሓዊ አንድዶ ፡ ስሕተት ካባና አርሕቆ ፡ መገዲ ህይወት ንምኻድ ፡ ወድ ሉና ምሉእ ፍቓድ ።



፫ ፡ ናብ የሱስ ክርስቶስ ምርሓና ፡ ናብ ዒላ ህይወት ነፍስና ። ንአፍናን ልብናን ክፈት ፡ ንኡ ኽንውድስ ሀብ ክእለት ።

፬ ፡ ክሳዕ ንአቱ አብ ሰማይ ፡ ንአምላኽ ውን አብኡ ምርአይ ፡ ክሳዕ ንርኢ ብጽእና ፡ መራሒና ፡ ምሳና ኹን ።

ሚ ፡ ሆ ።

መ ዝ ሙ ር ም ድ ሓ ን ።
(ካብ ፱፮ ክሳዕ ፲፩)

— ፱፯ —

S. T. 112

፩ ፡ ስም የሱስ ተስፋና እዩ ፡ ካብ ሽጋር ንድሕን ብኡ ። ብየሱስ ሞገስ ረኽብና ፡ ም ክሪ ብኹሉ ጭንቀትና ።

፪ ፡ ም የሱስ ወዲ አምላኽና ፡ ፍሐቑ ኹሉ ዓመጽና ። መሓርን ሓጋዝን ኢኻ ፡ ክም ሰብ ስለ ’ተፈተንክ ።

፫ ፡ ብኣኻ ጽድቂ ረኽብና ፡ ብጽእናን ሓጐስኒ ኽእ ። ብስምካ እተአመኑ ፡ ካብ መቕሕ ሞት ይፍትሑ ።

፬ ፡ ክበር በቲ ቅዱስ ቃልካ ፡ በቲ ጥም

ቀት ቀሩርበን ከኣ። ሰላምካ ሀብ ኣብዚ ሀይ ወት · ርስቲ ሰማይውን ድሕሪ ሞት።

ካ፡ ፯።

— ፱፯ —

Sacr. S. 40

፩ · የሱስ መድሓንየይ ኣብ ቤት ልሄም · ተወልደ ብሕስራን ኣብቲ መብልዕ ማል። ፡ክንደይ ዜሓጕስ፡ ስሙ ይመስገን፡ ፡መጸ ንኣይ ንኣይ።፡

፪ · የሱስ መድሓንየይ ኣብ መስቀሉ · ዓቢ ዕዳ ምእንታይ ከፈሉ። ፡ክንደይ ዜደ ንቕ፡ መስተንክር እዩ፡ ፡ሞተ ንኣይ ንኣ፡።፡

፫ · የሱስ መድሓንየይ ከም ቀደሙ፡ ክብ ደምቢኡ ርሒቑ ኸሎኹ፡ ፡መመለሱ ኣቕ ረበኒ ናብኡ፡ ፡ጸጸዊው ንኣይ።፡

፬ · የሱስ መድሓንየይ ኪምለስ 'ዩ፡ በሀ የብለኒ በዚ ተስፍኡ። ፡ንእሙናቱ ኸእክብ እዩ · ፡ኣብ መንግስቲ ኸብሩ።፡

ካ፡ ፯።

— ፱፱ —

S. T. 192

፩ · የሱስ ንዓለም ኩነ በጃ፡ ንምስትው



ሀለይ ኣብርሀ ጐይታ። ንሱ ኣብ መስቀል ሞተ ንኣይ፡ ሓራ ኸውጽእ ክብ ኣበሳይ።

፪ · ክንደይ የደንቕ ዓቢ ፍቕሩ፡ ኣይተ ርኤን ዚመስል ንኡ። ሓራን ሰላምኒ ኸብ ረኸብኩ፡ ናቱ እኸውን ንኸብረቱ።

፫ · ተቐበለኒ ደጊም ጐይታይ፡ ክብ መቕሓ ሰይጣን ፍታሕ ንኣይ፡ ጐይታይ፡ ካባኻ ኸይነ ርዱእ፡ ክኸተለካ ዕድመይ ምሉእ።

ካ፡ ፯።

— ፶ —

S. T. 90

፩ · ናይ ዓለም መድሕን መጺ፡ ክብ ኣብ ተላኢኹ፡ ንእና የሱስ ክርስቶስ · በጃ ተዋሂቡ። ንሱ ብርሃን ሀበና፡ ክብ ጸልማት ኣውጽኣና፡ ክብ ኩሉ ሩጉቅትና።

፪ · ስጋ ኸለብስ መጺ፡ ምስኡ ናይ ጸጋ ኣዋን · ኣብ ልዕሊ ምድሪ ወጺ፡ ምስ ዕርቂ፡ ምስ ብርሃን። ንሓይሊ ሞት ሰበረ፡ ናይ ጸል ማት መቕሓ ፈትሑ፡ ሰማያትውን ኣርሑ።

፫ · ርድኣና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ቃልካ ጠሚትና፡ ክብኡ ብርሃን ክንረክብ፡ ህይወት



ብመንፈስክ። ምድላይና ኸብዚ ምድሪ፡ ክብ ከንቱ ነገር ኩሉ፡ ናብ ጽድቅነ ምለስ።

፪ · ክብ ኣብ ዝረኸብክዮ · ትሕሉ ባዕ ልኻ፡ ናብቲ ዘልኣለም ህይወት · ትመርሕ ህገብኻ። ንኣይ ክኣ ምርሓኒ · ናብቲ ጥዑም ዕረፍቲ፡ ኣብ ሓጐስ ኣቦነ።

ካ፡ ፯።

— ፻፩ —

S. T. 94

፩ · ማሕታ ሰማያዊ ተስፋ · ክብ ኣምላኽና በረሁ፡ ናይ ጽድቂ ጸሓይ ብይስታ · ኣብዛ ዓለም በረቐ፡ ብገዛበረለይ ፍቕሪ፡ ዓይኒ ልበይ ይርኢ · ናይ ኣምላኽ ስቁረ ምኽሪ።

፪ · ምኽሪ ኣምላኽ ሕቡእ እዩ · ዜስተብ ህል ንዚመስሎ። ክርስቶስ መጺ፡ ቃሉ ኸይኑ፡ ሓቅን ጸጋን ዝመልኡ። ሓቂ ንዚኣምን ነፍሲ፡ ጸጋ ንድቐስ ልቢ። ብርሃን ክነ ኣብ ምድሪ።

፫ · ሓጥያት፡ ጽልኢ፡ ትምኒት ስጋ፡ ዓመጻ ኣብ ዝመልኡ፡ ክርስቶስ መጺ፡ ምስኡ ድማ ፍቕርን ጽድቅን ኣምጽኡ። ልቢ ፈታው ጽድቂ ኸይኑ፡ ፍቕርስ ዓመጽ ቀተለ፡ ኣብ ጽልኢ ሰላም ገዝኤ።



፪ · ብጹኣን እቶም ዚሰምው · ኣምላኽ ንዚእገዘም፡ ኣንቂዶም ክእ ዚገብሩ፡ ጐይታ ዚደልዮ ኸብኦም። መንፈስ ቅዱስ ብዚመር ሖም፡ ብብርሃን ዚከየዱ፡ ናብ ቤት ኣቦ ይበጽሑ።

፫ · እምነቶም ክትዕወት እያ፡ ስሕተት ዓለም ንምስዓር። ፍቕሮም ድማ ሃልሃል ኢላ፡ ክተምውቕ ንምዝሓል። ተስፍኦም ኣብ ብርቱዕ እምባ፡ የሱስ ክርስቶስ ሰራቶም፡ ንዘልኣለም ይሀንጸም።

፮ · ቅዱስ ብስራት ቃል ኣቦ · ኪልእኽ ኣብ ዓለምና፡ ምድሪውን ሰላም ኪመልኡ፡ ጽድቅን ሓጐስን ኸኣ። ምድሪ ንሰማይ ኪኸውን · ነጸብራቕ ናይ ግርማኡ፡ ዚግሀድ ብኣመንቱ።

ኡ፡ ኤ።

— ፺፪ —

S. T. 92

፩ · ተስፋ ንምቕባጽ ክሎና፡ ከም ተኽለ ጽሙእ ምድሪ፡ ነትዮ ፈልፋሊ ኣበና፡ ጽሙእ ነፍሲ · ንህይወት ዚወግበሉ።

፪ · ክብ ኣብ ዝመጸ መድሕንና፡ ወሓዚ

ህይወት ከ·ይኑ፣ ብ'ክቡር ደሙ ጸሪና፣ ተስፋ ኽኣ፣ ብእምነት ረኽብናሉ ።

፫ · መገድን ሓቅን ህይወትኒ፣ ብርሃን ከኣ እዩ'ሞ ። ነቲ ዚልምን ወሃቢ፣ ንሓካሊ · ይመልሰ ናብ ቤት አቦ ።

፬ · ከም ጓሳ ንመጓሴኡ · ዚናብዮ ብነቐሊ፣ መድሓኒና ብመንፈሱ · ንማሕበሩ · ይጓስያ ብፍቕሪ ።

፭ · ዎ ፈቃር ለዋህ አቦና፣ ብቓልክ አጽ ንዓና ። ጸጋ፣ ሰላም፣ ንልብና፣ 'ና ዐደልክ · ምሳ'ካ አንብረና ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፶፫ —

S. T. 656

፩ · ዎ አምላ'ክ ፡ ምስ ዝሐስብ · ንአይ ዝገበርካ ፡ ብልግሰ ኽም ዝረክብ · ካብ ሃብቲ ጸጋ'ካ ፡ ሓጐስ ልበይ ይመልአ ፡ እሞ ኽምዚ እብል ፡ ስብሓት ይኹን ንአቦ ፡ ስብሓት ነቲ ገንሸል ።

፪ · አብ ክንዳይ ሞት ጠዐምካ ፡ ሓጥያ ተይ ጸርክለይ ፡ ወርትግ ኬንካኒ ዋልታ ፡ ብር ሃንውን ንእግረይ ። አብዛ ናይ ሽጋር ዓለም ·



አይትፈለየኒ ። ሕድር'ካ ፡ ዎ አምላኽይ ፡ ዓለም ከይውሕጠኒ ።

፫ · ብአምላኽይ እሕጐስ · በዚ ጊዜ እኳ ፡ ናብቲ ሰማይ እግስግስ ፡ ክዕደል ብጽእና ። ንሱ ይድግፈኒ ። ይሕድስ ጻግኡ ። ፍርሃት ብዚመጸኒ ፡ መጻግዕየይ እዩ ።

፬ · እንታይ አሎ ዜሕዝን · አምላኽ ከሎ ምሳይ ፡ ደጊም ንኡ ኤመስግን · ብመገ ሙረይ ደሃይ ። ብሓድሽ መዝሙር ድማ · ክውድስ ዕቤቱ ፡ ምስ አቶኹ አብ ግርማ · ብሳላ እምነቱ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፶፬ —

I. C. 109

፩ · ሽጉር ሓጥአ ክነሰይሲ ፡ ክሰግደልካ 'የ አምላኽይ ። ሰሚዔ ጥውም ደሃይካ ፡ ልበይ ሃረር ይብለካ ።

፪ · ክንደይ ሳዕ ቅዱስ ሕግ'ካ · ዕሸሸ ኢለዮ አምላኽይ ፡ ደጊም ግን ክሕልም እየ ፡ ክጽዕት ምስ መድሕነይ ።

፫ · ክም በረድ አጻዕድወለይ ፡ ዎ አም



ላ'ክ ፡ ንሓጥአ ነፍሰይ ። ረስዕ በደለይ ፡ ዎ አቦ ፡ በቲ የሱስ ዝሀበ ።

እ ፡ ሃ ።

— ፶፭ —

Ps. et Cant. 86

፩ · ሽጉር ሓጥአ ፡ ረኺብካዶ · እቲ ጽጉዕ ዘይጥለም ተስፋ ፡ ካብቲ ሽጋርካ ዜሀድኣካ · መዕቄቢኽ አሎካዶ ፡ አነስ ምስ መድሕነይ ፡ መድሕነይ ፡ መድሕነይ ፡ አነስ ምስ መድሕነይ ፡ አብቲ ጽጉዕ እምባ ሀዱእ 'የ ።

፪ · 'ቲ ልብኻ ምስ ጐሀየ ፡ ከንታዊ ሓ ጐስ ምስ በነነ ፡ አየን ደሃይ 'ያ ተጽንዓካ ፡ መን'ዩ ሓቀኛ ዓርክኻ ፡ አነስ . . . . . አየ ክንደይ ጥውም ደሃዩ ።

፫ · ንብረትካ ምስ ጸልመተካ ፡ ዚወርደካ ምስ ዘጠፍኣካ ፡ ተስፋ ዘበለ ምስ ቀበጽካ ፡ ብርሃንነ መን ይሰደልካ ፡ አነስ . . . . . እቲ ብሩህ ከ'ኽዓብ ናይ ጽባሕ ።

፬ - አየ ንስኻ ዎ ሓወይ ፡ በቲ ቓሉ እንተ ትዕንገል ፡ ጸጋ መድሕን እንተ ትቕበል ፡ ምሉእ ሓጐስ ምረኽብክ ። ክብሪ ንመድሕ ነይ . . . . . ብጹእ እዩ ገጹ ዚርአ ።

እ ፡ ሃ ።



— ፶፮ —

S. T. 522

፩ · ኵሉ ጸርካ ህብ ንየሱስ ፡ ተስፍኡ ተቐበሎ ። ኵሎም ናብኡ ኻብ ዚመጹ · ከቶ ነይድርብዮም ። ፡ ተስፋ ገይረ ፡ ምሉእ ተስፋ ፡ ጥራይ ብቓሉ እሚነ ። ፡

፪ · ሓጥያተኛ ፡ ኪድ ናብ የሱስ ፡ አብ ክንዳኻ ሐሊፉ ። ብደሙ የጽርየክ ፡ ይመርሓካ ናብ ቤቱ ። ፡ ተስፋ ገይረ . . . . . ፡

፫ · ኵሉ ሓልዮት ህብ ንየሱስ ፡ ንድኹም የዕርፎ ። ጓሂ ፡ ጸልማት ምስ መጸካ ፡ አብኡ 'ዩ ብርሃን ዘሎ ። ፡ ተስፋ ገይረ . . . . . ፡

፬ · ኵሉ ሓጐስ ህብ ንየሱስ ፡ ደስታ'ካ የጀርብዐ ፡ ምስኡ ኾሉ ኻብ ትዕደል ፡ ዚጐድ ለካ 'ኳ ኣልቦ ። ፡ ተስፋ ገይረ . . . . . ፡

፭ · ኵሉ ናትካ ህብ ንየሱስ ፡ ህይወትካ ብምልእታ ፡ ዘሎን ዚመጽእኒ ኾሉ ፡ ናቱ ይኹን ንብረትካ ። ፡ ተስፋ ገይረ . . . . . ፡

ፚ ፡ ፮ ።

— ፶፯ —

S. T. 447

፩ · የሱስ ፈቃር 'ዩ ኻብ ኵሉ ፡ ከምኡ

'ኳ አይርከብኒ። ምስቶም ካብኡ ዝረሐቑ፣ ምጽምባር አይፈቱኒ። ዚፈልየኒ የልቦን ከቶ · ካብ እሙን ሓላውየይ፣ አነ ገንዘቡ እኹሮ፣ አብዚ ምድሪ፣ አብ ሰማይ።

፪ · ንሱ አብ ክንዳይ ሞተለይ፣ ማንም አይፈርደለይኒ። ለመኖ ንአብ መታነይ፣ ንዘል ኣለም ብጽእናይ። ሙን ኪኽስስ ይከአሎ፣ ንአምላኽ ዝሐረዮ፣ መን እዩ ኻብኡ ዚፈልዮ፣ ዕቑባኡ ዝገበሮ፣

፫ · አርጊጸ አፈልጥ እየ፣ ህይወት ኩነ ሓደው ሞት፣ ካብ መድሓንየይ ነይፍንተ። እኳ በቶም ሓያላት፣ ዘሎ ኽነ፣ ወይ መጻኢ፣ ሓጐስኒ ጓህን ከአ፣ ኬርሕቑኒ አይክእልኒ · ካብ ክቡር ፍቕሪ ጐይታ።

ካ ፣ ፯።

— ፹፰ —

S. T. 449

፩ · የሱስ'ዩ ብሉጽ ግደ፣ ንሱ በጃ ሐሊ ፉለይ። ምስኡ ምምባር ሐርየ፣ ንሱውን ጽ ሒፉ ስመይ። ካልእ ኩሉ ንሚቑ፣ የሱስ በይኑ አኽቢረ።



፪ · ተመስገን፣ ዎ ጐይታይ፣ ክትድም ድሞ ኢ'ኻ፣ ዝጀመርካ አብይ · ከም እሙን ተስፋኻ።

፫ · አቦይ ዝገበሮ · ጸጋን ፍቕርን እዩ፣ የሱስ ንዘፍቀሮ · ንሓዋሩ እዩ።

፬ · ካብዚ ዓዲ ጓና · ስንብታይ ምስ በጽ ሔት፣ ምርሓኒ ባዕልኻ · ናብ ሰማያዊ ቤት።

ኡ ፣ ኤ።

— ፸ —

I. C. 126

፩ · አብ ገንሸል አምላኽ ጠምት · ስማዕ ጥዑም ደሃዩ። አብ እግሪ መስቀል ኮፍ በል፣ ርኤ ዓቢ ፍቕሩ። ነቲ መድሕንካ ጠምት፣ እመን፣ እመን፣ ዎ ሓወይ፣ ሓዲኽ ህይወት ክትረክብ · ሳላ ቅዱስ ደሙ።

፪ · አብ ገንሸል አምላኽ ጠምት፣ ስማዕ ጥዑም ደሃዩ፣ ንአኻ አብ ቤት አቦይ · ስፍራ አዳልየ። ካብ ከንተ፣ ጻዕሪ ዓለም · ናብቲ ጥዑ ም ዕረፍቲ · ምሳይ ዘልኣለም ሓጐስ · ትወ ርሰ ንርስቲ።

አ ፣ ሃ።



— ፸፩ —

I. C. 131

፩ · ንዑ ናባይ ኩላትኩም · ብጻዕሪ እት ነብሩ፣ ጸር እንተ ኽበደኩም · አነ ኽዕርፈ ኩም።

፪ · አርዑተይ ጥዑም እዩ፣ ጸረይ ዘበለ ፈኵሽ፣ በቲ መገደይ ኪጹ፣ ክድግፈኩም 'የ።

፫ · ንዑ ናባይ፣ ዓቃል 'የ፣ ናብ ፍቕረይ ተማዕቁቡ፣ አርዑተይ እንተ ጸርኩም፣ ከፍ ኩሰልኩም እየ።

፬ · ልበይ ትሑት እዩ'ሞ፣ አቲ ኽግርቲ ነፍሲ፣ አሚንኪ ናባይ ምጹ፣ ከሀድአኪ እየ።

እ ፣ ሃ።

— ፸፪ —

S. T. 24

፩ · ነቲ ዘይውሱን ፍቕሪ የሱስ፣ ብዝማሬ ንህብ ስብሓት፣ ክነሱ ሰማያዊ ንጉስ፣ በጽሔ ስሴና ናብ ሙማት። ንአኻ፣ ዎ ፈቃር ጐይ ታና፣ ንህብ ናይ ልብና ምስጋና።

፪ · አብ ኩሉ ምድርን አብ ሰማይኒ · ነይ ርክብ ዘፍቀረ ኽምኡ፣ አቲ ለዋህ አሙን መድሓኒ፣ የፍቅር ንዘልኣለሙ። ንአኻ፣ ዎ

ፈቃር ጐይታና ፣ ንህብ ናይ ልብና ምስጋና ።

፫ - ባሮት ሓጥያት ብፍጹም ልቢ ፡ ምሕ ሳብ እንተ ዚጅምሩ ፣ የሱስ ምድሓኖም ከም ዚደሊ ፣ ንሰቶምውን ምዘመሩ ፣ ስለ ምድሓን ካ ፣ ም ጐይታና ፣ ምስ ቅዱሳን ንህብ ምስጋና ።

፬ - ናትካ ምኺን ጥራይ እፈቱ ፡ ብህይ ወት ኩነ ወይ ብሞት ። አብ ልበይ ፍቕርኻ ኺአቱ ፣ አበርትዓለይ ሃይማኖት ። ስለ ምድሓን ካ ፣ ም ጐይታና ፣ ምስ ቅዱሳን ክህብ ምስጋና ።

ካ ፡ ፯ ።

— ፫፫ —

S. T. 107

፩ - ሓዶ ርሕሩሕ ፣ ዕጉስ ፣ ፍቁር አሎኒ ፣ ካብ ኩሎም አዕሩኽይ ፈታውየይ ። ዝሑል ክነሰይ ግን ይእመነኒ ፡ ካብ ኩሎም አመ ንተ አማንየይ ።

፪ - ወዲ አምላኽ ክነሱ ሓወይ እዩ ፣ የሱስ ክርስቶስ እዩ ጥዑም ስሙ ። ካብ ወለዲ ይበ ልጽ እዩ ፍቕሩ ፣ ክንደይ ጥዑም ምዕራፍ አብ ሕቑፉኡ ።

፫ - ብኽቡር ደሙ ንነፍሰይ አድሒኑ ፣ ካብ ሞትን መርገምን ፣ ካብ ሓጢኣት ። ንርእሰ



ተመን ጨፍልቖ ብሓይሉ ፣ እልል ፣ እልል ፣ ተስፋዬይ መዓት ።

፪ - ውድቀት ናይ አዳም ለጊቡኒ ኸሎ ፣ ብዳግማይ እዳም ግና ሓዊኹ ። ካብ ሕንዚ ሓጥያት ንነፍሰይ ዜሕሞ ፣ አብ መስቀል ክርስ ቶስ ፈውሲ ረኽብኩ ።

፫ - ሓርነት ወጺኤ ኻብ ኩሉ ፍርዲ ፣ መድሓንየይ ቅቡእ አምላኽ እዩ ፣ ብኽቡር ደሙ ኩብ ሓጥያት እጸሪ ፣ ንጽህናኡ ዕርቃ ነይ ኣሪኑ ።

፬ - ጽድቀይ አብ ላዕሊ ድማ እዩ ዘሎ ፣ አብ የማን አብ ፡ አብቲ ዝፋን ሰማይ ። ጸላኢ ኳ ብኺይ ኪንድር ከሎ ፡ ኪጐድእ ግን ነይ ዅእል ንኣይ ።

፭ - ሃሌሉያ ኢለ እዝምረልካ ፣ ም የሱስ ክርስቶስ ፣ ብሩኽ መድሕን ሓጥኣን ፣ ምስ ኩ ሉም ቅዱሳንውን አብ ሰማይካ ፣ ክውድስካ ብሓዲሽ ልሳን ።

— ፫፬ -

S. T. 110

፩ - የሱስ ክርስቶስ ኩይኑ ዓርከይ ፣ አም ላኽ ይኽበር ። ንሱ በኻይ ሐለፈለይ ፣ ግሩም



እምበር ። ብፍቕሩ ኸምዚ ዝሞቑ ፣ አብ ክን ዳይ ከኣ ዝሞተ ፣ ድማ ሓወይ እኳ ዅነ ፣ ግሩም ነገር ።

፪ - ም ኽቡር ፈቃር መድሓኒ ፣ አማንየይ ። ከየለሌኹኻ ገና ፣ ፈታውየይ ። ብሓጥያተይ ቀጻዕካኒ ፣ ካብ ሞት ድማ አውጻእካኒ ፣ ውሉድ ከውን ገበርካኒ ፣ ርሕሩሕ ዓርከይ ።

፫ - ሓጢኣተይ ሐዲጉለይ ፣ ለዋህ ፈቃር ። ጐድለተይ ይምልኣለይ ፣ እሙን ፈቃር ። መከ ራ እንተ መጸኒ ፣ ንሱ የጸናንኒ ፣ ብፍቕሪውን ይገንሓኒ ፣ ግሩም ፈቃር ።

፬ - ኩሉ ሓልዮተይ ኤንብር ፡ አብ ፈታ ውየይ ። ዚኽብደኒውን እነግር ፡ ንፍቁረይ ። ከዉል ከሎ ኻብ ኣኒንተይ ፣ ምሳይ እዩ አብ መገደይ ፣ ዜድልየኒ ይገብረለይ ፣ ብሩኽ ፈቃር ።

፭ - ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ ፡ አም ላኽ ምፍላጥ ። ብጹኣት እዮም ዚረኽቡ ፡ ናቱ ለውሃት ። ከቶ ንሱ ዘይጠልመና ፣ ወርትግ ግን ይሕልወና ። ንኽምዚ ዚፈትወና ፡ ንህብ ስብሓት ።

ሚ ፡ ሆ ።



— ፫፭ —

S. T. 252

፩ - እሙን ቃል እዩ ፣ ዚግባእ ድማ ፡ ክን ቅበሎ ንነፍስ ወከፍና ፣ የሱስ ናብ ዓለም ከም ዝመጸና ፣ መታን ኬድሕን ሓጥአ ነፍስና ።

፪ - አብ መንን ሓጥኣን አነ እነዲ ፣ እዝም ረሉ ግን ብገርሂ ፣ አምላኽ ንኣይ ምሕሩ ኻብ ፍርዲ ፣ ብየሱስ ፣ ንኡ ይኹን ክብሪ ።

፫ - ጐይታና የሱስ ከሎ ምሳና ፣ ከይንሰ ርሕ መን ይወግተና ፣ ቃሉን ፍቕሩን ምስ ተወጠቕና ፣ ከቶ የልቦን ዚሕይለና ።

፬ - ነቶም አብ ዓለም ፋሕ ንገበሉ ፣ ዝጠ ፍኤት በጊዕ ዚመስሉ ፣ ተአኪቦም ናብ ምድ ሓን ኪመጹ ፣ አድሂ ፣ ናብ ቤትካ ኺውሀለሉ ።

፭ - ናብዚ ኽትወርድ ሰማይ ይከፈት ፣ አዋልሎ ነዚ ጽሙእ መሬት ፣ ንበረኻ በድሎ ናብ ገነት ፣ አውርድ አብ ኵላትና በረኽት ።

፮ - ንኵሉ ህዝቢ ስሒብ ናባኻ ፣ አፋል ጦምውን ምስ የሆዋ ። ዕቤትን ክብርን ይኹን ንእኻ ፣ ንጉስ ዘልኣለም ፣ ሃሌሉያ ።

ኤ ፡ ኤ ።

— ፼፮ —

Hemlandstoner. 13

፩ - ጽምኣት ነፍሰይ ዜገብሕል ፈልፋሊ
እፈልጥ እየ ፡ እፈልጥውን እቲ ዓቢ ሓይሊ ፡
ንሞት ሰዓሪ ። ገዘነነ ሞፍሉኞ ሽምብቆ ፡ ነቲ
ተኻኺ ዘየጥፍኦ ፡ ፍኞሪ ክርስቶስ እዩ ።

፪ - ኣብ ማእከል ውግእ ጥውም ይሃዩ ·
ይስምዓኒ ፡ ስለ ሰላም ኣብ ሰማያት ዘሎ · ኬበ
ስረኒ ። እዚ ባህ የብሎ ንልበይ ፡ እዝምርውን
ብሕጉስ ደሃይ · ስለ ፍኞሪ ክርስቶስ ።

፫ - እቲ ኣብ ጽዮን ምስ የሱስ ክርስቶስ
ዚርከብ ክብረት ፡ ምብዳሉ ምስ ናይ ዓለም
ሓጕስ ፡ ኣይፈቱን ዘበት ። የሳልየኒ ብምፍ
ቃሩ ፡ ክነብር እየ ንሓዋሩ · ሳላ ፍኞሪ ክር
ስቶስ ።

ካ ፡ ኒ ።

— ፼፯ —

Sacr. S. 129

፩ - ጽሩይ ደምካ ኻብቲ መስቀል · ናብ
ዓለም ወሐዘ ፡ ። ኣብኡ ‘ተሐጽበ ዘበለ · ። ንጽ
ህና ረኸበ ። ።



፪ - እቲ ኽቃሬውን ኣብኡ · ብሓጕስ
ጸረየ ፡ ። ካብ ኵሉ ኣበሳይ ከምኡ ፡ ። ምንጻህ
እረክብ ‘የ ። ።

፫ - ነቲ መስቀል ብሃይማኖት · ምርኣይ
ምስ ጀመርኩ ፡ ። እዝምረሉ ብፍቶት · ። ንየ
ሱስ ፡ ንፍኞሩ ። ።

፬ - ብሓድሽ መዝሙር ኣብ ሰማይ ፡ ምስ
ኵሎም ብጹኣን ፡ ። ኤመስግን ንኣማንየይ ፡
። ስለ ግሩም ምድሓን ። ።

ካ ፡ ኒ ።

— ፼፰ —

S. T. 125

፩ - የሱስ ብሩኽ ፈልፋሊ ፡ ናይ ህይወት
ወሓዚ ፡ ጽሙእ ነፍስና · ንዓ ኣጥልለና ።

፪ - ሓጕስክ ምልኣለይ ፡ ኣህድኣዮ ልበይ ፡
ኣብ ፍርሂ ድኻም · ሰዲድካ ሰላም ።

፫ - በቲ ኽቡር ደምካ · ካብ ክፍኣት ኣጽ
ፊኻ ፡ ልበይ ቀድሶ ፡ ወርትግ ሕልም ።

፬ - ንዓ ግዜ መዓልቲ ፡ ንዓ ምስ ኩነ ለይ
ቲ ። ተስፋ ምስ ብርሃን · ህብ ንዅሉ እዋን ።

ኡ ፡ ኡ ።



— ፼፱ —

S. T. 123

፩ - ጽሩይ ዔላ እንሆ ፡ ኣብዛ ዓለም ፈል
ፈሉ ፡ ጸጽባሕ ዜፈልፍሎ · ፍኞሪ ኣቦና እዩ ።
ካብ ጎልጎታ ውሒዙ · ኣጥለለ ብዓለሙ ፡ የጽ
ርዮም ንሓዋኣን ፡ የምጽኣሎምውን ሰላም ።

፪ - ንዘጸምኡ የርውዮም ፡ ይምሕሮ ንሕ
ሙማት ፡ ንዝሞቱ የሕውዮም ፡ የጸናንዕ ሕዙ
ናት ። ይምጻእ ኵሉ ገጸምኤ ፡ ከም ድሴቱ
ውን ይስተ ። ንዚመጹ ናብ ቤቱ ፡ የጽግበም
በቲ ሃብቱ ።

፫ - ናብ ክቡር ኩነ ድኻ · በጸሑ ፈል
ፋሊኡ ፡ ኣህዛብ ኵሎም ገጸምኡ · ኪሰትዩ
ተወደሙ ። ህይወት ፡ ደስታ ይህቦ ፡ ኣሚኑ
ዝሰተዮ ። ዘይተቐበላ ነፍሳት · ካን ይጠፍኣ
ብጽምኣት ።

፬ - ካብዚ ብሩኽ ዜሕዊ ማይ · ጸሚኡ
ዘጕርድዎ ፡ ንዘልኣለም ኣብ ሰማይ · ዔላ ህይ
ወት ኬርውዮ ። ኣብ ዘይርከቦ ንብዓት ፡ ኣብ
ዘየርክቦ ጽምኣት ፡ በህ ኪብል ምስ ብጹኣን ·
ጠሊሉ ንዅሉ እዋን ።

ኡ ፡ ኡ ።



— ፼ —

S. T. 333 (O. E.)

፩ - የሱስ ክርስቶስ ኣርሐቐ · ኵሉ ኸሉ
ኣበሳና ፡ ኣብቲ መስቀል ኣጠጽሖ ፡ ኣብኡ
መሪር ሞት ሞተልና ፡ ሕለፈልና በጃና ‘ቲ
ለዋህ መድሓኒና ።

፪ - ቅዱስ ቃሉ ይምህር ፡ ከም ዚድም
ስስ ኣበሳና · በጊዕ ኣግዚኣብሄር ። ናተይ ፡
ናትካ ፡ ናይ ኵላትና · ይጸረልና ሎም ከኣ
‘ቲ ለዋህ መድሓኒና ።

፫ - ሓዋያተኛ ኸድ ናብኡ · በይል እንተ
ኸበደካ ፡ ኣብቲ በጊዕ ኣውድቆ ፡ ንሱውን
ይሕለቐልካ ፡ ብፍቶት ይገብረልካ ‘ቲ ለዋህ
መድሓኒና ።

፬ - ዘይተወረቐካ ስማዕ ፡ ኣስተውዕሎ ነቲ
ቓሉ ፡ ኣብ ክንዳና ተቐጽዔ ፡ ስለዚ ንረክብ
ዕርቂ ። ነመስግን መመሊስና · ንለዋህ መድ
ሓኒና ።

፭ - በህ ኢሉኒ ኤኽብሮ ፡ ኵሉ ኣበሳይ
ዘርሐቐ ። ፍጹም ኵኑን ነበርኩ ፡ በቲ ደሙ
ግን ድሒነ ። ደጊም ይኹን መዝሙረይ
ንለዋህ መድሓንየይ ።

ካ ፡ ኒ ።

— ዝሯ —

S. T. 304

፩ - ዕዳ ተኸፍለ ፡ ስዕረት ተረኽበ ፡ ክርስቶስ ስሴና አብ መስቀል ሞተ ። ሁሉ ተፈርዶ ብሕጊ ፡ ግን · ክርስቶስ ንሱልና የድሕን ። ንነፍስ ወከፍ ኩይኑ መድሓኒ ፡ ተስፋ·ጌርካ ጽን በል በዳሊ ፡ ጠምት ናብ መስቀል ፡ ሓራ ውጻእ ፡ ክርስቶስ ገዝኡና ·ሱልና ።

፪ - ሕጂ ኻብ ፍርዲ ሓራ ወጻእና ፡ የሱስ ምሉእ ምድሓኑ ሀበና ። ምጹ ናባይ ፡ ደሃዩ ስምው ፡ ሁሎም ይፈቱ ·ኺድሕኑ ። ንነፍስ ወከፍ . . . . .

፫ - ደጊም ነመስግን ዝመሐረና ፡ ንሱ ·ኻብ ውድቀት ይሕልወና ። ከምኡ ዜፍቅር ኣይርከብኒ ፡ ጸጋ ንሱሉ መውሓዚ ። ንነፍስ ወከፍ . . . . . ካ ፡ ኔ ።

— ዝ፪ —

S. T. 789

፩ - ንኣኻ እዩ ትጽቢተይ ፡ ም የሱስ ፡ አብዛ ምድሪ ። አብ ጭንቂ ሓዘን ፡ ሕመቐይ · መማዕቂቢ ·ኹነኒ ። መድሓኒ ሰብ ኪንካ ኢ·ኻ ፡



ብጀካኻ ፡ አብ ጸበባ · ዜናድየኒ ፡ ረዳኢ ኣይርከብኒ ፡ ም ናይ ዘልኣለም መፍቀሪ ።

፪ - ሓጥያተይ በዚሑ እሞ · የጨንቖ ንነ ፍሰይ ። ብ·ኹር ደምካ ደምስሶ ፡ መድሓኒት ሀብ ንልበይ ። ብበደለይ ተጣዒሰ ፡ ትብዓት ክረክብ መሊሰ ፡ አበስረኒ ተስፋ·ካ ፡ ነፍሰይ ከአ · ኣሐጕሳ ብጸጋ·ካ ።

፫ - ም መድሕነይ ፡ ብመንፈስካ · ክእምን ሐግዘኒ ፡ መታን አምላ·ኽ ብጽድቅ·ካ · ሓጥያ ተይ ኪ·ምሕረኒ ። ሓቀኛ ፍቕሪ ·ኽምሀር ፡ አጥሚ ናይ ልበይ ምምራር ። አባይ ኪ·ግለጽ ሓይል·ካ ፡ ሀብ ፡ ም ጐይታ ፡ አብ ሁሉ ናብ ራይ ጸጋ·ካ ።

ኡ ፡ ኡ ።

— ዝ፫ —

S. T. 331

፩ - ንኣ·ካ ·ኽድሕነካ · ነፍሰይ ኣሕሊፈ ፡ ካብ መቕሓ ከውጽኣካ ፡ ዕዳ·ካ ·ኽፈለ ። ስሴ·ካ አፍሰስኩ ደመይ ፡ እንታይ ጌርካ ስለይ ፡

፪ - ካብ ሰማያዊ ሃብቲ · ድ·ክነት ሐርየ ፡ ሓጐስ ናይ ብሩ·ኽ ቤት አበይ · ስሴ·ካ ሐዲጎ ። መነንኩ ·ሱሉ ምእንታ·ካ ፡ ስለይ ·ንታይ ሐዲግካ ፡



፫ - ንኣ·ካ ጥፉእ በጊዕ · ክደሊ ቐሲሉ ፡ ከዕርፈካ ድማ · ኣእጋረይ ደ·ኺመ ። ምሉእ ዕድመይ ጸወርኩልካ ፡ ስለይዶ ደ·ኺምካ ፡

፬ - አፍ ደጌ·ካ እሀርሞ ፡ ክፈት · ክፈት ንኣይ ፡ ናይ ዋንቲ ደስታን ሓራን · ትረ·ኽ ቦውን ምሳይ ። ጥራይ ሓደ ·ደሊ ·ኻበ·ካ ፡ ሀበኒ ልብ·ካ ።

ሲ ፡ በ ።

— ዝ፬ —

S. T. 466

፩ · ስም የሱስ ውሰድ ምሳ·ካ ፡ አብ መግ ዲውን አብ ቤት ፡ አብ ገ·ኽድካ እንተ ·ኽድካ ፡ ብኡ ይውሀብ ረድኤት ። ፡ ክቡር ስም ፡ ብጹሕ ስም ፡ ተስፋ ሰብ ፡ ሓጐስ ሰማይ ። ፡

፪ - ስም የሱስ አብ ውግእ ሁሉ · እዩ ብርቱዕ ዋልታ·ካ ፡ ብስም የሱስ ድማ ጸሊ ፡ ምስ መጸካ ፈተና ። ፡ ክቡር ስም ፡ . . . . . ፡

፫ - እቲ ስሙ ·ኽንደይ ተስፋ · ንባሮት ሓጥያት እዩ ፡ ይቕሬታውን ዓቢ ደስታ · ·ሱሎ ም ይረ·ኽቡ ብኡ ። ፡ ክቡር ስም ፡ . . . . . ፡

፬ - አብቲ ሰማያዊ ሓጐስ · በቲ ስም ተን



በርኪ·ኽና ፡ ንአምላ·ኽና ·ኽንግሶ ፡ የሱስ ክርስ ቶስ ጐይታና ። ፡ ክቡር ስም ፡ . . . . . ፡

ሲ ፡ በ ።

— ዝ፭ —

S. T. 121

፩ - እንታይ እዩ ተስፋ ምድሓን ፡ ጽድቂ ዝረ·ኽበሉ ፡ ይእክልዶ ብኡ ምእማን ፡ ብክርስ ቶስ ብደሙ ፡ ዚአክል ·ዩ ንሓዋፍ ፡ ካብ ሁሉ የድሕን ንሱ ። ብጀክኡ አይርከብኒ · ዜጽድቕ መድሓኒ ።

፪ - የሱስ ክርስቶስ ከውሓ ምድሓን · ጽኑዕ ዘይንቕነቕ ·ዩ ። እኳ በቲ ናይ ሞት እዋን ፡ ልበይ ይወርፈሉ ። ንስሙ እናዘመር ኩ · ነፍሰይ ኤማዕቑብ አብ ኢዱ ፡ ደገ ሰማይ ዚ·ኽፍተለይ · እዩ ደም መድሕነይ ።

ኔ ፡ ኔ ።

— ዝ፮ —

S. T. 460

፩ - መድሕኑ ዝረ·ኽበ · ክንደይ ብጹሕ እዩ ፡ ምስኡ እተፋቕረ · ሕጉስ እዩ ልቡ ። ፍቕሪ የሱስ የውዒ · ነቲ ድንዙዝ ልቢ ፡ የበ ራብር ድማኢ · ነቲ ድቁስ ነፍሲ ።

፪ - ዓለም እዩ ሓላፊ ፡ ከም ዚበንን ትኪ ። ፍቕሪ የሱስ ነባሪ ፡ ዘጸናንዕ ልቢ ። ሕጉስ እዩ ዘጥረዮ ፡ ሱሉ ምስ ዚረግፍ ፡ ፍቕሪ የሱስ ዘለም ፡ ኣጥረየ ዘይሐልፍ ።

፫ - የሱስ ዜውዕል ገዳም ፡ ዕርዲውን ኴን ካኒ ፡ ክብ ጸላም ፡ ፍርሂ ፡ ድኻም ፡ ወርትግ ከውሰኒ ። ምስ ዝፈርሀ ፡ ሀብ ትብዓት ፡ ምስ ዝደክም ሓይሊ ። ሐሉ ነፍሰይ ክብ ጥፍኣት ፡ ክብ ዘልኣለም ሓዊ ።

፬ - ኣንጽሃኒ ኻብ ሓጥያት ፡ ሓጥኣ ልበይ ቀድስ ። ኣስርጸ ሕዱስ ትብዓት ፡ ንድሌቱ ሕ ድስ ። ጓሳ ፡ ምርኩስ መራሒ ፡ የሱሰይ ኩነኒ ። ኣብ ሰማይካ ድማኢ ፡ ሓጐስካ ሀበኒ ።

ኡ ፡ ኡ ።

— ፹፯ —

S. T. 175

፩ - ናይ የሱስ ቃል ንእግርና ፡ ኰይኑ ድሙቕ መብራህትና ። እቲ ቅዱስ ምኽሩ ይመርሕ ኣብ መገድና ። ትዕግስቲ ኣብ ጻዕሪ የነይታ ንነፍስና ። ብሳላ ስዕረቱ ፡ ሞት እዩ ኽንቱ ።



፪ - ም ብሩኽ ኰኹብ ፡ ስደድ ብርሃን ፡ ምልኣዮ ምድሪ ብሰላም ። ሱሉ ግምባር ይስ ገድ ፡ ኣብ ቅድሚ ብሩኽ መድሓኒና ። ጸሎት ናብኡ ነቕርብ ፡ ቃሉ ንእመን ኣርጊጽና ፡ ፍቕ ሩውን የናቕሕ ፡ ንለልብና ።

ሉ ፡ ሌ ።

— ፹፯ —

S. T. 87

፩ - ግዝኣትካ ፡ የሱስ ፡ ጠቕሊሉ ፡ ጸሓይ ዝበረቐቶ ። ስልጣንካ ነባሪ እዩ ፡ የጥፍእ ሰሚ ዘሎ ። ንስምካ ህዝቢ ኬኽብሩ ፡ ንኣኻውን ኪግዝኡ ፡ ገዛእቲ ፡ ሱሉ ምድሪ ።

፪ - ሕጻን ናብ የሱስ ነቕርቦ ፡ በረኽቱ ኺህበ ፡ ብጀክኡ ምድሓን ኔልቦ ፡ ኣብዛ ር ሕብቲ ዓለም ። ድኻም ኰነ ሕማም ኰነ ፡ ጓሂ ምሒር ምስ ገነነ ፡ ተስፋ ኻብኡ ንረክብ ።

፫ - ምሳና ኹን መድሓኒና ፡ ብህይወትኒ ብሞትኒ ፡ ብመንፈስካ ናብ ልብና ፡ ክፆ ፍቕርን ሰላምኒ ። ንቕዱስ ውግእ ሓይሊ ህብ ፡ ስዕረት ክንረክብ ሱልና ፡ ጻዕዳ ኽዳን ክንለብስ ።

ካ ፡ ኒ ።



— ፹፱ —

S. T. 81

፩ - ንየሱስ ስም ይኹን ስብሓት ፡ ጭፍራ ሰማይ ድረስ ፡ ይመስሎ ዘውዲ መንግስታት ። ነንግስ ፡ ነንግስ ፡ ነንግስ ናይ ሰማይ ንጉስ ።

፪ - ሰማእታትውን ተሰለፉ ፡ ብቓና እም ብልታ ፡ ምስጋናኹም ኣበርክቱ ። ነንግስ ፡ .....

፫ - ፋሕ ዘልኩም ደቂ እስራኤል ፡ ብኡ እዩ ምድሓን ። ተቐበሉ ኣማኑኤል ። ነንግስ ፡ . . . . . .

፬ - ኣቱም ኣህዛብ ፡ ተሐጕሱ ፡ ብኡ እዩ ብ ርሃን ። ኣብ እግሪ የሱስ ውደቹ ። ነንግስ ፡.....

፭ - ንው ኾሉ ህዝቢ ኾሉ ሰብ ፡ ክብ መላእ ምድርና ፡ መስዋእቲ ልብና ነቕርብ ። ነንግስ ፡ . . . . . .

፮ - ምስ እልፊ ኣእላፍ ቅዱሳን ፡ ክንው ድስ ኣብ ሰማይ ፡ ነቲ ኽፍ ዘለ ኣብ ዝፋን ። ነንግስ ፡ . . . . . .

ካ ፡ ኒ ።

— ፺ —

I. C. 210

፩ - ጥዑም ደሃይክ ፡ ም የሱስ ፡ ኣብ ልበይ



ኣስማዕካኒ ፡ ንብዓትካ ድረዘ ፡ ተንስእ - እሞ ናባይ ምጻእ ። ድኹም ፡ ጭኩቕ ክነሰይሲ ፡ ም ጐይታይ ፡ ኣድፈርካኒ ፡ ሽው ሰላም ፡ ዕረፍቲ - ረኽብኩ ኻባኻ ።

፪ - ጥዑም ደሃይክ ፡ ም የሱስ ፡ ኣባይ ንበር ፡ በለኒ ፡ ኣነ እየ ማይ ህይወት ፡ ዘርዊ ጽምኣትካ ። ኣብ መገደይ ዕለት ፡ ዕለት ሓይ ልኻ የጽንዓኒ ፡ ክሳዕ ምሉእ ዕረፍቲ - ዝረ ክብ ኣባኻ ።

፫ - ጥዑም ደሃይክ ፡ ም የሱስ ፡ ከምዚ ድማ በለኒ ፡ ኣብ ጸልማት ናይዛ ዓለም - ቃለይ የብርሃልካ ። ሽው ኣብ ቅድመይ በረቐ - ሓ ድሽ ብሩኽ መዓልቲ ፡ ክቶ ዘይወርብ ጸሓዩ - ዚገልጽ ክብርኻ ።

እ ፡ ሃ ።

— ፻፩ —

I. C 107

፩ - ንሚ ናብ መስቀል ጥፍኣቲ ነፍሲ ፡ ርሕቕቲ ኻብ ጓሳ ፡ ጥዑም ቃል ፍቕሪ ኽት ሰምዒ ምጸ ፡ ቃል መድሓኒ ።

፪ - ንሚ ናብ መስቀል ብንሱሕ ልቢ ፡ እ

መኒ ብፍቕሩ፡ ይቕረ ይብለልኪ ሽዑ መድ
ሓኒ፡ ፈቃር ጐይታ ።

፫ · ንዒ ናብ መስቀል ድኻምቲ ነፍሲ፡
ካብ ጻዕርን ድኻምኒ፡ ኣበይ ክትረኽቢ ሰላም፡
ዕረፍቲ፡ ሓድሽ ሓይሊ ።

ባ፡ው ።

– ፯፪ –

Sacr. S. 476

፩ · ም የሱስ፡ ጸሎተይ ስማዕ፡ ምርሓኒ
ናብ ጽሩይ ዒላ፡ ብሓጥያት መታን ከይመ
ውት፡ እመጽእ ናባኻ ። ፡ ከም ዘሎኹ እመ
ጽእ፡፡ ክንዳና ኾሉ ፈጸምካ ። እመጽእ
ናባኻ ።

፪ · ብኽቡር ደም ተገዚኤ፡ ተስፋይ
ብኡ ኣገብር ' የ ። ንኾሉ ድሌተይ ርኤ፡
እመጽእ ናባኻ ። ፡ ከም ዘሎኹ . . . . . .

፫ · ልበይ ብደምካ ኣጽርዮ፡ ሱር ሓጥ
ያት ኵሉ መንቀሉ፡ ፍቓድ ልበይውን ቀድሶ፡
እመጽእ ናባኻ ። ከም ዘሎኹ . . . . . .

ብ፡ኤ ።



– ፯፫ –

S. T. 102

፩ · ኣዘንትዉ ናይ የሱስ፡ ናይ ኣምላኽ
ምሕረቱ ። ንስልጣኑ ምስጋና፡ እልል ንስዕ
ረቱ ። እቲ ጥውም ደሃዩ · ይስማዕ ኣብ ወን
ጌሉ፡ ኣብ ልበይ ጸሐፈለይ፡ ነፍሰይ ትድሕ
ነሉ ። ፡ ኣዘንትዉ ናይ የሱስ ፡ ፡ ናይ ክርስ
ቶስ፡ ናይ ፍቕሩ ።

፪ · ኣዘንትዉ ናይ የሱስ፡ ናይ መስቀሉ
ጭንቂ፡ ብደም ዝወደገኒ፡ ኣይኩነን ብወርቂ ።
ብሰሪ ሓጢኣተይ · ንሱ ናብ ሞት ሐለፈ ።
ይዕድም ናብ መስቀሉ · ሓደ ኸይተረፈ ።
፡ ኣዘንትዉ . . . . . .

፫ · ክንደይ ዚደንቕ እዩ · ናይ የሱስ ብስ
ራት፡ ናይ ሓቂ መፍቀሪ ' ዩ፡ ዚሐድግ ሓጢ
ኣት ። ንሱ ሕያዋይ ዓርኪ፡ ዚመርሕ ናብ
መንዲ፡ ብሞቱ ኸፈተለይ · ሰማያዊ ዓዲ ።
፡ ኣዘንትዉ . . . . . .

– ፯፬ –

S. T. 318

፩ · እቲ መድሓኒ መጺኡ፡ ነብያት ዝነ
ገሩሉ ። ንዒ ነፍስይ፡ ንዒ ናብኡ፡ ናብቲ



ኽቡር መድሓኒ ። ኣብ ሰማይ መዝሙር
ቅዱስ፡ ቅዱስ ስም ኣብ ምድርና፡ መዝሙር
ንመድሓኒና፡ ንጐይታና የሱስ ።

፪ · ሕድገት ሓጥያትካ ትረክብ · ብጐይታ
የሱስ ክርስቶስ ። ግን ቅዱስ ቃሉውን ኣንብብ፡
ቃል ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ። ኣብ ሰማይ . . . . .

፫ · ንሱ ቅዱስ ገንሸል ኩይኑ፡ እቲ
ብጹእ መድሓኒ ። ጸር ሓጥያትና ጸረ ንሱ፡
እቲ ኽቡር መድሓኒ ። ኣብ ሰማይ . . . . .

፬ · ንዓ ሓወይ ምሳይ ዘምር · ስለ ኽቡር
መድሓኒ፡ ንዒ ሓብተይውን ዘምሪ · ስለ
ኽቡር መድሓኒ ። ኣብ ሰማይ . . . . .

፭ · ንዑ ኾሉኹም ቄልዑ · ምስ መድ
ሓኒ ትፈትዉ፡ ንምግልጋል የሱስ ኪዱ፡ ንስ
ሙውን ኣኽብሩ ። ኣብ ሰማይ . . . . .

– ፯፭ –

I. C. 304

፩ · ኣምላኽ እምንቶኻ ይኹን፡ መገዱ
ኺድ ሕድርኻ፡ ብሓጐሱን ብተስፋኡን · ፈ
ጽሞ መገሽኻ ። ተሰፈዎ ነቲ መድሕን፡ ንሱ
' የ ጐደናኻ፡ ኣይልወጥን ' ቲ መዕቂቢ፡ ጐይታ



ሰማይኒ ምድርን ። ክብሪ፡ ክብሪ፡ ሃሌሉያ፡
ሃሌሉያ ንየሱስ፡ ሃሌሉያ፡ ክብሪ ንየሱስ ።
ክብሪ፡ ክብሪ፡ ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ ንየሱስ፡ ሃሌ
ሉያ ንንጉስና ።

፪ · ጊዜ ' ሐልፍ ክም በራሪ፡ ኣምላኽ
ግን ' ዩ ነባሪ፡ ' ተ መረረ ' ኳ ህይወትና፡
ጸጋኡ የህድኣና ። ጸልማት ማዕበል ' ተ ዐብ
ለለ፡ ቃል ፍቕሩ የጽንዓና ። ስቓይ ድቕድቕ
ጸልማት ለይቲ · ትልውጦ ' ብ መዓልቲ ።
ክብሪ፡ ክብሪ፡ . . . . .

እ፡ሃ ።

– ፯፮ –

I. C. 78

፩ · ክብረት ንኣኻ · ኣብ ሰማይኒ ምድ
ርን፡ ስዕረት ብኣኻ፡ ኣማኑኤል ። ብመዝ
ሙር ናይ ምስጋና · ነልዕለካ ንጉስ ። ፍግም
ኢልና ' ብ እግርኻ · ንሰግደልካ ልዑል ። ክብ
ረት ንኣኻ · ኣብ ሰማይኒ ምድርን ፡ ስዕረት
ብኣኻ፡ ኣማኑኤል ።

፪ · ስልጣን ንኣኻ · ኣቦኻ ሀበካ · ኣብ
ኵሉ ምድሪ፡ ንዘልኣለም ። ነቲ ልውል ስል

ጣንካ · ነመስግኖ የሱስ፣ ምስ ቅዱሳን አብ ሰማይ፣ ምስ ኣሕዋት አብ ምድሪ። ክብረት . . . .

እ፡ሃ።

– ፶፭ –

I. C. 89

፩ - ከም የሱስ ዘለ ላዕላይ ፈታዊ · አያርከብኒ ። ልዑል ክነሱ ምሳይ ይነብር ። አየ ፍቕሪ። አብ ዓለም ዘሎ ዅሉ ይሐልፍ፣ የሱስ ንበይኑ ምሳይ ይተርፍ፣ ልበይ አጠሪሁ፣ ሰላም ይበኒ ። አየ ፍቕሪ ።

፪ - ሓዋያት ዘበለ ኺድምስሰለይ፣ የሱስ ሞተ ። ዘልኣለም ህይወት መታን ክወርስ፣ ዐዲሙኒ ። ዝጠፍኤት ነፍሰይ ንሱ ደለያ፣ ጸጋ ኺህባ ባዕሉ ረኸባ፣ ብኽብሪ ድማ ኪኽልላ 'ዩ ። አየ ፍቕሪ ።

፫ - ነቲ መፍቀሪ ክኽተሎ 'የ፣ ንመድሕኒይ ። ምሉእ ህይወተይ እውፍየሉ · ንየሱሰይ ። እቲ ጸላኢ እንተ መጸኒ፣ ብጥበራውን ኪሕንኦለኒ፣ ግንክ የሱሰይ የበርትዓኒ፣ ክዕወት 'የ ።

እ፡ሃ።



– ፶፯ –

S. T. 298

፩ - ጓሳ ሚእቲ ኣባጊዕ ነበረ · ዚሐልየለን ብደሓን፣ ካብኡ ግን ሓንቲ ተባረረት · ነዊሕ ኣብ ርሑቕ ኣኽራን፣ ኣብ ምድሪ ኣጻ ምእ ንጥፍኣት ። ርሒቓ ካብ ጓስኣ ለውሃት ። ።

፪ - ተስዓን ትሽዓተን ኣለዋኻ፣ ኣይምኣ ኽላኻንዶ፣ ምላኽ ግን ሀበ እሙን ጓሳ፣ እተ ባረረት ከ'ሞ፣ መገዲ እኳ እንተ በርትዔ፣ ። ዝጠፍኤት ካባይ ክደሊ 'የ ። ።

፫ - ክንደይ ብርቱዕ ውሕጅ ተሳገረ፣ ክንደይ ጸልማት ዐገዶ፣ ነታ ጥፍኣቲ ኼናድያ፣ 'ኳ የልበን ዝፈለጦ ። ኣውያታ ሰምዔ ኣብ በረኻ፣ ። ተጨኒቓ ኽላ ረኸባ ። ።

፬ - እቲ ደም ኣብ ኣኽራን ዝፈሰሰ · ናይ መን እዩ ኼን ጐይታይ፣ ካብ እሙን ጓሳ ዝገስገሰ · ንበጊው ንምድላይ ። ከመይ ከ ኣካልካ ጌሰለ፣ ። ብለይቲ እሾኽ ተወጊኡ ። ።

፭ - ካብ ርባ፣ ካብ ኣኽራን፣ ክሳዕ ሰማይ፣ ናይ እልልታ ቓል ኣድሄ፣ ተሐጉሱ እምበ ኣር ምሳይ፣ ንበጊዔይ ረኺበ ። መላእኽቲ ኽኣ ተደምበሩ ። ፈጣሪና ምርኮ ኣምሊሱ ። ።

ካ፡ኔ ።



መዝሙር ፍቕሪ እግዚኣብሄርን ሓልዮቱን ።
(ካብ ፻፱ ክሳዕ ፻፳፭)

– ፶፱ –

S. T. 88

ንኣምላኽ እንተ ኣመንና፣ ብጽእና ኽን ረክብ ኢና ። ወዱውን እንተ ሰዐብና፣ ምስ ኣምላኽና የሕብረና ። የሱስ ንስኻ ዅነና፣ ሓቅን ህይወትን መገድን ። ክልእ መድሕን ዜድሕነና · የልበን አብ ሰማይኒ ምድርን ።

ኡ፡ኤ ።

– ፪ –

S. T. 793

፩ - ነፍሰይ፣ ንኣምላኽ ምልኪ ሀቢ፣ ተስፋ ብኣቦኺ ግዝኢ። ኣብ ኩሉ ጭንቀትኒ ሓሳ ርኒ · ረድኤት ካብኡ ኽትቅበሊ ። ዚምዕቄብ ንፈጣሪኡ፣ ኣብ ሑዳ ነይሰርሔ ቤቱ ።

፪ - ጊዜ ምህዳእ ይሐስቦ ባዕሉ፣ ዚሐ ይሽ ይምህዝ ንሱ ። ብእምነትውን ዚልምን ኩሉ · ይህድእ ኣብቲ ጽላሉ ። ብዘይተሐስበ ድማኢ · ይመጽእ ኩይኑ ረዳኢ ።

፫ - ሓሳርካ እኳ እንተ ዐበ፣ ኣይምሰልካ ዝረስዔ፣ ኣብ ኮንኒ ሓዘን ደስታ ህበ · ነቲ



ናብኡ 'ተጸግዔ ። ፍለጥ ይልወጥ ዘበናት፣ ከምኡውን ኩሉ ኾነታት ።

፬ - ንጐይታ ቐሊል ነገር እዩ · ምህብ ንሽጉር ጸግኡ፣ ሃብታም ከኣ የድኪ ንሱ፣ ክብ ለጠቕውን እዩ ኻብኡ ። ልዑል ኣምላኽ፣ መንክር ግብሩ · የደንቕ እዩ ስርሑ ።

፭ - መገዱ ኺድ ብዝመርሓካ ፣ ተጊህካ ፈጽም መዝኻ ። ተኣመን ኣዚኻ ብጐይታ፣ ምእታው ሰማይ ግበር ተስፋ ። ንቓል ኣም ላኽ ዚኽተሎ · ብጹእ ምኽኑ ነይተርፎ ።

ካ፡ኔ ።

– ፻፩ –

S. T. 89

፩ - ቃል ኣምላኽና ጽሩይ እዩ · ከም እተኽሌዔ ወርቂ፣ ሃብቱ ተወዲልና ብኡ፣ ተጋሂዱልና ሓቂ ። ምስ ዚበጽሓና ጸበባ · ኣይዕረበና ልብና፣ ናብ ኣምላኽና ንጸጋዕ ።

፪ - ብርሃኑ ኺመርሓና 'ዩ · ወንጌል ምስ ተመሀርና፣ ተንኰል ሰይጣን ምስ ስሕተቱ · ነይኽእል ምጥላፍና ። ኣብ ውግእ ንስዕር ብኡ፣ ሰላም ንቐበሎ ኻብኡ፣ ትጽቢትና ይቐንዓልና ።

ኡ፡ኤ ።

— ፻፹ —

S. T. 667

፩ - አምላኽ እዩ መራሕየይ፡ ክንደይ ደስ ይብሎ ንልበይ። አብ ዘብሉ፡ ብዝጉብሮ፡ የታ ትየኒ ብኢዱ። መራሕየይ አምላኽ እዩ፡ የታ ትየኒ ብኢዱ፡ ተአሚነ ክኸተሎ ዘታትየኒ ብኢዱ።

፪ - ብሓጐስኒ ብጸበባን፡ ብጸልማት ኰነ፡ ብብርሃን፡ ብጥንቁቕ ኢድ ንሱ ንአይ ይመርሕ እዩ ናብ ሰማይ። መራሕየይ .....

፫ - ኣስተምህረኒ አምላኸይ፡ ክዝርግሕ ናባኻ ኢደይ፡ ሀዱእ ክኸውን ቅድሜኻ፡ አቦይ፡ ምሳይ ካብ ዘሎኻ። መራሕየይ .....

፬ - እቲ ናብራይ ምስ ፈጸምኩ፡ ብጸጋኻ ዝነበርኩ፡ ካብ ማዕበል ሞት አይፈርሀኒ፡ አቦይ፡ መራሒ አሎኒ። መራሕየይ .....

ካ፡ኔ።

— ፻፹፩ —

S. T. 452

፩ - ም ነፍሰይ፡ ኣቕርቢ ስብሓት ንአምላኽ ዚፈትወኪ። ካብ ዓለም፡ ካብ ጭፍራ ጸልማት ንሱ ይሕልወኪ። የሱስ ክርስቶስ ይህብ ሓጐስ፡ አብ ገድልናውን ስዕረት። ብተስፋኡ ዝአመኑ ይህብ ንነፍሶም ስሬት።

፪ - ም አምላኽ፡ ዕቑባኻ እየ፡ ምሳኻ ኣምብረኒ፡ ናብ ለውሃትካ ተማሕጸነ፡ ብፍቕሪ ሕቑፈኒ። እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ ድማ አምላኽ ይዕድሰኒ። ብተስፋኡ ምስ አመንኩ፡ ነይርከብ ዚጐድአኒ።

፫ - ናይ ዓለም ክብረት ብሂጉ፡ ካብ አቦኡ ዚሕክል፡ ብሩኽ ውልድነት ኣጥፊኡ፡ ሕብረት አምላኽ ነይረክብ። ንሱ በይኑ ጸግዒ እዩ ንቲ ብኡ ዚአምን። አብ ጸግኡ ንዘጽልሉ የዕቁብ ንዘልኣለም።

ኡ፡ኤ።

— ፻፹፪ —

S. T. 96

፩ - አምላኽ የልቦን ከማኻ ርሕሩሕ ወሃብ ፍቕሬ። ከምቲ ግፍሒ ግዝኣትካ አዩ ናትካ ልግሲ። ትጽውዕ ህዝቢ ዅሎም፡ ገሰ ምውኻ ድማ እናረጀሕካ ስሞም፡ ትቕበል ብደስታ።

፪ - ርሕሩሕ መድሓኒ ዅይኑ ኪጸውር ዓገብና፡ ኬድሕን ድማ ብሞቱ፡ የሱስ ለአኽ ተስፋኻ። አብዚ ዓለም ምህዘልና፡ ንዘልኣለም ባርኽና።

ኡ፡ኤ።

— ፻፹፫ —

S. T. 91

፩ - በዚ ሓላፊ ዘበነይ ስለምንታይ እፈርህ፡ እቲ ሕያዋይ ሓላውየይ ንስጓመይ ይመርሕ። በኻ ንህዝቢ ሐሊፉ። ዕለት፡ ዕለት ብመንፈሱ አብ ማእከልና ይነብር።

፪ - ደሃዩ ሰሚዔ ኾኣ፡ እኽይድ ናብ ዘለኣኺ። ንበጊዑ የለልያ እቲ እሙን ሓላዊ። የናድየን ንጥፉኣት፡ ይጸውርውን ንድኹማት፡ የተንስእ ንዚወድቁ።

፫ - ይምግበኒ ድማኢ ብሰማያዊ ማና። ክስዕር ጸላኢ ነፍሰይ፡ ክመልእ ብምስጋና። መገደይ እንተ ጸልመተ፡ ካብኡ እንተ ዘይ አልጊሰ፡ ጥፍኣት አየርክበንን።

፬ - ም የሱስ፡ ኢልካ ንስኻ፡ እሕሉ ንጥሪተይ። ክትሕልወኒ በዕልኻ ካብ ወደረኛ ነፍሰይ። ርድኣኒውን ከይፍለዮም፡ መንፈስ ቅዱስ ንዚመርሐም ናብ ሰማያዊ ሃገር።

ካ፡ኔ።



ካልና። ብኡ ህይወት ዘልኣለም ምስኡውን ውልድነት ይረክብ ኩሉ ዓለም፡ ብኽምኡ ብእምነት።

፫ - ም ብሩኽ ፈቃር ጐይታና፡ ምሉእ ጸጋ፡ ለውሃት፡ ከመይ ከም ዘፍቀርክና፡ ርድኣና ንምፍላጥ። እሞ ንዝምረልካ ብምሉእ ልብና፡ ከምኡውን ነቕርበልካ ሕጉስ ምስ ጋናና።

ኡ፡ኤ።

— ፻፹፬ —

S. T. 215

፩ - ነቲ ጸሎተይ ዚሰምዕ፡ ንአምላኽ ኤመስግኖ። ጸበባ ምስ ዚወርደኒ፡ ንሱ ይረድኣኒ ኣዩ። ነቲ ኽፍኣትውን ስዒሩ፡ ደገ ንኾሎም አርሕዩ።

፪ - ንአምላኽ፡ ብሞት፡ ብህይወት አሚነ፡ ተማሕጺነ። ሓዘን እንተ ኽበደኒ፡ ይሐቑፈኒ ለዊሁ። ስለዚ ንኡ ኤመስግን፡ ጥንትግ ከኽብሮ እሕልን።

፫ - አምላኽ፡ ማሕበርካ ርድኣዮ፡ ባርኮ ንህዝብኻ፡ ጸሎት ደቅኻ ስምዓዮ፡ አጽንዓልና

– ፱፯ –

S. T. 525

፩ - ብመገደይ እመርሓካ፡ ክንደይ ተስፋ ረኽብኩ። አምላኽይ ካብ ዚመርሓኒ፡ ኣየድልን ሕልፊኡ። ኩሉ ተድላ ናይዚ ምድሪ፡ እካ እንተ ኣልገሰ፡ ፧ የሱሰይ ካብ ዚመርሓኒ፡ አሎኒ ብሉጽ ግደ። ፧

፪ - ኩሉ ዕለት ይመርሓኒ፡ ንምኻደይ የቕልሎ፡ ብእንጌራ ህይወት ድማ፡ ንጥሚተይ የጽግበ። ብድኻም እንተ ረወድኩ፡ ነፍሰይ ውን እንተ ጸምኤት፡ ፧ ንቕድመይ ፈልፋሊ ሜላ፡ የርእየኒ ብእምነት። ፧

፫ - ድማ ኣብ ምዕራብ መዓልተይ፡ ይመርሓኒ ብፍቶት፡ መድሕነይ የሳግረኒ፡ ብርባ ጽላሎት ሞት። የሱስ ካብ ዚሕልወኒ። ይር ሕቕ ካባይ ፍርሃት። ፧ ድቃስ ሞት ምስ ዚኸ ብደኒ፡ ይሐቑፈኒ ብለውሃት። ፧

ካ፡ ኔ።

– ፱፰ –

S. T. 715

፩ - ከም ጓና እየ ኣብዚ ምድሪ፡ ብሽጋር እዩ ንብረተይ። ግን ሳላ ናይ ጐይታና ፍቕሪ፡



መዝገብ እረክብ ኣብ ሰማይ። ዘይሐልፍ ርስቲ አሎኒ፡ ነፍሰይ በዚ ተሐጐሰ።

፪ - ኣብዚ እካ እንተ በጽሓኒ፡ ሓጐስ፡ ጓሂ ብግዚኡ፡ ይሐልፍ ግን፡ ከም ሕልሚ ኸይኑ፡ ናይ ሰብ ዕድመ ድማ ከምኡ። ኩሉ ይሐልፍ ከም ራኢ፡ ናይ ምድሪ ሃብቲ ድማኣ።

፫ - ካብዚ ግሽነተይ ክሳገር፡ ተመሪሑ ብኣድ ኣቦ። ክእቱ ኣብቲ ብሉጽ ሃገር፡ ሰላም፡ ራህዋ ዚርከቦ። እረክብ ዕረፍቲ ኣብኡ፡ ኣም ላኽ ዚህብ ነቶም ናቱ።

፬ - ም የሱስ ብሩኽ ፈቃር መድሓኒ፡ ከምቲ ተስፋ ዝህብካኒ፡ ምሳይ ንበር ኩሉ መዓልቲ፡ ኣብ ህዱእ ጊዜ ወይ ውግእ። ኣብ ርባ ህይወት ፈልፋሊ፡ ካብ ድኻመይ ኣዕርፈኒ።

፭ - ም ጐይታይ፡ በቲ ቅዱስ ደምካ፡ ካብ ፍርዲ ወጺኤ ሓራ፡ እረክብውን ብኽቡር ስም ካ፡ ስዕረተ ብኹሉ ፈተና። ድሕሪ እዚ ኣኽ ሊል ህይወት፡ ክትዕድለኒ ኣብ ክብረት።

ኣ፡ ወ።



– ፱፱ –

S. T. 475

፩ - ኤልዕል ኣኒንተይ ናብ ኣምላኽ፡ ናብ ላዕሊ፡ ናብ ፈቃር ኣቦይ፡ ባዕሉ ኽም ዘለ፡ ብጸበባ ተማህለል፡ ክሰምዓካ፡ ጸርካ ኣውርድ፡ ክስከሞ እየ።

፪ - ዝፈጠረ ሰማይን ምድርን ባሕርን፡ ዚገዝእ ኩሉ ብለዋህ ኢዱ። ልበይ ዚልምን ኩሉ ይሰምዓኒ፡ ይዕድለኒ ኹሉ ብልግሱ።

፫ - ኣነ ምግዱር፡ ድኻ፡ ሕሱር ክነሰይ፡ ኣምላኽ ኸይኑኒ 'ዩ ኣማንየይ። ናይ ኩሉ ፍጥረት ኣቦ ይሐልየለይ፡ ይፈልጥ እዩ ኹሉ ድሴተይ።

ኡ፡ ኤ።

– ፲፩ –

S. T. 352

፩ - ከም ግዱዕ መጓሰ ኣምላኽ፡ የልቦን ዘለዉ ብታሕጓስ። ደስታ ዓለም 'ዩ ንኽንቱ፡ ሓጐስ ኣምላኽ ግን ንጥንቱ።

፪ - ጐይታ ነቶም እሙናቱ፡ ይሐልየሎም ብለውሃቱ። ኣቦ ኸይኑ ይጸረሎም፡ ኣብ ሓሳር ይድንግጸሎም።



፫ - ጓሂ፡ ሓጐስ እንተ ኸይኑ፡ የጽንዓኒ ግን ኣብ ፍቕሩ። ሓዘን ኩነ የቕልለለይ፡ ሓጐስ ኩነ ይመልኣለኒ።

፬ - ኣምላኽይ ዘይፈቕደሉ፡ ኪመጸኒ ኣይኩነሉ። ንሱ 'ዩ ዚሕልወኒ፡ ጕህየ ዜሐጕሰኒ።

፭ - ኪህበኒ፡ ኬግድፈኒ፡ ኣቦ ኸይኑ የስምዓኒ። ግብሪ ኣብ እዩ ንጥቕሚ፡ ይልዐል ድማ ካብ ፍቕሪ።

፮ - ደጊም ነፍሰይ ባህ ይበልኪ፡ ኣምላኽ ያእቆብ 'ዩ ረድኤትኪ፡ ካብ ጕድኣትኪ የድሕነኪ፡ ሓጐስ ጥንቲ የውርሰኪ።

ኔ፡ ኔ።

– ፲፲፩ –

S. T. 461

፩ - ከም የሱስ የልቦን ዚጓሰ፡ ነቲ ጥፉእ ዜናዲ፡ ንመጓሴኡ ይእሊ፡ ይመልሶ ንሓካሊ። ንዚናዘዝ ኣጽዳቑ፡ ንዚጭነቕ ረዳኢ፡ ንዘተስፈዎ ፈጻሚ፡ እዩ እሞ፡ ኩን ኣማኒ።

፪ - ካብቲ ባሕሪ ብምስፋሑ፡ ካብኡውን ብምጥላቑ፡ ጸጋ ኣምላኽ ብምልኣቱ፡ በሊጹ ዓቢ እዩ። ንተጣዕሰ በዳሊ፡ ንዚንሳሕ ሓካሊ

ኣምላኽ ጽድቁ ይፈኽደሉ፡ ኣፍቂሩ ይል ውሃሉ ።

፫ - ደጊም ነፍሰይ ባህ ይበልኪ፡ ብኣም ላኽ ተሐጕሰ፡ ዜጕህየኪ የልግሰልኪ፡ የጸና ንዕ ድማኢ ። እንተ ወበ በደልኪ፡ እንተ በዝ ሔ ዕዳኺ፡ ጸጋ ኣምላኽ ግን ይወጺ፡ የድሕ ነኪውን ካብ ፍርዲ ።

ኡ፡ ኡ ።

– ፻፲፱ –

S. T. 389

፩ - ናብ ልምሉም ሳዕሪ፡ ህዱእ ፈልፋሊ ·ት እሙን ዓሳ ይመርሓኒ ። ካብ ቀሪ ሰይተ፡ ሃሩር መዓልቲ · ንደቁ ኣፍቂሩ ይሐሊ ።

፪ - ብሳላ ገንሸል ጥሪቱ እየ፡ ፈቃር ልቡ ይኣልየኒ ። ኣብ መንጎ ሁከት፡ ናይ ዓለም ውግእ፡ ንሱ ኼይኑኒ መጸግሚ ።

ኡ፡ ኡ ።

– ፻፲፫ –

S. T. 793

፩ - ኣምላኽ መመዚኡ ንሹሉ፡ ይዕድል ኩሉ ኸኖቱ፡ ብትሕትና ዚጽሊ ዘሎ · ይስም ዓሉ ጸሎቱ ። ካብ ልማኖይ ዝበለጸ · ኣቦ ይህብ ኩሉ ጊዜ ።



ፄረግጸ፡ ካብ ጕድኣት ኪሕሉ ። ምሕረት ኣም ላኽ፡ ጸግኡ · ኪኸበካ እዩ ።

፬ - ደጊም ትሕቲ ኣቦኻ · ብህድኣት ትነ ብር ። ኣብ መገድኻ ብርሃን፡ ኣብ ፍርሃትካ ውን ሰላም · ኪህበካ እዩ ። ደጊም ትሕቲ ኣቦ ኻ · ብህድኣት ትነብር ።

ሲ፡ ፀ ።

– ፻፲፰ –

S. T. 537

፩ - ኣምላኽ እዩ መጸግሚና · ብህውከትኒ ህድኣትናን ። ዘይጠልመና ኣማኒና · ብመከራን ድኻምናን ። ምድሪ እንተ ኣንቀጥቀጠ፡ ወይ ኣኽራን እንተ ፈረሱ፡ ፍርሃት ኣይመጸናን ።

፪ - ጐይታ ሰማይ ምሳና ‘ዩ · መን ‘ዩ ዚ ቃወመና ፡ ኣምላኽ ያዕቆብ ደይኩን ባዕሉ · ብሹሉ ሓላዊና ፡ ንሱ ስልጡን ፡ ለዋህ እዩ ፡ ደጊም ብሓጕስ ሕቢርና ፡ ንኡ ንህብ ምስጋና ።

ሚ ፡ ሦ ።

– ፻፲፯ – 116

S. T. 353

፩ - ኣብ ፈቃር ሕቑፊ የሱስ ፡ ኣብቲ ርሕ ሩሕ ልቡ ፡ ትሕቲ ዜምውቕ ክንፉ · ነፍሰይ





፪ - ምድራዊ ገንዘብ እንተ ጠፍኤ፡ ዝ ሔሸ ኣሎ ግን ንኣይ ። ፈተውተይ እንተ ጠለ ሙኒ ፡ ዘይፍለ ዓርኪ ኣሎኒ ። ናብ የሱስ እተ ማዕቂብና ፡ ዘይጠፍእ እዩ ሃብትና ።

፫ - ንብዓት ካብ ገጽና ኺደርዝ ‘ዩ ፡ ኣም ላኽ ባዕሉ ተስፋ ሂቡ ። ውሉዱ ኺገብረና እዩ ፡ ተሐጕስና ንከተሎ ። ይፍጽመልና ተስ ፋኡ ፡ ኣይርከብን ዘለ ኽምኡ ።

ኡ ፡ ኡ ።

– ፻፲፬ –

S. T. 288

፩ - ኣነ ንመዓልትኻ · ጸብጸበ ጸሐፍኩ ፡ ኣነ ምሉእ ዕድሜኻ · እኽውን ሓላዊኻ ። ኣምላኽይ በለኒ ፡ ኣነ ንመዓልትኻ · ጸብጸበ ጸሐፍኩ ።

፪ - ደጊም ናብ ፈቃር ኣምላኽ · ኣው ድቆ ሓልዮትካ ። ናብ ውሉዱ ይርኢ · ወር ትግ እሙን ሓላዊ ፡ ዜስተብህል ድሌትካ ። ደጊም ናብ ፈቃር ኣምላኽ · ኣውድቆ ሐል ዮትካ ።

፫ - ምሕረት ኣምላኽ ፡ ጸግኡ · ኪኸበካ እዩ ። ከይትዕንቀፍ ኬብርሆ · እግርኻ ኣብ



ሕጉስ እዩ ። ጽን በል ፡ ስማዕ ካብ ኣርያም መዝሙር እቶም መላእኽቲ ፡ ዚዕድሙ ናብ ኣምላኽ ፡ ናብቲ ፈቃር መድሓኒ ። ኣብ ፈቃር ሕቑፊ የሱስ ፡ ኣብቲ ርሕሩሕ ልቡ ፡ ትሕቲ ዜምውቕ ክንፉ · ነፍሰይ ሕጉስ እዩ ።

፪ - ኣብ ፈቃር ሕቑፊ የሱስ · ካብ ሓል ዮት ሀዲኤ ፡ ካብዛ መስሓቲት ዓለም · ብኣም ላኽ ድሒነ ። የልቦን ዜዘንብለኒ ፡ ሓላፊ እዩ ጸዕረይ ፡ ኣየርክበንን ጓሂ ፡ ሓጺር እዩ ብኽያ ተይ ። ኣብ ፈቃር ሕቑፊ . . . . . .

፫ - የሱስ ስለይ ዝሞትካ ፡ ፈቃር መድ ሓንየይ ፡ ከውሒ ምድሓን ዘልኣለም · ኢኻ ንእምነተይ ። ተወጊሰ እጽበ · ኣብዛ ናይ ዓለም ለይቲ ፡ ኣብ ገምገም ሃገር ተስፋ ፡ ክሳዕ ዚወ ግሕ ምድሪ ። ኣብ ፈቃር ሕቑፊ . . . . .

ኡ ፡ ኡ ።

– ፻፲፯ –

S. T. 239

፩ - ዎ ሰማያዊ ኣቦና ፡ ይቀደስ ልውል ስምካ ፡ ትምጻእ ድማ መንግስትካ · ናብ ታሕ ቲ ፡ ናብ ምድርና ።

፪ - ኣብ ምድሪ ይኹን ፍቓድካ · ከምቲ

አብ ሰማያትክ ። ሎም ናይ ዕለት እንጌራና ፡ ሀበና ፡ ዎ አቦና ።

፫ - በደልናውን ሕደገልና ፡ ተመበርኪ፟ኽ ና እኔና ፡ ንዅሎም ዝበደሉና ፡ ንሕና ኽም ዝሐደግና ።

፬ - ዎ አቦና ፡ አብ ፈተና ፡ ኮታ አይተእ ትወና ፡ አብ ክንዳኡስ ፡ ዎ አምላኽና ፡ ክብ ክፉእ አድሕነና ።

፭ - መንግስቲ ናትክ እዩ ፡ሞ ፡ ስልጣን ድማ ምስ ክብረት ፡ ንዘልኣለም ናትክ እዩ ። ፍርዲ ፡ዅሉ ምስ ምሕረት ።

ተ ፡ ባ ።

፻፸፰

S. T. 480

፩ - ጐይታ ረዳእየይ እዩ ፡ ኢሉ ይዝምር ዳዊት ። ጸላእቲ ፡ንተ ኽበቡኒ ፡ ክዝምር እየ ኽምኡ ። ረዳእየይ እዩ ጐይታ ፡ ኢሉ ቃለይ የድሂ ።

፪ - ጐይታ ደጋፍየይ እዩ ፡ ብዓቢ ኽኖ ንኡስ ፡ ክም ሓዋያተይ ኣይፈድየንን ፡ ሰናይ ዩ ዚገብረለይ ። ረዳእየይ እዩ ጐይታ ፡ ብዓቢ ኽኖ ንኡስ ።



ፍ - ጐይታ ንዅሎም ይረድእ ፡ ነቶም ዚምዕቁብም ፡ ሕልፊ ኣደ የፍቅረና ፡ ባዕሉ ይሕንግረና ። ረዳእየይ እዩ ጐይታ ፡ ይብሉ እቶም ኣመንቲ ።

፬ - ጐይታ እዩ ደጋፊ፟ኹ ፡ስምዒ ነፍሰይ ፡ ባህ በሊ ። ዘሎኪ ኽጋር ረስዒ ፡ ብጐይታ ተኽልዒ ። ረዳእየይ እዩ ጐይታ ፡ ስምዒ ነፍሰይ ፡ ባህ በሊ ።

፭ - ጐይታ 'ድግፍ ንሓዋሩ ፡ ድነ ሞት ኣሳጊሩ ። ንሱ እዩ ዜጽንዓኒ ፡ ናብ ዳሱ ዜእ ትወኒ ። ረዳእየይ እዩ ጐይታ ፡ ድነ ሞት ኣሳጊሩ ።

እ ፡ ሃ ።

— ፻ —

S. T. 350

፩ - ክንደይ ብጽኣቲ መዓሰ ፡ ናይ ሕያዋይ ዓሳ ፡ ናይ ዓለም ስቓይ መከራ ፡ ብእምነት ምጥሓሳ ። ብዓስኣ ተመሪሓ ፡ ትጕህዝ ክት ወርስ ርስቲ ፡ ናብቲ ናይ ጐይትኣ ሃገር ፡ ናይ ኣምላኽ ዕረፍቲ ።

፪ - ብሓድሽ ልቢ ፡ ብፍቕሪ ፡ ምስ ጐይታ ይኽዱ ፡ ይቕበሉ ኽይረአዩ ፡ ይገብሩ ፍቓዱ ።



ኣብ ዙርያኣም ምስ ጸልመተ ፡ የንቃዕርሩ ፡ ይምህለሉ ፡ ናብቲ ሃገር የማዕዉ ፡ ተስፋ ዝመልኣሉ ።

፫ - ናይ ሕያዋይ ዓሳ ፍቕሪ ፡ ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ፡ ብምሉእ ለውሃት ፡ ክንክን ፡ ንህዝቡ ይኣሊ ። ፍቕሪ ፡ ተስፋ ፡ ሰናይ ግብሪ ፡ ኣብ ቶም ናቱ ይርከብ ። ፍቕሪ ነባሪት ክብ ኩሉ ፡ ንናቱ ዚህብ ።

፬ - ዎ የሱስ ፡ ዕየትካ እየ ፡ ኣከል መን ሲ'ካ ። ኣሳልየኒ በዕል'ካ ፡ እምዕቂብ ናባ'ካ ። ኣብ ድ'ካመይ ትሐቑፈኒ ፡ ኣብ መኣዲ ተዕ ርፈኒ ። ዎ የሱስ ፡ ዕየትካ እየ ፡ ጸወነይ ኩነኒ ።

፭ - ጐይታይ ፡ ልበይ ኣህድኣለይ ፡ መን ፈስክ ምልኣዮ ፡ ክብቲ ናይ ክንቱነት ባህታ ፡ ፈጺምካ ፍለዮ ። ብኣ'ካ ክኸውን ደስታይ ፡ ክምህር ምፍላጥ ደሃይካ ። ብመንፈስ ጸጋ ፡ ብቕ'መት ፡ ክወቢ ውሉድካ ።

ወ ፡ ወ ።

- ፻፸ -

I. C. 182

፩ - ዓሳና ኣብ ለምለም ሸ'ካ ፡ ኣብ ጽሩይ ማይ ተውዕለና ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣ'ክናሩክ ፡

ሰላም ፡ ሓጐስ ትህበና ። ብጽድቅ'ካ ትመር ሓኒ ፡ ስለ'ቲ ቅዱስ ስምካ ። ኣብ ዝኸድኩ እንተ ኽድኩ ፡ ምሕረትካ ኽሊ'ሉኒ ። ኣምላኽ እዩ እሙን ዓሳይ ፡ ገለ 'ኳ ኣይጐድለንን ።

፪ - ንስ'ካ ምሳይ ኢ'ካ'ሞ ፡ ሞት ፡ መከራ ኣይፈርሀን ፡ ተብርሃለይ ብፍቕር'ካ ፡ የበርት ዓኒ ሓይል'ካ ። ሕሰም እኳ 'ተ ወረደ ፡ መከራ 'ተ ገደደ ፡ ፍትሕ'ካ አሎ ኣብ ቅድመይ ፡ ዋል ታይ 'ዩ ምሉእ ዕድመይ ። ኣምላኽ እዩ . . . .

፫ - መኣድ'ካ ትሰርዓለይ ፡ በረኽትካ ተፍ ስሰለይ ፡ ልበይ መሊኡ ጀርበበ ፡ ብፍቕር'ካ 'ተረኽበ ። ነቲ ዓሳ እሙን ኩይኑ ፡ ዚኽተሉ ኣብ ምድሪ ፡ ኣብ ሰማይ ፡ ኣብቲ ቤት ኣቦ ፡ ዘልኣለም 'ዩ ነበሪ ። ኣምላኽ እዩ . . . . .

እ ፡ ሃ ።

— ፻፸፩ —

S. T. 570

፩ - ኣባ'ካ እውነል ፡ ዎ ጐይታ ፡ ኩሉ ትኽእል ኣምላኽይ ። ዎ መድሓኒ ፡ ህይወት ፈልፋሊ ፡ ዓብይን ጻድቅን ኢ'ካ ። ኣፍቂርካኒ 'ወ ፡ ኣፍቂረካ ፡ ተበጅ'ካኒ ፡ 'የ ናትካ ፡ ግና'ካ 'ቲ ቅዱስ ሕግ'ካ ፡ ኣይክእሎን 'የ ብጀካ'ካ ።

፪ - ብጀካ'ካ የልቦን ረዳኢ ። ኢልካኒ ጐይታይ ፣ አጆ'ካ ፣ አውጺኤካ ዕዳ ኸፈለ ፣ ተሰቀየ ፣ ተሰቒለ ። አይፈርሀን 'ተ ጸዋዕካኒ ፣ ሓራ 'የ መን ይኸሰኒ ፣ ዎ እሙን ጓሳ ፣ ካብ ደምቤ'ካ ፡ የለን ዚሰጉጉ በረ'ካ ።

፫ - አይፈርሀን ፣ አምላኽ ፣ ነድር'ካ ፣ ዋሕ ሰይ የሱስ ክርስቶስ 'ዩ ። ብሳላ 'ቲ ዓቢ ፍቕ ር'ካ ፡ አብ ቤትካ ውሉድ ክኸን 'የ ፣ ምሳ'ካ ክልምልም ከም ስየ ። ዎ አምላኽ ፣ ከም ቅዱ ሳንካ ፣ ክፈርሃካ 'ወ ፣ ከፍቅረካ ፣ መንፈስካ ሀብ ፣ ክስምረካ ።

እ ፡ ሃ ።

መዝሙር ጸሎትን መንፈሳዊ ንብረትን ።
(ካብ ፻፸፪ ክሳዕ ፻፹፯)

— ፻፸፪ —

S. T. 10

፩ - ቤትካ ፣ ዎ አምላኽይ ፣ ደስ የብል ንልበይ ፣ ነፍሰይ አብኡ ትምገብ ፣ ብሰማያዊ ቐለብ ፣ ተመስግነካ ድማ ፡ ብምሕረት ዝሀብ ካያ ።

፪ - ንነፍሰይ ዊን ይብላ ፣ ተሐጕሳ ኸኢ ፣



ናብ መቕደስካ ትግስግስ ፣ ብጸጋኽ ኽትዙስ ኩስ ፣ ክትሰምዕ ናትካ ምኽሪ ፣ ክትመውቕ ውን ብፍቕሪ ።

፫ - ከም ነፈርቲ አዕዋፍ ፣ ብዓቢ ምቕል ጣፍ ፣ ናብ እንድኤን ዚሀድማ ፣ ሀድኣት አብ ኡ ኸረኽባ ፣ ነፍሰይ ከምኡ ትስፍልል ፣ አብ ቤትካ ኸተጽልል ።

፬ - ጐይታይ ቃለይ ስማዕ ፣ ኵነኒ ምጽ ጋዕ ። ንፍቕርን ጸጋን አብዝሕ ፣ ልበይ ብኡ ኸፍሳህ ። መንግስት'ካ አዐምር ፣ ክፉእ ካባይ አባርር ።

፭ - ንአ'ካ ምግልጋል ፣ ፍቓድካ ምኽ ታል ፣ እዚ ንአይ ደስ የብል ፡ ካብ ዓለማዊ ዕድል ። ምድላይ አስተምህረኒ ፣ ዘልኣለም ዚጠቕመኒ ።

፮ - ብዛሕሊ ሙቕተይ ፣ ብውግእውን ጸግ ዒይ ፣ መድሓንየይ አብ ጭንቀት ፡ ዚውስኽኒ እምነት ፣ ዎ የሱስ ፣ ሞጕሰኒ ፣ ብጽእና ወድለኒ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፸፫ —

I. C. 10

፩ - ነፍሰይ ንመሓድራትካ ፡ ሃረር ትብል ፣



ዎ ጐይታ ። በርቲው ናፍቐቱ ፡ ልቢ እሙ ናትካ ። ፍቕሪ ፣ ሓጕስ ፣ ሰላምካ ፣ አሎ ጥራይ አብ ቤትካ ፣ ዎ ጐይታ ሰማይ ፣ ምድሪ ፣ ንዅሉ መሓሪ ።

፪ ። ብርሃኑ 'ወጽአ ደሚቑ ፣ ጽድቂ ቤቱ በረቑ ። ሓጕስ ፣ ሰላም ረኺበ ፣ ሰናይካ ጸጊበ ። ምስጋናይ 'ዩ ንአ'ካ ፣ ዓዲልካኒ ጸጋ'ካ ። ዎ አ መንቲ ፣ አጆኹም ፣ ጐይታ 'ዩ ሓይል'ኹም ።

፫ - አብቲ ቅዱስ መሓድርካ ፡ ዘልኣለማዊ ቓልካ ፡ ይመርሕ 'ዩ ፣ የጽንዕ ። እምነትና ይ ኹልዕ ። ስግደትና ፣ 'ቲ መዝሙርና ፣ ጸሎትና ምስ ፍቕርና ፣ ንውፈ ንአምላ'ኽና ፣ ብሕጉስ ልብና ።

እ ፡ ሃ ።

— ፻፸፬ —

S. T. 13

፩ - ዎ የሱስ ፣ ተአኪብና ፡ ቅዱስ ቃልካ ኸንንብብ ። ቅረበና ንስ'ካ ፣ ሓሳብና ናባ'ካ አክብ ። ተፈላልዩ ኻብ ምድሪ ፣ ኽ.ሳሕብ ካብዚ ናብ ላዕሊ ።

፪ - ዕሙት እዩ ልብና ፣ ነፍስና ኣላም ይኸድኖ ፣ እቲ ቅዱስ መንፈስካ ናብ ብርሃን



እንተ ዘይመርሖ ። የሱስ መንፈስካ ሀበና ፣ ሓዲሽ ልቢ ፍጠረልና ።

፫ - ዎ ጽሩይ ክቡር ብርሃን ፣ አምላኽና ዝሰደደልና ፣ ካብ ጸልማት ፣ ካብ ዘይምእማን ፡ ፍጹም ሓራ አውጽአና ። ሕግዘና ንምሓዙ ፣ አኽእለና ንምግባሩ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፸፭ —

S. T. 23 b.

፩ - ጐይታ ሕጂ አክበና ፣ ቅዱስ ቃልካ ንምስማዕ ። አኽዛ'ካ አውርደልና ፡ አብቲ ል ብና ጽሙእ ። መንፈስ ቅዱስ ስደደልና ፣ ሓዊ ፍቕሪ አንድደልና ፣ ፧ ንንጠሚ አጽግበና ፣ አብ ምሉእ መአድ'ካ ።

፪ - ሕግዘና ንምግባሩ ፡ ዝሀብካና 'ኹሉ ቓል ። አብቲ ብሩህ ብርሃን ክንአቱ ፣ ኪክአ ለና ምስትውዓል ። ልብናውን አህድኣልና ፣ ዘይምእማን ከየስሕተና ። አምላ'ኽና አጠን ቅቕና ፡ በዚ ሓጺር ዘበንና ። ፧

፫ - በዚ ዘበን 'ዚ ኽንሕሎ ፣ ክትመ'ኽረና ኽሎ'ካ ፣ ዘበን ጸጋ ሓላፊ 'ዩ ፣ ንስእንውን

ምዕዶኻ ። ደጊም ንምስማዕ ርድኣና ፡ ነቲ ቓል ዜድሕን ንኣና ። ፨ እዝኒ ልቢ ኽፈተልና ፡ ጸሎትና ስማዕ ክኣ ። ፨

ካ ፡ ኔ ።

— ፪ኛጌ —

I. C. 7

፩ - ናብ መቐደስ ናይ ኣምላኽና ፡ ንዑ ንኺድ ኩላትና ፡ ብሓባር ከነኽብሮ ፡ ነቲ ፈቃር ኣቦ ።

፪ - ብፍጹም ልቢ ይኹን ፡ ናይ ምስጋና መዝሙርና ፡ ንእግዚኣብሄር ስሱስ ፡ ናይ ነገስ ታት ንጉስ ።

፫ - ነፍሰትና ጽን ይበላ ፡ ነቲ ህይወት ዝህበን ፡ ሓጋዝ ድኹም ፡ ኣምላኽና ፡ ሎሚ ኳ ይረድኤን ።

፬ - ብጥንታዊ ለውሃቱ ፡ ይምሕረናውን ሕጂ ፡ እዚ ቅዱስ ቃላቱ ፡ ዘልኣለም ነባሪ ።

፭ - ጐይታይ ፡ ነማስወልካ ፡ ስለ ኹሉ ህያብካ ። ንበርውን ኣብ ማእከልና ፡ እምነት ወስኽልና ።

ባ ፡ ዑ ።



— ፪ኛጌ —

S. T. 87

፩ - ምጻእ ፡ ለዋህ መሓሪና ፡ ከም ጓሳ ናብ ኣባጊዕ ። ምርሓና ኣበስቲ ኢና ፡ ናብቲ ኣቑሑ ሳልካ ውጋእ ። ናብ ጽዮንኒ ናብ ሳሮንኒ ፡ ኣብ ኡ እዩ ሕውነትኒ ። ናይ እሙናትካ ጣዕምን ።

፪ - ም ማእለይ ዜብሉ ፍቕሪ ፡ ካባኻ ኣፍስሰልና ። ብሓይሊ ደምካውን ኣጽሪ ፡ ንዘይ እሙን ሓሳብና ። ንዐለም ጸጋዊ ጸሓይ ፡ ደረቕ ቁራሪ ልብና ፡ ንወርትግ ኣሙቑልና ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፪ኛጌ —

S. T. 94

፩ - ኣቱም ህዝቢ ፡ ናብ ቤት ጐይታ ፡ ንበ ዓል ተኣከቡ ። ኣብዚ መቕደሱ ብደስታ ፡ ካብ ድኻምኩም ዕረፉ ። ኣምላኽና ነቲ ዚሕለል ፡ ብለውሃት ይድግፎ ፡ እምነቱ የበርትዖ ።

፪ - ንዑ ፡ ሕበሩ ። ሓደ ጓህሪ ፡ በይኑ ኽሎ ይዝሕል ፡ እንተ ወሰኽካ ፡ ከም ሓዊ ፡ ነዲዱ ሃልሃል ይብል ። ናይ ኣምላኽም ቃል ኪሰምዑ ፡ ህዝቡ ምስ ተኣከቡ ፡ ሓድሕዶም ይማወቑ ።



፫ - ንዑ ስምዑ ፡ ካብ ሃብታም መዝገብ ፡ ናይ ኣምላኽ ተወደሉ ፡ ካብ መኣዱ ቅዱስ ቀ ለብ ፡ ቀሪብኩም ተቐበሉ ። ጐይታ ንጥሙይ የጽግብ ፡ ንድኻ የህብትሞ ፡ ንኾሁይ የሐጕሰ ።

፬ - ንኣምላኽ ምስጋና ሀቡ ፡ ስለ ዓቢ ምሕረቱ ። ክብርን ሓይልን ኩይኑ ናቱ ፡ ኩሉ ፍጥረት መንግስቱ ። ኣብ ዝበረቑት ጸሐዩ ፡ ህዝቢ ኾሉ ተንስኡ ፡ ቅዱስ ስሙ ኣኽብሩ ።

ሲ ፡ በ ።

— ፪ኛጌ —

S. T. 89

፩ - ም ኣምላኽ ፡ ኣብ ብሩኽ መቕደስካ ፡ ምውዐል ንሕጐሰሉ ። ንእሙናትካ ባሪኽካ ፡ ደሃይካ ኣብ ዚሰምው ። ዚግበሮ ኣገልግሎት ፡ ብቓል ፡ ብመዝሙር ፡ ብጸሎት ፡ ንሐብር ምስ ኣምላኽና ።

፪ - ካብ ሓጐስ ዓለም ዘበለ ፡ ሓጐስ ቤት ካ ይበልጽ ። ካብ ማሕበርካ ዝዐለወ ፡ ካብ በረ ኽት ይሀጽጽ ። ምሉእ ደሪታ ኣዳሊኻ ፡ ንዅላትና ኣብ መቕደስካ ፡ ብቓልካ ባርኽና ።

፫ - ንልምነካ ኣጽኒዕና ፡ ህይወት ዚናበ ረሉ ፡ ኣዘውቲርካ ንነፍስና ፡ ወንጌል ክትቅ



ርበሉ ። ብሩኽ ቓልካ ኣብ ዚስበኽ ፡ ኣብኡ ምድሓንካ ግለጸ ፡ ንህዝብኻ ኣዐምር ።

፬ - መንፈስ ቅዱስ ልእኽልና ፡ ስጓሜና ዚቕንዕ ፡ ዜዳልወልና ልብና ፡ ኣብ ገድልና ዜ ትብዕ ። ንቕዱስ ወንጌል ንምድሃብ ፡ ንምፍጻ ሙ ብቕዓት ህብ ፡ ስምካ ብኡ ኽውደስ ።

፭ - ንዝምረልካ ፡ ፈቃር ኣብ ፡ ም የሱስ ወልድ ፡ ተመስገን ፡ ም መንፈስ ፡ ጸጋ እትህብ ፡ ንምኽባርካ ንሕልን ። ምስ ፈጸምና መዓልትና ፡ ምስ ብጹኣን ኣብ መቕደስካ ፡ ክንዝምር ኣብ ቅዓና ።

ኡ ፡ ኡ ።

— ፪ኛጌ —

S. T. 153

፩ - ኣድህቦ ፡ የሱስ ፡ ጸሎተይ ፡ ግበሮ መቕደስ ንልበይ ፡ ሰላምኒ ደስታን ምልኣዮ ፡ ብፍቕርኻውን ኣልዮ ።

፪ - ምርሓኒ ምሉእ ዘበነይ ፡ ኣብ ጸልማት ኩን ብርሃን ልበይ ። ክውድስ ንቕዱስ ስምካ ፡ ኣኽእለኒ ብጸጋኻ ።

፫ ፡ ስብሓት ይኹን ንኣምላኽና ፡ ፈቃር

ወዱ ዝሀበና ። ምስቶም መላእኽቲ ፡ ቅዱሳን ፡ ንስገደሉ ቐድሚ ዝፋን ።

ሉ ፡ ሉ ።

– ፻፴፩ –

S. T. 800

አምላኽና ይባርኽና ፡ የድሕነና ብለው ሃት ። ንሱ ገጹ የብርሃልና · ልዕሊ ኵልና ነፍሳት ። ናብዚ ሀዝብኻ ቐረብ ፡ ከምኡውን ሰላም አቐርብ ። ንአምላኽ ይኹን ምስጋና · ስለ ኵሉ ጸጋ ። አሜን ።

ካ ፡ ኒ ።

– ፻፴፪ –

S. T. 51

ባርኽና ፡ ሐልወና ፡ ዎ አምላኽ ፡ ገጽካ አብርሃልና ፡ ንህዝብኻ ግልጽ በሎም ። አብ ዘ ስምካ ኽነኽብር ፡ አብ ላዕሊውን ብቐዱስ ከንፈር · ክንውድስ ምስ ጻድቃን ኵሎም ፡ ምስ ቅዱስ ኪሩቤል ፡ ምስ ቅዱስ ሱራፌል ። ሆሳእና ፡ ልዑል አምላኽ ፡ ስልጡን አምላኽ ፡ ምልኣትካ ዘይውሱን አምላኽ ።

ካ ፡ ኒ ።



– ፻፴፫ –

S. T. 788

ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ፡ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣንድነት ፡ ፧ ምስ ኵላትና ይኹን ፡ ፧ ምስ ኵላትና ። ኣሜን ።

ካ ፡ ኒ ።

– ፻፴፬ –

S. T. 269

፩ · ዎ ብሩኽ መድሓንየይ ፡ ልበይ የመስ ግነካ ፡ መገብካ ንነፍሰይ · ብስጋኻ ፡ ብደምካ ። ንሀይወተይ ኣጥልል · ብጸጋኻ ዝናም ። ጓሂ ልበይ ኣቕልል ፡ ናባኻ ብምቕራብ ።

፪ · ዝኸበደ ዕዳይ ፡ ብሞትካ ኣርሒኽኮ ፡ ብፍቕርኻ ንኣይ · ምድሓንካ ገለጽኮ ። ንድኹም እምነተይ · ኣበርትዕ መሊስካ ፡ ዝሐመቐት ነፍሰይ · ኣጽንዕ ብተስፋኻ ።

፫ · ዎ ብሩኽ መድሓንየይ ፡ ዎ ሰማያዊ ማና ፡ ንኵሉ ንብረተይ · ንወርትግ ኩኖ ዋና ። ምሳይ ካብ ዘሎኻ · ርግጽ ብጹእ እየ ። እንተ ሞትኩ ኽኣ · እነብር ምሳኻ ።

ካ ፡ ኒ ።



– ፻፴፭ –

S. T. 42

፩ - ዎ የሱስ ፡ ኣይትጕሰየኒ ፡ ጸሎተይ ስማዕ ፡ ወዲ ዳዊት ምሐረኒ ፡ እምንቶይ ኢኻ ። የሱስ ክርስቶስ ፡ ጸሎተይ ስማዕ ፡ ወዲ ዳዊት ምሐረኒ ፡ እምንቶይ ኢኻ ።

፪ - ኣብ ዝፋንካ ኣቕርበኒ ፡ ሀብ ሰላም ንኣይ ። ሓዘን ሓጥያት ከበደኒ ፡ እድሕን ፡ ዎ ጐይታይ ። የሱስ . . . . . .

፫ · ብምጽዋርካ ኣቕረብካኒ · ጸጋ ንምር ካብ ፡ እተደቕሰ ልበይ ጸግን ፡ ይቕሬታኻ ሀብ ። የሱስ . . . . . .

፬ ዘሎኒ ታሕጓስ ብኣኻ · ካብ ሀይወት ሕሩይ ፡ ኣብ ሰማይ ኮነ ፡ ኣብ ምድሪ · ካልእ ኣብለይ ። የሱስ . . . . . .

ካ ፡ ኒ ።

– ፻፴፮ –

S. T. 495

፩ ንኣኻ ፡ አምላኽይ ፡ እደሊ አሎኹ ፡ ሰላምካን ፍቕርኻን · ሀይወት ንኣይ እዩ ። መድሓንየይ እደሊ ፡ ኵሉ ሳዕ እደሊ ፡ ዎ ጐይታይ ፡ ኣድሕነኒ ፡ እመጽእ አሎኹ ።



፪ · ንኣኻ ደሌኹ ፡ ካብ ዘሎኻ ምሳይ ፈታኒ ኣዝዩ · ሽዑ ይርሕቐ ካባይ ። መድሓንየይ እደሊ ፡ ኵሉ ሳዕ እደሊ ፡ ብሓይልኻ ርድኣኒ ፡ እመጽእ አሎኹ ።

፫ · ንኣኻ ደሌኹ ብደስታን ጸበባን ፡ ከይ ጠፍእ ሀይወተይ · ምሳይ ኩን ኵሉ እዋን ። መድሓንየይ እደሊ ፡ ኵሉ ሳዕ እደሊ ፡ መን ፈስ ቅዱስ ሀበኒ ፡ እመጽእ አሎኹ ።

፬ · ንኣኻ ደሌኹ ፡ ፍቓድካ ኽምሀር ፡ ዝሀብካዮ ተስፋ · ከኣ ፈጽመለይ ። መድሓንየይ እደሊ ፡ ኵሉ ሳዕ እደሊ ፡ መገድኻ ምር ሓኒ ፡ እመጽእ አሎኹ ።

፭ - ንኣኻ ደሌኹ ፡ አምላኽ ፡ ምሳይ ንበር ፡ ስጋይኒ ነፍሰይኒ · ናትካ ጥራይ ግበር ። መድሓንየይ እደሊ ፡ ኵሉ ሳዕ እደሊ ፡ ዎ ጐይታ ፡ ባርኽኒ ፡ እመጽእ አሎኹ ።

ካ ፡ ኒ ።

– ፻፴፯ –

S. T. 787

፩ - መድሓንየይ ፡ ምሳይ ንበር ፡ ንልበይ ሕግኻ ንገር ። ኪወግሕኒ ኽመስን ከሎ ፡ መድሓንየይ ፡ ምሳይ ንበር ።

፪ - ብፍቕርኻ ሐሉ ንኣይ ፡ ምርሓኒ ፡ ጐይታይ ፡ ናብ ሰማይ ። ብሓጐስ ኰነ ወይ ብሽጋር ፡ ብፍቕርኻ ሐሉ ንኣይ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፰ —

S. T. 396

፩ - ፍቕሪ ኽብ ላዕሊ ፡ የሱስ ፡ ሀበና ፡ ክንክተለካ አስተምህረና ። ቃልካ ኽንገርግሕ አብ ዓለም ኩላ ፡ አግፍሕ ስልጣንካ ።

፪ - ቅዱስ አጽዋርካ ሒዝና ኽንጋደል ፡ ዕጉሳት ኲንና ሽጋር ክንቅበል ፡ ዓወት ፡ ዕረፍቲ ድማ ኽንዕደል ፡ የሱስ ፡ ርድኣና ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፱ —

Sacr. S. 475

፩ - ጽውዓኻ ሰሚዔ ፡ እመጽአ ፡ ም ጐይ ታይ ፡ ክሕጸብ አብ ክቡር ደምካ ፡ እተኽየ ንኣይ ። ሕጂ መጺኤ ፡ ጐይታይ ናብኻ ፡ አጽ ርየኒ ፡ በቲ ደም ፡ አብ መስቀል ዘፍሰስካ ።

፪ - ድኹም መጻእኩኻ ፡ ም ሓይሊ ድኹ ማት ፡ ርድኣኒ አጽርየኒውን ፡ ክብ ናይ ሓጥ ያት ርስሓት ። ሕጂ መጺኤ ፡ . . . . . .



፫ - ጸዋዕየይ የሱስ ፡ ዩ ፡ ኪፍጽም እም ነተይ ፡ ብፍቕሪ ልበይ ኪመልአ ፡ አብ ምድሪ ፡ አብ ሰማይ ። ሕጂ መጺኤ ፡ . . . . . .

፬ - ዚፍጽም የሱስ ፡ ዩ ፡ ጽቡቕ ግብሩ አባይ ፡ መመሊሱ ጸጋ ዚህብ ፡ ኬጥፍአ አበ ሳይ ። ሕጂ መጺኤ ፡ . . . . . .

፭ - እዚ ምስክሩ ፡ ንዅሎም አመንቲ ፡ ዝህቦም ተስፋ ሓደ ቓል ፡ ክብኡ አይጐ ድልኒ ። ሕጂ መጺኤ ፡ . . . . . .

፮ - እልል ንዚድሕን ደም ፡ እልል ንጸ ግኡ ፡ እልል ንዅሉ በረኸት ፡ እንረኽበ ኽብ ኡ ። ሕጂ መጺኤ ፡ . . . . . .

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፯ —

S. T. 634

፩ - ኢደይ ሒዝክ ምርሓኒ ፡ መድሓንየይ ፡ ጎነበኻ ክኸይድ ፡ ክሳዕ ሰማይ ። በይነይ ክኸ ይድ ከቶ ፡ አይፈቱኒ ፡ ጥራይ ምሳኻ ፡ አምላ ኸይ ፡ እምበሪ ።

፪ - ብጸጋኻ ንልበይ ፡ አጠንቅቆ ፡ ብሽ ጋርኒ ብደስታን ፡ ክተዕርፎ ፡ አብ ትሕቲ ብሩ ኽ አእጋርካ ፡ ተሐጕሰ ፡ ካበኻ ቓል ክሰምዕ ፡ መመሊሰ ።



፫ ፡ መገደይ ዝኸደሉ ፡ አይፈልዋኒ ፡ አ ዒንትኻ ግን ሓቂ ፡ ይምህራኒ ፡ ኢደይ ሒዝክ ምርሓኒ ፡ መድሓንየይ ፡ ጎነበኻ ክኸይድ ፡ ክ ሳዕ ሰማይ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፩ —

S. T. 275

፩ - ለዋህ አምላኽ ፡ ብርሃንካ አብርሃለይ ፡ መታን ብኡ ፡ ጸልማተይ ኪጠፍአለይ ። ብሓይ ልኻ ፡ ጐይታይ ፡ አበርትዓኒ ፡ አብ ቅድሜኻ ፡ የሱስ ፡ ሞገስ ሀበኒ ።

፪ - ኰኹብ ጽባሕ ፡ ብርሃን ንዅሉ ምድ ሪ ፡ ተገለጽካ ፡ ክትመርሕ ነቶም ህዝቢ ፡ ዚግስ ግሱ ፡ ናብ ሰማያዊ ቤትካ ። ርኤኹኻ ፡ ብሓ ጐስ አስዕበክ ።

፫ - ዓራቕየይ ፡ ስለይኒ ስለ ዅሉ ፡ ተቐ በልካ ፡ ጽዋእ ስቓይ ብዘሎ ። ሐግዝ ንኣይ ፡ ብፍቕርኻ ኽጸንዕ ፡ አብ አበሳ ፡ ከይወድቕ ውን ክብርትዕ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፪ —

S. T. 44

፩ - ም ቅዱስ አቦ ፡ ንዓ ተገለጸልና ፡ ንሓይሊ ቓልካ ፡ ልቢ ኽፈተልና ። ካብ እን ደልዮ ፡ አዕዚዝካ ሀበና ፡ አምላኽ ፡ ስምዓና ።

፪ - የሱስ ፡ ስሌና ፡ መሪር ሞት ዝሞትካ ፡ ንድኹም እምነት ፡ አጽንዕ ብፍቶትካ ። ኵሉ ነማዕቀብ ፡ አብ ጥዑም ሓልዮትካ ፡ የሱስ ፡ ርድኣና ።

፫ - ም መንፈስ ቅዱስ ፡ ንዓ ምራሕ ናብ ሓቂ ፡ አብ ልዕሌና ኹን ፡ ሰማያዊ ርግቢ ። ቀ ድሶ ፡ ባርኮ ፡ ንዚጽሊ ልቢ ፡ ፈጽሞ ። አሜን ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀፀ፫ —

S. T. 49

፩ - የሱስ ክርስቶስ ፡ ኵሉ ጽድቀይ ፡ ተስ ፋይ ፡ ሓጐሰይ ኢኻ ። ምሕረትካ ይብጻሕ ንል በይ ፡ ብምኡዝ ጥዑም ቓልካ ። ኩን ምሳይ ፡ መድሓንየይ ፡ ቀድሶ ንንብረተይ ።

፪ - ብስምካ አጀምረኒ ፡ ነቲ አነ ዝገብሮ ፡ በረኸትካ ኺመጸኒ ፡ ብደሓን ክፍጽሞ ። ኩን ምሳይ ፡ . . . . . .

፫ - ሓሳበይኒ ዘረባይኒ ፡ ናብ ፍቓድካ በድሎ ፡ ንዘልኣለም ዚጠቕመኒ ፡ ብትግሃት ከናድዮ ። ኩን ምሳይ ፡ . . . . . .

፬ - ንምድቃስ ምስ ዝግምሰስ ፡ ተኽና ኽን ንነፍሰይ ፣ ምስ ተንሳእኩውን ክውድስ ፡ ንለዋህ አማንየይ ። ኩን ምሳይ ፣ . . . . .

፭ - ምስ አብጻሕኩ ዕለታተይ ፣ አዕርፈኒ ብደሓን ፣ አእትወኒ ፣ ዎ አምላኽይ ፣ አብቲ መንግስቲ ብርሃን ። ኩን ምሳይ ፣ . . . . .

ካ ፡ ኔ ።

ፀ፬ -

S. T. 112

፩ - ምጻእ ናባና ፣ ዎ የሱስ ፣ አውርደልና መንፈስ ቅዱስ ፣ ናይ ልብና ጸሎት ስማዕ ፣ መገዲ ህይወትውን ምራሕ ።

፪ - አፍና ንኽብርካ ኽፈት ፣ ንኣና ጸጋካ ኽሰት ፣ ሀበና መንፈስ ምስትውዓል ፣ ቅዱስ ቃልካ ንምቕባል ።

፫ - ክሳዕ ንዝምር ሐቢርና ፣ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፣ ኢልና ፣ ንኣኻ ፣ ዎ አቦ ብርሃን ፣ ተጸምቢርና ምስ ብጹሓን ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀ፬፩ —

S. T. 112

፩ - ተመስገን ፣ ዎ መድሓኒና ፣ ስለቲ ደምካ ዘፍሰስካ ፣ ካብ ተንኰል ሰይጣን ፣ ካብ ጸልማት ፡ ሳላኻ ኲንና ድሑናት ።

፪ - ንልምነካ ፣ አምላኽና ፣ ስበሮ መቕጐሕ ሓጥያትና ፣ ባልሃና ካብ ኩናን ፣ አድሕን ካብ ጽበት ዘበለ ።

፫ - ርድኣና ኻብ ጉድኣት ሓጥያት ፣ ምስ እንፍተን ሀብ ጽንዓት ፣ ብሓይሊ ቅዱስ መን ፈስካ ፣ ከይብርትዓና ገድልና ።

፬ - ዎ የሱስ ፣ ፈቃር ሓውና ፣ ምምባር ምሳና ፈቶኻ ፣ ካብዚ ኽንሰገር ናብ ሰማይ ፣ ምርሓና በዕልኻ ፣ ጐይታይ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፀ፬፪ —

S T. 153

፩ - ቃልካ ፣ ብጓህን ጸበባን ፣ ንህዝብኻ ይሀብ ብርሃን ። አድሕን ፣ ጐይታ ፣ ካብ ዘይ ምእማን ፣ ሐሱ ቤተ ክርስትያን ።

፪ - ይሐልወና ኻብ ጉድኣት ፣ የብርሀ ናይ ልብና ጸልማት ፣ ካብዚ ድኽነት ፣ ካብ ብኽያት ፣ ይምራሕ መገዲ ሰማያት ።

ካ ፡ ኔ ።



— ፀ፬፬ -

S. T. 280

፩ - ምስቲ ኽባዲ በደለይ ፡ ናበይ ክኸይድ ፣ አምላኽይ ፣ ንልበይ ሓዘን መልኡ ። ትእዛዝካ ኾሱ አፍሪሰ ፣ ነዊሕ ካባኻ አልጊሰ ፣ ዘልአለም ሞት እፈርሆ ። በቲ ኽፉእ ዝገበሮ ፡ ንልበይ ጣዕሳ ሰበሮ ። ዎ ጐይታይ ፣ አድሕነኒ ፣ ንአይ ሽጉር ስምዓኒ ።

፪ - ዎ የሱስ ፣ ናባኻ እርኢ ፣ ኢደይ ዘር ጊሑ ናብ ላዕሊ ፡ 'ዛ ጸሎተይ ስምዓኒ ፡ ተቐበሉ ነፍሰይ ጥውስ ፣ አጽሪ ኽእ ንአይ ርኹስ ፣ ብጸጋኻ ኽሕሎ ። ጥፍአቲ በጊዕ ነበርኩ ፣ ብ አኻ ግን ተረኽብኩ ። አብ ኢድካውን ጸረኒ ፣ ናብ ቤትካ አብጽሓኒ ።

፫ - ቃልካ ፣ ጐይታይ ፣ ነባሪት 'ያ ፣ ዓለም ብአ ተደኸነ ፣ ሰማያት ተናብረ ። ናብ ዓለም የሱስ መጺኡ ፣ ሓጥያትና ኾሉ አጥፊኡ ፣ ንጥ ፉእ የናዲ ። ዎ ጸጋዊ ወንጌል ደሃይ ፣ ከምቲ ኽታሪውን ንአይ ፣ አብ ገነት አእትወኒ ፣ ብሓ ጐስ አምብረኒ ።

ካ ፡ ኔ ።



— ፀ፬፭ —

S. T. 7

፩ - ዎ አምላኽ ፣ መዝገብ ሓቂ ፣ እአምን ብቓልካ ። አብ ምድርን አብ ሰማይን ፡ የና ብር ተስፋኻ ። ብመከራ ኢልካኒ ፣ አነ ረዳ ኢኻ ። ብሀይወትኒ ብሞትኒ ፡ እምህለል ናብ ጐይታይ ።

፪ - የዝሕል ንቓንዛ ነፍሰይ ፡ ብጸጋኻ ምምላል ፣ ደስ የብሎ ንልበይ ፡ ትእዛዝካ ምኽ ታል ። ጸሎት ምስ መሀርካኒ ፣ ብየሱስ ክርስ ቶስ ስም ፣ ጽኑዕ ተስፋ ሀብካኒ ፣ ዚህደሞ ገዳም ።

፫ - ልበይ ዚደልዮ ኾሉ ፡ ትርእዮ ንስኻ ፣ አነ ዝጥቀመሉ ፡ ትፍጽሞ ኢኻ ። ሽጋር ምስ በርትዓኒ ፡ ይቑርብ ሓገዝካ ፣ ንአይ ነይጠፍ አኒ ፡ ንሄይ ከም ዝጸርካ ።

፬ - ክለቆ አይክእልኒ ፡ 'ቲ ሓደ እሙን ቶይ ፣ የልቦን ዚኽልክለኒ ፡ ምልማን ናብ አቦይ ። ጥርጣሬ የልግስለይ ፣ ጥፍአት ዝአ ቴቱ ፣ አይፍለን ካብ አምላኽይ ፡ በርኽት ከይ ረኽብኩ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፸፱ —

S. T. 493

፩ - ጐይታ ፡ ትሕቲ መስቀልካ ፡ ምንባር አብቅዓኒ ፡ ንነፍሰይ ናብ ዘሕውያ ፡ አብ ህይወት ፈልፋሊ ። መስቀልካ ፡ መስቀልካ ፡ በይኑ እዩ ዝብረይ ፡ ክሳዕ አብ ብጽኢናዃ ፡ እትሀርፍ ነፍሰይ ።

፪ - ካብቲ መስቀል ረኺበ ፡ ግሩም ዝኸነ ጸጋ ፡ አብኡ ርእየ ድማኢ ፡ ኪወጸለይ ተስፋ ። መስቀልካ ፡ . . . . . ፡

፫ - ንምጻርውን መስቀልካ ፡ የሱስ ፡ ኣፍ ትወኒ ፡ ንምስዋብ ደድሕሬኻ ፡ ድማ ደግፈኒ ። መስቀልካ ፡ . . . . . ፡

፬ - ትሕቲ መስቀል ነቒሔ ፡ ምምጻእካ እጽበ ። ክብረትካውን ፡ በቒዒ ፡ ንምርአይ እትምነ ። መስቀልካ ፡ . . . . . ፡

ኡ ፡ ኤ ።

— ፻፸ —

S. T. 94

፩ - ፈቃር አምላኽ ፡ ንምድሓነይ ፡ ስል ጡን ኢድካ ዘርጊሕካ ፡ አብ ሓጥያት ዝሞተ ነፍሰይ ፡ ክብ ሙሳት ዘተንሳእካ ። አብርሃለይ



ዓይኒ ልበይ ፡ ንምርአይ መገድኻ ፡ ከይዝም ብል ካባኻ ።

፪ - አብርሃዮ ንመገደይ ፡ እኩይ ከይሕን ኮለኒ ፡ ክብ ኣመል ሓጥያት ፍትሓኒ ፡ ዜፍ ርሃኒ አልግሶ ። አብጽሓኒ ፡ ዎ አምላኽይ ፡ ናብ ዝደመቐ ብርሃን ፡ አብቲ ሃገር ብጹእን ።

፫ - ግመ ዘይምእማን አብንኖ ፡ ክርኢ ድሙቕ ብርሃን ፡ አባኻ ምድሓን ከም ዘሎ ፡ ሐግዘኒ ንምእማን ። የሱስ ዘውጽኦ መገዲ ፡ የድሕነኒ ኻብ ጥፍኣት ፡ የእትወኒ ሰማያት ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፻፸፩ —

I. C. 105

፩ - ክትንስእ እየ ፡ ናብ አቦይውን ክቐርብ ፡ ክእመን ሓጥያተይ አብ ቅድሚኡ ። ናብ ፍቐሪ አምላኽ ንርእሰይ ከማዕቀኑብ ፡ ክሰግድ እየ አብ ጥቓ እግሩ ።

፪ - ከምዚ ኽእመን ፡ ዎ አቦይ ፡ ሕደገለይ ፡ ንኣኻን ንሰማይውን ሐጢኤ ። ሰላምካ ሀብ ፡ አሕዊ ቕሱል ልበይ ፡ ምሕረት እልምን ፡ ዎ መሓሪየ ።



፫ - እፈልጥ እየ ሓጥያተይ ከም ዝበዝሐ ፡ ድንጋጽ አቦይ ግና ዓቢ እዩ። ይምሕር አሎ ንሱ ንተነስሐ ፡ ጥፉእ ወዱ ይቕበል አብ ሕቑፉ ።

፬ - ክትንስእ እየ ፡ ናብ ቤት አቦይ ክግስ ግስ ፡ ክምሕጸን ብእምነት ናብ ምሕረቱ ። ማሕበር ብጹእን ብአይ ክትሕጐስ ፡ መላእኽቲ ብምምላሰይ ደስ ኪብሉ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፻፸፪ —

S T. 790

፩ - ዎ የሱስ ፡ ምሰይ ተጋወር ፡ ክፉእ ዘበለ አባርር ። ንስኻ ኢኻ ተስፋይ ። የሱስ ፡ ወርትግ ኩን ምሰይ ።

፪ - የሱሰይ ፡ ናተይ ክብ ኩንካ ፡ አርኢብ ካኒ ብለውሃትካ ። ዚሰእን የልበን ንኣይ ። የሱስ ፡ ወርትግ ኩን ምሰይ ።

፫ - ሕጃይ ምስ ዝሐድጎ ምድሪ ፡ ሐቢረ ምስቶም መላእኽቲ ፡ ክቕርበልካ ምስጋናይ ። የሱስ ፡ ወርትግ ኩን ምሰይ ።

ኡ ፡ ኤ ።



— ፻፸፫ —

S. T. 469

፩ - ብገርሂ ንቕዱስ ቃልካ ፡ ኣኽእሰኒ ኽሰምዖ ። ከስተውዕሎ ዋጋ ደምካ ፡ ምእንታይ እተኾዖ ። ንስቓይካ ብምርአዩ ፡ ልበይ ፍቕሪ ኽምህር ፡ ፍትወት ርእሰይ ምስ ክፍኣቱ ፡ ብምፍቃርካ ኽስዕር ።

፪ - ንኣኻ መታን ከለሊ ፡ ሀብ ንልበይ ብሩህ ፍልጠት ፡ ናባኻውን ምስ ዝጽሊ ፡ ፍጠረለይ ግርህነት ። ከም ውሉድ ገይሩ ዚቃረብ ፡ ነበ እናለመኖ ፡ ጨያፍ ልሳኑ ዚዛረብ ፡ ብዚበልጽ ትህበ ።

፫ ፡ ሰርት ፡ ዎ አምላኽ ፡ አብ ልበይ ፡ እሙን ፍቕሪ ንአሕዋት ፡ ኵሉ ጉድለተይ ምልኣለይ ፡ ንምምሃር ፍጠር ትግሃት ። ክብ ብጸትከም ዝነአስኩ ፡ መታን ኪርአየኒ ፡ ልበይ አብ ትሕትና ሐሉ ፡ ዎ ናይ ነፍሰይ መፍቀሪ ።

፬ - ብድኻመይ ምስ ዝስነፍ ፡ ክደነኒ ሓይልኻ ። ከተሐጕስ ወይስ ክትዘልፍ ፡ አጽንዓለይ ተስፋኻ ። ኣኽራን ከም ስምዒ ኽመኩ ፡

ምስያት ኪጥቕለሉ ፡ ቃል አምላኽ ነይሐልፍ
ሰብ ፡ የውዕል ንኢመንቱ ።

ሉ ፡ ኤ ።

— ደፃፀ —

S T. 40

፩ - የሱሰይ ፡ እኽተለካ ፡ እንተ ኽፍአኒ
ኢኻ ፡ ብሕሰም ኩነ ብጣዕሚ እሙን መራሒ
ኢኻ ፡ አሰርከ ፡ አሰርከ ክስዕብ ደድሕፍኻ ።

፪ - ትመርሐኒ አብ መገዲ ፡ ኪንክኒ መጸ
ኺ ፡ አብ ፍርሃት ፡ አብ ሞት ትረድእ ፡ እና
መው ጽኢ ። አሰርከ ፡ . .

፫ - እነ ሓጥእ ምግዳር እየ ፡ ዘቕርበልካ
ንብደይ ። ናትካ እየ ፡ ኽብ ብሕጂ ፡ ጸጎኻ ድኽ
ንትይ ፡ አሰርከ ፡ . .

፬ - ኩሉ ምስ ዚሐልፍ እኳ ፡ የሱስ ፡ ነባ
ፍ ኢኻ ። ገንዘብ ኩሉ ምስ ዚጠፍእ ፡ ሃብ
ታም እየ ምሳኻ ። አሰርከ ፡ . . . . . .

፭ - ምስ ዝደኪ ፡ ምስ ዝስንፍ ፡ ሐግዘኒ
ብልኻ ። ኽብ ድኽም ፡ ኽብ ሞት ነይወርፍ ፡
ንፈረተይ ብጀክኻ ። ምሳኻ ፡ ምሳኻ ፡ እስዕር
ንሞት እኳ ።

ሉ ፡ ኤ ።



— ደፃፀ —

S. T. 492

፩ - የሱሰይ ፡ ፈቃር ኽብ ኩሉ ፡ ኩን ህይ
ወተይ ንስኻ ፡ ደግፈኒ ፡ ክመላለስ ፡ ዕድመይ
ኩሉ ምሳኻ ። የሱሰይ ምሳኻ ፡ የሱሰይ ምሳኻ ፡
ደግፈኒ ፡ ክመላለስ ዕድመይ ኩሉ ምሳኻ ።

፪ - ስለ ኽንቱ ኽብሪ ዓለም ፡ ደስትእን
ኣይልምንኒ ፡ ኩሉ ሰዕ ምንባር ምሳኻ ፡ ትም
ኒተይ ፡ዩ እምበሪ ። የሱሰይ ምሳኻ ፡ የሱሰይ ም
ሳኻ ፡ ብሓጐስ ኩነ ብሽጋር ክመላለስ ምሳኻ ።

፫ - ምስ ተወድኤ መዓልተይ ፡ ርባ ሞት
አሳጊርክ ፡ ደገ ህይወት ዘልኣለም አእትወኒ
ምሳኻ ። የሱሰይ ምሳኻ ፡ የሱሰይ ምሳኻ ፡ ደገ
ህይወት ዘልኣለም አእትወኒ ምሳኻ ።

ሲ ፡ በ ።

— ደፃፈ —

S. T. 124

፩ - ም ለዋህ መድሓንየይ ፡ ወርትግ ኩን
መጻግዔይ ። ብጽሩይ ፡ ክቡር ደምክ ፡ ኩሉ
ናይ ሓጥያት ዕዳ ደምስሰልይ ፡ ም ጐይታይ ፡
ምሕረትክውን ህብ ንኣይ ።

፪ - ብንብዓተይ ገድለይሲ ኩዱ አይኩን



ደይኒ ፡ ርኽሰት ሓጥያት ንምሕጻብ ፡ ሕግኽ
ንምፍጻም ። ጥራይ ኪበኽ ፡ መድሕነይ ፡ እዩ
ኹሉ ረድኤተይ ።

፫ - ዘቕርበልካ ኔብለይ ፡ መስቀልካ እዩ
ጀግዔይ ። ዕሩኽ ፡ ዘኽታም ለማናይ ። ጸጋኽ
እዩ ተስፋይ ። ም ናይ ህይወት ፈልፋሊ ፡ ነፍ
ሰይ ባዕልኽ አጽሪ ።

፬ - ኽብዚ ሓላፊ ዕድመይ ምስ ጸዋዕ
ኩውን ነፍሰይ ፡ ደው ምስ በልኩ ቅድሜኽ ፡
ኽትፈርደለይ ክሎኽ ፡ ም ኽቡር መድሓንየይ ፡
ወርትግ ኩን መጻግዔይ ።

ሰ ፡ በ ።

— ደፃፈ —

S I 308

፩ - ብኹሉ ዚስዕር ፍቕሪ ፡ አብ ልበይ
እንድዮ ። ሐዘኒ ኢደይ ፡ ክይስልኪ ፡ ፤ ስንሞይ
ምርሓዮ ። ፤

፪ - በዚ ሃልሃልታ ንልበይ ኽብ ክፍአት
ኩልዓዮ ፡ ስዐር ነቲ ሓጥእ ጠበይ ፡ ፤ ንነፍሰይ
ቀድሰ ። ፤

፫ - ም መንፈስ ተስፋ አብ ፡ ንዓ ፡ ሓጥያ
ተይ ይምስሰ ፡ ናብ ድንዙዝ መንፈሰይ ምጻእ ፡
፤ እሞ አንቅሓዮ ። ፤



፬ - ንልበይ መርምር ፡ ም ጐይታይ ፡ ብር
ሃን ነፍሰይ ክሰት ። አስርጸ አብ ኩለንትናይ
፤ እቲ ቅዱስ ህይወት ። ፤

፭ - ልበይ ብጸጋ ጸኒው ፡ ኪብርትዕ ኽብ
ድኽም ፡ ክርስቶስ ምስ ኩነ መዝገቡ ፡ ፤ ይመል
አ ብሰላም ። ፤

ሉ ፡ ኤ ።

— ደፃፀ —

S. T. 279

ም የሱስ ክርስቶስ ፡ መድሕነይ ፡ ናብ ህይ
ወት ዘልኣለም ፡ ናብ እጹብ ቤትክ አብ ሰማ
ይ ፡ ምርሓኒ ኽብዛ ዓለም ። ጐይይ አብዚ ምስ
ፈጸምኩ ፡ ነፍሰይ ተቐበላ ናብኡ ፡ አብ ማሕ
በር ሕሩያትክ ።

ሉ ፡ ኤ ።

— ደፃፀ —

S. T. 793

ም የሱስ ፡ አብ ሰናይ ምርሓኒ ፡ አቕንዕ
ስንሞይ አብ ሰላም ። ብሓይሊ መንፈስ አጽ
ንዓኒ ፡ አበርትዓኒ አብ ድኽም ። ክብ ኢደክ ፡
እሙን መራሒ ፡ ክቕበል ርስቲ ነበረ ።

ሉ ፡ ኤ ።

– ፱፮ –

S. T. 87

ምርሓኒ፡ ዎ መድሓንየይ፡ ናብ ሓቅ'ካ፡ ናብ ህይወት። ጽሑፍ ክእ አብ ሕሊናይ · መራሒ ቓል ንዓወት። ተ'ሽዲነ ብሓይል'ካ · ንቅዱስ፡ ፈቃር ም'ክር'ካ · ከ'ክብር ብእ'ካይ ጻይ።

ኔ፡ ኔ።

– ፱፮፩ –

I. C. 283

፩ · ምጻእ ናባይ፡ ዎ የሱስ መድሓኒ፡ ይልምነካ 'ሎ መንፈሰይ። ልበይ ኤማዕቀ'ብ እብ ናትካ ፍቕሪ፡ ብኡ ምሕረትካ ገበርካለይ። ንይታይ፡ ምጻኒ፡ ስማዕ ጸሎተይ፡ ራሕስ'ካ ጭሉ ክትህበኒ፡ ጥራይ ናባ'ካ 'ዩ ሃረርታ ልበይ፡ አባይ ንበር ክትባርኽኒ።

፪ · ናይ ሓጥያት ርስሓት ዘበለ ጭሉ · እመ ይጸሪ ብጸጋ'ካ። ፈቃር መድሓኒ፡ ወሰን ይብሉ፡ ሰላም ንነፍሲ ሃያብ ኢ'ካ። ንይታይ፡ ምጻኒ፡ . . . . . .

፫ · ምስ ዝወላወል፡ ኬውድቐኒ · እቲ ፈ ታኒ ይብል ሃረር፡ ሽው ብኢድካ ተበርትዓኒ፡



ነቲ ጸላኢ ድማ እስዕር። ንይታይ፡ ምጻኒ፡ . . .

፬ · ም 'ክቡር ንይታይ፡ ስፈር አብ ል በይ፡ መጸግዒይኒ ዋልታይ ኢ'ካ፡ ዘሸግረኒ አብዚ ምዃይ · ይድርኽኒ ናብ ፍቕር'ካ። ንይታይ፡ ምጻኒ፡ . . . . . .

ኤ፡ ተ።

– ፱፮፱ –

S. T. 469

፩ · ቃል ጸሎተይ ምስ ዚድይብ · ሃልሃል ብዚብል ክንፈ፡ ጸጋ'ካ ሸው 'ክረክብ፡ ም ንይታይ፡ ውረደኒ። ምሉእ 'ዩ ሽው ሰላመይ፡ ፍቕር'ካ ድሉተይ 'ዩ። ሓጐስውን ዚመልእ ልበይ፡ ምላሽ ሃረርታይ እዩ።

፪ · ሓዘን፡ ሽጋር ኪሳቐየኒ፡ ነፍሰይ ምስ ተሸበረት፡ ኤድህየካ፡ ዎ መድሓኒ፡ ሽግ እረ ክብውን ረድኡት። ሽው ጥውም እዩ ሰላመይ · ብምዕራፍ አብ ሕቑፈ'ካ፡ ሓጐስውን ክመ ልእ ልበይ፡ ሃረርታይ 'ዩ ናባ'ካ።

፫ · ብሓጐስን ብብርሃንን · እሰግደልካ፡ ዎ የሱስ። ምጽላይውን ይገብረኒ · ወርትግ ብእ'ካ ሕጉስ። ፍጹም 'ዩ እምበኣር ሰላመይ ·



ምሳ'ካ 'ክብ ዘሎ'ኹ። ምላ'ክካውን ንጸሎተይ ይይውዳእ ሓጐስ እዩ።

ኤ፡ ተ።

– ፱፮፫ –

I. C. 250

፩ · ቤትካ ገነት ኪ'ኽን እዩ፡ አምላ'ክ 'ተ ሉካ፡ ሓጐስን አድሃን ምሉእ 'ዩ፡ ቤተ ፍቕሪ ወድኣት። ምስ ሎሱ 'ክፉእ ትዋጋእ፡ ሎሱ ልቓይ ትዕገስ፡ ናይ ብጻይካ አይትትምነን፡ አምላ'ክ 'ተሉካ። አምላ'ክካ፡ አምላ'ክካ፡ ነባ ሬት እያ ተስፋ'ካ፡ 'ተሉ ምሳ'ካ።

፪ · ቤትካ ገነት ኪ'ኽን እዩ፡ አምላ'ክ 'ተ ሉካ፡ ዕግርግር ኪጠፍእ እዩ፡ ሰላም ኪገዝእ። ብቓል አምላ'ክካ ትእመን፡ ትረክብ ምሉእ ሓጐስ፡ ዝሕልሕል አይክብለካን 'ዩ፡ አምላ'ክ 'ተሉካ። አምላ'ክካ፡ አምላ'ክካ፡ የብርሃልካ ፅዙዝ ፍቕሪ፡ 'ተሉ ምሳ'ካ።

፫ · ቤትካ ፍ'ሽሕው ኪ'ኽን እዩ፡ አምላ'ክ 'ተሉካ፡ እምነት አይኪጐድሉን እዩ፡ ፍቕሪ ይመልኡ። ፍቕርን ስምምዕ እዮም · ክልተ ብሉጻት ፅንቀ፡ አብ ሰናይ ዚመርሑ እዮም።



አምላ'ክ 'ተሉካ። አምላ'ክካ፡ አምላ'ክካ፡ ንሳ እያ ቤት ጸሎትካ፡ 'ተሉ ምሳ'ካ።

፬ · ም መድሕንና፡ ብሩ'ክ አምላ'ክና፡ ም ንይታ 'ሎሉ፡ ባር'ክልና ነዛ ቤትና፡ ፍቕሪ 'ኽመልኣ። ካብ ሓጥያት ክእ አድሕና፡ ካብ ጌጋውን ሐልዋ፡ ብደምካ ድማ ሕተማ፡ ም ንይታ 'ሎሉ። አምላ'ክና፡ አምላ'ክና፡ ንስ'ካ ንበር አብ ቤትና፡ ም ንይታ 'ሎሉ።

እ፡ ሃ።

– ፱፮፬ –

Church Hymns & Gospel Songs. 278

፩ · ምግዋር ምስ ንይታ፡ በቲ ብርሃን ቃሉ፡ ዓቢ 'ክብረት 'ዩ ዚስዕበና። አዛዛ 'ናስ ለጥና · ምሳና 'ዩ ዘሉ፡ ድማ ምስ 'ቶም ዝአ መንም። እመን ክታ፡ ልብ'ካ 'ክፈቶ · ጸጋኡ 'ኽመልኣካ፡ ተአመን ፈጺምካ።

፪ · ደበናን ጸልማትን · አይጉልብብን ሰማይ። ንሱ ስዕረት 'ዩ ዚህበና። ፍርሃት ኩነ ጓሂ፡ ቃንዛ 'ኹነ ብ'ክያት፡ መን 'ዩ 'ቲ ዚፈሊ 'ክብ ንይታ፡ እመን . . . . . .

፫ · ሕማማትና 'ሎሉ · ባዕሉ ይፍውሶ።

ንቢ ፡ ካሕሳ የዳልወልካ ። ብሩኽ እዩ ኣማኒ ፡ መስቀል ኩነ ገድሊ ፡ ድማ ምስ ኵሎም ሕሩያቱ ። እመን . . . . . .

፬ · ጥቓ እግሩ ፡ ኽፍ በል ፡ ቃሉ ድማ ሕማዕ ፡ ጥዑም ማይ ኬፍስሰልካ እዩ ። ምእ ታውካን ምውጻእካን ፡ ብርሃን ኩነ ጸልማት ፡ ፋላ ጸጋ ርሒቑ ፍርሃት ። እመን . . . .

፭ · ጸር ሓጥያትካ ፡ ሸሉ · ደርብዮ ፡ ካባኻ ፡ ቅዱስ ቃሉ ፡ ዩ ዚምህረካ። ሓዘን ኩነ ገፃር · ይልወጥ ናብ ሓጐስ · ምስ እዙዛትኒ እሙ ናትን ። እመን . . . . . .

ይ ፡ ተ ።

ፀሎት

S. T. 736

፩ · ጸልማት ከይኸበኒ ፡ የሱስ ፡ ቅረበኒ ። ፍቕርኻ ፡ ክገክሮ · ጸጋኻ ሀበኒ ። ኣስምዓኒ ቓል ጸጋ ፡ ኣቕርበ መኣድኻ ፡ ክብሪ ፡ ሞገስክ ኼኣ · ኣብ ዚግለጸሉ ።

፪ · ሓሳብ ልበይ ጠሚርክ ፡ ናባኻ እክቦ ፡ ጠቲ ዘጽርዮ ደምካ · ሕልናይ ንጹን ። ደግፈኒ ንምቕራብ ፡ ኣሰርካውን ንምስዓብ ። ዚድልየኒ ኵሉ ሀብ · ካብቲ ሪቕ ምልኣትካ ።



፫ · ባህታ ፡ ኹነ ተለሙ · ዝበጽሓኒ ሎሚ ፡ ልበይ ሓጐስ ዝመልኣ ፡ ወይስ ዚሕዝነኒ · ነገሉ ኤፍልጦ እየ ። ብትብዓት ነገሉ ግዜ ፡ ነቲ ለውዎት ዝመልኤ ፡ ሰማያዊ ኣቦይ ።

፬ · ምግዱራት ክነስና · ጸጽባሕ ክንውድስ ፡ ንምኽባርካ ልሳንና · ብቕብኣትካ ቐድስ ። ዎ ኣድሓኒ ነፍስና ፡ ካብ ብጥንቲ ተስፋና ፡ ናባኻ ተማዕቀኑና ፡ የሱስ ኣድሕነና ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፀሎት –

፧ ኣሚንተይ ናብ ኣኽራን ኤልዕል ኣሎኹ ። ረዳኤተይ ካበይ እዩ ዚመጸኒ ፡፧ ረዳኤ ተይሲ ፡ ኻብቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ ። ፧ ንሱ ንእግርኻ ኣየሰናኽልን ሓላዊኻ ኣይታኽስን ። እንሆ ፡ እቲ ንእስራኤል ዚሕሉ ኣይታኽስን ኣይድቅስን ። ፧

– ፀሎት –

Dav. Ps. av Blomqvist 37

ልበይ ኣንጽሃዮ ፡ ኣምላኽይ ፡ ጽኑዕ መን



ፈስ ድማ · ኣብ ውሽጠይ ሐድስ ። ኣይትደር ብየኒ ፡ ካብ ቅድሚ ገጽካ ፡ ቅዱስ መንፈስካ ኣይተርሕቕ ካባይ ። ልበይ ኣንጽሃዮ ፡ ኣምላኽይ ፡ ጽኑዕ መንፈስ ድማ · ኣብ ውሽጠይ ሐድስ ።

ኡ ፡ ኤ ።

መዝሙር ምዕዳምኒ ምንቃሕኒ ።

(ካብ ፀሎት ክሳዕ ፀ፯)

— ፀሎት —

S. T 518

፩ · ንዑ ፡ ድኹማት ነላትኩም ፡ ኣሎ ዕረፍት ናባይ ፡ ከምዚ ይብለና የሱስ ፡ ክንደይ ብሩኽ ደሃይ ። የበስረና ይቕፈታ ፡ ጸጋ ፡ ሰላም ከኣ ፡ ከምኡውን ደስታን ፍቕርን · ከቶ ዘይውዳእ ።

፪ · ንዑ ፡ ነሉኹም ሓለፍቲ ፡ ኣሎ ብርሃን ኣባይ ፡ ጸልማትኩም ክብርሃልኩም ፡ ክንደይ ብሩኽ ደሃይ ። ለቒቕና ፡ ካብ መገድና ፡ ነበርና ጥፉኣት ፡ ንሱ ግን ረኽበና ፡ ኣርሒቑ ጸልማት ።

፫ · ንዑ ፡ እተሐለለኩም ፡ ኣሎ ህይወት

ኣባይ ፡ ኣነ ኽበርትዓኩም ፡ ክንደይ ብሩኽ ደሃይ ። ሓያል እዩ ጸላኢና · ውግእናውን ጽኑዕ ፡ ግን የሱስ ዜድሕነና · ኣሎና ብርቱዕ ።

፬ · ነሉ ናባይ ዚመጽእ ፡ ኣየርሕቕን ካባይ ። ከምዚ ይብለና የሱስ ፡ ክንደይ ብሩኽ ደሃይ ። ኣይግብኣናን ነበረ ፡ ግን ስለ ፍቕርኻ · ዕዱማት ገበርክና ፡ ጐይታ ፡ ናባኻ ።

ካ ፡ ኔ ።

– ፀሎት –

I. C. 296

፩ · ናይ የሱስ ጥዑም ደሃዩ · ሰሚዕክዮ ኦ ፡ ም ሓወይ ፡ ነሉ ሕደግ ፡ ስዐበኒ ፡ ገፋፋይ ክትኸነኒ ።፧ እስዕበካ ፡ ም መድሕነይ ፡፧ ፈትየ ኦ ፡ ሎ ምሉእ ዘበነይ ።

፪ · ትኽእል ዲኻ ኽትሰተ · ናይ ጌትሴማን ጽዋእ ለይቲ ፡ ክትነቅሕ ትኽእል ዲኻ ፡ ክትልምኖ ነቦኻ ፡፧ እስዕበካ ፡ . . . . . .

፫ · ክትስውእ ትፈቱ ዲኻ · ብምሉእ ነቲ ሓይልኻ ፡ ነቲ ኽሉ ዝህበካ · ትውፈዶ ህይወትካ ፡፧ እስዕበካ ፡ . . . . . .

፬ · ንዓ ሕሻይ ፡ ፍቁር ሓወይ ፡ እምነተይ

ሠሐሎ'ካዮ ፡ አምላ'ክ ለዊጡ ስቓይካ ፡ አ'ክ ሊል ክብሪ ይበካ ። ፡ አስዕበካ ፡ . . . . . አ ፡ ሃ ።

– ፪፫፬ –

Sacr. S. 77

፩ · ከመይ ከምዚ ይቕልጥፉ ፡ ይጉዮሰ እዞም ሰበት ፡ ግሩም ዝ'ኹን አ'ኬባ · ይእከቡ ፅለት ፅለት ፡ ፡ ስማዕ ፡ ይነግሩ'ካ 'ኺብሉ ፡ የሱስ ናዝራዊ መጺኡ ። ፡

፪ · እዚ የሱስ 'ዚ መን እዩ · ክንድዚ ሕብ ዚ'ክተሎ ፡ ሓደ ሓላፍ መገዲ ዶ · ብሓቂ ኽምዚ ይቑንዖ ፡ ፡ ስማዕ ፡ ይነግሩ'ካ 'ኺብሉ ፡ የሱስ ናዝራዊ መጺኡ ። ፡

፫ · የሱስ ክብ ሰማይ ወረደ · አብ ማእከል ሓጥአን 'ሸጉራት ፡ አብ ኵሉ ዝበጽሑ ፀታ ህይወት ይህብ ንምውታት ። ፡ ዕዉር ዓይ በሎ ሰሚዑ ፡ የሱስ ናዝራዊ መጺኡ ። ፡

፬ · ናባና ድማ መጺኡ ፡ ይስማዕ አሎ ወሬኡ ፡ ደጊም ግዲ'ኹም በጺሑ ፡ ምእ'ው ናብ ልብ'ኹም ደልዩ ። ፡ እልል ፡ እልል ከ ዘይትብሉ ፡ የሱስ ናዝራዊ መጺኡ ። ፡



፭ · ዝ'ኽበደካ ንዓ ናብዚ ፡ ክትቅበል ይቕሬታ ፡ ሰላም ። አብ ትሕቲ ሓጥያት ዘሎ'ካ ፡ ካብ አብ ዝሐከልካ ጠላም ። ፡ ምጻእ ክትወስድ ጸግኡ ፡ የሱስ ናዝራዊ መጺኡ ። ፡

፮ · ምፅዳሙን ፍቕሩን ከኣ · ካባ'ካ እንተ አርሐቕካ ፡ ብአ'ካ ሐዚኑ ይርሐቕ ፡ መንከ ይደርዘ ንብዓትካ ፡ ፡ ዓሂ አባ'ካ ተሪፉ ፡ የሱስ ናዝራዊ ሐሊፉ ። ፡

ካ ፡ ኔ ።

– ፪፫፭ –

S. T. 625

፩ · ናብ የሱስ ቀልጥፍ ፡ አይትዝሐጥ ፡ አብቲ ቓል አሎካ መገዲ ፡ ይልምነካ 'ሎ መድሓኒ ፡ ንዓ ፡ ናብ ልበይ ምጻእ ። ናብኡ ምሻድ ብጽእና እዩ ፡ ስእነት ኵሉ ይተርፍ 'ሸው ፡ እወ ፡ ዓቢ ብጽእና እዩ · ምስ የሱስ አብ ቤቱ ።

፪ · ግደፍዎም ናባይ ይምጽኡ ፡ ኢሉ መድሓኒና አዚዙ ። መገድስ እምበር ክፉት እዩ ፡ ንው ንኺድ ናብኡ ። ናብኡ ምሻድ . . .

፫ · ርኤ መድሓኒ አብ ጥቓ'ካ ፡ ሃረር ዚብሎ ነቲ ልብ'ካ ፡ እስኪ ጽን በሎ ልማኖኡ ፡



መደይ ፡ ናባይ ንዓ ። ናብኡ ምሻድ . . . . .

ተ ፡ ሰ ።

– ፪፫፮ –

Sacı S 451

፩ · አበይ ሰራሕካ ቤት · ዘልኣለም 'ትነብረሉ ፡ አብ ጠላም ሓጥያት ሑጻ ዶ ፡ ውሕጅ ፡ ሽዖ ዚደፍአ ፡ ስራሕ አብቲ 'ሸውሓ ፡ አብቲ ጽጉዕ መሰረት ፡ አብ ክርስቶስ ፡ ንሱ 'ዩ ጸግዒ ፡ እምባና ንድሕንነት ።

፪ · ጸፍዒ ምስ ሀረሞ · እንታይ ደኣ ትመ'ክሮ ፡ ክዳዕ ሑጻ ምስ ጠለመ ፡ አብኡ ዝመስረትካሉ ። ስራሕ . . . . . .

፫ · ክሳዕ ሓያል ውሕጅ · ዚመጽእ ኣይትጸበ ። 'ሸው ተስፋ ቑረጽ ፡ ቤትካ · ንሕልፈቱ ይድርበ ። ስራሕ . . .

ካ ፡ ኔ ።

– ፪፫፯ –

S T. 272

፩ · ሰማያዊ ሃገር ዚሓቱ የልቦን · ወርትግ ብሓይሊ ዘይጋደል ። ነፍሲ 'ካብ ጥፍኣት ምእንቲ 'ኽትድሕን ፡ ብርቱዕ ምውጋእ ይዋጋእ ። ጸጋ አምላ'ክና ንእ'ካ እዩ 'ሞ ፡ ጸቢብ



ግን እዩ መገዱን ደጊኡን ። ስለዚ የድሊ ንቕድሚት ምድፋእ ፡ እንተ ዘይከነስ ትጠፍእ ።

፪ · ከልካሊ ብዙሕ አሎ ፡ ነፍሲ ድሉ ፡ ሰይጣን · ጥፍኣትካ ይትምነ ። ነቲ ዚ'ኽልኣካ ብሓይሊ በሎ ፡ ሚያጋት ዓለም ግደፎም ። ቃሉም አይትስማዕ · ናብኣም ዚሐብሉ'ካ ፡ እንተ ወሸ'ካ ፡ ትጠፍእ ኢ'ካ 'ሞ ። ምእንትዚ እልምን ፡ እመክር ከኣ ፡ ስለ አ'ክሊልካ 'ኽትዋጋእ ።

፫ · ሰማያዊ 'ክብሪ ዘይሐልፍ እዩ ፡ ሓጉሱ ነባሪ 'ዩ 'ሞ ። ጸልማት ኩቶ አይኣቱን እዩ ናብኡ ፡ ብርሃኑ ጐይታ እዩ 'ሞ ። ስለዚ ንቕሕ ፡ ተጠንቂቕካ ንበር ፡ ደሊ'ካ ጽናሕ ነቲ ዕለት ምጽኣት ። አብቲ 'ኽተማ 'ካብ ዚእትዉ 'ሱሎም · ልብሲ መርዓ 'ዩ ዚድለ ።

፬ · አብቲ ርስት'ካ አይትአቱን ኢ'ካ ፡ ምስ የሱስ እንተ ዘይነድካ ። ንሱ በይኑ እዩ 'ሞ ሓላዊ'ካ ፡ ቅዱስ መጽሓፍ ይነግረካ ። እንተ አምለጥካ እኳ ብኡ ኢ'ካ ፡ ስለዚ ስማዕ ፡ ካብ ውድቀትካ ተንስእ ። ቃል መድሓኒ'ካ ብምሉእ ልቢ ሐዝ ፡ ንሱ 'ዩ በይኑ መገዲ ።

፫ · አምላኽና ይእውጅ ክተቱ ኸብል ፡ መታን ምድሓኑ ኼበስር ፡ ጐይታ ኼዐውተካ ይፈቱ ፡ ይኽእል ፡ ደጊም ተጊህካ ድለያ ። ሰማ ኾይ ኢድ ሓንጐፋይ ትብለካ ፡ የሱስ ደጌኻ ይፀርም ንምእታው ፡ ይጽውዓካ ’ሎ ቅዱስ መንፈሱ ፡ እንተ ሰማዕካ ትባረኽ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፫፬ —

S T. 324

፩ · ንዓ ’ሱሉ ተዳሎ ፡ ቃሉ ስማዕ ። ንዓ እንታ ዕድሙ ፡ እኽሉ ብላዕ ። አብ ድራኑ ገኻ ፡ እዛ ዝብለካ ’ያ ፡ ኩሉ ናትክ እዩ ፡ ንዓ ፡ ደጊም ንዓ ።

፪ · አብታ ማይ ህይወት ንዓ ፡ አንታ ጅሙእ ። ንዓ ብድኽናኻ ፡ ዓገብ ምሉእ ። እል ፍን አእላፋትን · ሰትዮም ረዊዮምሲ ፡ ገና ኣይጐደለን ፡ ንዓ ፡ ጽሙእ ንዓ ።

፫ · ንዓ አብቲ ዝፋኑ ፡ ዝፋን ምሕረት ። ጀሀር ብእምነቱ ፡ ብትዕግስቲ ። ሓጐስክን ጓሂ ኻን · ሽጋርካን ሓሳብካን · ኩሉ ኣዛርበ ፡ ንዓ ፡ ደጊም ንዓ ።



፬ · ምድሪ ዓዲ ጓሂ · ግዳ ’ይትርክብ ። ንዓ ዓዲ እልልታ ፡ ጋሻ ዞልጥፍ ። ዓወቱን ምሕረቱን · ምልኣቱን ጸግኡን · ናይ ዘልኣለም እዩ ። ንዓ ፡ ጋሻ ንዓ ።

፭ · የሱስ ካብ ሽጋርና · ኣዕርፈና ፡ ደም ስሉ ዓገብና ፡ ኣንታ ለዋህ ። ኩሉ ጸር ኣውሪድና ፡ ካብ ዓሚቑ ወጺእና ፡ ብርሃንካ ለቢስና · ኽንመጻኻ ።

እ ፡ ሃ ።

— ፻፫፭ —

S. T. 680

፮ · ም ፈታው የሱስ ፡ ኣምላኽካ ኽትርእዮ ፡ ዘውዲውን ምርካብ · እንተ ደሌኻዮ ፡ እምበኣር ጽሀር · ፧ ኣብዛ እዋን ሓጻር ። ፧

፱ · አብ ርባ ብኽያት · ነባሪ ነይኩንካ ። ኣይትድለ ምዕራፍ · ላዕሊ ኽይበጻሕካ ፡ ኣብዚ ጻዕሪ ’ዩ ። ፧ ግን ሰላም ኣብኡ ። ፧

፲ · ትኽ ኢልካ ጉየ ፡ ድሕሪት ኣይትመለስ ። ዓለም ኣይትድለ ፡ ፈጺምካ ተቐደስ ፡ ሳዕቤን ተድላኡ · ፧ ዕንቅፋት እዩ ። ፧

፲፩ · ዓለም መሊሱ · ገመዱ ይድርቢ ፡ ስለ



ጂ ናብኡ · ኽይትሕንኩል ጸሊ ። የሱስካ ስማዕ ፡ ፧ ብፍቕሩ ጽናዕ ። ፧

፭ · ምእንትዚ ግጠም ፡ ኣብ ሰማይ ኣን ቃዕርር ፡ ከቶ ኣይትድከም ፡ ርስትኻ በል ሀረር ። ዓስቢ ኣሎካ ፡ ፧ ዘውዲ ኽብርኻ ። ፧

፮ · ም የሱስ ለዋህ ፡ ኩላትና ርድኣና ፡ ክይንስሕት ከኣ · ሓገዝክ ሀበና ። ሓይልና ኢኻ ፡ ፧ ሓበን ህዝብኻ ። ፧

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፫፮ —

Kom. 84

፩ · ምስ የሱስ ኪቕመጡ ፡ ደሃዩውን ኪሰምዑ ፡ ካብ ሰሚን ፡ ደቡብ ፡ ሰባት ይመጹ ፡ ካብ ምድሪ ብመላኡ ፡ ብሩህ ገጹ ኽጥምቱ ፡ ብጽእናውን ኪለብሱ ፡ መዝሙር ኪገምሩሉ · ንዘልኣለሙ ።

፪ · ካብ ሀቦብላ ባሕሪ ፡ ካብ ኣሻሱ መግድታት ፡ ካብ ነዊሕ ኣኽራን ፡ ካብ ቀላቀል ጸድፊ ፡ ይመጹ ናብ ኣምላኽና ፡ አብ መስቀል ዝሞተልና ፡ ንመርዓዊ ኽረኽቡ ፡ ናይ መርዓ ኽዳውንቲ · ሽዑ ኪኽደኑ ።



፫ · ካብ ሽጋርኒ ጸበባን · ሓርነት ዝረኽቡ ፡ ዘይፍቀድ ሞፍራ · ኪእክብ ናብኡ ። ሽዑ ኩሉ ሓድሽ ’ዩ ፡ ሕማም ፡ ሞት ምስ ብኽያቱ ፡ ለይቲውን ምስ ጸልማቱ ፡ ኩሉ ሕሊፉ እዩ ። እልልታ ጥራይ ኩይኑ ።

፬ · ኣፍ ደገ ሰማይ ከኣ · ንዅሉ ተኽፈቱ ፡ የሱስ ይጽውዕ · ንነፍስ ወከፍና ፡ ስፍራውን ቶዳልዩ ፡ ቅድሜና ዝሐለፉ · ንኣና ኪቕበሉ ፡ ምስ መላእኽቲ ዅይኖም · መዝሙር ’ናዘመሩ ።

ኺ ፡ ኔ ።

— ፻፫፯ —

S. T. 586

፩ · ሞፍራ ጸልማት ይጸናተው · ወርትግ ኣብ መግድኻ ፡ አብ ጥፍኣት ኪድርብዩኻ · ሐሲቡም ይሐብሉኻ ። ከም ፈተውትኻ ይመስሉ ፡ ጽልኢ ድማ የልዕሉ ፡ ብኽፋእ ሓሳብ ይፍትኑ ፡ ህይወትካውን የምርሩ ።

፪ · ሓይሎም ዓቢ ’ዩ ብሓቂ ፡ ተንኰሎም ከኣ ክፉእ ፡ በይንኻ እንተ ጸወርካ ፡ ከቶ ኣይክእልኒ ’ዩ ። ስልጣን ሰብ ድኹም እዩ ’ሞ ፡

ምስታቶም ዘይኽእል ፡ ጸጋ ክርስቶስኒ ስልጣ
ን ፡ ንምስዐርም ይኽእል ።

፫ ፡ ብጸሎት ቅረብ ናብ ጐይታ ፡ ንሱ
ጸልግት ዘርሐቖ ። በይኑ እዩ ርእሰ ተመን ፡
ንምጭፍላቕ ዝበቕዔ ። ቅዱስ መንፈሱ ንል
ቢ ፡ ሓይሊ ስዕረት ይህበ ። ኪድ ናብ የሱስ
ምስ ትፍተን ፡ ንጸላኢ ዜድቅቆ ።

ካ ፡ ኔ ።

— ደረፍ —

Sacr. S. 197

፩ ፡ ዘክሮ ንዳንኤል ፡ ካብ ምርኮ ፡ ንምም
ለስ ክንደይ ዝናፈቖ ። ገጹ ኣቕኒዑ ናብ ቅዱስ
ምርኮ ፡ በብእዋኑ ለመነ ። ገጽካ መሊስካ ዶ
ናብ የሩሳሌም ፡ ጋሻ ኪንካ ኣብዚ ዓለም ከ
ምኺ ፡ ንጉስካ ዝትርእ ተዳሊኻ ዲኻ ፡ ምም
ጽኡ ኣይተርፍኒ ።

፪ ፡ ኣይትፍራህ ፡ ኣብቲ ጉድንድ ኣናብስ ፡
መድ ክኣ ዝረሰነ እቶን ። ኣምላኽ ዳንኤል
ከም ዜድሕንካ ፡ ይረድኣካ ብመልኣኽ ። ገጽካ
መሊስካ ዶ . . . . . .

፫ ፡ ጅግና ኹን ከ ፡ ኣታ ወዲ ኣምላኽ ፡
መድሓንካ ኣኽብር ጸባኦት ። ገጽካ ኣቕንዕ



ናብቲ ኣኽራን ጽዮን ፡ ንጉስካ ተጸብዮ ። ገጽካ
መሊስካ ዶ . . . .

ካ ፡ ኔ ።

— ደረፍ —

S. T 329

፩ ፡ ሕጂ ድማ ደገ ኽፋት ኣሎ ፡ እልል
በል ቀልጥፍውን ግዜ ኽሎ ፡ ሕጂ ፡ ሎሚ ፡
ስፍራ ኽሎ እቶ ።

፪ ፡ ምድሪ መስዩ ፡ ጸሓይውን ወሪዱ ፡ ጸል
ማት ኸይኑ ፡ መገዲ ጸኒዑ ። ሕጂ ፡ . . . .

፫ ፡ ኣብ ቤት መርዓ ድራር ተዳልዩ ፡ እቶ ፡
እቶ ፡ መርዓዊ 'ሐጕሰ ፡ ሕጂ ፡ . . . .

፬ ፡ ተሎ ፡ ተሎ ፡ ቤት ይምላእ እልልታ ፡
ቀልጥፍ እቶ ናብ ናይ ሰማይ ደስታ ፡ ሕጂ . . .

፭ ፡ ሕጅስ እምበረ ደገን ስፍራን ኣሎ ፡
ንቤት ሰላም ሽላ ኣይትበሉ ፡ ሕጂ ፡ . . . . .

፮ ፡ ይጽበዩኻ ፡ ንዓ ቖልጥፍ እቶ ፡ ንነባሪ
ማይ ህያወት ስተዮ ፡ ሕጂ ፡ . . . . . .

፯ ፡ ሓጐስ ሰማይ ተቖሪቡልካ 'ሎ ፡ ዕድመ
መልእኽቲውን ተቖበሎ ፡ ሕጂ ፡ . . . . .

፰ ፡ ዘይትሰምዕ ምኽሪ ፈታዊኻ ፡ ንዓ ፡
ዕረፍ ካብ ብርቱዕ ንሂኻ ። ሕጂ ፡ . . .



፱ ፡ ክንደይ ሳዕ 'ዩ ባዕሉ ዐዲሙካ ፡ ጥፍ
ኣት ፡ ስቓይ ከይኽውን ግደኻ ፡ ሕጂ ፡ . . . .

ባ ፡ ዑ ።

— ደቂ —

S. T. 346

፩ ፡ ምስ ኣምላኽናን ቃሉን ፡ ምስ ቅዱስ
ቊርባን ፡ ምስ መንፈሱን ፍቕሩን ፡ ምስ ሕብ
ረት ኣሕዋት ፡ ብኹሉ ዚመጽእ ፍርሃት
የብልናን ። ፡ እቲ እሙን ንሳ ፡ ኣሎ 'ሞ
ምሳና ፡ ብዓቢ ለሙሃት ።

፪ ፡ ከም ቀዳሞት እስራኤል ፡ ሎሚ ኽኣ ፡
ይጮዕዙ ናብ ከንኣን ፡ እቶም እሙናት ።
ብሓይሊ ይዐግቶም ክልክሊ ኽኣ ፡ ፡ ግን
ኣምላኽ ይመርሖም ፡ ፡ ብርግጽ ይመርሖም ፡
መገዲ ኽብረት ።

፫ ፡ ሰብ ዓለም ንኽንቱ ፡ ይፈትዉ ጥራይ ፡
ርኽሰትኒ ሓጥያትኒ ፡ እዩ ተድልኣም ፡ ግን ኣነ
እፈቱ ፡ ምኻድ ናብ ሰማይ ፡ ፡ ምስ 'ቶም
ቕዱራ ክርስቶስ ፡ ፡ ዚኽዱ ምስ ክርስቶስ ፡
ኣምላኽ ዜድሕኖም ።

፬ ፡ ብመስቀልኒ ጸርፍን ፡ እዕገስ እየ ፡



እካ እንተ ፈለዩኒ ፡ ኣዝማደይ ። ንጀጋኑ ጐይ
ታ ፡ ኽስዕበም ሐርየ ፡ ፡ ዚጽዕሩ ንኽብሪ ፡ ፡
ንዘይልወጥ ክብሪ ፡ ኣብ ገጽ ኣምላኽይ ።

፩ ፡ ናይ ደበና ዓንዲ ፡ መራሒና 'ዩ ፡
ንረዊ ኽኣ ካብ ፡ ወሓዚ ኽሙሒ ፡ እዚ ፍቕሪ
ክርስቶስኒ ፡ ደሙን እዩ ። ፡ ብኡ ፡ 'ዩ ምዕራፍ
ና ፡ ፡ ብኡ ፡ 'ዩ ትብዓትና ፡ ምስዓር ድማኡ ።

፪ ፡ ም የሱስ ፡ ምሳና ንበር ፡ ኩሉ እዋን ፡
ተኽናኽነና ፡ ጸረና ኽኣ ። እሙን ብምኽንካ
ንኣቱ ደሓን ። ፡ ኣሜን ፡ ስግደት ፡ ክብሪ ፡ ፡ ይ
ኹን ስግደት ፡ ክብሪ ፡ ንልዑል ኣምላኽና ።

ካ ፡ ኔ ።

— ደቂቅ —

S. T. 438

፩ ፡ ብየሱስ ስም ድፋኣ ፡ እዋን ሓጺር
'ዩ ። ኣብ ዓለም ኣይትጽናዕ ፡ እዋን ሓጺር 'ዩ ።
ትኽ ኢለ ንቕድመይ ፡ ኣሎ ምዕራፍ ነፍሰይ ፡
ናብኡ 'ዩ ድሴተይ ። እዋን ሓጺር 'ዩ ።

፪ ፡ እንተልኩ 'ኳ ኽብ ፡ ለጥ ፡ እዋን ሓ
ጺር 'ዩ ። ላዕሊ ኣሎኒ ቤት ፡ እዋን ሓጺር 'ዩ ።
ሰልፈይ መገደይውን ፡ ብርቱዕ ክነሱ ግን ፡

የሱስ እዩ ዜድሕን ። እዋን ሓጺር 'ዩ ።

፫ - ቀጥ በል ብሃይማኖት፣ እዋን ሓጺር 'ዩ = ጽዐር ንእኽሊልካ፣ እዋን ሓጺር 'ዩ ። ክሎኹ ምሳኻ - ሓዘን አይእቶኻ፣ ዘልኩ እን ተልኩኻ ። እዋን ሓጺር 'ዩ ።

፬ - ብስርሒይ ትጋህ፣ እዋን ሓጺር 'ዩ ። ደገይ ጥራይ ጽናዕ፣ እዋን ሓጺር 'ዩ ። ሐዘ ንናተይ ቃል፣ ንሳሕ ንምግልጋል፣ ባህ በል ንምግዳል ። እዋን ሓጺር 'ዩ ።

ካ ፡ ኒ ።

— ደጥ፪ —

S T. 279 (o. c.)

፩ - እዋን ሓላፊ 'ዩ፣ ዋዛ መዋፍኢኡ ። ሓሳብካ እንተ ቐንዓካ፣ መጠንካ ተሐጕስ ኢኻ ። እዋን ሓላፊ 'ዩ ።

፪ - እዋን ሓላፊ 'ዩ፣ ሓዘን መዋፍኢኡ ። ሞንቀት እንተ ረኸበካ፣ አይተዕርበ ሕሊናኻ ። እዋን ሓላፊ 'ዩ ።

፫ - እዋን ሓላፊ 'ዩ፣ ትህኪት መዋፍኢ ኡ ። ፈተኻ ዕየ አብ ምድሪ፣ ጽቡቕ ዘበለ ኽትፈሪ ። እዋን ሓላፊ 'ዩ ።

ካ ፡ ኒ ።



አምላኽ እመን ። ድማ ብቕኑዕ ሕሊና - ፍቓድ አምላኽ ፈጽም ።

፫ - ብክርስቶስ ነሱ ትኽእል፣ ምስኡ ብርቱዕ ኢኻ፣ ክብ ነሱ ስሕተት የውዕል፣ ክትዕወትሙን ኢኻ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ደጥ፭ — 185

S. T. 288

፩ - አምላኽ መጸ ናብ ልቢ፣ ደገ ኽፈ ተሉ ። ናብ ሓጥኣን ሕጂ የድሂ፣ ድቑስ ልቢ ይትንኪ፣ ከገልጸሉ ፍቕሩ ። አድህብ፣ ም ጥፉእ ወዲ፣ ሕጂ ኽፈተሉ ።

፪ - ንደሃይ ለዋህ ስማዕ፣ የድህየልና አሎ፣ ናብ ሰላም ሕቑፈይ ምጻእ፣ አብ እሙ ን ፍቕረይ ጽናዕ፣ ክብ ጥፍኣት ክትሕሎ ። ምዕዳሙ አይትንዓቕ፣ ቀልጠፍካ ተዳሎ ።

፫ - ቅረበኒ፣ የሱሰይ፣ ማዕጸ ልበይ አር ሑ ። ደምስስ ዕዳ ሓጥያተይ፣ መልእ ነሱ ጕድለተይ፣ አጥሚ ነፍሰይ ነሱ ። ቅረበኒ፣ መድሕነይ፣ ልበይ ክተዳሉ ።

ኡ ፡ ኡ ።



— ደጥ፫ —

S. T. 309

፩ - እቲ ደገ ተኽፈቱ - ናብ መንግስቲ ዘልኣለም ። መልእኽቲ መስቀል ወጺኡ - ናብ ኵሉ ወገን ዓለም ። ከመይ ዝበለ ግሩም ፍቕ ሪ - ብደሙ ተስፋ ነባሪ ። ንኣይ፣ ንኣይ፣ ንኣይ ክፉት ሰማይ ።

፪ - ክፉት ንነፍሲ ወከፍ ሰብ - ብሓጥያቱ ዚናዘዝ ። ንዓብን ንእሽቶን ሽጉር ሰብ - ምስ ፈተና ዚቃለስ ። ከመይ . . . . . .

፫ - ክብ ስሕተት ዓለም ቀልጢፍካ - እቶ ብደገ ጸጋ ። ተቐበሎ ንመስቀልካ፣ ተጋደል ክሳዕ ሞትካ ። ከመይ . . . . . .

፬ - ብፍቕሪ ክርስቶስ፣ ዓወቱ - ልብሲ ኽብሪ ኽንለብስ፣ ሽው ኽንደይ ክንውድስውን - አብ ቅድሚኡ ኽንደርስ ። ከመይ . . . .

— ደጥ፬ —

S. T. 710

፩ - አምላኽ ብቓሉ አፍለጡ - ዚደልዮ ኻብኻ ። ይግስጸካ ኣፍቂሩ፣ ኪጠቅም ንኣኻ ።

፪ - ብገርህነት፣ ብትሕትና - ክም ቃል



— ደጥ፮ —

S. T. 287

፩ - ኳሕ፣ ኳሕ ዜብል ዘሎ አብ ደገ ልቢ - መን ኮን እዩ፣ መን እዩ መድሓኒት ዚህብ ንነፍሲ፣ መድሓኒት ንውሽጣዊ ቕኑሉ፣

፪ - እዚ ኳሕ ምባል ቅድሚ ሕጂ ድማ - ሰሚዕካዮ፣ ክትዕደል ክብ የሱስ ናይ ልቢ ደስታ፣ ከመይ ከ ንኡ ዘይትኽፍቶ፣

፫ - ተሐዊሱ አሎ ጓሂ ምስ ተድላ - አብዛ ምድሪ ። ናይ ዓለም ምፍንጣዝ ምስ ከንቱነታ - ንልቢ ዕረፍቲ አይህብኒ ።

፬ - ጽጌረዳ ዘበለ አሻሹ እዩ ። የሱስ በይ ኑ - ሰላም ይህበና፣ ስቓይ ዜብሉ፣ ብጽእና ድማ ንሓዋሩ ።

፭ - አብ ዓለምና ዘሎ፣ ሃብቲ ወይ ኽመ ት፣ ሓላፊ 'ዩ ። ክብ ሃብቱ ኽትዕደል ዘይሐ ልፍ ክብረት፣ ዚማሰሎ የልቦን ክም ናቱ ።

፮ - ንየሱስ ሕጃይ አርሕወሉ ሎሚ ኪህበካ - ዝበለጸ ሃብቲ፣ ዘይሐልፍ ርስቲ ናይ ህይወት ኣኽሊል ኪደፍአልካ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ደሣይ —

S. T. 341

፩ - ደገ ልብኻ ይሀርሞ · የሱስ ክርስቶስ ንጉስካ፣ ዓቢ ፍቕሩ ኾ ዝናፍቕ · ንምንበሩ ኣፀኻ። ሎም ክፈት ንንጉስ ክብሪ፣ ሎም ክፈት ንየሱስካ፣ ኣብኡ ህይወትኒ ሰላምኒ · ትረኽበ፣ ኣይትዘንጋዕ።

፪ - ልብኻ ንኽንቱ ነገር · ኵሉ ሳዕ ተኽፈቱ፣ ኬድሕነካ ንዚደሊ · ንኡ ግን ተዐጽዩ። ሎም ክፈት . . . . . .

፫ - ክርስቶስ ገና ኣብ ኣፍ ደገ · ምላሽካ ደድበዮ፣ ክቡር ሓወይ፣ ኣይትዘንጋዕ፣ ጸግኡ ተቐበሎ። ሎም ክፈት . . . . . .

ሲ፣ በ።

— ደሣይ —

S. T. 540

፩ - ግዜ ምድሓንካ ገና ኽሎ፣ ሕሰብ ከ መይ ከም ኾትድሕን። ምስ ሐለፈ፣ ምርካብ ሰ ኣምኺ፣ ተወጊትካ፣ ኽይትስእን። መታን ክትወ ጽኡ ክብ ፍርዲ፣ ተወዘብ ርእስኻ ሕጂ።

፪ - ኣምላኽ ኪዕድመካ ኽሎ፣ ደሃዩ ኣኾ ኪብል፣ ተልዓል። መመሊሱ ይዕድም ኣሎ፣



ተዘንጊዕካ ግን ኣይትውዐል። ኳሕ እናኣበለ ደገ፣ ክንደይ መዓልቲ ዘይመጸ።

፫ · ዘይከፈትካሉ እንተ ኾንካ፣ ንልብኻ ሕጂ ኣርሒ። እናልቀሰ ኽምዚ ይብለካ፣ ንኣኻ መስቀል ሞት ጸርኩ። እዕድመካ፣ ናተይ ኩን፣ ብሞገሰይ ኢኻ ድሑን።

፬ - ተሓጐስ በቲ ዕርቂ የሱስ፣ ንሱ እዩ ምድሓን ዚህብ፣ ደሓር ከኣ ኣብቲ ብጽእና ዘይውዳእ ሓጐስ የስዕብ። መታን ክትረክብ ግን ምድሓን፣ ፍለጥ ናይ ምሕረትካ እዋን።

ኡ፣ ኤ።

— ደሣይ —

Sacr. S 366

፩ - ካብ ዓበይቲ ሓደ ናብ የሱስ መጸ፣ ናይ ህይወት መገዲ ኽሐትት ደለ። ምላሹ መድሓኒና ህበ ኽኢ፣ ካብ ላዕሊ ኽትውለድ ኢኻ። እብለካ ኣሎኹ፣ ንኣኻ ግዲ እዩ፣ ኣብ ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሊኻ፣ ካብ ላዕሊ ኽትውለድ ኢኻ።

፪ · ኣቱም ደቂ ኣዳም፣ ነዚ ጽን በሉ፣ መድሓኒና የሱስ ዚብለኩም ስምዑ። መልእኽቱ ኣብ ነሳትና ሎም ይስማዕ፣ ካብ ላዕሊ . .



፫ · ምእታው እትደሊ ኣብ ሃገር ብርሃን፣ ምስጋና ኽትዝምርውን ምስ ብጹኣን፣ ንህይወት ዘልኣለም ክትርኽቦ ኽኣ፣ ካብ ላዕሊ . .

፬ · ንቕድሚት ዝሐለፉ ፈተውትኻ · ኣብ ሓጐስ ጐይታና ይጽበዩኻ። ምስኣም ክትራኽብ እንተ ደሊኻ፣ ካብ ላዕሊ . . .

ሲ፣ በ።

— ደሣይ —

S. T. 312

፩ · ከመይ ዘይትትንስእ፣ ሥ ሓወይ፣ መንልትኻ ኽይሐለፈ፣ መድሓኒኻ ይጽውዓካ፣ ሰላም ኪህበካ እዩ። ሎሚ፣ ሎሚ · እዩ መዓልቲ ምድሓን፣ ሕጂ፣ ሕጂ እዩ ናይ ጸጋ እዋን።

፪ · ከመይ ዘይትትንስእ፣ ሥ ሓወይ፣ ግዜ ምሕረትካ ሓጺር ዩ። ግዙእ ክልተ ጐይትት ክትከውን · ክዮ ኣይኰነልካን እዩ። ሎሚ፣ ሎሚ . . . . . .

፫ · ይቕሬታ ኾብ ሓጥያትካ ኾሉ፣ ምጽራይውን ብቅዱስ ደሙ፣ ንዋንቲ ዘይሐልፍ ብጽእና · ዚህብ የሱስ በይኑ እዩ። ሎሚ፣ ሎሚ . . . . . .

፬ · ሥ ሓወይ፣ ከመይ ዘይትትንስእ ኣብ



ግዜ ምሕረት ከሎኻ፣ ተኽፈቱ ኽሎ ኣፍ ደገ፣ ከይዕጸ ፈጢንካ ምጻእ። ሎሚ፣ ሎሚ . . .

ሲ፣ በ።

— ደሣይ —

S. I 318

፩ ምሐረኒ፣ ክቡር ጐይታይ፣ ስለ ቲ ቅዱስ ስምካ። ሓጥያተይ'ውን ሕደገለይ · ብዝሒ ምሕረታትካ። ክግስግስ ናብቲ ኣቦይ በቲ ቅቡኣ መድሓኒ፣ በደለይ ተኣሚነ፣ ክሓጥያት ክጸሪ።

፪ · ሓጥያተይ ክእመነልካ፣ በደለይ ክነግረካ፣ ጐይታይ፣ ንኣኻ ኣበስኩ · ክፉእ ድግጠርኩ። ክግስግስ . . . . . .

፫ · ጐይታይ፣ እምለስ ናብኻ · ክምገብ ቅዱስ ቃልካ። ብመንፈስካ ውሽጠይ ሐድስ ናብቲ ሰናይ ክግስግስ። ክግስግስ . . .

፬ · ንጹህ ልቢ ፍጠረለይ፣ ነቲ ሰናይ ክ ፈቱ። ሐልወኒውን ከይምለስ · ናብ ናይ ሓጥያት ዓዘቕቲ። ክግስግስ . . . . . .

፭ - ብዝሒ ሓጥያተይ ፈሊጠ፣ ንምኽራብ ኣይደፍርኒ። የሱስ ግና ኣፍቂሩኒ፣ ደሙ ኣጽርዩኒ። ክግስግስ . . . . . .

ገ፣ በ።

ር ምዝርጋሐን ምምጻእን
መንግስቲ ሰማያት ።
(ካብ ደኀጰ ክሳዕ ጰደጰ)

ደሣሬ

I. C. 239

፩ - ስማዕ ፡ የሱስ የድህየካ ፡ ዓጻዳይ ኪ
ንሱ 'ዩ 'ቲ መፍቀሪኻ ፡ ሕራይ ፡ በል
ድሮ ግራቱ በጺሑ ፡ ንምህናት ቀ
ንፍሳተን ኪድሕና ፡ ይጽበ 'ሎ
ስማዕ ፡ የሱስ የድህየካ ፡ ዓጻዳይ ኪ
ንሱ 'ዩ 'ቲ መፍቀሪኻ ፡ ሕራይ ፡ በል

፪ - ኣብ ኵሉ ሃገራት ኣረም - ብዘይ ተስ
ድምቱ ፡ ኪድ እሞ ወንጌል ንገሮም ፡ ብጐይ
ንሽንቱ ኸየስቁርቁርካ - ኪዶም
ሕዲግካ ፡ ቅዱስ ጸዓትውን ለቢስካ ፡
ጐይታ ይብለካ። ስማዕ ፡ የሱስ . . .

፫ - ኣብ ዙርያ'ካ'ሞ ቄላሕ በል - ግብሪ
ንኒኑ ፡ ኣታ ሓራ ዝወጻእካ ፡ ኪድ
ጐይታ በሪህካ ። ነቶም ሓጥያት ዝኣሰሮም ፡
ምድሓን ኣብስሮም ፡ ብፍቕሪ ኣረድ



ኣዮም ፡ ናብ ክርስቶስ ኣምጽኣዮም ። ስማዕ ፡
የሱስ . . . . .

እ ፡ ሃ ።

— ደሣፎ —

Sacr. S. 101

፩ - ስምዑ ዓጻዶ ኾሉ ፡ ብኽንቱ ደው
ትብሉ ፡ ጥዑም ግዜ ይሐልፍ ፡ ይጠፍእ ብኽም
ኣ ። እንታይ 'ሞ ይጠቕመኩም - ንኻልኦት
ምጽባይ ፡ ክቡር ግዜ ይሐልፍ ፡ ዚጠቅም
ንምዕያይ ።

፪ - ኣብ ግራት ናይ ኣምላኽ ኪዱ ፡ ዕየዩ
ብትግሃት ፡ ይመጽእ ኣሎ እሞ ፡ ዘየዕየኩም
ጸልማት ። ጐይታ ዓጻዶ ደልዩ ፡ ይረክብ ኩን
ምላሽ ፡ ወይ 'ቲ ፍረ ኣብ ግራቱ - ኽተርፍ
ንብላሽ ፡

፫ - ኪዱ ፡ ነፍሳት ኣድሕኑ - ብቕዱስ
ቃል ወንጌል ፡ ይብራህ ብርሃን ኣብ ኵሉ ፡
ብፍጹም ልብ ንበል ። ዕየ በቲ ህያብካ ፡
ንእሙን ሰራሓይ - ጐይታና የሱስ ክርስቶስ -
የዕርፎ ኣብ ሰማይ ።

ኑ ፡ ኑ ።



— ደሣዐ —

S. T. 598

፩ - ናይ ኣምላኽ ወንጌል ይዝርጋሕ ፡ ኣብ
ገዬዶ ይሰልሐ ፡ ተንኩል ምስ ሓሶት ይህ
ድም ፡ ብስልጣኑ የፍርሆ ።

፪ - ንኣህዛብ ከኣ ይዕድል - ሓቅን ጸጋን
ይቕረታን ። ክብሪ ኣምላኽ ይዝምሩ - ስለ ዝ
ዘይም ምድሓን ።

፫ - ብብርሃን ሓቀኛ ቓሉ - ይስዕር ምል
ኪ ጸልማት ፡ ንነፍሳት ከኣ ይፈትሕ - ክብቲ
ግእሰርቲ ሓጥያት ።

፬ - ኣብ ብዘላ እዛ ዓለም - የሱስ ስም ኪ
ምህለሉ ፡ ሓቂ ገንዘቦም ኪኸውን ፡ ንኣምላኽ
ኔገልግሉ ።

ኑ ፡ ኑ ።

— ደሣፅ —

፩ - ኣገልጋሊ ናይ የሱስ ክትከውን ፡ ብሓ
ጕስ ክትነግር ምሕረቱ ፡ ርሑቓትኒ ዋፋኣት
ክትጽውዕ ፡ ንዅሎም ናብ ዕብየት መንግስቱ ፡
ፃ ትጽዋዕ ኣሎኻ ፡ ሕጂ ኸድ ፃ ፡ ሕጂ 'ዩ ግዜ
ምሕረትኩም ፡ በሎም ፡ ቃል ተስፋ ናይ የሱስ
ንገርም ።





፪ - ቃል ተስፋ ናይ የሱስካ ንገርም -
ነቶም ክፍኣት ዝደፍኦም ሰባት ፡ ብባርነት
ሓጢኣት እሱራት ፡ እተሳናዶ ሓራ ስበኽ ።
ፃ ትጽዋዕ ኣሎኻ ፡ . . . . .

፫ - ብስም የሱስ መዝሙር ጽቡቕ ቃኒ ፡
ብድኻሙን ስደቱን ሞቱን ፡ ንዅሉ ኸም ዝጸ
ሮ ብፍቕሪ ፡ ሓጥያትና ዘበለ ኼዛሪ ። ፃ ትጽ
ዋዕ ኣሎኻ ፡ . . . . .

፬ - ፍቕዳ ቦታ ፋሕ ንዘሉ ዅሎም - ፍቕ
ርኻ ኣርኢኻ ምለሶም ፡ ንዕራቓት ከም ክእ
ለትካ ኽደን ፡ ነቶም ሽጉራት ኣርሀወሎም ።
ፃ ትጽዋዕ ኣሎኻ ፡ . . . . .

፭ - ትጽዋዕ ኣሎኻ ፡ ሕጂ ገስግስ ፡ ጽባሕ
ግዝያት ከይሐልፈካ ፡ ብምዝንጋዕ ስራሑ
ኸይበኹር ፡ ኣምላኽካ ጸብጻብ ይደልየካ ።
ፃ ትጽዋዕ ኣሎኻ ፡ . . . .

ጸ ፡ ሓ ።

— ደሣሼ —

S. T. 541

፩ - ዓጻዶ ኣበይ ኩን ይርከቡ ፡ ነቲ ብ
ጹሕ እኽለ ዚእክቡ ፡ ንኣምላኽ ብባህጊ ዜገል

ግሉ ፣ በቲ ማዕጸድ ሓቂ ዚወጽዱሉ ፤ መን ይ
ልእኽ ፤ መን ኰን እዩ ፡ ኣብቶም ግዱዓት ዓጻ
ዶ ዚእቱ ፣ ስለ ሰማይ መን ይጽዕት ፣ መን
ኰን ኪኾበል ኣኽሊ.ል ስዕረት ፤

፪ ፡ ናብ ገጸር ፣ ናብ ከተማታት ውጼ ፣
ይርከብ ኣብ ኵሉ ፍሩይ እኽሉ ። ብምኹእ
እዋን ኣይትዘንግዑ ፣ ነፍሳት ናብ ምድሓኖም
ክትዕድሙ ። መን ይልእኽ ፤ . . . . . .

፫ ፡ ዘራእቱ ምህናቱ ቐሪቡ ፣ ንዓለም ይጅ
መር ግዜ ቐውዑ ። ሰኣን ዚወፍረሉ ግን ዛሕ
ቲሉ ፣ ኣብ መንጎ ይጠፍእ ክቡር እኽሉ ።
መን ይልእኽ ፤ . . . . . .

፬ ፡ ኣቱም ጽዉዓት ፣ እምበኣር ምጹ ፣ ነቲ
ብጹሕ እኽሊ ኽትእክቡ ። ብባህግን ትግሃትን
ኣታሕስሱ ፣ ብሓንሳእ ምስ ጐይታ ኽትሕጐሱ ።
መን ይልእኽ ፤ . . . . . .

ሉ ፡ ኤ ።

— ፻፸፯ —

S. T. 469

፩ ፡ ኪድ ናብ ኣምላኽ ፣ ናብቲ ግራቱ ፣
ከየንቁልቁለት ጸሓይ ። ከይኽልኣከ ጸልማት



ለይቲ ፣ ገስግስ ናብ ተግባር ምዕያይ ። ክቡር
ዘራእቱ ኽይሀንት ፣ ገስግስ ናብቲ ግራት ኣም
ላኽ ። ሓወይ ተንሲእካ ተዳሎ ፣ ብጐይታኻ
ተለአኽ ።

፪ ፡ ህዝብታት መታን ኪነኽሑ ፣ ኬስተው
ዕሉ ስሕተቶም ፣ ካብቶም ጣኣታት ኪርሕቁ ፣
ቀልጢፍካ ብርሃን ሀቦም ፣ በሪሁ ንጥፉእ ነፍ
ሲ ፣ ዚመርሐ ናብ ቤት ልኄም ፣ በዚ በረኻ ዚ
ሕልፍ ፣ ዜእትዎ የሩሳሌም ።

፫ ፡ ህዝብታት ንምርካብ ጽድቂ ፡ ባህጊ
ገና ኽለዎም ፣ ልኡኻት ዚደልዩ ነፍሳት ፡ ኬብ
ርሁ ስደደሎም ። ኣበስሮም ወንጌል ክርስቶስ ፣
ዜፍልጦም ክቡር ፍቕሩ ፣ ካብ ሓጥያቶምውን
ዚፍውስ ፣ ብዜሕዊ ጸግኡ ።

፬ ፡ ገስግስ ቀልጢፍካ ፣ ይመሊ ፣ ፅለታትና
ሐጺሩ ፣ ተቐላጢፉ ኽም ሕልሚ ፣ ዕድሜና
ሓላፊ 'ዩ ። ደጊም ከሎካ መዓልቲ ፣ ኪድ ፣
ጐይታ ምስ ጸውዔ ። ሓወይ ፣ ከምዚ ምለሰ
ሉ ፣ እኄኹ ፣ ተዳልየ ።

ሉ ፡ ኤ ።



፻፸፰ —

S. T. 656

፩ ፡ ክንደይ ዜሐጕስ እዩ ፡ ምንጋር 'ቲ
ብስራት ፣ ኣምላኽም ንዘይፈልጡ ፣ ብሓጥያት
እሱራት ፣ ብድሙቕ ብርሃን ኣምላኽ ፡ ምብ
ራህ ጸልማት ለይቲ ፣ ምምላስ ናብቲ ቤት
ኣምላኽ ፡ ንጥፉኣት ደቂ ።

፪ ፡ የሱስ ክብ ዚመርሓኒ ፣ ብህ የብለኒ 'ዩ፣
ኣብ ዚበጽሓኒ 'ኹሉ ፡ ይድግፍ ጸግኡ ። ኣብ
ጸልማት እንተ ኽድኩ ፣ ይኽይድ ግን ምሳይ ፣
ብፈቃር ኣደ ሒዙኒ ፡ ይመርሕ ናብ ሰማይ ።

፫ ፡ በዚ ሓጺር ግዜና ፡ ንዝራእ ጽቡቕ
ዘርኢ ፣ ብጻዕርና ኽንረክብ ፡ ሃብታም ፣ ርሑስ
ቀውዒ ። ለይቲ ኽሳዕ ዚሐልፍ ፡ ሓጺር እዩ
ግዜ ፣ ድሓር ግን ክንደይ ሓጕስ ፡ ኪኸውን
ምስ ወግሔ ።

ሉ ፡ ኤ ።

— ፻፸፱ —

S. T 35

፩ ፡ ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ ፡ የሱስ
ክርክቶስ ዝኽዶ ፣ ንሕናውን በቲ መገዱ ፡ ኣ
ሚንና ኽንክተሎ ። እስራኤል ኪኽዱ ኽንእን ፣



ጸንሑም ገድልን ሓሳርኒ ፣ ግን ክብ መከራ ፡
ካብ ሕስራን ፣ ኣተዉ ናብ ዕረፍቲ ።

፪ ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ ፡ ዚልእኼ
ወንጌል ቅዱስ ፣ ልኡኻቱውን ኪስዕቡ ፡ ቅዱስ
ኣሰር ናይ የሱስ ። ብንብዓት እዮም ዚዘርኡ
ናይ ኣምላኽ ሀያው ዝርኢ ፣ ብእልልታ ግን
ኪወጽዱ ፡ ብሕጉስ እዋን ቀውሚ ።

፫ ፡ ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ ፡ ዚመርሓ
ና ንጉስና ፣ ብሓሳርኒ ገድልን ኰይኑ ፣ ሓደው
ብጥውም ራህዋ ። ሞት የሱስ ንሞት ሰዐር ፣
ኣይሁድ ክንእን ወረሱ ። ብጸኣንውን ክብ ሰ
ሃሮ ፡ ናብ ብጽእና ኣተዉ ።

፬ ፡ ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ ፡ ናይ ምድ
ሓን መደምደሚ ፣ ንስዕር ብሓይለ ደ
ኣዝሚርና ኣብቲ ገድሊ ። መንግስቱ ኽ
ጋሕ እዩ ፣ ንኽፍኣት ኬሰንፎ ፣ ንዚእምን ነፍ
ኹሉ ፡ ንምድሓን ኪፍጽሞ ።

ሉ ፡ ኤ ።

— ፪፻ —

S. T. 556

፩ ፡ ኰኸብ ጽባሕ የበስር ፣ ነጊሁ ፣ በረው

ዓለም ንለም ይበራበር ፡ ኪደሊ ኑዛዜ ። ወረ የ
ዘረና ፡ ስለ ’ቶም ህዝብታት ፡ ይምለሱ ናብ
እምላኽ ፡ ይአምኑ ዓሌታት ።

፪ ፡ ዝናም ሰማይ ይወርድ ፡ ይልምልም
ረኻ ፡ ዘርኢ ኣምላኽ ይግሙድ ፡ ይምዕብል
ምርቆ ። ልማኖና ይሰምዖ ፡ ተኣምራት የርኢ ፡
መንፈስ ቅዱስ ይህበ ፡ ንዝነኾሑ ህዝቢ ።

፫ ፡ ኣህዛብ ድማ ይሰግዱ ፡ ንኣምላኽ ጸባ
ት ፡ ልቦም ናብኡ የልዕሉ ፡ ብመዝሙር ፡
ሽሙት ። ብሳላ እቲ ገንሸል ፡ ብዓወት ስዕረቱ ፡
ዝፈረዘ ናብ መስቀል ፡ ይዕደል ክብረቱ ።

፬ ፡ ብጻሕ ፡ ም ርባ ህይወት ፡ ናብ ነዮም
ኣጥፍኤ ። ኣጥልል ብርቱዕ ድርቅነት ፡ ብጸጋኻ
ዝርም ። ክሳዕ ዚምለስ የሱስ ፡ ይዝርጋሕ ፍል
ሙቱ ። ዓለም ንጽዮን ንጉስ ፡ ይኽፈት ኣፍ
ደጊኡ ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፱፻፸ –

S. T. 71

፩ ፡ ም ስሉስ ኣምላኽና ፡ ጸልማት ክብ
ዝምና ፡ ዘርሐቕካዮ ፡ ምድርና ጸልሚቱ ፡ ሓጥ
ዕቲኡ ። ወንጌል ልኣኽሉ ፡ ብርሃን ህበ ።



፪ ፡ ኣብ ሞትኒ ጽምዋን ፡ ሂብካ ህይወት ፡
ብርሃን ፡ ብምሕረትካ ። ዝፈወስካ ዑረት ፡ ዝ
ህብካ ሓርነት ፡ ንለይቲ ባርነት ፡ ኣብርኾላ ።

፫ ፡ ንቐሕ ህይወት ኣውርድ ፡ ምዉቕ ፍቕ
ሪ ኣንድድ ፡ ብመንፈስካ ። ንምዉት ኣሕው
ዮ ፡ ንጥፉእ ምለሶ ፡ ጸልማት ኣባርሮ ፡ ኣውግ
ሓልና ።

፬ ፡ ም ስሉስ ኣምላኽና ፡ ምልዋጥ ዜብ
ልካ ፡ ቅዱስ ብርሃን ፡ ኣብ ጭድርታ ዅሉ ፡
ሰብ ክሳዕ ዚሰምዑ ፡ ኣዝዝ ንዓለሙ ፡
ይኹን ብርሃን ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፱፻፹፪ –

S. T. 43

፩ ፡ ወሓዚ ጸጋ ኺወርድ ፡ ተስፋ ነብያት
ኪፍጸም ፡ ክቡርኒ ብጹእኒ ዘበን ፡ ነዛ ምድሪ
ኺወርዳ ። ጐይታ ፡ ክብ ኣርያም ፡ ለጊስካ መን
ፈስካ ሀብ ፡ ሕጂ ኸም በርቂ ኻብ ላዕሊ ፡ ኣው
ርድ ናይ ጸጋ ዝናም ።

፪ ፡ ወሓዚ ጸጋ ኺወርድ ፡ ንልብና ኺመል
አ ፡ ሸኻ ንማይ ክም ዚኾበል ፡ ነፍስናውን
ኪረውዮ ። ጐይታ ፡ . . . . . .



፫ ፡ ወሓዚ ጸጋ ኺወርድ ፡ ሕጂ ናብ
ምድሪ ጽሙአ ። ህበና ዘበን ምሕዳስ ፡ ክምቲ
ናይ ቃልካ ተስፋ ። ጐይታ ፡ . . . . . .

፬ ፡ ወሓዚ ጸጋ ኺወርድ ፡ ጐይታ ፡ ንሱ
ሚ ይኹን ፡ ምሉእ በረኽት ህበና ፡ ጸሎትና
ቅቡል ይኹን ። ጐይታ ፡ . . . . . .

ሱ ፡ ኤ ።

- ፱፻፫ –

S. T. 620 (o. e.)

፩ ፡ ኣቱም እሙናት ፡ ተንስኡ ፡ ጐይታ
ይመጽእ ኣሎ ፡ ፍርቂ ለይቲ እዩ ሕጂ ፡ መርዓ
ዊ መጺኡልና ፡ ነዳሎ ቐንዲልና ።

፪ ፡ ሓራ ’ውጺኡ ንማሕበሩ ፡ ኪነግስ ’ዩ
ምጽ ናቱ ። ንመርዓቱ ይኽልላ ፡ ተስፋ ብዝሀ
ዘላ ፡ በታ ኣኽሊል ህይወት ።

፫ ፡ ሒደት መንሰ ፡ ኣይትፍራሀ ፡ ኣምላኽ
ዩ መፍቀሪኻ። መስቀል ክርስቶስ ጥራይ ት
ኹን ፡ ናትካ ሰንደቕ ዕላማ ፡ ዓወት ’ተ ደሌኻ።

፬ ፡ ዓለም እኳ ’ተ ጸልኣካ ፡ ጽልኡ እዩ
ክብርኻ ፡ ንዓለም ክትስዕራ ኢኻ ፡ እምነት
እንተ ዐጠቕካ ፡ የሱስ ’ዩ ምሳኻ ።



፭ ፡ ክብሪ ይኹን ንመድሕነይ ፡ ንሱ ’ዩ
በይኑ ተስፋ ። ብልቦም እናጸለዩ ፡ ምምጻኡ
ዚጽበዩ ፡ ምስኡ ይሕጐሱ ።

እ ፡ ሃ ።

– ፱፻፬ –

S. T. 610

፩ ፡ ሓላው ለይቲ ፡ ኣየን ግዜ ፡ ኢና ዘ
ሎና ፡ መኣዝ እዩ ዚበርቀልና ፡ ጸሓይ ዓድና ፡
ጀሚሩልና ቐሒ ጽልሚ ፡ ንግሆ ቐሪቡ ። ኣጀ
ኻ ፡ ኪመጽእ እዩ ፡ ዜድሕን ህዝቡ ።

፪ ፡ ሓላው ለይቲ ፡ እስከ ጠምት ፡ ቀሪብ
ናያ ዶ ፡ እንኸዳ ሃገር ጽዮን ፡ ትርእያ ዶ ፡ ጀ
ሚሩልና ቐሒ ጽልሚ ፡ ንግሆ ቐሪቡ ። ዜድ
ሕነና ኻብ ባርነት ፡ ምሳና እዩ ።

፫ ፡ ሓላው ለይቲ ፡ ንገረና ፡ ኣበይ በጺሕና ፡
ቀሪብናዶ ኽንሳገር ፡ ናይ ብኽያት ርባ ፡ ኣጀ ኻ
ኽ ፡ ኣይትሰልኪ ። ቀሪብካ ኽንአን ፡ ቀሪብካ
ናብቲ ብጽኢና ፡ ምስቶም ቅዱሳን ።

፬ ፡ ተንስእ ዓይንኻ ጀሕ ኣብል ፡ ምድሪ
ወጊሑ ። መለኽት ይንፋሕ ኣሎ ፡ ስዕረት ቀሪ
ቡ ። ምስ የሱስ ደጊም ክትዕወት ፡ ኣብቲ

ሓጐሱ ። ስየ ዓወትውን ክትቅበል ፡ ዚዕድል ንሱ ።

ኤ ፡ ተ ።

– ፱፻፭ –

S. T. 693

፩ · መርዓዊ ኺመጽእ ፡ ብሩህ ተስፋና ፡ ዩ ፡ መዓልቲ ምግላጹ ይግስግስ ። ክንርእዮ ብኽብረት ነቲ ብሩህ ገጹ ፡ ደሃዩ ኣድሂብና ኽንሕጐስ ። መርዓዊ ይመጽእ ፡ ተንስኢ ፡ ዎ መርዓት ። ነቲ ዚመጻኪ ንጉስ ሰማያት · ክትቅበሊ ፡ ሐዚ ቐንዲልኪ ።

፪ · ውሕጅ ከም ዚሐልፍ ፡ ይግስግስ ግዜ ፡ ይፈኵስ ዝኽበደ ለይቲ ። ጸሓይ ዚወጻልና ግዜ ቐረበ ፡ ይጸብሕ ንሓዲሽ መዓልቲ ። መርዓዊ ይመጽእ ፡ . . . .

፫ · ዎ የሱስ ፡ ከም ዘልካ ብተሰሎ ምጻእ ፡ ምምጻእካ ብሓጐስ ንጽበ ። ንሓይሊ ኽፍኣት ከተሰንፍ ንዓ ፡ ኣብ ኵሉ ኽትነግስ ንትምነ ። መርዓዊ ይመጽእ ፡ . . . . . .

ኡ ፡ ኤ ።



መ ዝ ሙ ር መ ን ኡ ሰ ይ ።

(ካብ ፱፻፯ ክሳዕ ፱፻፹፩)

– ፱፻፯ –

S. T. 603

፩ · እዋን ንእስነትካ ንየሱስ ፈቲኻ ሀቦ ፡ በጃኻ ኽሳዕ ዚሐልፍ ፡ ፍቕሩ ደረኽ ።

፪ · እዋን ንእስነትካ ንየሱስ ኣንቂድካ ሀቦ ፡ ኣጥሚሙ ንእሙን ልቢ ፡ ሓጐስ ይ መልኦ ።

፫ · እዋን ንእስነትካ ንየሱስ ተጊህካ ሀቦ ፡ ሓጺር ዩ ፡ ከይተወድኤ ፡ ንዓ ኣገልግሎ ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፱፻፸፮ –

S. T. 576

፩ · ኣይሀበካን ቈጽሊ በናኒ ፡ ዕምባባን ፍረን እምበረ ። እህሀታን ዘረባን ኣይደልን ፡ ህይወተይ ደኣ እውፈ ። ንኣኻ ሃልሃልታ ጉብዝናይ ፡ ንኣኻ ሓይሊ ዕለተይ ፡ ንኣኻ ዅሉ ህድኣት እርግናይ ፡ ንኣኻ ጥራይ ፡ የሱሰይ ።

፪ · ንኣኻ ውዳሴ መዝሙረይ ፡ ዝበለጸ ፍረ ኣእምሮይ ። ንኣኻ ምሉእ ፍቕሬ ልበይ ፡



ጽሬተይ ንኣኻ ፡ ጐይታይ ። ንኣኻ ሃልሃልታ ጉብዝናይ ፡ . . .

እ ፡ ሃ ።

፱፻፷ –

S. T. 592

፩ · ዎ መንእሰይ ፡ ሕለየሉ እምነትካ ። እምላኽ ንምኽባር ተዳሉ ፡ ጽቡቕ ግብሪ ኣስልዮ ተሰ ፡ እምነትካ ተኣመኖ ።

፪ · ብሕንጹጽ መገዲ የሱስ ቀጺልካ ፡ ገስግስ ናብቲ ብጹእ ዓዲ ፡ ናብቲ ዜብህግ ዕረፍቲ ። ቀጺልካ ናብኡ ገስግስ ።

፫ · ኣይትሰልኪ ኣብ ጕያኻ ፡ መንእሰይ ፡ ብዚዕንቅፍ ኣይትዘንጋዕ ፡ ምስ ዚሰልጥ ኣይትጭራዕ ። መንእሰይ ፡ ኣይትሰልኪ ።

፬ · ንዚሕልወካ ኣምላኽ ስዐቦ ። ኣሕሊፉ ዚግዕበል ዮርዳን ፡ ንዚመርሕ ናብቲ ኸንኣን ፡ እምላኽና ፡ ንኡ ስዐብ ።

፭ · ክንደይ ዕድል ኣብኡ ምብጻሕ ፡ ብሩህ ዕድል ። ምስ መድሓኒና ምድምበር ፡ ምልቶም ብጹኣን ምጽምባር ፡ ግሩም ሓጐስ ፡ ድሙቕ ዕድል ።

ኡ ፡ ኤ ።



– ፱፻፹ –

S. T. 315

፩ · ንክርስቶስ ካብ ምስዓብ ፡ ንምድሓን ካብ ምድላይ ፡ ዜዘንግዓኩም እንታይ ኮን እዩ ፡ ዘይትቕበልዎ ነቲ ንጉስ ሰማይ ፡ ሰላም ፡ ሓጐስ ፡ ህድኣት ዜእቱ · ኣብ ዝኽበዶ ሕዙን ልቢ ፡

፪ · ሎሚ ዘይትመጹ ፡ ምድሪ ኽይመሰየ ፡ ዘይትመጹ በዚ ዕለት ፡ዚ ፡ ንምድሓንኩም ደይኩነን በጃ ዝሞተ · ብምእዛዝ ኬምጽእ ጽድቂ ፡ ካብ ሕጂ እምነትኩም ይደሊ ።

፫ · በዚ ሕጉስ ዕለት ናይ ንእስነት ግዜ · ንኣምላኽ ዘይተገልግልዎ ፡ ብዚሐልፍ ክብረት ንቕሩብ ዚርኤ ፡ ነባር ርስቲ ኣይትረስዑ ፡ ኣብ ሰማይ እተዳለወልኩም ።

፬ · እዋን እርጋን ከይበጽሐ ፡ ሓይሊ ኽይድኽመ ፡ ግዜ ራህዋኹም ከሎ ምጹ ። ናብቲ የሱስ ዚነግሶ ፡ ግርማ ዝመልኤ · መንግስቱ ፡ ሎሚ ተበገሱ ፡ ብፍቕሩ ናብኡ ኽ መርሓኩም ።

ኡ ፡ ኤ ።

- ፪፻፲ -

S. T. 595

፩ - ሕጂ ናብ ክርስቶስ ፡ ኣቱም መንእ ፡ ምጹ ። ብኽንቱ ሓጐስ ፡ ዕድሚኹም ኣይተሕልፉ ።

፪ - ዓለም ኣጥሚማ ፡ ልቦናኻ ትመስጠ ። ትቃዝመካ ፡ ተብል ኣብ ሓጥያት ምርኮ ።

፫ - ጠባሪት እያ ፡ ጕርሓታውን ዓዛሚ ፡ ትቕንጥጠካ ፡ ተጥምያውን ንነፍሲ ።

፬ - ጽን በል ፡ ም ሓወይ ፡ ናብ ዚፍቅረካ ኣድህብ ፡ ጕየ ናብ ክርስቶስ ፡ ንሱ ምድሓኑ ይህብ ።

፭ - ንሱ ይዕድል ፡ ልቢ ዚህድእ ሰላም ፡ ንሱ የውጽእ ፡ ናብቲ ጥፍኣት ካብ ምስጣም ።

፮ - ይጽውዓካ ፡ ኪቕበለካ ኣሎ ። ፍቕሩ ዋሂምካ ፡ ወርትግ ክትሕጐሰሉ ።

ኡ ፡ ኤ ።

- ፪፻፲፩ -

S. T. 63

፩ - ብኽቡር ግዜ ንእስነት ፡ ዘክሮ ፈጣሪ ኻ ። ወደይ ፡ ልብኻ ሀበኒ ፡ ይብል ኣሎ መድሕንካ ። ዓለም ቅሥጽ ምስ ትብለካ ፡ ምህሮኣ



ግን ኣይትስማዕ ። ፈጣሪ ኽጽውዕ ከሎ ፡ ንዮኻ ናብኡ ምጻእ ።

፪ - ንኡድ እዩ እቲ ጕበዝ ፡ ዘይሰዕብ መላገጽቲ ፡ ኣብ መገዶምውን ዘይኽተል ፡ ንሓጢኣት ፈተውቲ ። ሕጂ ኣምላኽ ዚሕ ስብ ፡ ቃል ወንጌል ባህ ዚብሎ ፡ ማይ ዚሰቲ ኣም ይመስል ፡ ፍሬታት ዚርከበ ።

ኡ ፡ ኤ ።

ፅ፻፲፪ -

M. F 481

፩ - ም መንእሰይ ፡ ናብ ጥፍኣትኩም ፡ ገስ ጊስኩም እትኽዱ ፡ ካብቲ ዚስሕተኩም ሓጥ ያት ፡ ናብ ምድሓን ተመለሱ ። ትርፊ ሓጥያት ሲ ሞት እዩ ። ከዶ ኣይትዘንግው ፡ ንዘልኣለም ክትሕጐሱ ፡ ንጽህናኹ ልበሱ ። ቀልጥፉ ፡ ንዑ ናብ ክርስቶስ ፡ በዕሉ ይዕድመኩም ። ንዚናዘ ዙ ብሓጐስ ሓንጐፋይ ይኽበሎም ።

፪ - ም መንእሰይ ፡ ኣብ ክንቱነት ፡ ኣይተውዕሉ ጕብዝና ። ፍኽሰት ዘምጽኤ ዕርክነት ፡ ሽዓ የቑስል ሕሊና ። ነቲ ሳሕቂ ዋራይ ዚፈቱ ፡ መሪር ጣዕሳ የርክበ ፡ ትምኒት ስግኡ ዘይገትእ ፡ ኣብ ባርነት የእትዎ ። ቀልጥፉ ፡ . . .



ር - ም መንእሰይ ፡ ዘበን ጸጋ ፡ ኣብ ቁም ነር ኣውዕሉ ፡ ኣሰር እቲ እሙን ጓሳ ፡ ንምስ ጕ ተኽተሉ ። ንቑሕ ሓይሊ ናይ ጕብዝና ፡ ንፈጣሪ ወፍዩ ፡ ከየርከበኩም እርግና ፡ ሓይ ልኹም ከይደኽመ ። ቀልጥፉ ፡ . . . . .

፪ - በዚ ብሩኽ ግዜ ጕብዝና ፡ ንኣም ኻ ዚግዝኡ ፡ ምስጉን ንብረት ብቕንዕና ፡ ንምንባር ዚምህለሉ ፡ ኣምላኽ ለጊሱ ይወፅም ፡ ኣብዛ ዓለም ሞገሱ ፡ ምስ ዚፍ ጅ ተግባሮም ፡ ኣብ ሰማይ ብጽኣናኡ ። ቀልጥፉ ፡ . . . . . .

ኡ ፡ ኤ ።

- ፪፻፲፫ -

S. T. 469

፩ - ኣብቲ ጕንድኹም ጸኒዕኩም ፡ ብኣም ኻኹም በርትዑ ፡ በቲ ውዑይ ፍቕሪ ክርስ ቶስ ፡ ንሓድሕድኩም ምወቓ ። ብብርሃኑ ኽነን ደብርኹ ፡ ናቱ ኢና ኣካላት ፡ ናትና እዩ ፡ ንሕና ናቱ ፡ ብኡውን ኢና ኣሕዋት ።

፪ - ደጊም ፍቕሩ ይኹነልኩም ፡ ዓይኒ ሞይ ንህይወትኩም ። ንሓድሕድኩም ተፋቕ ሩ ፡ ክትነብሩ ንሓዋሩ ። የሱስ እዩ ዘፍቀረና ፡



ኣርኣያ ኪኾነና ። መሲልኩም ንለዋህ ጓ ኣሰሩ ተኽተሉ ።

፫ - ም ፈጣሪ ፡ እትእዝዝ ፡ ንምንባር ብሕ ውነት ፡ ኣሙኽ ነቲ ገሐል ልቦም ፡ ስ ሉም ሓዲሽ ህይወት ። ሃልሃል ኣብለሎም ፍኽ ሪ ፡ ኮሉ ሰብ ክሳዕ ዚብሎም ፡ እቶም እሙ ናት ናይ ክርስቶስ ፡ ብምፍቃር ተዋሂዶም ።

፬ - ፈቃር የሱስ ፡ ሕበረና ፡ ከም ኣንድ ነትክ ምስ ኣብ ። በእስን ተንከልኪ ኽይትንሰኣ መንፈስክ ንኣና ሀብ ። በዕልኻ ቑንደል ኩነና ዚብርሃልና እግርና ። ብኡ ዓለም ኪፈልጠና ከም ገኹንና ገንዘብክ ።

ሲ ፡ ፀ ።

ፅ፻፲፬ -

S T. 656

፩ - ከም ዚንጸባርቕ ኣውሊ ፡ ጸሓይ ም ዚበርሀ ፡ ከም ፒ ወጋሕታ ለይቲ ፡ ጸሓይ ም ዚፈኽ ፡ ከምኡ መንእሰይ ድማ ፡ ጽድቂ ተኽና ኖም ፡ ይቕርቡ ምስጋና ፡ ንፈቃር መድሕኖም ።

፪ - ንኡ ምእማን ምሒልና ፡ ንስሰፍ ጸት በጻት ፡ ክቡር ሰንደኽ ዕላማ ፡ ነልዕሎ ብትፅ

= ውግአናውን ንጋደል ፡ ብስም መድሓ
= ኣጽዋር አምላኽ ነይጐድም ፡ ንስዕር
ሒዝና ።

፫ ፡ ናይቶም መንእሰይ ራእሶም ፡ ንጉስ
እዩ = ብርቱዕ ክነሱ ሰልፎም ፡ ይዕወቱ
= ናይ ህይወቶም መገዲ ፡ ይመርሕ ናብ
= ይህቦም ዓኾሊ ፡ ሓይሊ ፡ የበርትዕ ካብ
ኮኾም ።

፬ ፡ ንልምነካ ፡ አምላኽ ፡ ክትባርኽ ነፍስ
ንምግልጋል ብታሕጓስ ፡ ኣበርትዕ ሓይል
ጀጋኑ ግበረና ፡ ክንዋጋእ ብትብዓት ፡ ስ
ድፍኣልና ፡ ኣኽሊል ኣብ ሰማያት ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፲፭ –

S. T. 469

፭ ፡ ጥበብ አምላኽ ’ተ ’ልዩና ፡ ወርትግ
እንኽዶ ፡ ክቡር ዕንቁ ኺጸንሓና ፡ ተሐ
ልዕሎ ። ኬንጸባርቐሉ ዘውዱ ፡ ንየሱስ
= ኣብዛ ዓለም ኣብ ዝኾድና ፡ ጥፋ
ንምልስ ናብኡ ።

፮ ፡ ኣብ ዙርያና ’ሞ ንጠምት ፡ ክንደይ



እተሸገሩ ፡ ክንደይ ሕሙማት ፡ ክንረድኦም ፡
ሓገዝና ዚትምነዩ ። ገስጊስና ’ባ ንብጸሓዮም ፡
ናብቲ ጸዕሮም ሐቢርና ፡ ነዋልሎ ርሱን ልሳ
ኖም ፡ ብለውሃት ተደሪኽና ።

፫ ፡ ልቦና እንተ ’ልዩና ፡ ኣዝማድናን ፈ
ተውትናን ፡ ኪሰናበቱ ’ኻባና ፡ ክም ዝቐረበ እ
ዋን ፡ ገና ኽለዉ ምሳና ፡ ፍቕርና ንግለጸሎም ፡
ድሕሪ ሞት ከየጣዕሰና ፡ ሎም ኮታ ነሐጕሶም ።

፬ ፡ ኵነታትና ’ሞ ንጠምት ፡ ዘበን ክም
ዝሐጸረ ፡ ክብዚ እንብገሰሉ ፡ ሕጂ ኽም ዝቐ
ረበ ። ሎሚ ተንሲእና ንድለዮ ፡ ነቲ ነባሪ ርስ
ቲ ፡ ግዜ ኽሎ አይንዘንጋዕ ንዘይሐልፍ መን
ግስቲ ።

፭ ፡ ምጽኣቱ ኽም ዝቐረበ ፡ ነስተብህል
ምልክቱ ፡ መላእ ዓለም ዚፈርዶሉ ፡ ንነፍስ
ወከፍ ክም ግብሩ ። ነቒሕና ’ባ ንጽነሓዮ ፡ ብ
ወንጌል ተማሚድና ፡ ኪመጽእ ክሎ ብግርማ ፡
ክንጸንሕ ምስ ቀንዲልና ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፲፮ –

S. T. 556

፮ ፡ ተንስእ ፡ ተንስእ ንየሱስ ፡ ኣታ ጭፍ



ራ መስቀል ፡ ናይ ንጉስና ዕላማ ፡ ክይጽየቕ
ክወ ይበል ። ወርትግ እናሰወረ ፡ ኪደፍእ ጭፍ
ርኡ ፡ የሱስ ክሳዕ ዚኾውን ፡ ንዐይታ ህዝቢ
ዅሎም ።

፪ ፡ ተንስእ ፡ ተንስእ ንየሱስ ፡ ይህረም
መለኾት ፡ ስዐር ንጭፍራ ጸልማት ፡ ዘርግሕ
ጸድሕን ፍልጠት ። ጸላእቲ እንተ በዝሑ ፡
ቀልባዕባዕ አይትበል ፡ ድፋእ ደኣ ፡ ምሳኻ ፡
እዩ አማኑኤል ።

፫ ፡ ተንስእ ፡ ተንስእ ንየሱስ ፡ ብሓይሊ
ኻት ። ሰባት አየብቅውናን ፡ ንስዕር ግን ሳል
ኡ ። ኣጽዋር ቃል አምላኽ ሒዝካ ፡ ንቓሕ ፡
ጸሊ ፡ ጽዐት ፡ አምላኽ ዝአዘዘካ ፡ ግበር ብዘይ
ፍርሃት ።

፬ ፡ ተንስእ ፡ ተንስእ ንየሱስ ፡ ኣይድንጉን
ውግአና ፡ ሎም ጭድርታ ንሰምዕ ፡ ጽባሕ ግን
እልልታ ። ተጸምቢሩ ዚዕወት ፡ ኪቕበል ጸም
ኡ ፡ አምላኽ ንኡ ኺሸይም ፡ ኬቕብሎ ዘውዱ ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፲፯ –

S. T. 333

፭ ፡ ንሰንደቕ ዕላማ ክብ ነብሎ ፡ ብስም



የሱስ ክርስቶስ ፡ ብእሙንቶ ። ንተብዕ ኣብ
ላእቲ ፡ ኣብ ተለሎ ፡ አምላኽ ዚድግፎ ፡ መን
ኩን ኪዐግቶ ፡

፪ ፡ ናብ ዓወት ዚመርሕ ራእሲ እዩ ፡ ክም
ጓሳ ይእክብ ፋሕ ዝበሉ ፡ ይዕድል ሰላሙ ኺ
ማሕበሩ ፡ ኣይጠፍኡን እዮም የሱስ ዚኾተሉ ።

ሲ ፡ ፬ ።

– ፪፻፲፰ –

Kom. 30

፩ ፡ ዕዱጋት ኢና ፡ ሓራ ወጺእና ፡ ኣም
የሱስ ተበጂወና ። ፡ ሲኦል ስሚሩ ፡ ኣ
ኣድሒኑ ፡ ብገርሂ ንእመኖ ንቀበሎ ። ፡

፪ ፡ ወይ ክንደይ ዕድል ምሕላፍ በርት
ብየሱስ ክርስቶስ ምውጻእ ሓርነት ፡ ፡ ናይ
ሱስ ምኽን ፡ ብኡ ምእማን ፡ ናይ ዘልኣለ
ህይወት ምርካብ ካብኡ ። ፡

፫ ፡ ምስጋና የሱስ ይኹን ንኣኻ ፡
ይምካ ፡ ስለ ቕዱስልኻ ፡ ፡ ጸረይ ቀሊሉ ፡ ሓ
ገዲሉ ፡ ንብረተይ ድማኡ ተበዲሉ ። ፡

፬ ፡ ክንአቱ ኬትና ፡ ናብቲ ሓጐስና ፡

እንተ ’ንደደና ፡ ፟ አረጊት ስጋ አብዘ ሐ
ናብ ቤትና ’ክንአቱ ፡ ናብ ሓጐስና ። ፟
መ ፡ ወ ።

፼፻፲፱ ··

I. C 11

፩ - ም የሱስ ፡ ሀይወተይ ኢ’ኻ ፡ ገለኳ አይ
= ሓይለይ ኢ’ኻ ፡ መራሕየይ ፡ ክስዕር
ምቲኻ ።
፪ - ም ጐይታይ ፡ እልምነካ ፡ ኩነኒ ጽኑዕ
= ክዋጋእ ንመንግስተ’ካ ፡ ክሳዕ ዝአቱ
ኮይኑ ።

እ ፡ ሃ ።

- ፼፻፳

፩ - እምላ’ካዊ ጸዳል ፡ ክብ አርያም ፡ ክብ
ምድሪት ፡ አብ ልበይ ዕሰል ፡ ልአ’ክለይ መን
ኮይኑ ።
፪ - ናይ ድ’ካታት አቦ ፡ መንፈስካ ልአ
= ፅላም ሀበኒ ፡ ንአይ ፡ ጥፉእ ወድ’ካ ።
፫ = ክብ ሓጥያት ሀዲመ ፡ እምዕቄብ ናብ
ሓጢያትካ ፡ ክብቲ ድ’ካመይ · ክዐርፍ አብ
ውስጢ ።



፬ · ናይ ዘልኣለም ብርሃን ፡ መገደይ ኣብ
ርሃለይ ፡ ክአቱ ደሓን · አብ ናይ ዘልኣለም
ዓደይ ።

፭ · አብ ጸምጸም በረ’ካ · ናቦ’ካ ፡ ናብ
መድሕነይ ፡ አብቲ ሕቑፍ’ካ · ለውሃትካ ይ
መርሓኒ ።

፮ · ብሓይለይ ናብ ጽድቂ · ነይበጽሕ አብ
እምነትካ ፡ አብ ሀይወት ሓቂ ፡ አብቲ ፍጹም
ሰላምካ ።

፯ · ሀይወተይ ንኣ’ካ ፡ ንኣ’ካ ንእስነተይ ፡
ኩሉ ንኣ’ካ ፡ ናይዛ ምድሪ ንብረተይ ።

ወ ፡ ወ ።

— ፼፻፴፩ —

I. C. 315

፩ - ተንስኡ አሕዋት ፡ መለ’ኽት ይህረም ፡
ጸላኢ የሰልፍ ፡ መሪሕ የ’ክትት ። ውግእ ብር
ቱዕ እዩ ፡ ዜፍርሀ ድማ ፡ አጽዋር ግን ጽቡቕ
’ዩ ስዕረትውን አሎ ። ተንስኡ ፡ ተንስኡ ፡ ናብ
ውግእ ን’ኺድ ፡ ጸላኢ መለ’ኽት ይነፍሕ አሎ
ቀልጥፉ ፡ አሕዋት ፡ ብትብዓትውን ን’ኺድ
እቲ ዘይስዐር መሪሕ የድሂ ።

፪ - ንምሉእ ህይወት ወትሃደር ኢና ፡



ንጉዩ ናብ ዕላማና ። ናይ ክርስቶስ
ንልቢ የጽንዕ ፡ ዓወትናውን ንኡ ይ
ምእጋና ። ተንስኡ ፡ . . . . . .
፫ - እቲ ዘይዋጋእ ኣ’ክሊል የብሉን ።
ናይ ጸላኢ ’ዩ ፡ ስዕረት ናይ ክርስቶስ ።
ብዚአምን ፍርሃት የብሉን ፡ ትብዓት
መድሕኡ ተዋሂብም ። ተንስኡ ፡ . . . .
ተ ፡ ደ ።

- ፼፻፴፪ —

እዩ አምላ’ክ አብ መርዓ ፡ አብ
አዳራሽ ። ዝነጽሄ ልብሲ ፡ ብደም
ተሰርዩ ፡ ለቢሰ · ሰፈረይ ክሕዝ ። አርሕወ
ደጌታትካ ፡ መታን እቶም ፍቁራትካ ·
ቤትካ ። ም ’ክቡር ገንሸል ፡ አርሕወ
ደጌታትካ ።

ወ ፡ ወ ።

መ ዝ ሙ ር ስ ን ብ ታ ።

— ፼፻፴፫ —

I. C. 261

፩ - ግዜ ስንብታና በጺሑ ፡ ሓሳብና ንአ
ሓወይ ፡ ጸሎት ነዕርግ ናብ አምላ’ክ ፡



ናብቲ ጐይታ ምድርን ሰማይን ፡ ብኢድክ መ
ሪሕካ · ክሳዕ ተራ’ክበና ፡ ጸጋ’ካን ፍቕር’ካን
ሓደራ’ካ ፡ ኢይትፍለየልና ።

፪ - ነቲ ዚተርፍ ፡ ም አቦና ፡ ሰላምክን ም
ገስክን ሀበ ፡ ነቲ ዚነቅል ከአ · ለጊስክ ፡ ጸጋ’ካ
ዐድሎ ። ብኢድክ . . . . . .
፫ - ብሓደ እተሐጐስናሉ · ከይረሳዕና ንን
በረሉ ፡ ናብ ቅድሚት ’ና ጠመትና · ንገስግስ
ናብ ዘሎ ተስፋና ። ብኢድክ . . . . . .
፬ · ም ጐይታ ፡ አብ ምድሪ ’ክሎና - ርክብ
ና ’ት ዘይፈቐድክ ፡ አብ ሰማያዊት ኤዴንክ
ኑልና ምእታው አብቅዓና ። ብኢድክ . . .

እ ፡ ሃ ።

- ፼፻፴፬ —

I. C. 261

፩ - አምላ’ክ በዕሉ ይ’ኹን ምሳ’ካ ፡ ኢድክ
ሓዙዙ የታ’ኻ ፡ ክብቲ ’ክፉእ ይሐሉ’ካ ፡ አም
ላ’ክ በዕሉ ይ’ኹን ምሳ’ካ። ኩሉ እዋን ፡ ኩሉ
እዋን · አምላ’ክ ’ዩ ረዳኢ’ካ ። ኩሉ እዋን ፡
ነ’ሉ እዋን · አምላ’ክ በዕሉ ይ’ኹን ምሳ’ካ ።
፪ - አምላ’ክ በዕሉ ይ’ኹን ምሳ’ካ ፡ ጸግኡ

[illegible] ንኣኻ፡ ኵሉ ግዜ ይባልህካ፡ አምላኽ [illegible] ይኹን ምሳኻ። ኵሉ እዋን፡ . . . .

፫ - አምላኽ ባዕሉ ይኹን ምሳኻ፡ [illegible] ደድሊ ይኹን ዋልታኻ፡ ካብ ጸላኢ [illegible]ንፍኩካ፡ አምላኽ ባዕሉ ይኹን ምሳኻ። [illegible] እዋን፡ . . . .

፬ - አምላኽ ባዕሉ ይኹን ምሳኻ፡ ነታ [illegible] ትኹን ህይወትካ፡ ሥሕረት አምላኽ [illegible]ልካ፡ አምላኽ ባዕሉ ይኹን ምሳኻ። [illegible] እዋን፡ . . . . . .

እ፡ሃ።

መዝሙር መርዓ።

— ፱፻፹፭ —

S. T. 8

፩ - አምላኽ፡ ብመንፈስካ ምርሓዮም [illegible] ክልተ፡ ኪነብሩ ብኣኻ አንድነቶም ከይ ፍንተ። ሕሰም ኮነ ቕዶት፡ ፍቓድካ ዘበለ፡ ኪፈሩ ብፍቶት ካባኻ ዝመጸ።

፪ - ም አምላኽ፡ መርቆ ነዚ ኺዳን አሕ [illegible]ትና፡ ብፍቕሪ አምቆ፡ ኪሀንጽዎ ብኣኻ። [illegible] መወዳእታ፡ አንታ እሙን ጐይታ፡ ካብ [illegible] ኣይትፈለ፡ ቃልካ ኸም ዝበለ።

ካ፡ኒ።



መዝሙር ጥምቀት።

— ፱፻፹፮ —

S. T. 620 (o. c)

፩ - ዝፈጠርካና አምላኽና፡ ትርሕርሓልና ድማ፡ ነዚ ሕጻን አቦ ኾኖ ኣብ ትሕቲኻ ሕጀፎ፡ ናባኻ ንቕርቦ።

፪ - የሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ሓጥያትና ዝ ፈቶኻ ምጽራይና፡ ነዚ ሕጻን ዚ ሐልም፡ ብጥምቀት አንጽሃዮ፡ ናባኻ ንቕርቦ።

፫ - መንፈስ ቅዱስ መራሒና፡ ቃል ሓቂ ግለጸልና፡ ነዚ ሕጻን ዚ አዕብዮ፡ ንኣኻ አብ ቀዓዮ፡ ናባኻ ንቕርቦ።

፬ - ም ርሕሩሕ እግዚኣብሄር፡ ብፍቕርኻ ዚነብር ኣቱእትዎ አብቲ ርስትኻ። ምስጋና ንቕርበልካ፡ ንምሕጸን ናባኻ።

ካ፡ኒ።

መዝሙር ብጊሓትን ምሸትን።

(ካብ ፱፻፹፯ ክሳዕ ፱፻፸፱)

— ፱፻፹፯ —

S. T. 710

፩ - ጸሓይ ብሓድሽ በረቐ፡ ተመስገን፡



ም ልውል። ብሕዱስ ሓይሊ ተስፋውን ደሃይ ቃሕጎስ ኤልዕል።

፪ - ጸሓይ አብረቕካ ብእኩብ፡ ንሕሱም ንደሓን። ብፍቕርን ብትዕግስትን ኪማኻ ኸ ምኺን።

፫ - ም አቦይ፡ ደግፍ ንምግባር ፍቓድካ ኵሉ ሳዕ፡ ክፈልጥውን አብ ጸጽባሕ ዚሕ ድስ ጸጋኻ።

ካ፡ኒ።

— ፱፻፹፰ —

I. C. 169

፩ - አንጊሃ፡ ም መድሕነይ፡ ተመስግነካ ነፍሰይ፡ ወሰን ዜብሉ ጸጋኻ ሂብካኒ ባዕልኻ። ፡ መንስግነካ፡ ም አቦ፡ ንዅሉ ትኽበ።፡

፪ - አበርትዕ ድሑናትካ፡ እምነት ጸዓት ኣትሒዝካ፡ ብመንፈስካ ተቐዲሰም፡ ሓይሉም ኪሕደሱ።፡ ናብ ሰማያዊት ሃገርና ኣሳሊ ኵልና።፡

፫ - መገዲ ምስ ፈጸምና፡ አብቲ ለዋህ ሕቑፍኻ፡ አብ ሰማያዊት ኤዴንካ ንረክብ ሰላምካ።፡ ምስ መላእኽትን ቅዱሳን ንውድስ የሱስና።፡

እ፡ሃ።



፱፻፹፱

S. T 281

፩ - ብሩኽ አቦና፡ ብልብና ምስጋና ነቕርበልካ። ካብ ድቃስና ብጥዕናና ሕ ኣተንሳእካና።

፪ - ሰሚዒ ኾኣ፡ ም አቦና፡ ብዅሉ ሐሌ ወና። ብለውሃትካ ብጸጋኻ ኣብ ነዊ ባርኾና።

፫ - በቲ ቓልካ ምሀረና ምፍላጥ ቅዱስ ፍቓድካ። ብድሌትና ብምግባርና ሰሚዒ ኾነስምረካ።

፬ - አብ ፈተና፡ አብ ጻዕርና ብሓይልኻ ርድኣና። ብሞት የሱስ፡ ብደም ቅዱስ ከ ሓጥያት አጽርየና።

፭ - አብ ዕዮና፡ አብ ጕዳይና ብመን ፈስካ ምርሓና። ነዅሉ ኾኣ ንክብርኻ ኾነ ገብሮ አብቅዓና።

፮ - አብ ብሩኽ ኢድካ ተሐጕስና፡ ነፍ ስን ስጋን ነማዕቀኒ። ደሓር ክኣ አብ ክብ ርኻ ብጽእናኻ ንረክብ።

ሚ፡ሆ።

— ፱፻፴፩ —

S. T. 717

፩ - ም መንፈስ ቅዱስ ፡ ሎም ምጻእ ፡ ናብ ፯ አነ ኽጽጋዕ ። አመ·ቕ ፡ አመ·ቕ ቁሩር ፍቕ ረይ ፡ ንዓ ፡ መንፈስ ቅዱስ ፡ አብ ልበይ ።

፪ - ርዳእ ንአይ ዘ·ክታም ቁልዓ ፡ ከሰንፍ ኮሎ ፈተና ፡ ከአ አብ ዘብሎ ቦታ ፡ ክስዕብ ንክርስቶስ ኵሉ እዋን ።

፫ - ጐይታይ ፡ አጥፍእ ትምኒት ስጋ ፡ አብ ልበይ አንድድ ፍቕር·ካ ። ትሑት ፡ ዕጉስ ጐይነ ኽአ · ክነብር ትሕቲ መስቀልካ ።

፬ - ርዳእ በዚ መዓልቲ ·ዘ · ናብ አቦይ ብትግሃት ክርአ ፡ ከአ ብ·ኾሉ ንም·ኽአል ፡ አብ አቦይ ፡ አሎኒ ምባል ።

፭ - በዚ እውዕል ተአሚነ ፡ ብሓይል·ካ ተደጊፈ ፡ ብግሩሀ ፍቕሪ ፡ ብተስፋ · ክነብር ጕሚ ቕድሚ·ካ ።

ካ ፡ ፩ ።

— ፱፻፴፪ —

S. T. 112

፩ - መዓልቲ ሐሊፉ ፡ ጐይታ ፡ ምሳና ጕን አብ ድቃስና ። ትሕልወና አብ ጸልማት ፡ እሞ ንሐድር ብሀድኣት ።



፪ - ስብሓት ንአቦና ይኹን ፡ ንህዝብን ሃገርኒ ዘድሕን ፡ ንደቁ ስለ ምጕሳይ ፡ መል አ·ኽ ዘ·ሰድድ ካብ ሰማይ ።

፫ · ዘ·ኽዱ ብአምላ·ኽ ትእዛዝ · ይሐድሩ ብጥውም ድቃስ ፡ ብሓጕስውን ይትንስኡ ፡ ንአቦኦም የመስግኑ ።

ካ ፡ ፩ ።

፱፻፴፪

S. T. 727

፩ · ዘርግሕ ገፈሕ አ·ኽናፍካ · አብ ልዕ ለይ ፡ ም ጐይታይ ፡ ክወርፍ ብሰላምካ ፡ ብሓል ዮትካ ንአይ ። ረዳእየይ ኩን ብ·ኾሉ ፡ ም·ኽ ረይ ፡ መራሕየይ ፡ ምሉእ ዕድመይ ክነብር ብጸጋ·ካ ጥራይ ።

፪ ሓጥያተይ ሕደገለይ ፡ ብደምካ ደም ስሶ ። ሐድሶ ንፍ·ቓደይ ፡ ሓሳበይ ቀድሶ ። ኵ ላትና ተ·ኽናኽን · ናእሽቱ ፡ ዓበይቲ ፡ ክንሐ ድር ብሰላምካ · ጽቡቕ ፡ ጥውም ለይቲ ።

ካ ፡ ፩ ።

፱፻፴፫

S. T. 738

፩ · ስለ·ዚ ዝሐለፈ መዓልቲ ፡ ም ረዳእ



የይ አምላ·ኽ ፡ ተመስገን ፡ ኵሉ ገበርካለይ ኪ·ጠቕመኒ ፡ አበድካኒ ፡ ሐሰ·ኽኒውን ። ከም ንደቁ አቦ ዚከና·ኽን ፡ ንስ·ኻ ኽም·ኡ ንአይ ከአ ፡ አብ ርሕሩሕ ኢድካ ተሰከምካኒ ፡ ኩቶ ሙሉድካ ነይመኖ·ኽ ።

፪ - በዚ ለይቲ ·ዚ·ውን አዕርፈኒ · ትሕቲ ስልጡን ኢድካ ፡ ም አቦይ ፡ ንመልእ·ኽ አ ዝገ ኪመጸኒ ፡ ኪ·ኹነኒ እሙን ሓላው·የይ ። አብዚ ዓለም·ዚ ሰላም ተሳእነ ፡ ንስ·ኻ ሀድኣት ነፍሰይ ኢ·ኽ ። ም ለዋህ አማንየይ ፡ ምርሓኒ ብመገዲ ናብ መንግስት·ኻ ።

ካ ፡ ፩ ።

— ፱፻፴፬ —

S. T. 737

፩ - ምሳይ ንበር ፡ መዓልቲ ሐለፈ ፡ ምሳይ ንበር ፡ ጸላሙውን ከደነ ። ክልእ ረዳኢ እዩ ሕሉ ፡ ሓጋዚ ግዱፋት ንአይ ድለ ።

፪ - ናይ ሰብ ዕድመ ይሐልፍ ከም ራኢ ፡ እቲ ምድራዊ ሓጕስ ድማኢ ። ከብብየይ ይመ·ኽ·ኽ ከም ስምኢ ፡ ኩነኒ ፡ ም ጐይታይ ፡ መጸግኢ ።



፫ - ሀዱእ እየ ካብ ዘሎ·ኹ ምስኡ ፡ የሱስ ብ·ኽያትኒ ቓንዛን አጥፊኡ ። ሲኦልኒ ሞትኒ አይትነየቱ ፡ ክስዕር ·የ ይበኒ ዓወቱ ።

፬ - ም ቀረበ መዓልቲ ስንብታይ · ተገለ ጸለይ ፡ ም የሱስ ፡ ንአይ ። ጸልማት ኪ·ሀድም ብብርሃን ሰማይ ፡ ብሞት ፡ ብሀይወት አይትር ሐቕ ክብይ ።

ካ ፡ ፩ ።

— ፱፻፴፰ —

S. T. 710

፩ - ዘይምለስ ዕለት ሐሊፉ ፡ ምስኡውን ድ·ኻምና ። አብ ጸልማትውን ሰላም አምላ·ኽ · ይ·ኽድን ምድርና ።

፪ - ም ዘይትልወጥ አምላ·ኽና ፡ ከም ቀ ደምካ ኢ·ኽ ፡ ንደቅ·ኻ ዘድልዮምሲ · ትሐሊ ባዕል·ኻ ።

፫ - ደጊም እዐርፍ ብሀድኣት · ጸሓይ ምስ ዐረበ ። ደሃይ ምስጋና ኤልዕል · ብሓድ·ሽ ምስ ወግሔ ።

፬ - እዋን ስንብታይ ምስ በጽሔ · ሀዲኡ ብእ·ኽ ፡ እፈልጥ እየ ·ሞ ፡ ነፍሰይ · ተፅርፋ ንስ·ኻ ።

ካ ፡ ፩ ።

መዝሙር ሰማይን ሞትን ።

(ካብ ፻፸፯ ክሳዕ ፻፹፮)

— ፻፻፸፯ —

S. T. 672

፩ - ካብዛ ምድሪ ናብ ሃገር ሰማይ ፡ ብምእ
ማን እርኢ አሎኹ ፡ ሓደ ቤት እተሐብኤ ኻ
ባይ ፡ የሱስ ክርስቶስ ሰርሓለይ አብኡ ። ፤ ድሕ
ሪ ሓጺር ግዜ ፡ ክንራኸብ ኢና አብ ሰማይ ። ፤
፪ - ንሕናውን አብቲ ሃገር ብርሃን ፡ ካብ
መዋቲ ስጋ መሊኾና ፡ ደስ ክነብሎ ምስ ብ
ጹኣን ፡ ካብ ድኻም ፡ ካብ ስቓይ ሀዲምና ።
፤ ድሕሪ ሓጺር ግዜ . . . . . ።
፫ - ንፈቃር ፡ ንክቡር አቦና ፡ ናይ ምስ
ጋና መስዋእቲ ነቕርብ ፡ በቲ ናቱ ሀያብ ጸጎና ፡
አብ ጸጽባሕ ብፍቕሩ ዚህብ ። ፤ ድሕሪ ሓጺር
ግዜ . . . . . ።

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፻፸፭ —

S. T. 369

፩ - ጋሻን ጓናን አብዚ ኴንና ፡ ንመድሓ
ኒና ንጽበ ። አብዚ ነባሪ ቤት የልቦን ፡ ግዴና
አብ ሰማይ እዩ ። ፍኩሽ ድኳን ቤትና እዩ ፡



ክሳዕ እንወጽእ ዓለም ። የሱስ ይመጽእ ካብ
ሰማይ ፡ ኬውርሰና የሩሳሌም ።

፪ - በዛ ዓለም ከይንስሕት ፡ ካብኣ ተፈ
ሊና ንንበር ፡ ልብና ኸይተባላሸ ፡ ከይንርሕቕ
ካብ አምላኽና ። ፈኩሽ . . . . . .

፫ - እስራኤል ከም ዝጐዐዙ ፡ ሐዲጎም
ንድሕሪት ምስሪ ፡ ንሕናውን ንገስግስ ክንኣን ፡
ናብ ዓዲ ሰላም ፡ ናብ ደሓን ። ፈኩሽ . . . .

፬ - አይነዕዘምዝም ዝኸማኣም ፡ ምስ መ
ጸና ብዙሕ ፍርሃት ፡ ሓጺር ግዜ ኢና አብዚ ፡
ተሎ የሱስ ይህብ ህይወት ። ፈኩሽ . . . . .

፭ - አብኡ ኣጋይሽ ነይኩንና ፡ ደቂ ርስቲ
ኻ ኸተማ ። ሽው ዚጐድለና የልቦን ፡ የሱስ
እዩ ሓላዊና ። ፈኩሽ . . . . . .

ሽ ፡ ኔ ።

— ፻፻፸፮ —

Evang. Sang. 80

፩ - መገዲ ዝኸደሉ ናብ ቤትየ ፡ ናብ
ሰማይ ፡ እወ ፡ ዜእትወኒ ናብ ክተማ ብርሃን ፡
አብ ጸልማትኒ አብ ሽጋር አነ ዝኸደሉ ፡ መገ
ዲ የሱስ 'ዩ ፡ መገዲ የሱስ 'ዩ ።

፪ - ሰላም ዚነብር ከአ ምስ ጠፍኡ ዓለም



ና ፡ ብመርቂ ዘይሽየጥ ብገንዘብ ዘይውሀብ ፡
ዝያብ ናይ ፈቃር አቦ ንሕዙናት ደቁ ፡ ሰላም
የሱስ እዩ ፡ ሰላም የሱስ እዩ ።

፫ - ንእተደቑሰ ልቢ ሓይሊ ዜሕውዮ ፡
ደስታኡ ምስ ሰላምኒ ፍቕሪውን ዝመልኦ ፡
ንነፍስኻ ዜድሕኖ ፡ ካብ ሞትን ዜውጽኦ ፡
ሓይሊ የሱስ እዩ ፡ ሓይሊ የሱስ እዩ ።

፬ - ዕላማይ ከአ አሎ አብ ላዕሊ ምስ
አምላኽ ፡ አብኡ ኽሳዕ ዝበጽሕ አይፀርፍን
እየ ፡ ሽው ኪቕንጠጥ እዩ ዚኽልክል ንምር
እይ ፡ ዕላማይ ናብ ሰማይ ፡ ዕላማይ ናብ ሰማይ ።

፭ - አብኡ ጸልማት አይኣቱን ሽጋርውን
ሐሊፉ ፡ 'ቶም አብዚ ዝጸወሩ አብኡ ተአኪ
ቦም ፡ ከም ብርቱዕ ማይ ኪኸውን ደሃይ ናይ
መዝሙሮም ፡ አብ ሓጐስ አቦአም ፡ አብ ሓ
ጐስ አቦአም ።

፮ - ብስዕረት ናይቲ ገንሸል አብኡ ተአኪ
ቦም ፡ ናይ ምድሪ ጻዕርን ጓህን እኳ አይዝክ
ሮን ፡ ናብ ማይ ህይወት ይመርሖም ፡ ንብዓ
ቶም ይደርዝ ፡ ንዅሉ ስሚሮም ፡ ንዅሉ ስሚ
ሮም ።

፯ - ንዕዉት ገንሸል አምላኽ ፡ አብ ቅድ



ሚ ዝፋኑ ፡ እቶም እሙናት ኵሎም ይውድሱ
እዮም ፡ ክንደይ ሓጐስ ኪኸውን ንዅሉም
ቅዱሳን ፡ ምስቲ ዕዉት ገንሸል ፡ ምስቲ ዕዉት
ገንሸል ።

ዮ ፡ ኤ ።

— ፻፻፸፱ —

Hemlandstoner 334

፩ - ካብ ሽጋር ዓለም ክብ ዘለ ፡ ርሑቕ
ካብ ጭንቀት ዘበለ ፡ ታሕጓስ ብጽኒና ዘለም ፡
ንኡ ልበይ ይናፍቕ ። ክነብር አብኡ ፡ አብቲ
ተድልኡ ፡ አብቲ ሃገር ሰላም ፡ ድሑናት ደስ
ይብሉ ፡ ብቕድስና የኽብርዎ ፡ ንኡ ልበይ
ይናፍቕ ።

፪ - አብኡ ማይ ህይወት ጐራፊ ፡ ንገነት
አምላኽ መልምዒ ፡ ጐይታ ብርሃኑ ዜብርቕ ፡
ንኡ ልበይ ይናፍቕ ። ክነብር . . . . . .

፫ - ነቲ ኻብ ጸልማት ዘልገሰ ፡ ብሓጢ
አትውን ዘይረኽሰ ፡ ናብቲ ፈተና ዘየርክበ ፡
ንኡ ልበይ ይናፍቕ ። ክነብር . . . . . .

ካ ፡ ኔ ።

— ፻፻፹ —

S. T. 759

፩ - አብ ሃገር ጓና ኽም ጋሻ እየ ፡ ናብ

ቤተይ ክኸይድ እትምነ ፡ ዘይእትዎ ሓጥያት ፡ ንብዓት ዘይርኤ ፡ እኾኵ አብ ዚብደል ናብ ስየ ። ዘይሐልፍ ርስቲ ፡ ዘይርከብ አብዚ ፡ ን አይ እርኑብ አሎ አብ ላዕሊ ። መገዲ ህይወት ሰ ጸበብ እያ ፡ ግናኸ ናብ ሰማይ ተብጽሓኒ ።

፪ - አይበይነይኒ ፡ አሎኒ መራሒ ፡ ወር ትግ ዚረድአኒ ፈታዊ ፡ ስሚሩ ንጭፍራ ጸል ማት ፡ አብ ኵሉ ኪኸውን ገዛኢ ። የለሊ ንአይ ብዓቢ ፍኞሩ ፡ ስመይ አብ ሰማዩ ጽሒፉ ። ናብ ሰማይ ብየሱስ ተመሪሐ ፡ ክወርስ አብ ብርሃን ብሩህ ግደ ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፵፭ –

Upp. 280

፩ - ናብ ቤተይ ፡ ናብ ላዕሊ ፡ ትናፍቕ ነፍሰይ ፡ ናብ ክርስቶስ ፡ ናብ ሰማያዊ ርስቲ ። ምህላውሰ አሎኒ ፡ ጭንቂ አብዛ ምድሪ ፡ ፡ እቕበል ግን ድሓር ፡ ናይ ዓወት ዘውዲ ። ፡

፪ - ምኻድ ክብ ዝጅምር ፡ ሰማይ አቢለ ፡ ከም ጋሻ እነብር ፡ አብዛ ምድሪ ፡ እንተ ጠፀ መ እኳ ፡ ምፍላይ እደሊ 'የ ፡ ፡ ክብዚ ናብኡ ፡ ክብ ኵሉ ፡ ዚሰቕየኒ ። ፡



፫ - ክአቱ ዶ ኽሮን ፡ እኽአል 'የ ሰማይ ፡ ዓገትቲ ምሕላፍ ኩን ፡ ይኽልኡኒ ፡ እርእያ ኽሮን ብጽአቲ ፡ የሩሳሌም ዓይነይ ፡ ፡ እወ ፡ የሱስ ስሚሩ ፡ የአትወኒ ። ፡

፬ - ብአኻ ኽነብር ፡ ክመውት ከኣ ፡ ስሌኻ ኽስውአ ፡ ናተይ ኵሉ ፡ እዚ ምድራዊ ቤት ፡ እንተ ፈረሰ 'ኳ ፡ ፡ ግን መንፈሰይ ይዝምር ፡ ብምስዓሩ ። ፡

ካ ፡ ኔ ።

፪፻፵፮

S. T. 725

፩ - እቲ ዝተርከሰ ዓይነይ ፡ ብናፍቕት ይርኢ ሰማይ ፡ አብ ዘየርክበ ፈተና ፡ አብቲ ብጹእ ቤት ምስጋና ። ሃረር እብል ንሃገርና ፡ ንብሩኽ መንግስቲ አምላኽና ፡ ሕጉስ ይግስ ግስ ብሰላም ፡ ናብ ቅድስቲ የሩሳሌም ።

፪ - ግዚና ዜፍርሀ ኩይኑ ፡ ብዙሓትውን ይኽሕዱ ፡ አብ መገዲ ምስ የሱስና ፡ ዘይከዱ ናብታ ኽተማ ። ሃረር . . . . . .

፫ - ካብዚ ናይ ምድሪ ኽንቱነት ፡ አብቲ ናይ እምነት መሰረት ፡ የሱስ ንደቂ ስሒቡ ፡ ካብ ድቕድቕ ጸልማት አውጺኡ ። ሃረር . . .



፬ - ም ቃል ሓቂ ፡ ብርሃን ቅዱስ ፡ መጽን ሚና ለዋህ መንፈስ ፡ ንህይወትና አባራብር ፡ ብኢድ ጸጋኻ ምርሓና ። ሃረር . . . . .

– ፪፻፶፫ –

S. T. 653

፩ - አምላኽ አብ ሰማይ ቤት አዳልዩ ፡ ካብ ሓጥያተይውን የሱስ ፈዲሑ ። አይበጽ ሓንን 'ዩ ድሕሪ ሞት ፍርዲ ፡ የሱስ አጥርዩ ለይ ምሉእ ዕርቂ ። ንዓ ንስዐብ ንየሱስና ፡ ላዕሊ ገጽና መሊስና ። ተተሓሒዝና ብኢድ ፡ ናብ ሃገር ሰማይ ንኺድ ።

፪ - እስራኤል ንምስሪ ምስ ገደፉ ፡ ብኣም ላኽ መገዲ ኽም 'ተመርሑ ፡ አነ ኽምኡም ናብቲ ሃገር ተስፋ ፡ ብእምነት ንኽንአን ተብ ጊሰ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፫ - ጭፍራ ግብጺ ሰጠሞም ምስ ጠፍ ኡ ፡ እስራኤል ግና ካብ ጥፍኣት ወጹ ። ንሓ ጥያተይውን አምላኽ ደምሰሶ ፡ ብዜጽሪ ደም ፍጹም አርሐቐ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፬ - ዜፍርሀ 'ተ ኽነ ስልጣን ጸልማት ፡ ብደሓን እነብር ፡ ብዘይ ፍርሃት ። ብረድኤት



አምላኽይ ተአሚነ ፡ ጸላኢ ነፍሰይ ክስዕር እየ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፭ - ጸበባ ፡ ሁከት እንተ ጸገብኩ ፡ አቦይ ናብ ሰናይ ኪልውጦ 'ዩ ። ሓዘን አብ ዜልቦ ፡ ሓጉስ ዘለዎ ፡ ንሰማይ ብባህጊ ኤማዕድዎ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፮ - ንጽላሎት ሞት አይፈርህኒ ፡ የሱስ መድሕነይ ካብ ዚመርሓኒ ። ካብ ድኻም ፡ ካብ ሽጋር ተሳኒረ ፡ አብ ሰማይ ዕረፍቲ አረክብ 'የ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፯ - ክንደይ እልልታን ክንደይ ሓጉስኒ ፡ አብ ሰማይ ኪጸንሕ ንአመንቲ ። ዓይኒ ዘይ ረአዮ ፡ እዝኒ ዘይሰምዖ ፡ ክርስቶስ ንመፍቀርቱ አዳለዎ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

፰ - ተንስኡ አሕዋት ፡ ካብ ጥፍኣት ንውጻእ ፡ ተተሓሒዝና ንሰማይ ንድፋእ ፡ ሰፈር አሎና አብቲ ቤት አምላኽ ፡ ተነሲሕና ካብ ሓጥያትና ንርሐቕ ። ንዓ ንስዐብ . . . . . .

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፶፬ –

S. T. 673

፩ - ዓይነይ ካብዚ ፡ ናብቲ ላዕሊ ፡ ብንብ

ዓት ቍሲሕ ትብል ። ካብዛ ዓለም ናብቲ ሰ
ሌም ፡ ንምኻድ ሃረር እብል ። ጸበባዬ እርስያ ፡
ናብኡ ምስ ዘጠምቶ ።

፪ - ክንደይ ሀዝቢ ፡ ካብዛ ምድሪ ፡ ንግብ
ኣት ኪእክቡ ። ጻዕዳ ልብሲ ፡ ዓቢ ኽብሪ ፡
ካብ አምላኽ ኪቕበሉ ። ነፍሰይ ደጊም ባህ
በሊ ፡ ካብዛ ዓለም ጸው በሊ ።

፫ - ክንደይ ዕድል ፡ በቲ ገንሸል ፡ ስዕረት ፡
ግርማ ረኺብና ። ብጹኣትኒ ፡ ዕዉታትኒ ፡ ከነ
ኽብር ንጉስና ። ሓበን ዘሎ ተሪፉ ፡ ኩሉ እዩ
ውህበቱ ።

፬ - የሱስ በዚ ፡ ኽቡር ልብሲ ፡ ንመርዓቱ
የስምራ ። ኣብታ ዓዲ ፡ ከቶ ጓሂ ፡ ፈንቂቑ
ነየርክበ ። ድሕሪ ሓጺር ሓዘነይ ፡ ይጸንሓኒ
ኽብረተይ ።

፭ - ም መድሓኒ ፡ ሐልወኒ ፡ ኩሉ እዋን
ብጸጋኻ ። ብለውሃትካ ፡ ኣብ ምፍራህካ ፡ ኣጽ
ንዓኒ ኹሉ ሳዕ ፡ ክሳዕ ኣብቲ ብሩኽ ቤትካ ፡
ተእትወኒ ፡ ም ጐይታ ።

— ፪፻፸፭

S. T. 674

፩ - አምላኽ ንፈተውቱ ዝሰርሓ ፡ ብርኽቲ



ኽተማ እፈልጥ እየ ፡ ንመላእኽቱ ይልእኽ
ከኣ ፡ ኣመንቱ ኺእክቡ ናብ ሳዕሊ ። ኣብኡ
የልቦን ሓጥያት ፡ መከራ ኣየርክበናን ፡ ኣብኡ
ከቶ ኣይርኤን ንብዓት ፡ ይጸንሓና ኽብረትኒ
ብጽእናን ።

፪ - ካብ ሓጥያቶም ግን ዘይጸረዩ ፡ ኣብ
ሰማይ ምእታው ኪስእኑ እዮም ፡ ኣብ እሳት
ስቓይ ኪድርበዩ ፡ ንርሑቕ ካብ ክብሪ ገጽ
አምላኽም ። ኣብኡ የልቦን . . . . . .

፫ - ይውህብ ንጽህና ብደሙ ፡ ጽርየት
ሓጥያት ካብቲ ጽሩይ ዔላ ። ነፍስኻ እንተ
ነጽጌት ኣብኡ ፡ ንሙራስ ሰማይ ክትበቅዕ
እያ ። ኣብኡ የልቦን . . . . . .

፬ - ሕጉስ እየ ፡ ምግዱር ክነሰይ ፡ የሱስ
ኣብ ሰማይ ቤት የጽንሓለይ ። ንምእታው
ሃረር ትብል ነፍሰይ ፡ ም አምላኽ ፡ ንብህገይ
ፈጽመለይ ። ኣብኡ የልቦን . . . . . .

ኡ ፡ ኤ ።

— ፪፻፸፮

S. T. 460

፩ - ኣብ ዝኽድኩ ፡ የሱሰይ ፡ ኣነውን እና



ፍቕ ፡ ኣብዚ ዓለም ኣብለይ ፡ ነፍሰይ ዜተወ
ርቕ ። ስደይለይ መንፈስካ ፡ ንልበይ ዜጽሪ ፡
ህይወት ፡ ሃይማኖት ከኣ ፡ ብምሉእ ዘህበኒ ።

፪ - ምትምናይ እኩይ ስጋ ፡ ኽሰቕሎ
እደሊ ። ም የሱስ ፡ ብጸጋኻ ፡ ንምኽኣል ህብ
ሓይሊ ። ክስዕበካ ፈቶኹ ፡ ንስኻ ንነፍሰይ ፡
ህይወት ዋንቲ ንምሃብ ፡ መሪር ሞት ሞተ
ከለይ ።

፫ - ካብ ሓጥያተይ ንምርሓቕ ፡ ንምንባር
ምስኻ ፡ ወደግኪ ንምጽዳቕ ፡ በቲ ቅዱስ ደም
ካ ። ባዕልኻ ዘተስፎኻ ፡ ርስተይ ኸተዳሉ ፡
ኣብ ሰማያት ወረግካ ፡ ክበርክ ብኹሉ ።

ካ ፡ ኒ ።

፪፻፸፯

S T 660

፩ - ኣብቲ ብሩኽ ሃገር ናይ ብጹኣን ፡ ኣብ
ቲ ኤድን ክንራኸብ ኢና ። ምስ በጻሕና ኣብ
ሃገር ሰማይ ፡ ጻዕሪ ኽሎ ስቅያት ሐሊፉና ፡
፡ ኣብቲ ኤድን ኸው ፡ ፡ ልቢ ዘይሐሰበ ፡ ዓይኒ
ዘይርኤ ፡ ኣብቲ ኤድን ክንራኸብ ኸው ።

፪ - ኣብ ሰማያዊ ቤት ፡ ኣብ ኤድን ፡ ክን
ርእዮ ንፈቓር አምላኽ ። ምስቶም ቅድሚት



ዝሐለፉ እሙናት ፡ ክንራኸብ ከኣ ብታሕ
ንስ ፡ ፡ ኣብቲ ኤድን ኸው ፡ . . . . .

፫ - ቅዱሳን ምስቶም ነብያት ኣብኡ ፡
ምስ ሰማእታት ካብ ኩሉ ዘበን ፡ ምስቶም
ጭሩፍ ሰማያት ይውድሱ ፡ ንኣምላኽና ፡
ንኽቡር መድሕን ። ፡ ኣብቲ ኤድን ምስኣም ፡
፡ ልቢ ዘይሐሰበ ፡ ዓይኒ ዘይርኤ ፡ ክንራኸብ
ኣብ ኤድን ምስኣም ።

ሲ ፡ በ ።

— ፪፻፸፯

S. T. 677

፩ - ኣየ ብጹእ ቤት ኣብ ሰማይ ፡ ኣብቲ
ብሩኽ ዘሎ ናይ ህይወት ማይ ፡ 'ቶም ብጹኣን
ጻዕዳ ለቢሶም ፡ ገንሸል ፋስጋ ዚውድሱ ።
፡ ኣብ ሰማይ ፡ ኣብ ሰማይ ፡ 'ተባረኽ ቤት ኣብ
ሰማይ ። ፡

፪ - ክንደይ ህዝቢ ኺእክቡ ፡ ንፈተው
ቶም ናብኡ ኽረኽቡ ፡ ኬመስግኑ ድማ ንየ
ሱስ ፡ ብሓዲሽ መዝሙር ነቲ ቅዱስ ። ፡ ኣብ
ሰማይ ፡ . . . . . ፡

፫ ኣብኡ ድማ ምስቲ ጐይታ ፡ ምስ
ኩሎም ፍትዋት ኣሕዋትና ፡ ክንራኸብ 'የ

ሃረርታና ፡ ምስኡ ኽንእቱ፡ አብቲ ዓዲ ። ፡ አብ ሰማይ ፡ . . . . . ፡

፬ - ክኽይድ እየ ናብ ቤተይ ፡ ምስ ወዳእ ኩ ነዚ መገሻይ ። ክምቲ የሱስ ዘተስፈወኒ ፡ አብ ሓጐሱ ይቕበለኒ ። ፡ አብ ሰማይ . . . . ፡

— ፪፻፵፱ —

S. T. 639

፩ - አቕርበኒ ፡ አቕርበኒ ፡ የሱሰይ ክርኢ እደሊ ። ነፍሰይ ኣዝያ ትናፍቕ - ንመድሓኒኣ ኽትረክብ ፡ ቀድሚ ገጹ ደው ክትብል ።

፪ - ቅዱስ እዩ ፡ ቅዱስ እዩ ፡ እቶም ብጹኣን ዚዝምሩ ። መንፈሪ ኣንተ ዝረክብ ፡ ነፈረ ናብኡ ኽርክብ - በጸሐ ምሀሎኹ ።

፫ - ክንደይ ሓጐስ ፡ ክንደይ ሓጐስ ፡ ምስ 'ቶም ቅዱሳን ክሕወስ ፡ አብቲ አዳራሽ ናይ ወርቂ - ምስትውዓሉ አይክእልኒ ፡ ቤት አም ላኽ ግሩም እዩ ።

፬ - ደግፈና ፡ ደግፈና ፡ አብ ሰማይካ አብ ጽሓና ። አብ አም ሀይወት ክነተንፍስ ፡ ሓድሽ መዝሙርካ ኽንደርስ - አብቅዓና አምላኽና ።

ካ ፡ ፈ ።



— ፪፻፶፯

S. T 658

፩ - ኵልና ዶ ኹን ንራኽብ - አብቲ ሃገር በጹኣን ፡ ንምእታው ኩን ይኹነልና - ሓዋያት አብ ዚልቦ ሰፈር ፡ ኵልና ፡ ኵልና ፡ ፡ ኵልና ዶ ኹን ንራኽብ ፡ ፡ አብቲ ሃገር ብጹኣን ፡

፪ - ኵልና ዶ ኹን ንራኽብ - አብ ላዕለይቲ ኽተማ ፡ ብኢድ አምላኽ እተሰርሔት ፡ ባዕሉውን ዝሰለማ ፡ ኵልና ፡ ኵልና ፡ ፡ ኵልና ዶ . . . . .

፫ - አብ ዘልአለማዊ ሓጐስ - ክንራኽብ ኩን ኢና ፡ ከነመስግን ኩን ምስ ጻድቃን - ንኽቡር መድሓኒና ፡ ኵልና ፡ ኵልና ፡ ፡ ኵልና ዶ . . . . .

፬ - እወ ነፍሰይ ፡ ተስፋ አሎ ፡ ጐይታ ባዕሉ ዝበሉ ፡ ነቲ አነ ዘሎኽዎ - ርስትኹም ትገብርዎ ። ብእምነት ፡ ብእምነት ፡ ፡ ብእምነት እንተ ጸናዕኩም ፡ ፡ ርስትኹም ትገብርዎ ።

ካ ፡ ፈ ።

— ፪፻፶፩

S. T. 593

፩ - አምላኽ አሎኒ ባህጊ - ክብዚ ንም



ኽድ ናብቲ ፡ ክብዚ ምድሪ ምስ ውርደቱ - ናብቲ ሰማይ ምስ ክብረቱ - ፡ ንየሱስ ክርኢ 'የ ። ፡

፪ ቀሪ ፡ ጸልማት ዘይኣትዎ ፡ የሱስ እዩ ጸሓዩ ። መርዓቱ ኽብ ርብ ብኽያት - ክትኣቱ 'ያ ናብ ሰማያት ፡ ፡ ኩሉ ኺሕደስ እዩ ። ፡

፫ - ሓዘን ፡ ጓሂ ዘበለ - ናብ ሓጐስ ምስ በደለ ፡ አብ ጽላል ስየ ዕረፍቲ - ምስ ሀበ ንድኹም ነፍሲ ፡ ፡ ብደስታ ኽንውድሶ ። ፡

ኡ ፡ ኡ ።

— ፪፻፶፪ —

S. T. 668

፩ - ክንደይ ግሩም 'ዩ ሰላምካ ፡ የሱሰይ ፡ ሰላምካ 'ወ ፡ ዜዝሕል ባእሲ ፡ ንበረኻ 'ኳ አብ ገነት መላሲ ፡ ንመገሻይ ዜሕጽር መግለሲ ።

፪ - ንቕሩብ ግዜ ኽዋጋእ ጥቓኻ - 'ናሰ ማዕኩ ኽትብል ፡ አጆኻ ። ቃልካ ኽዘርእ 'የ ምሉእ መዓልቲ ፡ እጽበውን ምእካብ እንዳእቲ ።

፫ - 'ናረኽብኩ ነጥቢ ኽብ ማይ ሀይወት ካ - ብጽምእን እሀታን 'ጽበየካ ፡ ደሓር ግና ንሃረርታይ ተርውዮ - ነፍሰይ አብ ዘይረኽባ ሽጋር ፡ ወዮ ።



፬ - ንቕሩብ ግዜ መብራሀተይ ኤዳሉ ፡ ንቕሩብ ግዜ እጽበየካ ፡ ደሓር 'ግን አብ ዘል አለማዊ ቤትካ ኤመስግን ፡ እውድስ ደግነትካ ።

እ ፡ ፯ ።

— ፪፻፶፫ —

S. T. 704

፩ - አብ ሃገር ጸልማት ለይቲ ምስ ሐለፈ ፡ ክትበርቕውን ክላ ጸሓይ ፡ ነፍሰይ ብኢድ የሱስ ሓራ ምስ ወጽኤት ፡ ስኒረ ኽዝምር አብ ሃገር ሰማይ ፡ ክሕጐስ ንኡ ብምርኣይ ።

፪ - ጣቕ እዛ ዓለም ፍጹም ምስ ጠፍኤ ፡ አብ ሰማይውን ምስ አቶኹ ፡ ኩሉ ኽም ዚ ሕደስ ክርእዮ እየ ። ክርስቶስ ሞት እኳ ናብ ሀይወት ለዊጡ ፡ ንድኹም ኬዕርፍ እዩ ።

፫ - አብ ከተማ አምላኽ ክብ ዓይኒ ጻድቃን - ይድረዛ ዅሉን ንብዓት ። ናይ ገንሸል መርዓ ምስ ዚአቱ እዋን ፡ ዚፈላለ የልቦን አብቶም ብጹኣን ፡ በሀ የብላ ነታ መርዓት ።

፬ - ሓዘን ፡ ጭንቀት ፡ ውግእ ዝመልኦ ምድሪ - ኽንርስዕ ምስ ከድና ናብኡ ። ከመይ ዘለ ግርማ ዘይተርኤ አብዚ ፡ አብ መኣዲ ጐይታና ፡ አብ ሰላሙ ፡ 'ቶም ደቁ ምስ ዚቕረቡ ።

፩ - እታ ፡ትእዝዝ እምንቲ መርዓቱ ፡ እና ሐሰረት ስሊኡ ፡ ብደሙ ዝገዝኣ ፡ ጥፍእቲ ሽላ ፡ ካብ ሓጥያት ኣጽርዩ ፡ ጻዕዳ ኽዳኡ ፡ ኣኽሊል ኪደፍኣላ እዩ ።

፪ - ርድኣና ፡ ዎ የሱስ ፡ ብጽኑዕ እምነት ፡ ክንግስግስ ንቕድሚት ገጽና ፡ ክሳዕ እንኣቱ ኣብ ሃገር ክብረት ፡ ክሳዕ እንፀርፍ ኣብ ብሩኽ ሕቑፍኻ ፡ ክምቲ ዝሀብካና ተስፋ ።

ኡ ፡ ኡ ።

– ፪፻፻፱፱ –

S T. 792

፩ - ብጹእ እዩ ናብ ኢድ ኣቦ ፡ ርእሱ ኽም ሕድሪ ዚሀብ ። ኣብ ዝኣቶ ፡ እንተ ኣቶ ፡ ሀዱእ ኩይኑ ይስዕብ ። ኣብ ጓሂ ፡ ስቕይ ዕጉስ ፡ ኣብ ሀይወት ፡ ኣብ ሞት ሕጉስ ፡ ንዚመጸ የጥዕመሉ ፡ ኣምላኽ ሁሉ ይሐልየሉ ።

፪ - ዎ ኣምላኽ ፡ እልምነካ ፡ ክትመርሓኒ ብኢድካ ፡ ኣብጽሓኒ ናብ ሰላምካ ፡ ንነፍሰይ ሀብ ብጽእና ። ዕለተይ ምስ ሐለፈ ፡ ጉያይ ምስ ተፈጸመ ፡ ዎ ጐይታይ ፡ ተቐበለኒ ፡ ኣብ ሰማይካ ኣእትወኒ ።

ኡ ፡ ኡ ።



ሓሰብ ፡ መዋቲ ሰብ ዘይጽብጽቦ ፡ ዓይኒ ፍጡር ዘይጥምቶ ፡ ኣብ ኣምላኽ ጸባኣት ።

፫ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ብግር ማን ክብረትኒ ፡ ይቕመጥ ኣቦ ፍጡራት ፡ ምስ ወልድን መንፈስኒ ። ጭፍራ ሰማይ ብሕብረ ቶም ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ኢሎም ይሰግዱ ንኣምላኽ ።

፬ - ዎ ስሉስ ኣምላኽ ፡ ኣብ ሰማይ ፡ ክውድስ ክብረትካ ፡ ኣርሕዎ ደጊኡ ንኣይ ፡ ብዓቢ ምሕረትካ ። ብእምነት እንተ ደልደል ኩ ፡ ኣኽሊል ክቕበል ፡የ ኣብኡ ፡ ካብ ኣምላኽ ጸባኣት ።

ኡ ፡ ኡ ።

፪፻፻፱፮ –

S. T. 669

፩ - ብኢድ ኣቦና ኽንምራሕ ፡ ክንደይ ብጹእ ዕድል እዩ ። ሽዓ መግሻና ኺውዳእ ፡ ናብቲ ኽንኣን ክንአቱ ። ኣብኡ መዝሙር ደስ ኪብለና ፡ ከም ብርቱዕ ውሕጅ ኪኹን ደሃዩ ፡ ክብሪ ናይ ኣምላኽ ፡ ናይ ገንሸል ፡ ዝገዝኣና ብደሙ ።

፪ - ኣብዘን ርባታት ፡ ኣብ በኬል ፡ ይዝሕ



– ፪፻፻፱፭ –

S. T. 701

፩ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ኣምላኽ ኣብ ዘለም ፡ ክንደይ ዘይንገር ግርማታት ፡ ኣብኡ ዚርከቡ ። ንወርትግ ገጽ ፈጣሪና ፡ ኣብኡ ኽንጥምቶ ኢና ፡ ንኣምላኽ ጸባኣት ።

፪ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ክንደይ ጽሩይ ብርሃን ፡ ዚደምቕ ካብ ሽሕ ጸሓያት ፡ ዚበርህ ብስልጣን ። ከይጐደለ ንሓዋሩ ፡ ዜብርህ የልቦን ማዕሪኡ ፡ ከም ኣምላኽ ጸባኣት ።

፫ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ክንደይ ይሕጐሱ ፡ እቶም መላእኽቱን ቅዱሳን ፡ ኣብ ግርማ ኽብረቱ ። ነፍሰይ ክትጽምበርም እያ ፡ ካብ ክብረቱ ተወዲላ ፡ ካብ ኣምላኽ ጸባኣት ።

፬ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ንብዓት ኣይርከብኒ ፡ ሞት ፡ ተለሎ ፡ ፍረ ሓጥያት ፡ ኣይኣቱን ድማኢ ። ሰላም ፡ ክብረት ፡ ደስታ ኣብኡ ፡ ንእሙናት ተዳልዩ ፡ ካብ ኣምላኽ ጸባኣት ።

፭ - ኣብ ሰማያት ፡ ኣብ ሰማያት ፡ ብጽእና ኣጽኒሕካ ፡ ዘይንገር ብልሳን ሰባት ፡ ዘይውስና



ትል ግን ዜማና ፡ ኣብ የሩሳሌም ክንዝምር ፡ ብሓጐስ ሓድሽ ቃና ። ኣብኡ . . . . . .

፫ - ሓጥያት የልቦን ኣብቲ ኽንኣን ፡ ሞት ፡ ወይ ሰይጣን ፡ ወይስ ጸልማት ፡ ሽጋር ፡ ጓህን ጻዕርን ቃንዛን ፡ ኣብኡውን የልቦን ብኽያት ። ኣብኡ . . . . . .

፬ - ኣብዛ ናይ ድኻም መገዲ ፡ ብዙሕ ነገር ይፈልየና ፡ ብሰላም ግና ክንራኽብ ፡ ኣብ ናይ ክብሪ ኽተማ ። ኣብኡ . . . . . .

፭ - ንተሐሎ ኽይንተርፍ ፡ በቲ ናይዛ ዓለም ስሕተት ፡ ኣምላኽና የራኽበና ፡ ኣብ ብጹእ የሩሳሌም ። ኣብኡ . . . . . .

ኡ ፡ ኡ ።

– ፪፻፻፱፯ –

M. F. 691

፩ - ናይ ጽዮን እሱራት ምስ ፈትሑ ጐይታ ፡ ከም ሓለምቲ ኢና ንሕና ሸፀ ፡ ኣፍና መልኡ ብሓጐስ ፡ ብእልልታ ፡ ኣምላኽ ዓቢ ነገር ገበረልና ። ደሃይክ ኣልዕል ፡ ወድሶ ብሓይሊ ፡ ብዝማሬ ንንጉስክ ኣብ ላዕሊ ፡ ንሱ ናይ ጽዮን እሱራት ኪፈትሕ ፡ ከም ሓለምቲ ኢና ንሕና ሸፀ ።

፪ - እቶም እናነብው ዘርአም ዚዘርኡ ፡ ተሐጕሶም ይወጽዱ ንዳሕራይ ፡ እንድኣውቶም ብሰላም ይጠምሩ ፡ ይረኽቡ ዓስቢ ኽብ ንጉስ ሰማይ ። ደሃይካ ኣልዕል ፡ . . . . . .

፫ - መዝሙር ታሕጓስ የድምቹ ብሓቂ ፡ ኣምላኽ ግሩም ስለ ዝገበረ ፡ ረድኣም ካብ ኵሉ ጭንቀቶም ብጽድቂ ፡ ንህዝቡ ደገ ሳሌም ከፈተ ። ደሃይካ ኣልዕል ፡ . . . . . .

ካ ፡ ኒ ።

– ፪፻፲፬ –

S T. 242

፩ - ቅድሚ ናይ ኣምላኽ ዝፋን ኾተአከቡ ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ዝለበሱ ፡ መዝሙር እናዘመሩ ፡ እንታዎት እዮም ፡ ኣብ ሰማይ ብሓጐስኒ ደስታን ኣትዮም ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ኣምላኽ ። ኣብ ሰማይ ብሓጐስኒ ደስታን ኣትዮም ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ።

፪ - እዚኣቶም እዮም ፡ ሽዓ ምስ ጀመሩ ፡ ኣስኣሰር የሱስ ወርትግ ዝኽዱ ፡ ቃሉውን ዝሐለዉ ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . . . . .

፫ - እዚኣቶም እዮም ፡ ምስ ተጨነቕ ፡ ዓይኖም ናብ የሱስ እናኣልዐሉ ፡ ኣብኡ ነፍሶም ዘሀድኡ ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . . . . .

፬ - እዚኣቶም እዮም ፡ ከይተሰነፉ ፡ ጽኑዓት ኮይኖም እተጋደሉ ፡ እምነቶም ዝሐለዉ ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . .

፭ - ሕጂ ንዘልኣለም ሓሪ ወጺኡም ፡ ሞትን ብኽያትን ኣብ ዘየርከቦም ፡ ቤት ኣምላኽም በጺሖም ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . . . . .

ሲ ፡ በ ።

– ፪፻፲፭ –

S. T. 243

፩ - ክዳን መርዓ ተኽዲኖም ፡ ናይ ስዕረት ስየ ኣብ ኢዶም ፡ ቅድሚ ኣምላኽ ፡ ብታሕጓስ ደው ዚብሉ መን እዮም ፡ ብደም ገንሸል ዝጸረዩ ፡ ካብ ብርቱዕ ሽጋር ዝመጹ ፡ ጀጋኑዮም ፡ ተዐዊቶም ፡ ዚኣትዉ መንግስቶም ። ደጊም ስቅያቶም ሓሊፉ ፡ ንኣምላኽም ይሰግዱሉ ። ሰጭፍራ ሰማይ ብመዝሙሮም ፡ ምስ ኣም ይውድሱ ።



ዓይኖም ናብ የሱስ እናኣልዐሉ ፡ ኣብኡ ነፍሶም ዘሀድኡ ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . . . . .

፪ - እዚኣቶም እዮም ፡ ከይተሰነፉ ፡ ጽኑዓት ኮይኖም እተጋደሉ ፡ እምነቶም ዝሐለዉ ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . .

፫ - ሕጂ ንዘልኣለም ሓሪ ወጺኡም ፡ ሞትን ብኽያትን ኣብ ዘየርከቦም ፡ ቤት ኣምላኽም በጺሖም ፡ ጸርዮም ብደም ገንሸል ። ኣብ ሰማይ . . . . . .

ሲ ፡ በ ።

– ፪፻፲፮ –

S. T. 243

፩ - ክዳን መርዓ ተኽዲኖም ፡ ናይ ስዕረት ስየ ኣብ ኢዶም ፡ ቅድሚ ኣምላኽ ፡ ብታሕጓስ ደው ዚብሉ መን እዮም ፡ ብደም ገንሸል ዝጸረዩ ፡ ካብ ብርቱዕ ሽጋር ዝመጹ ፡ ጀጋኑዮም ፡ ተዐዊቶም ፡ ዚኣትዉ መንግስቶም ። ደጊም ስቅያቶም ሓሊፉ ፡ ንኣምላኽም ይሰግዱሉ ። ሰጭፍራ ሰማይ ብመዝሙሮም ፡ ምስ ኣም ይውድሱ ።



፪ - ብንዕቀት ሐሲሮም ኣብዚ ፡ ግን ጠምት ክብረቶም ኣብቲ ፡ ተሰሊሞም ፡ ተሰርጉሞም ። ብናይ ህይወት ኣኽሊል ። ንብዓት ካብ ዓይኖም ነጠበ ፡ ሰልፎም ኣብዚ ምስ በርትዔ ፡ ግና ኣብኡ ኣምላኽ ባዕሉ ። ነሚንቶም ደረዘ ። ንወርትግ ሕጂ ብጹኣት ፡ ኣየርክበምኒ ሞት ፡ ብኽያት ፡ ኣሰኒፎም ፡ ተቐቢሎም ። ዓስቢ ናይ ዕዉታት ።

ሲ ፡ በ ።

– ፪፻፲፯ –

S. T. 277

፩ - ካብ ኣምላኽኒ ሕጉን ናበይ ክህድም ፡ ይጸንሓኒ ኣብ መላእ ዓለም ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከመይ ጌረ ጽድቂ ። ኽረክብ ብመዓልቲ ፍርዲ ፡ ዎ ኣምላኽ ፡ ንኣይ ምሐረኒ ።

፪ - እፈርሃሉ ፡ ቀኒሒሕ ምስ ዚብል ዓይኒ ፡ ሓጥያተይ ተጽሒፉ ኣብ ላዕሊ ፡ ንታሕቲ ፡ ናብ ምድሪ እንተ ጠመትኩ ፡ ዝዐመጽክዎ ኣብኡ እዩ ። ዎ ኣምላኽ ፡ ንኣይ ምሐረኒ ።

፫ - ኣበይ ኸን ክረክብ ርሕሩሕ ረዳኢ ፡ ሕማመይ ዚፈልጥ ፈዋሲ ፡ ብሓቂ ኽብ ሓጥያ



ተይ ተነሲሔ ፡ ንኣፍ ልበይ እሀርም እየ ፡ ዎ ኣምላኽ ፡ ንኣይ ምሐረኒ ።

፬ - ዎ ስልጡን ፈጣሪ ፡ ኪንክ መድሓኒ ፡ ብመንፈስክ ደጊም ምርሓኒ ፡ ብሰላምክ ሕሊ ናይ ኣህድኣለይ ፡ ብሓጐስክ ድረዝ ንብዓተይ ። ዎ ኣምላኽ ፡ ንኣይ ምሐረኒ ።

፭ - ዎ የሱስ ፡ ለውሃትክ ዚምስክረልና ፡ ካብ መስቀል ዝነጠበ ደምካ ። ብኡ እዩ ተስፋይ ፡ ነፍሰይ ኪድሕን ፡ ተናዚዘ ኽምዚ እል ምን ፡ ዎ ኣምላኽ ፡ ንኣይ ምሐረኒ ።

ኡ ፡ ኤ ።

– ፪፻፲፰ –

S. T. 112

፩ - ንዓ ፡ እሙን ኣገልጋሊ ፡ ብሒደት እተኣመንካ ፡ ኣብቲ ብዙሕ ክሸመካ ፡ እቶ ናብ ሓጐስ ኣቦኻ ።

፪ - ካብ ወንጌል ፡ ብውዑይ ትግሃት ፡ ትምግብ ኔርካ ንነፍሳት ፡ ብህይወት ኩነ ትም ህርቲ ። ትመርሕ ኔርካ ናብ ሓቂ ።

፫ - ልኡኽ ሰላም ፡ ኪድ ብድሓን ፡ ደሓን ኩን እሙን ሓውና ። ካብ ሓጐስ ጐይታኻ ጽንብ ፡ ካብ ሃልክስ ተድላኻ ርኽብ ።

፱ - ናብ ሃገር ጻድቃን ኣቢልና ፡ ከማኻ ናብኣ ቀኒዕና ፡ ብኣምላኽና ተመሪሕና ፡ ክን ኣቱ ኣብ ሃገር ተስፋ ።

፩ - እቶም ፍቓዱ ዚገብሩ ፡ ይኸዱ ፡ሞ ነይሕለሉ ፡ ሓድሽ ሓይሊ ይቕበሉ ፡ ከም ንስሪ እዮም ዚነፍሩ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፪፻፶፪ —

S. T. 87

፩ - ኣምላኽ ንዓለም ዚፈርዶ ፡ መዓልቲ ኺመጻና ፡ ብደበና ዚግለጸ ፡ ናይ ኑሉ ዓለም ዳኛ ። ም ባሮት ሓጥያት ፡ ዘክሩ ፡ ዚሕባእ የልቦን ቅድሚኡ ፡ ንሱ ይምርምር ኑሉ ፡

፪ - ምስ ኣድሄ መለኽት ፍርዲ ፡ ኪትን ስእ ፡ዩ ሰብ ኑሉ ። ካብ ባሕሪ ኼነ ፡ ካብ ምድሪ ፡ ተኣኪቦም ኪመጹ ። ዝሞቱን ዘለ ዉን ኑሎም ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢሎም ፡ ጸብጻብ ኪህቡ እዮም ።

፫ - ካብ ውድቀት ኣዳም ክሳዕ ሎም ፡ ናይ ሰብ ሓጥያቶም ኑሉ ፡ ጽሑፍ ኣብ ዘሎ ንብረቶም ፡ መጽሓፍ ኪገልጾ እዩ ። ብኡ ኽእ ነፍስ ወከፍና ፡ ክንፍረድ ከነም ግብርና ፡ ብሕጊ ጻድቕ ዳኛ ።



ጐይታ ፡ኑሉ ፡ ከም ስምረቱ ፡ ዚመጸሉ ፡ መ ዓልቲ ኽ.ወግሕ እዩ ።

፪ - ኪገላበጥ ምድሪ ፡ ባሕሪ ፡ ናብዚ ኽ.ዝ ምብዩ መላእኽቲ ፡ ኪሙድእ የሱስ ብሓይሊ ። ጋጋት ንኣኽራን ይውሕጥ ፡ ሰብ ኑሉ ምድሪ እናፈርሁ ፡ ኣብ ቅድሚኡ ይእክቡ ። ንሓዘን ወይስ ደስታ ፡ ኪፈልዮም ከም ንሳ ኽከም ግብሮም ፡ ኪህብ ጻድቃን ፡ ኣኽሊል ብርሃን ፡ ኪሰድድ ናብ ቅጽዓት ሓጥኣን ።

፫ - ኣብ ዘለም እኾኹ ንሂ ፡ ምስ ዝስዕብ ናትካ ስንመ ፡ ምምጻእካ የሐጕሰኒ ። እኾኹ ናብ ሰየ ለሚጥካ ፡ ብኽያት ትብድል ናብ እል ልታ ። ናብ ሞት እኽይድ ብተስፋ ፡ ልበይ ኣህ ዳእካዮ በቲ ቅዱስ ቃልካ ፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎ ኽ ም ፡ ኣብ ቤት ኣቦይ ፡ ስፍራ ኣዳልየልኩም ፡ የ ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፪፻፷፬

S. T. 185

፩ ፡ ገስጊሱ ይሐልፍ ዕድመይ ፡ በርቂ መስ መስ ከም ዚብል ። ሓጺርውን እዩ መዓል ተይ ፡ ኣብዛ ዓለም ዝውዕል ። ናብቲ ፍርዲ



፱ - ካብ ቃል መጽሓፍ ዝዘምበሉ ፡ ፍ ቓድ ኣምላኽ ንኺቕም ፡ ንዓለም ከን ዝሐ ረዩ ፡ ብፍትወታ ስሒቶም ፡ ግዲኣም ረኺቦም ኣብዚ ፡ ምስ ክፋኣት መናፍስቲ ፡ ኺሳዞዩ ኣብ ሓዊ ።

፲ - ኣብ ፍርድኻ ፡ ም መድሕነይ ፡ ጻማኻ የድሕነኒ ። ከም ሙሉድካ ሕሰብ ንኣይ ፡ ምስ ናትካ ኣምብረኒ ። ንሓይሊ ሰይጣን ኣፍሪስክ ፡ ንሓጥያተይ ካብ ደ ምሰስክ ፡ ዚኽልክለኒ የልቦን ።

፲፩ - ም የሱስ ፡ ቀልጢፍካ ንዓ ፡ ብምም ጻእካ እሕጕስ ። ድኻምኒ ጻዕርን ዝመልኣ ፡ እዛ ዕድመይ ትግስግስ ። እፈልጥ እየ ኣርጊጸ ፡ ብጸጋኻ ተረዲኤ ፡ ከም ዝግዕዝ ናብ ክብረት ።

ኡ ፡ ኤ ።

— ፪፻፷፫ —

S. T 51

፩ - ተንስኡ ፡ ዓው ኢሉ ኼድሂ ፡ ኣም ላኽና ብመዓልቲ ፍርዲ ፡ ክሳዕ ዚኽፈት መቕ በሪ ፡ ተንስኡ ፡ ኣቱም ዝሞትኩም ፡ መዓልቲ ጕይታ በሪቖልኩም ፡ ምስኡ ኽትራኹቡ ኢ ኹም ። ምስ ሐለፈ ለይቲ ፡ ኣብ ዓለም ከእዊ ።



ዘመስደና ፡ ሞት ኪጓነፈና እዩ ፡ ትካዘ ወይስ ብጽእና ፡ ኪውህብ ንሰብ ሽው ።

፪ - ም ነፍሰይ ፡ ብግዚ ምሕረት ፡ ንምድ ሓንኪ ሕሰቢ ። ሓጻር እያ እዛ ህይወት ፡ ንአም ላኽኪ ድለዩ ። ርሒቚ ኽብ ጥልመት ሓጥያት ፡ ህደሚ ኽብ ስሕተት ዓለም ፡ ቀደሚት ገጽኪ ብእምነት ፡ ገስግሲ ናብታ ገነት ።

ኡ ፡ ኤ ።

፪፻፷፭ —

S. T. 151

፩ ፡ ኩኹብ ጽባሕ ሕጂ ወጸ ፡ ኣበሲሩ ኽም ዝወግሑ ፡ እቲ ብጹእ መዓልቲ ። ነፍሰይ ካብ ዓለም ክብ ኢላ ፡ ሓጐስ ሰማይ ተኻፈላ ፡ ክትዕደል ብሩኽ ዕረፍቲ ። ብኽያት ፡ ድኻም ፡ ሽዓ ይሐልፍ ፡ ግን ይዕድል ፡ ብሩኽ ሰላሙ ፡ ነቶም እምነት ዝሐለወ ።

፪ ፡ እጐዩ ናብታ ኽተማ ፡ ሓዳስ ሳሌም ንደጌኣ ፡ ኣሕ ዜብሎ ጸሎተይ ። ካብቶም ካብ ኣብ ዝረኽብካ ፡ ኣይተጥፍኦን ንሓደ ፡ኳ ፡ ምድ ሓን ኣዳሊኻለይ ። ደምካ በጃ ፡ ኣፍሰስካዮ ። አሚነዮ ፡ ክነጽሃሉ ፡ ክስመ ምስ ሕሩያቱ ።

፫ ፡ ዝኣሰረሉ ፈቲሕካ ፡ ትመርሕ ብእ

ሙን ኢድካ ፡ አብ ሓጐስካ ተእቱ ። ፈተውቲ አብ ዚራኽቡ ፡ ንዮናታን ፡ ተሐጕሱ ፡ ዳዊት ኪሐቑፎ እዩ ። አሕዋት ፡ አሓት ፡ አይጕህዩን ፡ አይበኽዩን ፡ ድቑስ ልቢ ፡ ኽብ ስቓይ አብኡ ይሐዊ ።

፪ ፡ አብዚ ብራሬት ዝርእዮ ፡ ሃሰስ እና ልኩ ዝደልዮ ፡ ንግርማ ቅዱስ አቦ ፡ አብኡ ግን ምስቶም ሕሩያት ፡ ብማሕተም አምላኽ ሕቱማት ፡ ብፍጹሙ ኽሕዘ ። ሕጉስ ፡ ሕጉስ ፡ ኰይነ ድማ ፡ አብ ብጽእና ፡ ኽርኢ ዓይነይ ፡ አብዚ ንተኽወለኒ ።

፫ ፡ ነቲ አዋን እጽበዮ ፡ ተዳልየ ዝኽደኖ ፡ ናይ ደሙ ጻዕዳ ልብሲ ። ንዓ የሱስ ። እመጽእ የ ፡ ዚብል ምላሽካ ሰሚዔ ፡ ኪወግሕ ከሎ ምድሪ ። ስብሓት ፡ ስብሓት ፡ ንአምላኽና ። ይርሐቐልና ፡ ኵሉ ሓዘን ፡ ናብ ርሕሩሕ አቦይ እምሕጸን ።

ኡ ፡ ኤ ።

መ ዝ ሙ ር ቁ ል ው ።
(ካብ ፪፻፷፯ ክሳዕ ፪፻፹፫)

– ፪፻፷፭ –

የሱስ ሕጻናት ይፈቱ ፡ ኵሎም ሕጻናት



ዓለም ፡ ንጸዓዱን ጸለምትን ፡ ቀያሕትን ብጫ ታትን ። የሱስ ንዅሎም ሕጻናት ይፈቱ ።

ሲ ፡ ወ ።

– ፪፻፷፯ –

S. T. 626

፩ ፡ ድኹም ፡ ዘኽታም ቁልዓ እየ ፡ ግና ሕጉስ እየ ፡ እፈልጥ አቦይ ናይ ሰማይ ፡ ይሐ ለ ምእንታይ ።

፪ ፡ ትፈቱ ኢኻሞ ንአይ ፡ ኣኺንትኻ ንሳይ ። ካብ ኵሉ ገንዘብ ምድርና ፡ ይበልጽ ፍኾር ኮነ ።

፫ ፡ ብሓጐስኒ ብጸበባን ፡ እዝምር ኵሉ እዋን ። ጐይታይ ፡ እምባይ ፡ ደስታይ እዩ ፡ ሃብተይ ከኣ ብኡ ።

ካ ፡ ኔ ።

፪፻፷፰

S. T. 290

፩ ፡ ጥውም ድምጺ ሰሚዕካዶ ፡ ዚጽውዓካ ዘሎ ፡ እወ ፡ ከውታ ሰሚዔዮ ፡ አረሕወኒ ፡ ኪብ ለኒ ። የሱስ እዩ መጺኡካ ፡ ክፈተለይ ፡ ዚብለካ ። ተንስእ እሞ ክፈተሉ ፡ አብ ልብኻ ኺነብር ።

፪ ፡ ምስ ተንብብ ፡ ምስ ትሰምዕ ቃሉ



ተስተውዕሎዶ ፡ እድንግጽ ደኣ ፡ እነብዕ ። ስለ ምንታይ ዝበኪ ፡ የሱስ እዩ . . . . .

፫ ፡ ምስ ትፍተን ሰሚዕካዶ ፡ ኣይትስዀበ ፡ ዚብለካ ፡ እወ ፡ ኽዑን ሰሚዔዮ ፡ ክብኡ ሀደም ፡ ኪብለኒ ። የሱስ እዩ . . . . .

ወ ፡ ወ ።

፪፻፷፱

Sôndagssk. 315

፩ ፡ እንታይ ይህብ ሎም ኣምላኽዮ ፡ ይቕ ሬታኡ ፡ ይቕሬታኡ ። ተረር ፡ ዝሑል ግና ል በይ ፡ እሙን ብኡ ፡ እሙን ብኡ ። አበይ ከረ ክብ ረድኤት ፡ አብቲ ደሙ ፡ አብቲ ደሙ ።

፪ ፡ ሓጥያት ግና በዚሑኒ ፡ ተሰቐለልካ ፡ ተሰቐለልካ ። መንከ ሓራ ኺውጽኣኒ ፡ ዝሞ ተልካ ፡ ዝሞተልካ ። አበይ ሰላም ዝረኽበሉ ፡ አብቲ ቕኑስሉ ፡ አብቲ ቕኑስሉ ።

፫ ፡ አብዛ ዓለም ይጸበኒ ፡ የርህወልካ ፡ የርህወልካ ። አየን ገዳም የዕቑበኒ ፡ የሱስ ባዕ ሉ የዕቑበካ ። ሰላም ድማ ኺመልኣኒ ፡ እወ ፡ እመን ፡ ኪመልኣካ ።

፬ ፡ ዚእክል ጸጋዶ ፡በኒ ፡ ምስ ትርፉ ፡ባ ይህበካ ። ከመይ ደኣ ዚገንሓኒ ፡ ኣፍቂሩካ ፡





ኣፍቂሩካ ። ዝኹሪየ ይመስለኒ ፡ ሽው ድማ የፍቅረካ ።

– ፪፻፸፫ –

Sacr. S. 517

፩ ፡ ብዝማሬ መላእኽቲ ፡ ብዙሕ ሕጉስ እየ ፡ ናይ ክብሪ ንጉስ አብዚ ፡ ኼድሕነና መጸ ። ድኹም ዘየስተውዕል እየ ፡ ግን ፡ፈልጥ አሎ ኹ ፡ መታነይ ከም ዝመጸ ፡ ንአይ ብምፍቃሩ ።

፪ ፡ ሕጉስ እየ ፡ መድሓንየይ ፡ ወዲ ሰብ መሲሉ ፡ ኬርኢ ንዅሎም ደቁ ፡ ኽመይ ከም ዚነብሩ ። ከመስሎ እንተ ደሌኹ ፡ ብዅሉ ንብረተይ ፡ ብሓቂ አይሐድነንን ፡ ብምፍቃሩ ንአይ ።

፫ ፡ ክዝምር ፍቕሩን ምሕረቱን ፡ ደስ የ ብለኒ ፡ዩ ፡ እኳ እንተ ዘይርኤኽም ፡ ምስጋናይ ይበጽሖ ። ተስፋ ሂቡኒ እዩ ፡ሞ ፡ ክእቱ አብ ሰማይ ፡ ክዝምር ምስ መላእኽቱ ፡ ብምፍቃሩ ንአይ ።

ካ ፡ ኔ ።

– ፪፻፸፬ –

Sacr. S. 3

፩ ፡ ተሐጕሰ አምላኽ ዘፍቀረኒ ፡ ክምሀ ሮ ፡ መጽሓፉ ሂቡኒ ፡ አብኡ እረክብ ክርስቶስ

መድሓኒ ፡ ዓቢ ሀያብ ኣምላኽ ዝሀበኒ ። ተሐ
ጕሰ ፡ የሱስ ናተይ ’ዩ ፡ ተሐጕሰ ፡ ተሐጕሰ ፡
ተሐጕሰ ፡ የሱስ ናተይ ’ዩ ፡ ናተይ ንዘልኣለም ።

፪ ፡ ንናእሽቱ ይጽውዖም ናብኡ ፡ ጥውም
ዘረባ ኺሰምው ኻብኡ ። ንዘልኣለም ክነብር
ምሳኻ ፡ ኣእቶኻኒ ኣብቲ መንግስትኻ ። ተሐ
ጕሰ ፡ . . . . . .

፫ ፡ ክውድሰካ ፡ ኣታ ንጉሰይ ፡ ተሐጕሰ
ኽዝምር መዝሙረይ ። ከምዚ እናልኩ ንዘ
ልኣለሙ ፡ ውዳሴ ፡ ስብሓት ይኹን ንስሙ ።
ተሐጕሰ ፡ . . . . . .

ወ ፡ ወ ።

— ፪፻፸፪ —

Sôndagssk. 322

፩ ፡ ሓቂ ትኹን ሳንዳኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ።
ኣይትፍለያ ኻባኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ። ካብ ንእስ
ንትካ ጀምር ፡ ኵሉ ሓቂ ተዛረብ ። ዕድሜኻ
ዘመላኡ ሓቂ ተዛረብ ።

፪ ፡ ሓቂ ንዕላማኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ። ሓሶት
መንቀኦስ ካባኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ። ብሓሶት እን
ተምለዋካ ፡ ንውረቱ ኺገደካ ። እቲ ተባዕ
ኣሊ ሓቂ ይዛረብ ።



፫ ፡ ተኣመኖ ጌጋኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ። ኣይ
ትጥለማ ሳንዳኻ ፡ ሓቂ ተዛረብ ። ብሓሶት ዚ
ነብር ሰብ ይብላሾ ቐልጢፉ ፡ ስለዚ ኣይትሰ
ነፍ ፡ ሓቂ ተዛረብ ።

ወ ፡ ወ ።

— ፪፻፸፫ —

Fridssånger 189

፩ ፡ የሱስ ካብ ሰማይ መጸ ፡ መከራ ተቐ
በለ ፡ ኬድሕን ካብ ሓጥያተይ ፡ ደሙን ቀሲ
ሉን ንጥቕመይ ። ፤ የፍቅረኒ ’ዩ ፡ ፤ ክብ ቃሉ
ሰሚዔ ።

፪ ፡ ዓይኒ ልበይ የርእዮ ፡ ኣብቲ መስቀል
ሰቐልም ፡ ሐዘነ ፡ ፡ ሬነቐ ፡ ምእንታይ ተጋ
ደለ ። ፤ የፍቅረኒ ’ዩ ፡ . . . . . .

፫ ፡ ደንጓይ ልበይ ጀመረ ፡ ናባኻ ጥራይ
ደለ ። ምእንታይ ተሰዋእካ ፡ ገንሸል ፋስጋይ
ኪንካ ። ፤ የፍቅረኒ ’ዩ ፡ . . . . . .

፬ ፡ ም መድሕን ፡ ኣቦይ ንበር ፡ መቕደስካ
ልበይ ግበር ። ደምካ ፈሰሰ ስለይ ፡ ናትካ ይ
ኹን ንብረተይ ። ፤ የፍቅረኒ ’ዩ ፡ . . . . . .

ካ ፡ ኔ ።



— ፪፻፸፬ —

፩ ፡ ሓደ ፈታው ቁልው ፡ ካብ ኣምላኽና
ረኽብና ፡ ስሙን የሱስ መድሓኒና እዩ ።
ቁልው ናባይ ይምጽኡ ፡ ንኣም ኣይትኽልክሉ ፡
መንግስቲ ሰማይ ናቶም እያ ። የሱስ ንኣና ይ
ፈቱ ፡ ንሕናውን ምስኡ ኢና ፡ ብፍቕሩ ተሐ
ጕስና ፡ መዝሙር እናዘመርና ፡ ገንዘቡ ኽንክ
ውን ዕዱማት ኢና ።

፪ ፡ ልቢ የሱስ ብፍቕሪ ፡ ነቶም ናእሽቱ
መሊኡ ፡ ንሱ ኢዱ ኣምበረሎም ፡ ባረኾም ።
ንዚመጽእ ጸላኢ ፡ ሞት እኳ ኣይፈርሀኒ ፡ የሱስ
ካብ ዚኾውን ረዳኢ ። የሱስ . . . . . .

ሸ ፡ ፩ ።

— ፪፻፸፭

I C. 328

፩ ፡ ም የሱሰይ ፡ ብሩኽ መድሕነይ ፡ ስማዕ
እልምነካ ፡ ፤ ነዛ ለምለም ዕሸል ልበይ ፡ ብንጽ
ህና ምልእኣ ። ፤

፪ ፡ ንኡስ እየ ፡ ኣብዛ ዓለም ፡ በይነይ
ኣይኸነለይኒ ፡ ፤ ባዕልኻ ኣሳልየኒ ፡ ኣታ
እሙን ሓላዊ ። ፤



፫ ፡ ም መድሕን ፡ ውቕባኻ እየ ። ምሉእ
ልበይ ውሰዶ ፡ ፤ ሎሚ ኼነ ንሓዋሩ ፡ ኣብ
ቅድሜኻ ኣርንበ ። ፤

እ ፡ ሃ ።

— ፪፻፸፮ —

Sacr. S. 225

፩ ፡ ካብ ሰማይ መን ወረደ ፡ ጐይታይ
የሱስ ክርስቶስ ። ሕጻን ኸይኑ ’ተርኤ ፡ ጐይ
ታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ ንኽብረቱ ፡
ኬድሕነና መጺኡ ፡ የልቦን ዘፍቀረ ኽምኡ ፡
ከም ጐይታና ክርስቶስ ።

፪ ፡ መን ሞተ ኣብ ጐልጎታ ፡ ጐይታይ
የሱስ ክርስቶስ ። ኬድሕነና ’ዅልና ፡ ጐይታይ
የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . . .

፫ ፡ መን ’ዩ ፈቃር ኵሉ እዋን ፡ ጐይታይ
የሱስ ክርስቶስ ። መን ይብል ፡ እመን ፡ ድሓን ፡
ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . .

፬ ፡ ኣብ ዝፋን ሰማይ መን ’ዩ ፡ ጐይታይ
የሱስ ክርስቶስ ። መን ነገልግል ፡ መን ንፍቶ ፡
ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . .

፭ ፡ መን ይምለስ ካብ ላዕሊ ፡ ጐይታይ

፫ · ዎ መድሕን ፡ውቕኣኻ እየ ። ምሉእ ልበይ ውሰዶ ፡ ። ሎሚ ኽነ ንሓዋሩ · አብ ቅድሜኻ አርንቦ ። ፡

እ ፡ ሃ ።

– ፪፻፸፯ –

Sacr. S. 225

፩ · ካብ ሰማይ መን ወረደ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ሕጻን ኰይኑ ፡ተርኤ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ ንኽብረቱ ፡ ኬድሕነና መጺኡ ፡ የልቦን ዘፍቀረ ኽምኡ ፡ ከም ጐይታና ክርስቶስ ።

፪ · መን ሞተ አብ ጐልጎታ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ኬድሕነና ፡ሹልና ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . . .

፫ · መን ፡ዩ ፈቃር ሱሉ እዋን ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። መን ይብል ፡ እመን ፡ ድሕን ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . .

፬ · አብ ዝፋን ሰማይ መን ፡ዩ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። መን ነገልግል ፡ መን ንፍቶ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . .

፭ · መን ይምለስ ካብ ላዕሊ ፡ ጐይታይ



የሱስ ክርስቶስ ። ደቁ ፡ኬረስቲ ሰማይ ፡ ጐይታይ የሱስ ክርስቶስ ። ዘምሩ . . . . . .

ካ ፡ ኔ ።

– ፪፻፸፰ –

I. C. 323

፩ · ፡ ናብ ሰማይ ዚዕድመኒ አቦ ፡ ፡ ክኽይድ እየ ፡ኽረኽቦ ፡ ናብታ ብርሀቲ ቤት ሓጐስ ። ፡ ክኽይድ ፡ ክኽይድ ፡ ክኽይድ ናብኡ ፡ ፡ አቦይ ምስ ዚጽውዓኒ ፡ ብሩህ ገጹ ፡ኽርኢ ፡የ ።

፪ · ፡ መድሓኒ ፡ብ ሰማይ ይዕድመኒ ፡ ፡ ክኽይድ እየ ናብ ቤቱ ፡ ገጹ ፡ኽርኢ ፡ ክብረቱ ። ፡ ክርእዮ ፡ ክርእዮ ፡ ክርእዮ ፡ብ ሰማይ ፡ ፡ የሱስ ኪነብር ፡ዩ ምሳይ ፡ እቲ ዝጸረ አበሳይ ።

፫ · ፡ መድሓንየይ አኽሊል እሾኹ ደፍኤ ፡ ፡ ኪሀብ ንአይ አኽሊል ሀይወት ፡ ብሓጢኣተይ ዝጠፍኤ ። ፡ ክቕበል ፡ ክቕበል ፡ ክቕበል አኽሊል ፡ ፡ የሱስ ፡ዩ ዚዕድለኒ ፡ ክኽለል ፡የ ፡ አብቂውኒ ።

እ ፡ ሃ ።



– ፪፻፸፱ –

I. C. 324

፩ · ዎ ሰማያዊ ብሩኽ አቦይ ፡ ሱሉ ትርኢ ፡ ትሰምዕ ፡ ሓሳብይ ሱሉ ትምርምር ፡ ድሌት ልበይ ተቕሮ ።

፪ · ቅዱስ መጽሓፍካ ሂብካኒ ፡ አዝዩ ዚ ፍተወኒ ፡ ዕለት ፡ ዕለት እናንበብኩ ፡ ፍቓድካ ይምህረኒ ።

፫ · ወለዳ ንአይ ሂብካኒ ፡ ዚፍቅሩኒ ፡ ዚ ቐጽውኒ ፡ ንሰቶም ፡ አቦይ ፡ ይብሉኻ ፡ ይምህሩኒ ፍቕሮኻ ።

፬ · ሱሉ እንጌራን ክዳንን ፡ ዕምባባን ፡ቲ መጻወትን ፡ ዘሎኒ ፡ሱሉ ፡ኻባኻ ፡ ሱሉ ፡ ሱሉ ሳላኻ ።

እ ፡ ሃ ።

– ፪፻፸፱ –

፩ · ቃል አምላኽ ስጋ ሰብ ለቢሱልና ፡ ክብረቱ ሓዲጉ ስሌና ። አብ መሓድር ግን ሰፈር ስኢኑ ፡ አብ ቤት ልዔም ምስ ማል ደቂሱ ። ዎ የሱስ ፡ አነስ እቕበለካ ፡ አብ ልበ ይሲ ሰፈር አሎካ ።



ና ርኢኻ ፡ ደንገጽካ ። ካብ ዝፋንካ ናብ ሕስራን ወረድካ ፡ ብደቂ ሰብ መስቀል ሞት ጸርካ ። ዎ የሱስ ፡ . . . . . .

፫ · ሰራዊት ናይ ሰማይ ዘመሩልካ ፡ ካብ ሰማይ ፡ ካብ ኣምላኽ ልደትካ ፡ አብዚ ግን ብ ድኽነት መጻእካ ፡ ብትሕትና ንሱሉ ጸርካ ። ዎ የሱስ ፡ . . . . . .

፬ · ንኣኻ ፡ ምእንታይ ዝወረድካ ፡ የልቦን ሀያባት ዝሀበካ ። ምስ ሰራዊት ሰማይ ክጽንበር ፡ ክዝምር ፡ ክሕጐስ ደኣ ፡ምበር ። ዎ የሱስ ፡ . . . . . .

ወ ፡ ወ ።

– ፪፻፹ –

S. T. 593

፩ · ጽቡቕ እዩ ንምርአይ · ፡ዶም ከዋኽብቲ ሰማይ ፡ ክንደይ ብሩህ እዩ ጸዳሎም ፡ ባህ የብል ቅምጽ ምባሎም · ፡ ካብዚ ምድርና ናብአም ። ፡

፪ · ለይቲ ልደት ምስ ኰነ ፡ ጸልማት ብርቱዕ ነበረ ፡ ግን ብኡ ብኡ ይትኰስ · ዓቢ ነበልባል ዜሐጕስ ፡ ፡ ብሩህ ኰኽብ ናይ ቤት ልዔም ። ፡

፫ - ንሱ ሰብ ሰገል መርሔ ፣ ናብ መድ ሓኒ አብጽሔ ። ንሕናውን ከምኡ አሎና ፣ ምስዓቡ እንተ ሐፈና ፣ ፧ የሱስ ክርስቶስ ንረኽበ ። ፧

፬ - እቲ ብሩህ ፣ ጽሩይ ኰኸብ ፣ ዚመር ሓና ናብ ቤት አብ ፣ አምላኻዊ ቓሉ እዩ ፣ ዝሀበና ብምግላጹ ከም ብርሃን ንእግርና ። ፧

ካ ፡ ፩ ።

— ፪፻፹፩ —

I. C. 314

፩ - በታ ጸልማት ለይቲ ኰኸብ ብርሀቲ ፣ ህድእቲ ፣ ጽብቕቲ ፣ ድምቃ ጽርይቲ ፣ ካብ ሰማይ ደሃዩ መበሰረትና ፣ ጥውም 'ዩ ምስምው ፍቕሪ የሱስና ።

፪ - ንእሽቶ መብራህቲ እየ ናይ አም ላኽ ፣ ከደምቕ እደሊ ኸም ኰኸብ ምብራቕ ። አብዛ ጸልማት ዓለም ምሉእ ዘበነይ ፣ ብሓጕስ እዝምር ፍቕሪ መድሕነይ ።

፫ - ናብ ጐይታ ምስ ከድኩ ፣ አብቲ ብ ሩኽ ቤቱ ፣ ክብሩ ምስ ለበስኩ ፣ ኰኸብ መ ሰለ ፣ አብ ላዕሊ ፣ አብ ሰማይ ፣ ድሙቕ መዝ



ሙረይ ፡ ክዝምር ምስ ጻድቃን ፍቕሪ መድ ሕነይ ።

እ ፡ ፯ ።

— ፪፻፹፪ —

Barnens Sângbok I. 5

፩ - ደኺመ ፣ ኽግምሰስ 'የ ፣ ዓይነይ ሕጂ ኸበደ ፣ አዝዝ ንመልአኽ ፣ አቦይ ፣ ኪኸበኒ ብዙርያይ ።

፪ - ሎም ብዝወገብክም ፣ ፈቃር አምላኽ ፣ ደምስሶ ። ይጹረኒ ፍቕርኻ ፡ ክስዕብ አስአሰርክ ።

፫ - ዝሀብክኒ 'ሱላቶም ፡ በዚ ለይቲ ሐል ዎም ፣ ዓቢ ፣ ንኡስ ፣ ኦሉ ሰብ ፡ ብሰራዊትካ ኽበብ ።

ካ ፡ ፩ ።

— ፪፻፹፫ —

S. T. 627

፩ - የሱስ ጐይታና ምስ መጸ ፣ ጥሪቱ ኺእክብ ፣ እሙናቱን ፍትዋቱን ፡ አብ ብሩኽ ሕጭፈኡ ። ከም ከዋኽብቲ ጽባሕ ፡ ንኽብሩ ኺበርሁ ፣ አብ ኣኽሊሉ ኸም ዕንቁ ፡ ኼን ጸባርቑሉ ።

፪ - ሉሉ 'ሱሉ ኺእክቦ ፡ አብ ሓጕስ



መንግስቱ ፣ ጽሩያትኒ ኽቡራትኒ ፡ አብ ብሩኽ ሕጭፈኡ ። ከም ከዋኽብቲ ጽባሕ . . . .

፫ - ሕጻናት ዘበሉ 'ሱሎም ፡ ንየሱስ ዚ ፈትዉ ፡ እዮም ሉሉ ስልማቱ ፣ ክቡር ገን ዘቡ ። ከም ከዋኽብቲ ጽባሕ . . . . . .

ሲ ፡ ፩ ።

— ፪፻፹፬ —

I. C. 329

፩ - ጓሰት ትሕቲ ስሉም ሰማይ ፡ ብሀድ ኣት ይሕልዉ ፣ መንሲአም ተአኪበን ፣ ይፀርፋ አብ ደንቢኤን ። እንታይ ብርሃን የንጸባርቕ ፣ ለይቲ ኼይኑ መዓልቲ ። እንታይ እዩ ወሪድ ዎም ፡ ክንድዚ ዜንፈዋፍው ፣

፪ - አይትፍርሁ ፣ አይትፍርሁ ፣ ይብሎም መልኣኽ ንጓሰት ። ጥውም ብስራቱ ስምዑ ፣ መድሕን ተወሊዱልኩም ። ሕጻን ሶሚ ተወ ሊዱ ፡ አብ ቤት ልሄም ናይ ዳዊት ፣ ምስ ድኻታት ተዛሚዱ ፣ ንጉስ ሰማይ ክነሱ ።

፫ - ስምዑ መዝሙር ናይ መላእኽቲ ፣ ናይቶም ሰራዊት ሰማይ ፣ በቲ መሰንቆን በገ ናን ፣ መዝሙር የሱስ ቃነዩ ፣ ክብሪ ንአምላኽ



አብ ሰማይ ፣ አብ ምድሪ ሰላም ፣ ፍቕሪ ፣ ሃረር ዚብልዎ ዘበሉ ፡ ሰላሙ ይቕበሉ ።

፬ - አነውን ምስቶም መላእኽቲ ፣ ንንዱህ ገንሸል አምላኽ ፣ ንክርስቶስ እዝምረሉ ፣ ሓ ጢኣትና ዘርሐቖ ። ዎ የሱስ ፣ አብዚ ምስ ጓሰት ፡ ብልበይ እሰግደልካ ፣ ትምጻእከ እታ መዓልቲ ፡ አብ ሰማይ ዘኽብረካ ።

እ ፡ ፯ ።

፪፻፹፭

I. C. 310

፩ - ርሕሩሕ ጓሳዩ ፣ ምርሓና ፡ ብጽሩይ ብርሃን ቃልካ ። ካብ መከራ ሐልወና ፣ መግ በና ሕድርኻ ። ፧ ፈቃር የሱስ ፣ ፈቃር የሱስ ፣ አልየን መንሴኻ ። ፧

፪ - ሐልወና ንዋሪትካ ፣ ንሕና ኢና ገን ዘብካ ፣ ካብ ጌጋውን ምለስና ፣ አብ ቤትካ አክበና ። ፧ ፈቃር የሱስ ፣ ፈቃር የሱስ ፣ አብ ጻሎት ሕበረና ። ፧

፫ - ዎ አቦ ፣ አይትቕዘፈና ፡ ከምቲ ብዝሐ በደልና ፣ ግና ጸጋኻ ሀበና ፡ ብደምክ አንጽ ሃና ። ፧ ርሕሩሕ የሱስ ፣ ርሕሩሕ የሱስ ፣ ናብኻ አቕርበና ። ፧

፬ - ፈቃር የሱስ፡ መጺእናካ ፡ ተአሚንና ምሕረትካ ። ጽኑዕ እምነት ዐድለና ፡ ክንፋቐር ርድአና ። ፡ ርሕሩሕ የሱስ ፡ ርሕሩሕ የሱስ ፡ ሰማይካ አርእየና ። ፡

ባ ፡ ው ።

— ፪፻፵፯ —

S. T. 176

፩ - ንአምላኽና ነመስግኖ ሐቢርና ፡ ስለ ኽብሩ ዘርአየና ። ክቡር አምላኽ ፡ ልዑል አምላኽ ።

፪ - ጠሊ ሰማይ ዘገነመልና ፡ ምድርና ፡ በረኸት እትህበና ። ለዋህ አምላኽ ፡ ፈቃር አምላኽ ።

፫ - ንናእሽቱ ዚዕብየና ፡ እግዚና ፡ ክንግ ዝአ አብ ሃገርና ። ምስጉን አምላኽ ፡ ሀያው አምላኽ ።

፬ - ቅዱስ ቃሉ እናንበብና ፡ ነቢና ፡ ንወ ድሶ መመሊስና ። ስልጡን አምላኽ ፡ ቅዱስ አምላኽ ።

፭ - ሓደ ወዱ ሰዲዱልና ፡ ሓውና ፡ ርስቲ ሰማይ ኬውርሰና ። እሙን ዓሰ ፡ መድሓኒና ።

ባ ፡ ው ።



— ፪፻፵፰ —

S. T. 239

፩ ፡ መንፈስ ቅዱስ ፡ ሎም ምርሓኒ ፡ ል በይ ማሕደርካ ይኹን ። ሓቂ ዘበለ ኽንብር ፡ ተቐዲሰ ኽነብር ።

፪ ፡ ዎ አቦ ፡ ሓጥያት ገበርኩ ፡ ብትምኒ ተይ በደልኩ ። ልበይ ኵሉ አጽርየለይ ፡ ክው ፍዮ ንአኻ ።

፫ ፡ ብምሕረትካ ልበይ ሐድስ ፡ አንታ ኹሉ ኽኣሊ ። ኵለንትናይ ቀድሰለይ ፡ ጸጋኻ ፈጽመለይ ።

፬ - መንፈስ ቅዱስ ፡ ምሀረኒ ፡ ቅኑዕ ምስ ጋና ጸሎት ። ብምሕረትካ ኽበበኒ ፡ አብ ሀይ ወት ኩነ አብ ሞት ።

እ ፡ ሃ ።

— ፪፻፵፱ —

ዓለም ኪፈርድ አይመጸን ፡ ኪውግድ አይመጸን ፡ ኪደሊ እዩ ዝመጸ ፡ መታን ኬድ ሕነና ። መድሓኒ ምስ በልናዮ ፡ መድሓኒ ምስ በልናዮ ፡ መድሓኒ ምስ በልናዮ ፡ ኽው ንጽ ውዎ ስሙ ።

ስ ፡ ወ ።



## ሐ ደ ስ ቲ መ ዝ ሙ ር ።

(ካብ ፪፻፹፱ ክሳዕ ፪፻፺)

### ፪፻፶፱

I C. 194

ነመስግኖ ንአምላኽና ፡ ሕያዋይ እዩ እሞ ፡ ሳህሉን ምሕረቱን ከአ ንዘልኣለም እዩ ። አም ላኽይሲ ጸዊዔዮ ፡ ንሱ መሊሱለይ ። አምላኽይ ሲ ፡ አምላኽ ምድሓነይ 'ዩ ። ሃሌሉያ ፡ ሃሌ ሉያ ፡ ምስጋና ንኡ ይኹን ።

እ ፡ ሃ ።

-- ፪፻፷ --

፩ - ም አምላኽይ ፡ ክሐስብ ብዝጅምር ፡ ነዚ ኵሉ ፍጥረት ብምርእዩ ፡ ከኽኸብ እርኢ ፡ ማዕበል ኪገማጠል ፡ ኵሉ ፍጥረት ብሓይልኻ ቐመ ፡ ፡ ንዐው ነፍሰይ ትውድስ ንአኻ ፡ ብግ ሩም ጥበብ ፡ ብግሩም ጥበብ ። ፡

፪ - ብትሕቲ 'ቲ ልሙዕ ዱር ምስ ዝዛ ወር ፡ አዕዋፍ ኪውድሳኻ አሰምዕ ፡ እቶም ነዋሕቲ አኽራን ምስ ዝጥምት ፡ ሀዱእ አየር ኪጸሉ አሰምዕ ፡ ፡ ንዐው ነፍሰይ . . . . . ፡

፫ - አምላኽ ንሓደ ወዱ በጃ ሀበ ፡ በጃይ



ሐሊፉለይ ፡ ምስ ዝዝክር አብ መስቀል ብፍቓ ዱ ኽም 'ተሰቐለ ፡ ከም ዝሞተ ሓጥያተይ ኪድምስስ ፡ ፡ ንዐው ነፍሰይ . . . . . ፡

፬ - የሱስ ኪመጽእ ምስ ዓቢ ብስራት ፡ ንልበይ ይኽውን ምሉእ ሓጐስ ፡ ብትሑት ምስጋና ናብኡ ኽሰግድ ፡ ምስኡ ምንባር ክን ደይ ግሩም ዕድል ፡ ፡ ንዐው ነፍሰይ . . . . ፡

ም ፡ ኣ ።

— ፪፻፷፩ —

፩ - ሰሚዒ ሓጐስ ኩነ ፡ ናይ ሰማይ አቦና ፡ ክም ጋሻ መጺኡ ናብ ቤትና ። ናይ ልደት መብራህቲ ፡ ነብርሆ ብለይቲ ፡ ንቀበል ብእም ነት ፡ ብፍቕሪ ።

፪ - ንሱ ሕጻን ኩነ ፡ ናእሽቱ ኣፍቀረ ፡ በጃአምውን ነፍሱ ኣሕለፈ ። ክቡር ፡ ሃብታም ኩሎ ፡ ሕጻናት ሰሰለ ፡ አብ ቤቱ ናብ ላዕለ ኺወስዶም ።

፫ - ስለዚ ንዘምር ፡ ሕጉስ መዝሙር ል ደት ። ም አቦና ፡ ንዝምረልካ ፡ ካብ ውሽጢ ልብና ። ብጽሩይ ድምጽና ፡ አብ ሰማይ ክን ዝምር ሐቢርና ።

— ፪፻፯፪ —

S. T. 429

፩ - ደስ ኢሉኒ ፡ ሓዘን ርሒቑለይ ፡ እግዚ ኣብሄር ይፈትወኒ ። ኣምላኽ ርሕሩሕ ኣቦ ኽብ ኮነለይ ፡ ስለይሲ ባዕሉ ይሐስበለይ ። በብግ ዜኡ ንኣይ ዜድሊ ፡ ኣቦይ ብፍቕሩ ይህበኒ ። በብእዋኑ ዚጓነፈኒ ደስታን ሓዘንን ክቕበሉ ።

፪ - ኩሉ እዋን ብጸግኡ ምሳይ 'ዩ ። ዚ ኽብድ ኩሉ የቕልለለይ ። እቲ ኣብ ድኻም ዚድግፈኒ ፡ ስሙ መካር ፡ ሓያል ይብሀል ። እቲ ኽቡር ገንዘቡ ኽይጠፍኣ ፡ ንሱ ዩ ባዕሉ ዚሕልም ። ከም ዕድሜኻ ሓይልኻ ይኽውን ፡ ኢሉ ጐይታ ኣተስፍዩኒ ።

፫ - ኣምላኽይ ብተስፋኻ ኽህድእ ፡ ፍር ሃት ዘበለ ኣርሕቆለይ ። እምነተይ ከም ቃልካ ወስኽለይ ፡ ብኢድካ ናብ ሰማይ ምርሓኒ ። ዝመጸ እንተ መጸኒ ድማ ፡ ናትካ ምኽኑ ኣፍልጠኒ ። ኩሉ እዋን ብተስፋኻ ኽነብር ፡ ኣብ ሰማይካ ኽሳዕ ዝእቱ ።

፩ ፡ ፫ ።

— ፪፻፯፫ —

S. T. 623



ኮነለይኒ ። ናትካ ምህላው የድልየኒ ፡ ኢድካ ዘርግሕ ቀቅድመይ ። ነፍሰይ ኣይትፈርሀኒ ፡ መገዱ ይመርሓኒ ። እስዕበ ብዘይ ምጕርምራም ፡ ስጕምቱ ትስዕበኒ ።

፪ - መድሓኒ ምሳይ ኣሎኒ ፡ እምነተይ ድኹም እዩ ። ክብ ጥውም ቃሉ የድሂ ፡ ኣይር ክብኒ ኽም ናቱ ። ነፍሰይ . . . . . .

፫ - መድሓኒ ምሳይ ኣሎኒ ፡ ኩሉ ህይወ ተይ ንኡ ። ብሓጕስ ኮነ ብጓሂ ፡ ኣቃለስውን ብስሙ ። ነፍሰይ . . . . . .

፹ ፡ ስ ።

— ፪፻፯፬ —

S. T. 250

፩ - ቅዱስ ቃል ናይ ኣምላኽና ፡ ኣውራ ንቢ መዝገብና ፡ ኩሉ ኽም ዝበደልኩ ፡ የፍልጠኒ 'ዩ ንሱ ።

፪ - ሓጥያተይ ይነግረኒ ፡ ናብ ምድሓን ይመርሓኒ ፡ ቃል ኣምላኽ ይፈርደኒ ፡ ሓራውን የውጽኣኒ ።

፫ - ቅዱስ ቃል ሓገዘይ 'ዩ ፡ ረዳኤተይ ውን ንሱ ፡ ብኡ ደስታን ሓጕስን ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወትን ።

ካ ፡ ል ።



— ፪፻፯፩ —

S. T. 253

፩ - ም የሱስ ፡ ነመስግነካ ፡ ስለ ኽቡር ቃልካ ፡ ካብ ብሩርን ካብ ወርቅን 'ኳ ፡ ኽቡር 'ዩ ሀያብካ ።

፪ - ህይወት ይህብ ንዝሞተ ፡ ሓይሊ ነቲ ድኹም ፡ ሓጕስ ነቲ ዝጕህየ ፡ ማይውን ንዝ ጸምኡ ።

፫ - ንጽምኣት ኩሉ ዓለምና ዚርዊ ኣ ለም ፡ እንጌራ ህይወት ድማኣ ፡ ኣብኡ ተጋ በዝና ።

፬ - ም ኣምላኽ ፡ ነመስግነካ ፡ ስለ ኽቡር ቃልካ ፡ ብርሃን እዩ ኣብ መገደይ ፡ መብራህቲ ንእግረይ ።

፭ - ስደድ ነቲ ኽቡር ቃልካ ፡ ናብ ኩሉ ዓለምና ፡ ኩሉ ህዝቢውን ኣክበ ፡ ኣብቲ መን ግስትካ ።

፮ - ሽው ኽብ ደቡብ ፡ ካብ ሰሜን ፡ ኣብ ቅድሚ ዝፋንካ ፡ ምስ ጭፍራ ሰማይ ሐቢርና ፡ ንውድስ ክብርካ ።



— ፪፻፯፭ —

Sacr. S. 1079

፩ - ብስራቱ ሰሚዕና ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ። ኣብ ዙርያኻ ኣበስር ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ። ዘር ግሓዮ ኣብ ኩሉ ፡ ኣብ መገድን ኣብ ቤትን ፡ ንምምላሹ ቑልዋፍ ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ።

፪ - ብእልልታ ኣውርዮ ፡ የሱስ 'ዩ መድ ሓኒ ፡ ንሓጥያተኛ ንገር ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ። ም ደሴታት ናይ በሕሪ ፡ ምስጋናኽን ዘምራ ። ኣቲ ምድሪ ዘምሪ ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ።

፫ - ካብ ጥፍኣትን ሽጋርን የሱስ 'ዩ መድ ሓኒ ። በቲ ሃብቲ ጸግኡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ። ልጓኽ ምስ ዚደሊ ነቲ ሓራ መውጽኢ ፡ ተስ ፋ ጌርክ ዘምሮ ፡ የሱስ 'ዩ መድሓኒ ።

ሓ ፡ ገ ።

— ፪፻፯፮ —

S. T. 667

፩ - ሓዳ ኣሎ መፍቀርየይ ፡ ኣብ ጐልጎታ ዝሞተለይ ። ብሓጥያተይ ተሰቒሉ ፡ ኣድሒኑኒ ንሓዋሩ ። ሃሌሉያ ንመድሓኒ ፡ ዕለት ዕለት ዚመርሓኒ ፡ የእትወኒ ናብታ ቤቱ ፡ ኣኽሊል

፪ - መፍቀርየይ ብርቱዕ ጐይታ ፡ ሓይሉ ንአይ ጽኑዕ ዋልታ ። አብ ምድርን በሕርን ገዛኢ ፡ ንዚልምኖ ረዳኢ ። ሃሌሉያ . . . .

፫ - ፍቕሪ መድሕን ፡ ምሉእ ህያብ ፡ ዝጸልመተ የብርሃለይ ። መዓልታተይ አሐጕሱ ፡ ሓዘነይ ኵሉ ደምሲሱ ። ሃሌሉያ . . . . .

፬ - ንዓ ሓወይ ፡ ምሳይ ዘምር ፡ ይዕድመካ መድሓኒ ። ዘይብቑዕ ’ኳ እንተ ኾንካ ፡ ጸጋ ናቱ ይአኽለካ ። ሃሌሉያ . . . . . .

፭ - ንዒ ሓብተይውን ፡ ዘምሪ ፡ ይዕድ መኪ መድሓኒ ። ዘይብቕዕቲ እንተ ኾንኪ ፡ ጸጋ ናቱ ይአኽለኪ ። ሃሌሉያ . . . . . .

እ ፡ ገ ።

— ፪፻፸፫ —

Kom 18

፮ - ወርቂ ወይ ብሩር ንምድሓነይ ነይጠ ቅም ፡ ንምግዳር ነፍሰይ ኬድሕን አይክእልን ። አብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም አንጽሃኒ ፡ ሞት ናይ መድሕነይ ሀያው ገበረኒ ። ብሩር ከቶ አየድሕንን ፡ ወርቂውን አይገዝአንን ፡ ተዐዲግ ብናይ የሱስ ደም ፡ ብናይ ፍቕሩ ንጹህ ደም ።



፩ - ስሌኻ ኢለ መጺኤ ፡ ምእንታኻ ደመ ይ አፍሰስኩ ። ልብኻስ ከም አብ ቤት ልጄም ዶ ፡ ንንጉስካ ሰፈር የልቦን ፡ አብ ጸጽባሕ ፡ ከየጀረጽኩ ፡ ንኽንቱ ኽሕኳሕ አቢለ ፡ ህይወ ትካ ኽይወረበት ከላ ፡ ዘይትኽፍተለይ ልብኻ ፡

፫ - አታ አብ ዓለም ’ትኹብልል ፡ መድ ሕንካ ’የ ፡ ስማዕ ደሃየይ ፡ ፈጣሪኻ ይደልየካ ’ሉ ፡ ተሉ ንዓ ፡ አይትደንጉ ። አብ ማዕጸኻ ኹይኑ እኹሕኩሕ ፡ ንጉስካን መድሕንካን እየ ፡ ልብኻ እንተ ኽፈትካለይ ፡ ዘልአለም ሓጐስ አበኻ ።

እ ፡ ፯ ።

— ፫፻፱ —

Sacr. S. 875

፩ - ክዝምር ዜገርም ዛንታ ፡ ክርስቶስ በጃይ ሐሊፉ ። ክብሪ አቦኡ ሐዲጉ ፡ ኪስቀል አብ ጐልጎታ ። እወ ፡ ክዝምረሉ ’የ ፡ ክርስቶስ አብ ክንዳይ ሞይቱ ። ንዘምር ምስ እሙናቱ ፡ ሐቢርና አብ መንግስቱ ።

፪ - በሪራ ዝጠፍኤት በጊዕ ፡ የሱስ ረ’ኺ ብዋ ’ዩ ፡ ብፍቕሬውን አብ ሕጕፊኡ ፡ ኽትነብር ንዘልአለም ። እወ ፡ ክዝምረሉ ’የ ፡ . . . . .



፪ - ወርቂ ወይ ብሩር ንምድሓነይ ነይጠ ቅም ፡ ንናይ ሓጥያት ጸረይውን አየቕለለን ። አብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም አቕለለለይ ፡ ደም ናይ መድሕነይ ዕዳይ ከፈለለይ ። ብሩር ከቶ . . . . . .

፫ - ወርቂ ወይ ብሩር ንምድሓነይ ነይጠ ቅም ፡ ቅዱስ ትእዛዝትካ ምቕራብ ከልአኒ ። አብ መስቀል ዘፍሰስካዮ ደም ዐረቕኒ ፡ ፍርሃ ተይ አርሐቐ ደም ናይ መድሓኒ ። ብሩር ከቶ . . . . . .

፬ - ወርቂ ወይ ብሩር ንምድሓነይ ነይጠ ቅም ፡ ደገ ሰማይሲ በዚ አይክፈትን ። አብ መ ስቀል ዝፈሰሰ ደም አንጽሃኒ ፡ ህይወት አምጽ አለይ ሞት ናይ መድሕነይ ። ብሩር ከቶ . . .

ዮ ፡ ገ ።

— ፪፻፸፱ —

Ps. et Cant. 93

፩ - ንብዓትካን ቃንዛኻን ርእየ ፡ ሓጥእ ፡ ከድሕነካ እደሊ ። ክትድሕን እንተ ደሌኻ ግን ፡ ክትእዘዘኒ ተምሀር ። አብ ማዕጸኻ ኹይነ እኹሕኩሕ ፡ ንጉስካን መድሕንካን እየ ፡ ልብኻ እንተ ኽፈትካለይ ፡ ሰላም ከህበካ እየ ።



፫ - ብፍርሃትውን አንቀጥቀጥኩ ፡ አብ፡ ርባ ድነ ሞት ፡ የሱሰይ ግን አጽንዓኒ ፡ ክብ ጭን ቀይውን ረድኣኒ ። እወ ፡ ክዝምረሉ ’የ ፡ . . .

፬ - ጸልማት ከቢቡኒ ኽሉ ፡ መድሓኒ ም ሳይ አሉ ። ብደሙ ነጺሄ እየ ፡ ኤመስግን ንጸ ግኡ ። እወ ፡ ክዝምረሉ ’የ ፡ . . . . . .

ዮ ፡ ገ ።

— ፫፻፩ —

S. T. 409

፩ - ደሃይ ፍቕርኻ ሰሚዔ ፡ ጐይታይ ። አጽዋር እምነት አልዒለ ፡ ናብኻ ክቐርብ ትም ኒተይ ’ዩ ፡ ም ጐይታይ ፡ ኣኽእለኒ ። አቕርበኒ ናብቲ መስቀልካ ፡ ጐይታየ ፡ ክስዕበካ ፡ ክነጽህ ብደምካ ፡ ም ብሩኽ ጐይታይ ፡ ብጽሩይ ፡ ቅ ዱስ ደምካ ።

፪ - ጐይታ ፡ ብቅዱስ ሓይሊ ጸጋኻ ፡ ኽ ገልግል ቀድሰኒ ፡ ንነፍሰይ ናብኻ አቕንዓያ ፡ ፍቓድካ አሕድረለይ ። አቕርበኒ . . . . .

፫ - ም ቅዱስ አምላኽይ ፡ አብ ቅድሜኻ ፡ ብጸሎት ተምበርኪኽ ፡ ከም ዓርኪ ምስ ዓርኩ ዚዛራረብ ፡ እዛራረብ ምሳኻ ። አቕርበኒ . . .

ዮ ፡ ገ ።

— ፫፻፪ —

Gosp. Hymn. 223

፩ · ስም የሱስ ሰሚዕካዮ ዶ ፡ ም ሓወይ ፡ ናብ ምድሓን ዚመርሓካ ፡ ስሙ አብ ሰማይ ፡ አብ ባሕሪ ፡ አብ ምድሪ ፡ ዓሌታት የመስግኑ ። ስም የሱስ ካብ ኵሉ ዚወቢ 'ዩ ፡ አብ ዓለም የልቦን ከም ስሙ ። ብ'ካልእ ስም ምድሓን አይርከብን 'ዩ ፡ ብጀካ በቲ ስሙ ።

፪ · ሓጢኣት ዓለም ብዝኸበደካ ፡ መንከ 'ዩ ዚድሕነካ ፡ ኸጋር ዓለም ፡ ስቓይ እንተ በዝ ሓካ ፡ መንከ 'ዩ ዚሐልየልካ ፡ ስም የሱስ . . .

፫ · አብ ቅድሚ አምላኽ ግሉጽ 'ዩ በደ ልካ ፡ ዚሕባእ ካቶ የልቦን ። ብወርቂ አይት ርከብን 'ያ ህይወት ፡ ብጀካ በቲ ስሙ ። ስም የሱስ . . . . . .

፬ · ኸጋር ናይ ዓለም እንተ ኸበደካ ፡ ፍር ሃት እንተ መጸካ ። ብዘይ በደልካ እንተ ተኸ ሰስካ ፡ ስሙ የበርትዓካ ። ስም የሱስ . . . . .

፭ · ግዜ ስንብታ ምስ በጽሔት ፡ ም ሓ ወይ ፡ ካብዛ ኸጋር ዓለምና ፡ የሱስ ጸዊው ምስ አተንስአና ፡ ንራኽብ ዶኽን ኢና ፡ ክንደይ ጥውም 'ዩ ምንበር ምስ የሱስ ፡ አብቲ ሰማያዊ ቤቱ ። ካብኡ ዚምንዝዓና ከቶ የልቦን ፡ ካብቲ ኢደ መድሓኒና ።

ዮ ፡ ፯ ።

— ፫፻፫ —

Sacr. S. 616

፩ · ንህይወተይ ውሰዶ · ንኣኻውን ቀ ድሶ ። ግዜታተይ ፡ ዕለተይ · ንምስጋና መድ ሕነይ ።

፪ · አእዳወይ ናብ ስራሕካ ፡ አብ ትእዛ ዛት ፍቕርኻ ፡ ነአጋረይ ምርሓዮ ፡ ንስኻ ናብ ትደልዮ ።

፫ · ንኣኻ ጥራይ መዝሙረይ · ክዝምር ፡ ም ንጉሰይ ። ከናፍረይ ንኣኻ · ክነግራ መል እኽትኻ ።

፬ · ኵሉ ናተይ ንኣኻ ፡ ሓንቲ 'ኳ ኸይ ተረፎ ። ምስትውዓለይ ውሰዶ ፡ ሓይለይውን አዘውትሮ ።

፭ · ናትካ ይኹን ፍቓደይ ፡ ናትካ 'ኵሉ ድሌተይ ፡ ልበይውን ይኹን ናትካ ፡ 'ትነብ ረሉ ዝፋንካ ።



፮ · ፍቕረይ ኵሉ ንኣኻ ፡ ከፍ ክብል አብ እግርኻ ፡ ንኣኻ 'ኵሉ ነፍሰይ ፡ ም ዘልአለም ንጉሰይ ።

ነ ፡ ነ ።

— ፫፻፬ —

S. T. 112

፩ · ም የሱስ ፡ ፈቃር መድሓኒ ፡ ናትካ አያ ንእስነተይ ። ክልዕሎ መስቀለይ ሎሚ ፡ ሓይሊ መንፈስካ ሀበኒ ።

፪ · ማእስርቲ ሞት ከበብኒ ፡ ጸበባ ሲኦል ሐዘኒ ። አምላኸይ ግን ደንገጸለይ ፡ ካብ ኵሉ ጭንቀይ ረድኣኒ ።

፫ · ንዐ· ኣሕዋተይ ፡ ዘምሩ ፡ ምእንታ'ካት ኩም ሐሲሩ ። እልል ንበል ንሓዋሩ ፡ ስዕረት አምላኸ ተበሲሩ ።

፬ · አብ ገምገም ጸልማት ከሎኹ ፡ ረዳ ኤት ካብኡ ደሌኹ ፡ ኸዐ· አምላኽ መለሰለይ ፡ ድሙቕ ብርሃን አብርሃለይ ።

— ፫፻፭ —

S T. 608

፩ · ወትሃደር ክርስቶስ ፡ ንቕድሚት ድ ፋእ ። ቅድሚኻ አምፊሕካ መስቀል የሱስካ ።



ክርስቶስ ጐይታ ይመርሕ አንጻር ጸላኢ ፡ ዓወት ኪህበካ ፡ ክተት አጽኒዕካ ። ወትሃደር ክርስቶስ ፡ ንቕድሚት ድፋእ ። ቅድሚኻ አም ፊሕካ መስቀል የሱስካ ።

፪ · ከም ብርቱዕ ሰራዊት ፡ አሕዋት ፡ ንገስ ግስ ፡ አስኣሰር ቅዱሳን ንስዐብ ሐቢርና ፡ ብ አምነት ፡ ብፍቕሪ ፡ ብጽኑዕ ተስፋ · ሓደ አካል ኢና ፡ አይንፋላለ ። ወትሃደር ክርስቶስ ፡ . . .

፫ · ዝፋናት ፡ መንግስታት ኵሉ 'ኪሐልፍ ፡ ግን ማሕበር ናይ ክርስቶስ አይትንቕነቕን ። አፍ ደጌታት ሲኦል እንተ በርትዑ ፡ ክርስ ቶስ ጐይታ ቤዕሉ ይቃወመላ ። ወትሃደር ክርስቶስ ፡ . . . . . .

፬ · አቱም ህዝቢ ፡ ንዐ· ናብ ሰራዊቱ ፡ ምስአም ተጸምቢርኩም መዝሙር ዘምሩ ፡ ክብሪ ምስ ምስጋና ንክርስቶስ ሀቡ ፡ ንዘልአ ለም ምስኡ 'ክትነብሩ ኢኹም ። ወትሃደር ክርስቶስ ፡ . . . . . .

ዮ ፡ ፯ ።

— ፫፻፮ —

S. T. 21a

፩ · ናብ ሰማይ ኣዒንተይ ኤልዕል ፡ ናብ

አምላኽ ጸሎት ክገብር ፡ ናብቲ ርሕሩሕ ዓርኪ ዜልው ፡ ሓሳብን ልብን እመልስ ።

፪ ፡ ንኣኻ ኽውድስ ጽቡቕ ኾ ፡ ከመስግነካ እፈቱ ። ከም እትርእየኒ እፈልጥ ፡ ድማ ንኣይ ትሰምዓኒ ።

፫ ፡ ህይወተይ ብጸጋኻ እዩ ፡ አብ ልበይ ይስምዓኒ ፡ አብ ቃልካ ድማኡ እረኽቦ ። ንኣይ ኩንካኒ መድሓኒ ።

፬ ፡ ከም ዕምበባ አብቲ ተኽልኻ ፡ ብጸጋኻ አዕብየኒ ፡ ክብርኻ አብ ዓለም ክዝርግሕ ፡ ድማ ሰላምካን ምድሓንካን ።

፭ ፡ ኢድካ ዘርግሕ ፡ አብኡ ኽጽልል ፡ ም አበይ ፡ ዋልታ ኹነኒ ፡ አብ ሰማይካውን አብጽሓኒ ። በዚ እውድእ ጸሎተይ ።

ዊ ፡ ስ ።

## ብሓሳቡ ዚርከብ መዝሙራት ።


| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ውዳሴን ምስጋናን | ካብ | ፩ | ክሳዕ | ፲፰ |
| 2 | ምምጻእ ክርስቶስ | ፡ | ፲፱ | ፡ | ፳፬ |
| 3 | ልደት | ፡ | ፳፭ | ፡ | ፴፩ |
| 4 | ሕማማት | ፡ | ፴፯ | ፡ | ፵፪ |
| 5 | ሩስጋ | ፡ | ፵፫ | ፡ | ፵፯ |
| 6 | ዕርገት | ፡ | ፵፰ | ፡ | ፶፱ |
| 7 | ጰንጠቆስቴ | ፡ | ፷ | ፡ | ፷፯ |
| 8 | ምድሓን | ፡ | ፷፯ | ፡ | ፸፰ |
| 9 | ፍቕሪ እግዚኣብሄርን ሓልዮቱን | ፡ | ፸፱ | ፡ | ፹፩ |
| 10 | ጸሎትን መንፈሳዊ ንብረትን | ፡ | ፹፪ | ፡ | ፹፯ |
| 11 | ምዕዳምን ምንቃሕን | ፡ | ፹፰ | ፡ | ፺፩ |
| 12 | ምዝርጋሕን ምምጻእን መንግስቲ ሰማያት | ፡ | ፺፪ | ፡ | ፺፫ |
| 13 | መንእሰይ | ፡ | ፺፬ | ፡ | ፺፱ |
| 14 | ስንብታ | ፡ | ፺፱ | ፡ | ፻፬ |
| 15 | መርዓን ጥምቀትን | ፡ | ፻፭ | ፡ | ፻፰ |
| 16 | ብጊሓትን ምሽትን | ፡ | ፻፰ | ፡ | ፻፲፭ |
| 17 | ሰማይን ሞትን | ፡ | ፻፲፮ | | ፻፲፰ |
| 18 | ቄልው | ፡ | ፻፲፰ | ፡ | ፻፲፱ |
| 19 | ሓደስቲ መዝሙር | ፡ | ፻፲፱ | ፡ | ፲፻፯ |


## ብመጀመርያ ፊደል ዚርከብ መዝሙር ።


ሀ

| | |
|---|---|
| ሆሳእና ወዲ ዳዊት | ፲፱ |

ለ

| | |
|---|---|
| ለዋህ አምላኽ | ፻፵፩ |
| ልበይ ተንስአ ንምኽባሩ | ፵፬ |
| ልበይ አንጽሃዮ | ፻፳፯ |
| ሎሚ ሓጉስ ኮነ | ፻፻፯፩ |

ሐ

| | |
|---|---|
| ሓላው ለይቲ አየን ግዜ | ፻፻፬ |
| ሓቂ ትኹን ሳንዳኻ | ፻፻፫፻፹ |
| ሓደ ርሕሩሕ ዕጉስ ፍቁር | ፫፫ |
| ሓደ ፈታው ቄልው | ፻፻፫፻፬ |
| ሓደ አሎ መፍቀርየይ | ፻፻፯፯ |
| ሕጂ ብርሃን ኮነ | ፵፱ |
| ሕጂ ናብ ክርስቶስ | ፻፻፲ |
| ሕጂ ድማ ደገ ኽፉት አሎ | ፻፫፱ |
| ሕጻን ተወልደ አብ ቤት ልሄም | ፴፣ |
| ሕጉስቲ ለይቲ | ፴፬ |

መ

| | |
|---|---|
| መገዲ ዝኸደሉ ናብ ቤተ-ይ | ፻፻፴፯ |
| መርዓዊ ኺመጽእ | ፻፻፫ |





| | |
|---|---|
| መስቀልካ ጸርካ ም የሱስ | ፵፪ |
| መንግስቲ የሱስ ኪምስረት | ፴፭ |
| መንፈስ ቅዱስ ብርሃንካ ’ትህብ | ፬ |
| መንፈስ ቅዱስ ሎም ምርሓኒ | ፻፻፱፯ |
| መንፈስ ቅዱስ አብ ውሽጠይ ኩን | ፬፫ |
| መድሓኒ ምሳይ አሎኒ | ፻፻፯፫ |
| መድሓንየይ ምሳይ ንበር | ፻፴፯ |
| መድሕኑ ዝረኽበ | ፹፯ |
| መዓልቲ ሐሊፉ ጐይታ | ፻፻፴፩ |
| መጻእኪ ብርኽቲ ብጊሓት | ፵፯ |
| ማሕታ ሰማያዊ ተስፋ | ፵፩ |
| ምሐረኒ ክቡር ጐይታይ | ፻፯፩ |
| ምሳይ ንበር መዓልቲ ሐለፈ | ፻፻፴፬ |
| ምስቲ ኽብዲ በደለይ | ፻፵፯ |
| ምስ አምላኽናን ቃሉን | ፻፹ |
| ምስ የሱስ ኪቕመጡ | ፻፫፯ |
| ምግዋር ምስ ጐይታ | ፻፷፬ |
| ምርሓኒ ም መድሓንየይ | ፻፷ |
| ምጻእ ለዋህ መሓሪና | ፻፸፯ |
| ምጻእ ናብይ ፡ ም የሱስ መድሓኒ | ፻፷፩ |
| ምጻእ ናብና ም የሱስ | ፻፵፬ |

ረ

ርሕሩሕ ጓሳዩ ምርሓና ፪፻፹፩
ርኤዙ የሱስ ዕርገትካ ፵፰

ሰ

ስለ ዓቢ ግብሩ ፲፪
ስለ'ዚ ዝሐለፈ መዓልቲ ፪፻፴፫
ሰማያዊ ሃገር ዚኣቱ የልቦን ፪፻፱
ስማዕ የሱስ የድህየካ ፪፻፪
ስምዑ ዓጸዶ ዅሉ ፪፻፫
ስም የሱስ ሰሚዕካዮ ዶ ፫፻፪
ስም የሱስ ተስፋና እዩ ፬፯
ስም የሱስ ውሰድ ምሳኻ ፹፬

ሸ

ሸጉር ሓጥእ ክነሰይሲ ፷፬
ሸጉር ሓጥእ ረኺብካዶ ፷፭

ቀ

ቃልካ ብጓህን ጸበባን ፪፻፵፯
ቃል አምላኽ ስጋ ሰብ ለቢሱልና ፪፻፫፻፱
ቃል አምላኽና ጽሩይ እዩ ፪፭
ቃል ጸሎተይ ምስ ዚድይብ ፪፻፷፪
ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ም ስልጡን ፬





ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ዅሉ ዚኽእል ፱
ቅዱስ ቃል ናይ አምላኽና ፪፻፶፬
ቅድሚ ናይ አምላኽ ዝፋን ፪፻፱፷
ቅድስቲ ልደት ዓባይ ብርኽቲ ፴፭

በ

በዚ ሓላፊ ዘበነይ ፻፯
በታ ጸልማት ለይቲ ፪፻፹፭
ባርኽና ሐልወና ፻፴፪
ቤትካ ም አምላኽይ ፻፸፪
ቤትካ ገነት ኪኹን እዩ ፻፷፫
ብስራቱ ሰሚዕና ፪፻፶፯
ብሩኽ አቦና ብልብና ፪፻፸፱
ብመገደይ እመርሓካ ፻፯
ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ ፻፶፱
ብኢድ አቦና ኽንምራሕ ፪፻፱፯
ብኽቡር ግዜ ንእስነት ፪፻፲፭
ብዅሉ ዚስዕር ፍቕሪ ፻፵፯
ብዝማሬ መላእኽቲ ፪፻፫
ብየሱስ ስም ድፋእ ፻፹፭
ብገርሂ ንቕዱስ ቃልካ ፻፵፫
ብጹእ እዩ ናብ ኢድ አቦ ፪፻፵፬





ተ

ተሐጉሱ ተሐጉሱ ፵፫
ተሐጉሰ አምላኽ ዘፍቀረኒ ፪፻፫፭
ተመስገን ም መድሓኒና ፪፵፭
ተስፋ ንምቕባጽ ከሎና ፷፪
ተንስእ ፡ ተንስእ ንየሱስ ፪፻፲፯
ተንስኡ ዓው ኢሉ ዅድሂ ፪፻፷፫
ተንስኡ ኣሕዋት መለኽት ፪፻፷፭

ነ

ነመስግኖ ንአምላኽና ፪፻፹፱
ነቲ ዘይውሱን ፍቕሪ የሱስ ፫፻፪
ነቲ ጸሎተይ ዚሰምዕ ፲፭
ነፍሰይ ንአምላኽ ምልኪ ሀቢ ፲
ነፍሰይ ኣኽብርዮ ንጐይታ ፲፭
ነፍሰይ ንመሓድራትካ ፻፷፫
ናብ ልምሉም ሳዕሪ ፲፲፪
ናብ መቕደስ ናይ አምላኽና ፻፷፯
ናብ ሰማይ ዚዕድመኒ አቦ ፪፻፫፯
ናብ ሰማይ አዒንተይ ኤልዕል ፫፻፯
ናብ ቤተይ ናብ ላዕሊ ፪፻፵፭
ናብ የሱስ ቀልጥፍ ፻፫፭





ናይ አምላኽ ወንጌል ፻፶፬
ናይ ዓለም መድሕን መጸ ፯
ናይ የሱስ ቃል ንእግርና ፱፯
ናይ የሱስ ጥዑም ደሃዩ ፲፷፱
ናይ ጽዮን እሱራት ፪፻፵፯
ንህይወተይ ውሰዶ ፫፻፫
ንብዓትካን ቃንዛኻን ፪፻፶፱
ንሰንደቕ ዕላማ ክብ ነብሎ ፪፻፲፯
ንአምላኽ ኣመስግኑ ፲፯
ንአምላኽ ኣኽብሩ ፪
ንአምላኽ ነመስግኖ ሐቢርና ፪፻፱፯
ንአምላኽ እንተ አመንና ፶፱
ንኣኻ ስሉስ አምላኽ ፫
ንኣኻ አምላኽይ ፻፴፯
ንኣኻ እዩ ትጽቢተይ ፱፪
ንኣኻ ኸድሕነካ ፱፫
ንክርስቶስ ካብ ምስዓብ ፪፻፱
ንኽረን ዘይቲ ንርእሲ ጐልጎታ ፴፯
ንየሱስ ስም ይኹን ስብሓት ፱፱
ንደጌኻ ሕጂ ኣርሐ ፵፫
ንጉስ ነገስቲ ንልበይ ፯

ንው ነመስግኖ ፲፬
ንው ናባይ ኵላትኩም ፫፩
ንው ድኹማት ኵላትኩም ፻፵፰
ንው ኾላትኩም ንምርአዩ ፴፱
ንዒ ናብ መስቀል ጥፍእቲ ነፍሲ ፯፩
ንዓ መንፈስ ቅዱስ ናብ ልበይ ፶፪
ንዓ እሙን አገልጋሊ ፻፵፰፩
ንዓ ኾሉ ተዳሎ ፻፫፱
ንዓለም አምላኽ ፈተዎ ፲፯

አ

ኢደይ ሒዝክ ምርሓኒ ፻፵
አምላኽ መመዚኑ ንኹሉ ፻፲፫
አምላኽ መጸ ናብ ልቢ ፻፹፭
አምላኽ በዕሉ ይኹን ምሳኻ ፻፻፳፱
አምላኽ ብቓሉ አፍሊጡ ፻፹፱
አምላኽ ብመንፈስክ ምርሓዮም ፻፻፳፭
አምላኽ ንዓለም ዚፈርዶ ፻፻፵፻
አምላኽ ንፈተውቱ ዝሰርሓ ፻፻፵፭
አምላኽ አሎኒ ባህጊ ፻፻፶፩
አምላኽ አብ ሰማይ ቤት ፻፻፵፫
አምላኽ እምንቶኻ ይኹን ፶፭





አምላኽ እዩ መራሕየይ ፻፱
አምላኽ እዩ መጸግሚና ፻፲፭
አምላኽ የልበን ከማኻ ፻፱
አምላኽና ብሩኽ ንጉስ እዩ ፩
አምላኽና ይባርኸና ፻፴፩
አምላኻዊ ጸዳል ፻፻፹
አቕርበኒ አቕርበኒ ፻፻፵፱
አበይ ሰራሕካ ቤት ፻፫፻
አባኻ እውከል ም ጐይታይ ፻፹፩
አብ ሃገር ጓና ኽም ጋሻ ፻፻፵
አብ ሃገር ጸልማት ለይቲ ፻፻፶፫
አብ ሰማያት አብ ሰማያት ፻፻፶፭
አብ ዝኸድካ የሱሰይ ፻፻፵፯
አብ ፈቃር ሕቑፊ የሱስ ፻፲፯
አብ ገንሸል አምላኽ ጠምት ፫
አብቲ ብሩኽ ሃገር ናይ ብጹአን ፻፻፵፯
አብቲ ጉንድኹም ጸኒዕኩም ፻፻፲፫
አቱም ህዝቢ ናብ ቤት ጐይታ ፻፹፰
አቱም እሙናት ተንስኡ ፻፻፫
አቲ ምስግንቲ ፹፯





አነ ንመዓልትኻ ጸብጸብ ፻፲፬
አንጊሃ ም መድሕነይ ፻፻፹፰
አሚንተይ ናብ አኽራን ኤልዕል ፻፵፯
አዘንትዉ ናይ የሱስ ፻፲
አየ ብጹእ ቤት አብ ሰማይ ፻፻፵፰
አይህበካን ቄጽሊ በናኒ ፻፻፯
አይርስዖን እቲ ግዜ ፴፯
አድህበ የሱስ ጸሎተይ ፻፴
አገልጋሊ ናይ የሱስ ክትከውን ፻፻፭
ኤልዕል አብ አኽራን ዓይነይ ፲
ኤልዕል አሚንተይ ናብ አምላኽ ፻፱
እሙን ቃል እዩ ዚግበእ ድማ ፫፭
እቲ ሓዊ እንተ ዚነድድ ፻፭
እቲ መድሓኒ መጸኡ ፻፬
እቲ ደገ ተኽፈቱ ፻፲፫
እቲ ዝተርከሰ ዓይነይ ፻፻፵፻
እንታይ እዩ ተስፋ ምድሓን ፻፫
እንታይ ይህብ ሎም አምላኽይ ፻፻፵፱
እዋን ሓላፊ 'ዩ ፻፲፻
እዋን ንእስነትካ ንየሱስ ፻፻፯




ከ


ከመይ ከምዚ ይቕልጥፉ ፻፫
ከመይ ዘይትትንስእ ም ሓወይ ፻፯
ከም ዜንጸባርቕ አውሊ ፻፻፲፬
ከም የሱስ የልበን ዚጓሰ ፻፲፭
ከም የሱስ ዘለ ላዕላይ ፈታዊ ፻፯
ከም ግዱዕ መጓሰ አምላኽ ፻፲
ከም ጓና እየ አብዚ ምድሪ ፻፵
ኪድ ናብ አምላኽ ናብቲ ግራቱ ፻፻፯
ከበይ እያ እታ ብርሀቲ ኰኵብ ፴፫
ካብ ሰማይ መን ወረደ ፻፻፫፯
ካብ ሽጋር ዓለም ክብ ዘለ ፻፻፴፱
ካብ አምላኽኒ ሕጉን ፻፻፹
ካብ ዓበይቲ ሓደ ናብ የሱስ መጸ ፻፹፱
ካብታ ድንግል ወዲ ተወሊዱ ፴፱
ካብዛ ምድሪ ናብ ሃገር ሰማይ ፻፻፴፯
ክርስቶስ ተንሲኡ ሓንስ ኰይኑ ፵፯
ክቡር መድሓኒና ፹
ክብረት ንኣኻ ፻፯
ክብሪ ይኹን ንልዑል አምላኽ ፹፭
ክብሪ ይኹን ንአቦና ፮

፲፫

ክትንስእ እየ ናብ አቦይውን ፪፻፭
ክንደይ ስቓይኒ ቕስልን ፵፩
ክንደይ ዜሐጕስ እዩ ፪፻፷
ክንደይ ብጽኣቲ መጓሰ ፪፻፱
ክንደይ ግሩም 'ዩ ሰላምካ ፪፻፺፪
ክዝምር ዜገርም ዛንታ ፫፻፻
ክዳን መርዓ ተኸዲኖም ፪፻፺፱

ኰ

ኰኸብ ጽባሕ ሕጂ ወጸ ፪፻፷፭
ኰኸብ ጽባሕ የበስር ፪፻፫
ኳሕ ኳሕ ዜብል ዘሎ ፪፻፸፯
ኵሉ ጸርካ ሀብ ንየሱስ ፷፯
ኵልና ዶ ኸን ንራኸብ ፪፻፺

ወ

ወሓዚ ጸጋ ኸወርድ ፪፻፪
ወርቂ ወይ ብሩር ፪፻፺፯
ወትሃደር ክርስቶስ ፫፻፭
ዎ ለዋሀ መድሓንየይ ፻፺፯
ዎ መንእሰይ ሕለየሉ ፪፻፷
ዎ መንእሰይ ናብ ዋፍአትኩም ፪፻፲፪
ዎ መንፈስ ቅዱስ ሎም ምጻእ ፪፻፴፩



፲፬

ዎ መንፈስ ጸጋ ንዓ ናብዚ ፺፯
ዎ መንፈስ ቅዱስ ንዓ ውረድ ፺፭
ዎ ምስጉን መድሓንየይ ፵
ዎ ሰማያዊ ኣምላኸና ፲፫
ዎ ሰማያዊ አቦና ፻፲፯
ዎ ሰማያዊ ብሩኽ አቦይ ፪፻፫፷፮
ዎ ስሉስ ኣምላኸና ፪፻፭
ዎ ቅዱስ መንፈስ ፺፬
ዎ ቅዱስ አቦ ፻፵፪
ዎ በጊዕ ኣምላኽ ቅዱስ ፴፯
ዎ ብሩኽ መድሓንየይ ፻፴፬
ዎ ነፍሰይ ኣቕርቢ ስብሓት ፻፫
ዎ ኣምላኽ መዝገብ ሓቂ ፻፵፯
ዎ ኣምላኽ ምስ ዝሐስብ ፯፫
ዎ ኣምላኽ አብ ብሩኽ ፻፯፱
ዎ ኣምላኽይ ክሐስብ ፪፻፺
ዎ የሱስ ሀይወተይ ኢኻ ፪፻፲፱
ዎ የሱስ ምሳይ ተጋወር ፻፺፪
ዎ የሱሰይ ብሩኽ መድሕነይ ፪፻፫፭
ዎ የሱስ ጸሎተይ ስማዕ ፯፪
ዎ የሱስ ተአኪብና ፻፯፱



፲፭

ዎ የሱስ ነመስግነካ ፪፻፺፭
ዎ የሱስ ናባኻ ፯፱
ዎ የሱስ አብ ሰናይ ምርሓኒ ፻፺፱
ዎ የሱስ አይትጕሰየኒ ፪፻፴፭
ዎ የሱስ ክርስቶስ መድሕነይ ፻፺፯
ዎ የሱስ ፈቃር መድሓኒ ፫፻፱
ዎ ኾንሆይ ንህብ ስብሓት ፯
ዎ ፈታው የሱስ ፪፻፫
ዎ ጽዮን ይመጽእ መሲሀኪ ፭፱
ዐ
ዐፊጉ ኸሎሲ የሱስ ናብ ላዕሊ ፵፱
ዐዲሙኒ እዩ አምላኽ አብ መርዓ ፪፻፭፱
ዓለም ኪፈርድ አይመጸን ፪፻፱፯
ዓይነይ ካብዚ ናብቲ ላዕሊ ፪፻፵፱
ዓይነይ ቁላሕ 'ተበልኩ ፲፯
ዓጻዶ አበይ ኸን ይርከቡ ፻፺፯
ዕዱጋት ኢና ሓራ ወጺእና ፪፻፲፯
ዕዳ ተኸፍለ ስዕረት ተረኽበ ፹፩
ዘ
ዘርግሕ ገፈሕ ኣኽናፍካ ፪፻፴፪
ዘክሮ ንዳንኤል ፪፻፭
ዘይምለስ ዕለት ሐሊፉ ፪፻፴፭
ዝፈጠርካና አምላኽና ፪፻፵፯



፲፯

የ

የሩሳሌም እልል በሊ ፹፪
የሱስ ሀያው ኰይኑ ፵፭
የሱስ ሕጻናት ይፈቱ ፪፻፵፯
የሱስ መድሓንየይ ፻፵
የሱስ ብሩኽ ፈልፋሊ ፫፻፵
የሱስ ንዓለም ኰነ በኻ ፻፱
የሱስ ካብ ሰማይ መጸ ፪፻፫፫
የሱስ ክርስቶስ ኣርሓቐ ፹
የሱስ ክርስቶስ ኰይኑ ዓርክይ ፫፻፱
የሱሱስ ክርስቶስ ኵሉ ጽድቀይ ፻፵፫
የሱስ 'ዩ ብሉጽ ግደ ፷፯
የሱሰይ እኽተለካ ፻፻፱
የሱሰይ ፈቃር ካብ ኵሉ ፻፻፭
የሱስ ፈቃር 'ዩ ካብ ኵሉ ፷፯
የሱስ ጐይታና ምስ መጸ ፪፻፺፫
ይተሓጕሱ ብጐይታ ፲፭

ደ

ደሃይ ፍቕርኻ ሰሚዔ ፫፻፭
ደስ ኢሉኒ ፪፻፺፪
ደገ ልብኻ ይሀርሞ ፻፻፯

ደ፞ሺመ ፞ክግምሰስ ፡የ ፪፻፹፪
ድ፞ኹም ዘ፞ክታም ቄልዓ ፪፻፹፯

ገ

ገስጊሱ ይሐልፍ ዕድመይ ፪፻፹፬
ጋሻን ጓናን ኣብዚ ኪንና ፪፻፴፯
ግዜ ምድሓንካ ገና ፞ክሎ ፪፻፹፰
ግዜ ስንብታና በጺሑ ፪፻፹፫
ግዝኣትካ የሱስ ጠቕሊሉ ፹፰

ጐ

ጐይታ ሕጂ እክበና ፪፻፹፭
ጐይታ ረዳእየይ እዩ ፪፻፹
ጐይታ ትሕቲ መስቀልካ ፪፻፱
ጐይታ ፞ክብ ላዕሊ ፹፰
ጓሳ ሚእቲ ኣባጊዕ ነበረ ፯፹
ጓሳና ኣብ ለምለም ሸ፞ኻ ፪፹
ጓሶት ትሕቲ ስሉም ሰማይ ፪፻፹፬

ጠ

ጥበብ ኣምላ፞ኽ ፪፻፲፭
ጥውም ደሃይካ ዎ የሱስ ፯
ጥውም ድምጺ ሰሚዕካዮ ፪፻፹፰





ፘ

ፍጡራ ጸልማት ይጻናተዉ ፪፻፲፯

ፈ

ፈቃር ኣምላ፞ኽ ንምድሓነይ ፪፻፱
ፋስጋ ፞ኹይኑ ዎ ሓወይ ፵፯
ፍቕሪ ፞ክብ ላዕሊ ፪፻፴፰

ጸ

ጸልማት ከይ፞ኸበኒ ፪፻፳፭
ጸሓይ ብሓድ፞ሽ በረቐ ፪፻፹፯
ጸጋ ጐይታና የሱስ ፪፻፴፫
ጽምኣት ነፍሰይ ዜገሕል ፫፻፯
ጽረግ መገዲ ኣምላ፞ኽ ፹፩
ጽሩይ ዔላ እንሆ ፫፻፱
ጽሩይ ደምካ ፞ክብቲ መስቀል ፫፻፯
ጽቡቕ እዩ ንምርኣይ ፪፻፹
ጽኑዕ እምባ ኣምላ፞ኽና ፡ዩ ፫
ጽውዓ፞ኻ ሰሚዔ ፪፻፴፱